

# ክቡር ብላታ ተስፋጽዮን ኪዳኑ ዛውል

ሓደ ካብቶም

ሓገግቲ ሕጊ ሎጎጭዋ

ዋዕላ ማይ ላሓም

# ሕግ ፡ ናይ ፡ ለጎን ፡ ጭዋን ።

ጥንቲ ፡ ዝነበረ ፡

እተሐደሰ ፡ አብ ፡ ዋዕላ ፡ ማይላሐም ፡

ብግቡእ ፡ ስምምዕ ፡ እተጻሕፈ ፡ እዚ ፡ እዩ ።

ካብቲ ፡ ጥንታዊ ፡ ዘሎ ፡ ቃል ፡ ንቃል ፡

ብትግሃቶም ፡ ዝገልበጥዎ ፡

ካቫሌረ ፡ ኤ ፡ ማኪያ ፡ ናይ ፡ ግዝእት ፡ ሐማሴን ፡ ኮሚሳርዮ ።

እሥመራ ፡

ብማኅተም ፡ ካቶሊካውያን ፡

፲፱፻፲ ።

# ሕግ ፡ ናይ ፡ ለጎን ፡ ሒዮዋን ።

ጥንቲ ፡ ዝነበረ ፡ እተሐደሰ ፡ አብ ፡ ዋዕላ ፡ ማይላሐም ፡ ብግቡእ ፡ ስምምዕ ፡ እተጻሕፈ ፡ እዚ ፡ እዩ ።

## ብዛዕባ ፡ ጋር ፡ ነብሲ ።

ጋር ፡ ነብሲ ፡ ምእትን ፡ ዕስራን ፡ ፈርጊ ። ያሒት ፡ ስርናይ ፡ ገበታ ፡ ዕጣን ፡ ካዕበ ፡ ወይኒ ፡ ፲ ፈርጊ ፡ ዓለባ ፡ መግነዝ ፡ ላም ፡ ምንጻፍ ። አበላልዑ ፡ ግን ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ንወለደኛ ፡ ካልእ፡ ንዋናታት ፡ ዝሞተ ። ቀቲልካኒ ፡ መሐለለይ ፡ ዝበለ ፡ እቲ ፡ ዘምሐለ ፡ ፲ ፈርጊ ፡ ይከፈል ። መምሐሊ ፡ ዕርቂ ፡ ይትከል ። ብሐጺን ፡ ዝሀረመ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ደም ፡ ጸረር ፡ ዘበለ ፡ ፲ ፈርጊ ። ዘርዩ ፡ ዝሀረመ ፡ ፴ ፈርጊ ። ሀሰዩ ፡ ዝሀረመ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ብኸሳድ ፡ ንታሕቲ ፡ ዝሀረመ ፡ ከም ፡ ስምብራቱ ፡ ብስኑ ፡ ዝነኸሰ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ሰበይቲ ፡ ሰብአይ ፡ ዝሀረመ ፡ አብ ፡ ገዛእ ፡ ፵ ፈርጊ ። እን አለማይ ፡ ማይ ፡ ከተምጽእ ፡ ከላ ፡ ዕጸይቲ ፡ ከተምጽእ ፡ መጥሐን ፡ ክትልምን ፡ እንተ ፡ ተሀርመት ፡ ፵ ፈርጊ ፡ አብ ፡ ካልእ ፡ ስራሕ ፡ እንተ ፡ ተሀርመት ፡ ከም ፡ ስምብራታ ፡ ትካሐስ ። አበረኻ ፡ ሰበይቱ ፡ እንተ ፡ ሀረመ ፡ ፷ ፈርጊ ፡ እንተ ፡ ፈግአ ፡ ግን ፡ ፷ ፈርግን ፡ በጊዕን ፡ ይከፈል ፡ ምስ ፡ ሐዊት ፡ ዳሕራይ ፡ መዓልቲ፡ ዕዳ ፡ ዚ ብሉ ። ስምብራት ፡ ዜብሉ ፡ ማሀረምቲ ፡ ብሽግግሌታት፡ ይኪ.ክዕ ፡ ተሀሪሙ ፡ ከይተርኣ ፡ ማለት ፡ እዩ ። ርእሲ ፡ ዝነጸ ፡ ጭሕሚ ፡ ዝነጸ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ አብ ፡ ርእሲ ፡ ፈጊኡ ፡ ደም ፡ ዝገበረ ፡ ፲ ፈርጊ ፡ ካብ ፡ ክሳድ ፡ ንታሕቲ ፡ ሀሪሙ ፡ ደም ፡ ዝገበረ ፡ ፳

ፈርጊ ። ፱ቶ ፣ ሰብ ፣ ነገር ፣ አብ ፣ ቅድሚ ፣ ዳኛ ፣ ቆይሞም ፣ ክለው ፣ ንመናግርቱ ፣ ዝሃረመ ፣ ፳ ፈርጊ ፣ ዳኛ ፣ ሰበር ፣ ፳ ፈርጊ ። ዳኛ ፣ ተዳነ ፣ እልዎ ፣ እይዳነን ፣ ኢሉ ፡ ዝእበሞ ፡ ንዳኛ ፡ ዝሀረመ ፣ ፴ ፈርጊ ። ክልተ ፣ ሰብ ፣ ነገር ፡ ቆይሞም ፣ ክለዉ ፣ ዳኛ ፣ እንተ ፣ ሀረመ ፣ ፳ ፈርጊ ። እካል ፡ ዘጕደለ ፣ ፳ ፈርጊ ፡ እካላቱ ፣ ተሰቢሩ ፣ ዝሐዊ ፣ እንተከነ ፡ ጸገናኡ ፡ ፴ ፈርጊ ፡ ጥንስቲ ፡ ጋና ፡ እንተ ፣ ሀረማ ፡ ፴ ፈርጊ ፡ ጥንስቲ ፣ ድማ ፣ ነቲ ፣ ዝጠነሰቶ ፣ ፈውሲ ፣ ጊራ ፣ እንተ ፣ ሰደደቶ ፣ ንዋናኡ ፣ ፲፰ ፈርጊ ። እቡኡ ፣ ዘይፍለጥ ፣ እንተከነ ፧ ሹም ፣ ዓዱ ፣ ከሲሉ ፡ ንንጉስ ፣ ይሀበ ። ለይቲ ፣ ሐዊ ፣ ምስ ፣ ተደጕሎ ፣ ንሰበይቱ ፣ ዝሀረመ ፣ ፫ ፈርጊ ፣ ሸልግ ፣ ቅርሺ ፣ ስኢነ ፣ ፈርጊ ፣ ስኢኑ ፣ ዘለ ፣ ገንዘብ ፣ ፫ቶ ፣ ሸማግሌ ፣ ይስነን ፡ ሽም ፣ ሸለግ ፣ የልቦን ።

## ብዛዕባ ፡ ጸርፊ ።

ባርያ ፣ ዘለ ፡ ዝዓመጸ ፣ ፳ ፈርጊ ፡ ክሕሹ ፡ እብ ፡ ቅድሚ ፣ ዳኛ ፣ ሐዚሉ ፡ ስዩም ፣ ይበሎ ፣ መርትዖ ፡ እንተ ፣ እለዎ ፣ ግን ፣ ይርታዕ ። አድጊ ፣ ዘለ ፣ ሳሕሳሕ ፣ ዘለ ፣ ሐርናፍ ፣ ሐርፋፍ ፣ ፍንፉን ፡ ዋይዚ ፣ ሻንቅላ ፣ ውላጅ ፣ እውጥሐከ ፡ እየ ፣ ተሽተሽ ፣ ሐሰር ፣ ናፉይ ፣ ቁርጫጭ ፡ ሁርንጫ ፣ ትሽየጥ ፡ ኢከ ፣ ዘለ ፡ እዚ ፡ ኩሉ ፣ ከም ፣ ባርያ ፣ ዘለ ፣ እዩ ፣ ክሕስኡ ። እስላማይ ፡ ኢሉ ፣ ዝጸረፈ ፣ ፳ ፈርጊ ፣ ንክርስቲያን ፡ ሰበአይ ፣ እስላማይቲ ፡ ዘለ ፡ ሰበይቲ ፣ እስላማይ ፣ ኢሉ ፣ ዝዓመጸ ፣ ፳ ፈርጊ ፡ ገበታ ፣ ስርናይ ፣ ምዕሮ ፣ ሠይኒ ፣ ክዕበ ፣ ዕጣን ፣ ማኅተብ ፣ ይኽሐስ ። አረሚ ፣ ዘሌ ፧ እይሁድ ፡ ክሕስኡ ፣ ከም ፣ እስላማይ ፡ ይከሐስ ። ዘበን ፣ ክፉእ ፣ ከይኑ ፣ ስጋ ፣ እስላም ፣ እንተ ፣ በልዔ ፣ እም ፡ እንተ ፣ ተነስሔ ፣ ብኡ ፣ እንተ ፣ ጸረፉዎ ፣ ከም ፣ እስላማይ ፡ ይከሐስ ። በላዕ ፡ ክልተ ፣ ስጋ ፡ ኢሉ ፡ ዝጸረፈ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ሀረማ ፡ በላዕ ፣ ሰብ ፡ ኢሉ ፡ ዝጸረፈ ፡ ብሰለስተ ፡ ሸማግሌ ፡ ይከሐስ ። ተጐራቢ ፡ ዘለ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ብዘይ ፡ መ፡ትዖ ፡ ግን ፡ እተጸርፈ ፡ ይምሐል ። ንሰበአይ ፡ እቲ ፡ ሰበይቲ ፧

በዶሁ፡ዘለ፡፳ፈርጊ። ጠቢብ፡ቡዳ፡ነሀባይ፡በዛይ፡ሀሌ፡፳ፈርጊ፡ርኹስ፡ዘለ፡፻ፈርጊ፡ብወለዶ፡እበልጸካ፡ዘሌ፡ይርታዕ፡መርትዖ፡ገሰአኡ፡፳ፈርጊ። ሙያኡ፡ከይነገረ፡ብድፍን፡እኔ፡እበልጸካ፡ዘሌ፡ግን፡፳ፈርጊ። አሽሙር፡ዝጸረፈ፡ዳኛ፡መርሚሩ፡አብ፡ወገኑ፡የኽሕሶ። ካልእ፡ጸርፊ፡ግን፡ብሽማግሌ፡ይከሐስ። ሽማግሌታት፡ምግዛፉን፡ምንእሱን፡ይርእዮ። ካብኡ፡ኪውለድ፡ከሎ፡ካባይ፡ወለዶ፡የብልካን፡ዘሎ፡ግን፡እቲ፡ወለዶ፡የብልካን፡እቶባህለ፡ረቲው፡እንታ፡አቶዌ፡ካብቲ፡ጸራፊኡ፡፳ፈርጊ፡ምሳይ፡ወለዶ፡አሎካ፡ኢሉ፡ኽሰ፡ስዩም፡ይበሎ።

## ብዛዕባ፡መውስበ።

እብ፡ወድን፡እብ፡ጓልን፡ክልቲኦም፡እሕሙ። እብ፡ወዲ፡ብላዕ፡እንተ፡ኸልኤ፡ኖይ፡ብልዖም፡ብጺሒዩ፡የቐሙም። እብ፡ዳስ፡ግን፡እብ፡ጓል፡ዘሎ፡ይግበር። ዘይስርዓት፡ለጎፉዎ፡እንተሎ፡ብላዕውን፡እንተ፡እዘዘ፡ፈጽሚ፡አይኹኖ። ፍርቂ፡ገገዛሚ፡እብ፡ወዲ፡ይሰድ። ፍርቂ፡ድማ፡ንመርዓውን፡ንመርዓትን። መርዓ፡መዓልቲ፡ንመርዓዊ፡ዕጥቃት፡ገዛብዎ፡ሐሙኡን፡ሐማቱን፡ፍርቂ፡ነበ። ፍርቂ፡ንመርዓውን፡ንመርዓትን፡ድማ፡ብጽምዋ፡ብካልእ፡መዓልቲ፡መቃልዒ፡መግዓሲ፡ገዛብዎ፡ንመርዓትን፡ንመርዓውን፡ይኹን። እብ፡መርዓ፡ክዳን፡ወለደኛ፡ክዳን፡ሐሙ፡ክዳን፡ሐማት። ክዳን፡ሰብ፡ቀሚስ፡ክዳን፡እበሐጎ፡ክዳን፡ዐባይ፡እዚ፡ኩሉ፡ነበ፡ወዲ፡ንዘምሰላ፡ይኩን። መርዓት፡ክልተ፡ሳዕ፡እንዳበእ፡ምሰ፡ተመልሰት፡ይእኽላ፡ምስ፡ሰብኣያ፡ትኹን። ነገር፡ግን፡ብርካ፡ዘይወጸት፡መርዓት፡እንተ፡ተፈትሐት፡ሰብኣያ፡እንተ፡ኖተ፡ነሰ፡እንተ፡ሞተት፡ፍርቂ፡ገገዛማ፡ትሰድ፡፰ንመት፡ምስ፡ገበረት፡ግን፡ብርካ፡ከምገወጸት። መደበሊ፡ቅርሺ፡ኔንቶኔ፡ላም፡እንቶክነት፡ፍርቂ፡ንእሰ፡ፍርቂ፡ን

ሕሙ ፥ ግን ፡ ብከልአ ፡ መዓልቲ ፡ ዝሃብዎ ፡ ነቲ ፡ መርዓዊ ፡ ከብቲ ፡ ከነ ፡ ቅርሺ ፡ ከነ ፡ መቃልዒ ፡ ከነ ፡ ነቃ ፡ ብርካ ፡ ዘይወጸት ፡ መርዓት ፡ ትሰዶ ። ነሳ ፡ ከአ ፡ ካብ ፡ ሐሙአ ፡ እኽሊ ፡ ጉኖ፡ አይትሰድ ፤ እታ ፡ ብርካ፡ዘይወጸት ፡ መርዓዊ ፡ ከአ ፡ ካብ ፡ ሐሙኡ ፡ ሐማቱ ፡ ዝረኸበ ፡ መሳረርያ ፡ በቅሊ ፡ ፈረስ ፡ ከዳን ፡ ንበይኑ ፡ ይሰዶ ። መሰል ፡ ዝበልዔ ፡ መሰል ፡ ይኸፈል ፤ ስልማት ፡ መርዓት ፡ ዕሽር ፡ ገዝማ ፡ ይሀባ ፡ ከይተመልሰት ፡ ብቅርሺ ፡ ይሀባ፥ እስልም ፡ እንተለ ፡ አቅራሽ ፡ እፍሲሹ ፡ ይስልማ ። እንድሕሪ ፡ ተመሊሻ ፡ ግን ፡ መስርሐኡ ፡ ገይሩ ፡ ይሀባ ። አቦ ፡ ወዲ ፡ ግን፡ እንድሕሪ ፡ ሰሊሙ ፡ መርአዩ ፡ ገጽ ፡ እዩ ፡ አይበሎ ፤ ገዲሉኒ ፡ እንተለ ፡ ሚዛኑ ፡ ይምለስ ። ሰብአይኒ ፡ ሰበይትን ፡ እንተ ፡ ተፋትሑ ፡ ሰስልማቶም ፡ ይሰዱ ።

## ሕጊ ።

ብሕጹያቶም ፡ እንተ ፡ ተፋትሖ ፡ ንል ፡ እተሰለመቶ ፡ አብ ፡ ነብሳ ፡ ይዕረፍ ፡ ከሎ ፡ ሕጹዩ ። አቦ ፡ ንል ፡ ነቦወዲ ፡ ምስ ፡ መስርሐኡ ፡ ገይሩ ፡ ገንዘብ ፡ ይሀቦ ፥ ናይ ፡ ሕጹይ ፡ ገንዘብ ፡ ከአ ፡ ይምለሰሉ ። አቦ ፡ ንል ፡ ብሕጺኣም ፡ እንተ ፡ ተፋትሖ ፡ እቲ ፡ መንጐኛአም ፡ ዋሕስ ፡ ከይኑ ፡ ይተዓገት ፡ ድማ ፡ ከሳዕ ፡ መርዓ ፡ ዋሕስ ፡ ይኹን ። ብላዕሊ ፡ ገዝምን ፡ ገንዘቦም ፡ ይማለሱ ። ብሕጸ ፡ ከለዉ ፡ ማል ፡ ንሐሙኡ ፡ ተወከሾ ፡ ዝሸጠ ፡ ፈርግን ፡ ግርባብኒ ፡ ንተባዕታይ ፤ ፈርግን ፡ ቅራናን ፡ ነንስተይቲ ። ገንዘበይ ፡ ሀበኒ ፡ ምስ ፡ ዚብሎ ፡ መዓልቲ ፡ ነሱ ፡ ይኹን፡ ዋጋኡ ፤ ከይተወከሰ ፡ ዝሸጠ ፡ ሸያጡ ፡ ይምለስ ፤ ብሕጸ ፡ ከሎ ፡ ማል ፡ ንኽልኒ ፡ እንተሀበ ፡ ነሱ ፡ እንተሎ ፡ ባዕሉ ፡ ይከፈል ፥ ነሱ ፡ እንዘየሎ ፡ ሰበይቱ ። ጣዕዋ ፡ ገዝሚ ፡ እንተሞተ ፡ ዕማሱ ፡ ይሀበ ፡ናይ ፡ ቃርበቱን ፡ ስጋኡን ። ናይ ፡ በቅሊ ፡ ብላዕ ፡ እንተ ፡ ተፋትሑ ፥ እንተላ ፡ ብርእሳ ፥ እንተ ፡ ሞተት ፡ ዋግአ ፡ ይምለስ ። ብ

ሕጹያቶም ፤ ሐሙኡ ፡ ወሬራ ፡ እንተ ፡ አዘዘ ፡ እሞ ፡ እንተ ፡ ተፉትሑ ፡ ናይ ፡ አርባዕቱ ፡ ሰብአይ ፡ እንግድዓ ፡ ቅርሺ ፡ ይከፈል ፤ አብ ፡ ጽምዲ ፡ ብዕራይ ፡ ፈረቃ ፡ ቅርሺ ፡ አበ ፡ ንል ፡ ነበ ፡ ወዲ ፡ ይህበ ። አጻውር ፡ ቤት ፡ እንተኮነ ፡ ከአ ፡ ከይተተከሌ ፡ እንተኮነ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ይሰዶ ፡ ተተኪሉ ፡ እንተ ፡ ከኦ፡ግን ፡ ሰለስቱ ፡ ሽማግሌ ፡ ካብ ፡ ካልእ ፡ ዓዲ ፡ መጺኦም ፡ ነቲ ፡ አጻውር ፡ ገምጊሞም ፡ ነቲ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ዋግኡ ፡ ገንዘብ ፡ የውህብዎ ። ብሕጸ ፡ እንጊራ ፡ ማይ ፡ እተባልዕዎ ፡ ጥፉእ ፡ ይኩን ። ካልእ ፡ ግን ፡ ገገንዘበም ፡ ይማላለሱ ። ጣዕዋ ፡ ገዘሚ ፡ ንሰብ ፡ እንተ ፡ ዓደልዎ ፡ እንተ ፡ ሞቱ ፡ ይቱክእ ፤ አብ ፡ ኢዱ ፡ ገዝሞተ ፡ ግን ፡ ተኸሲ ፡ ዜብሉ ፡ እንተኾነ ፡ ዕማሱ ፡ ይምለስ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ዘይሐለቤ ፡ ዚይሐረሰ ፡ እንተኸነ ፡ ናይ ፡ ዓመት ፡ ግብሪ ፡ ንጉስ ፡ ናይ፡ ጋስቢ ፡ ናይ ፡ ዋጋ ፡ ሳዕሪ ፡ አበ ፡ ንል ፡ ይኸፈል ።

## መሰል ፡ ሐሙ ።

አብ ፡ መርዓ ፡ ጣዕዋ ፡ እህብ ፡ ዘለ ፡ ክሳብ ፡ ዓመት ፡ መንፈቅ ፡ ገዝረከበ ፡ ጣዕዋ ፡ ይህብ ፡ ክልቱ ፡ ዓመት ፡ እንተ ፡ ገበረ ፡ ግን ፡ ጣዕዋ ፡ ዓመት ፡ መንፈቕ ፡ ይሀብ ። መቡእ ፡ ጥሽ ፡ ተባዕታይ ፡ በጊዕ ፡ እንፍቅቷ ፡ እኽሊ፡ስገምኒ፡ብሱልኒ ። መኽረፊ ወንጮ ፡ ሐደ ፡ ማእሲ ፤ ሐደ ፡ ምስ ፡ ጠስሚ ፡ ይሀብ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ገዘደራን ፡ ፩ ፈርጊ ። ደፉን ፡ ግን ፡ ከዳና ፡ እንድሕሪ ፡ ተከዲና ፡ ደፋን ፡ ይኩን ።

## ሕርሰት ።

ሕርሰት ፡ ከአ ፡ ተባዕታይ ፡ በጊዕ ፡ ሐደ ፡ ምስ ፡ ጠስሚ ፡ ጃ ክልተ ፡ ገበታ ፡ እኽሊ ፡ ጥረን ፡ ብሱልኒ ፡ መስለስ ፡ ጥጥዎ ፡ ሐሪሳት ፡ ወንጮ ፡ ማሕዘል ፡ ብርካ ፡ ዘደወጺት ፡ እንተ ኮነት ፡ አበ፡ ወዲ ፡ ይኸፈሎ ። ብርካ ፡ ገዘወጺት ፡ ግን ፡ ካብ ፡ ሰብአያን ፡ ካብ

እን፡ካብ፡መንጉኦም፡ይኩን፡እንተ፡ደፈኑ፡፫ ፈርጊ። ብርኩ፡ዝወጸን፡ብርኩ፡ዘይወጸን፡፫ ፈርጊ። በኸር፡ሐያም፡ሕርሶት፡ከም፡ኩሉ፡ትቀበል፡እንተ፡ደፈኖ፡ሰብኣያ፡፫ ፈርጊ፡ ይከሐስ። ብጥንስታ፡እንተ፡ተፈትሔት፡ወንጮእን፡ማሕዘልኒ፡እመንጎኦም፡ማንታ፡እንተኸኑ፡ሐድሕዲኦም። ቀለብ፡ቋልዓ፡ናይ፡ሰብ፡ብርኪ፡ገበታን፡ንፍቅን፡ስገምኒ፡ ብሱልኒ፡አብ፡ክልቲኦም፡ክሳዕ፡ሰለስተ፡ዓመት፡ኩሉ፡ኩሉ፡ ሕርሶት፡ካብ፡መንጎኦም። ዝወለደት፡ሰበይቲ፡ግራታ፡ቤታ፡ መቂላ፡ትደቅስ፡እከይድ፡እንተለት፡ዜብላ፡ጽግን፡ንግፍን፡ትሕረስ፡ትሐርስ፡እንተኸነት፡ውሉዳ፡ትምቀል፡ እንተ፡ዘይሐረሰት፡ግን ፡ሰለስተ፡ዓመት፡ምስ፡ገበሩ፡ናበብኦም።

## እኖ፡ድቃላ።

እኖ፡ድቓላ፡መሰለስ፡ጥጥቆ፡ሐራሳት፡ ወንርጬ፡ ማእሲ፡ክዳን፡ሰለስተ፡ግርባብ፡ማግሕዘል፡ናይ፡ማንታ፡ ክልተ፡ማሕዘል፡ሰብአይ፡ካበይኑ፡ይህባ። ቀለብ፡ቋልዓ፡ግን፡ፈፈረቑኦም፡አበን፡አደን፡ገበታን፡ንፍቅን፡ስገምኒ፡ብሱልኒ።

## ሕድሮ፡መርዓት።

ናይ፡ሕድሮ፡ዝእዘዜ፡ጽብቕቲ፡ጤልኒ፡ወጠጦን፡ሕጁ፡ይእቶ፡ዝደፈነ፡፫ ፈርጊ፡ንመርዓት፡አብ፡ዓሱር፡አብ፡ ምልሰት፡ይሕረደላ፡ደፈነ ፡፫ ፈርጊ፡መርዓዊ ፡ሰበይቱ፡ህቡኒ፡ኢሉ፡እንተ፡ተቛጸረ፡እንተ፡ኸልእዎ፡፫ፈርጊ፡አቦ፡ንፊ፡ይኸፈል፡ድማ፡ሕብስቲ፡ምስ፡ገበረ፡አቦ፡ንል፡አቦ፡ወዲ፡ኢንተ፡ጠለሞ፡፫ ፈርጊ፡ብርኩም፡ክለዉ፡ብንሃሴ፡ንደሐር፡ኢንተኸነ፡መሰሎም፡ይቀበሉ፡ናይወዲ፡ፈርጊ፡ክዳኑ፡ እንተ፡ሰእነ፡እንተ፡ሰእኑ፡ዩተ፡ቅርሺ፡ናይ፡ንል፡ግና፡ሰለስተ፡ግርባብ፡ቐርሺን፡ ፈረቓን። ብርከይ፡ አውጽእኒ፡ ዘለወ

ዲ ፡ ንሐሙሱ ፡ ይወክስ ፡ ኣበ ፡ ዓንል ፡ ሕራይ ፡ እንተሎ ፡ ግን ፡ ኣ
በ ፡ ወዲ ፡ ምስክር ፡ ጌሩ ፡ ብርኩ ፡ የውጽእዮ ። ርባዕ ፡ እኽሊ ፡ ኣ
ቲ ፡ ገዝሞም ፡ ብርክም ፡ ኪወጹ ፡ ከለዉ ፡ ይህበም ፡ ንመርዓትኒ ፡
መርዓውን ፡ መናበሪ ፡ ኩሉ ፡ ሐጺን ፡ ከነ ፡ ጉኖ ፡ ከነ ፡ ሐንቲ ፡
ሐንቲ ፡ እንትኮነ ፡ ነበ ፡ ተረፍ ፡ እንተለዎ ፡ ግን ፡ ሐንቲ ፡ ሐን
ቲ ፡ ይህበ ፡ ካብ ፡ ኩሉ ፤ ብርኩ ፡ ኪወጽእ ፡ ከሎ ፡ ዝጸግእ ፡ ጽግ
ኢ ፡ ክሳዕ ፡ ፲ተ ፡ ፍሬ ፡ ይብላዕ ፡ ሐሰር ፡ ርባዕ ፡ ይሰድ ፡ ግብሪ ፡ ን
ጉስ ፡ ከም ፡ ብልዑ ፡ ይኸፈል ፤ ኣይሐርስኒ ፡ ኣይሐፍስኒ ፡ እን
ተለ ፡ ግን ፡ ርብዒ ፡ ጉኖ ፡ ኣይግብኣን ። ብርኩ ፡ ኪወጽእ ፡ ከሎ ፡
ገበታው ፡ ንፍቂ ፡ ዜገዝርኣ ፡ ስገም ፡ ግራት ፡ የልዕል ፡ ኣበ ፡ መስ
ተይ ፡ ሰንበቱ ፡ ድማ ፡ ኣበ ፡ እብ ፡ ካልእ ፡ ላም ፡ ሂቡ ፡ ቅርሺ ፡
ሂቡ ፡ ዘሕረሰ ፡ ንበይኑ ፡ ይሰዶ ፡ ብርኩ ፡ ኪወጽ ፡ ግብሪ ፡ ይመቀ
ል ፡ ይገብር ፡ ከኣ ።

## ናይ ፡ ፍትሕ ።

ፍትሕ ፡ ፪ተ ፡ ሰሙን ፡ ቈጸራ ፡ ይኩን ፡ ተቛጺሩ ፡ ከላ ፡ ን
ሰበይቱ ፡ ዝሀረመ ፡ ፰ ፈርጊ ። ኣብ ፡ ኢድ ፡ ሰብኣያ ፡ ትፈታሕ ፡
መጽንሕ ፡ ተባዕታይ ፡ በጊዕ ፡ ስዋን ፡ ጣይታን ፡ ይኹን ፤ እዚ ፡ ከ
ሊኡ ፡ ዝደፈነ ፡ ፰ ፈርጊ ። ኣበ ፡ ዓንል ፡ ፳ተ ፡ ርእሱ ፡ ይምጻእ ፡
ጽብጽብ ፡ እንተለዎም ፡ ኣብ ፡ ሰደኞኣም ፡ ፪ተ ፡ ሰብርኪ ፡ እን
ተ ፡ ተፋትሑ ፡ ዘሎ ፡ ይማቀሉ ፤ ዜልበ ፡ ይመሐሉ ። ቀለብ ፡ ቈ
ልዓ ፡ ግን ፡ ኣብ ፡ ዓዲ ፡ ይሰደላ ፣ ተፈቲሓ ፡ እንተ ፡ ነበረት ፡ ሰ
በይቲ ፡ ሰብኣያ ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ ቈልዑኡ ፡ ሕጃ ፡ ሰለስተ ፡ ዓመ
ት ፡ ውናን ፡ ቃድራን ፡ ትሐዝ ፡ ዋሕስ ፡ ኣይትዕገት ፣ እተፈትሐ
ት ፡ ሰበይቲ ፡ ጋማለኛ ፡ ገይሩ ፡ እንተመለሳ ፡ ኣብ ፡ ኢዳ ፡ ትቀ
በል ፡ ዳሕራይ ፡ መንልቲ ፡ ዜብላ ። ሰብኣይኒ ፡ ሰበይትን ፡ እንተ ፡
ተበኣሱ ፡ ፈሪሂ ፡ እንትኮደት ፡ እንዳ ፡ ሐሙእ ፡ እንዳ ፡ ኣባት ፡
ትብላ ፡ ኣብ ፡ ሐሙታ ፡ ትእቶ ፡ እንዳ ፡ ዓና ፡ ፈሪሃ ፡ እንተ ፡ ኣ

ቶት፡ ብእብእ፡ እንዳ፡ ሐማታ፡ ይሰዳ፡ እቲ፡ ሰብእያ፡ ግን፡ በዚእቶም፡ እይዳነን፡ እንተበሌ፡ እብ፡ ጭቓ፡ ትጥራዕ፣ ጭቃ፡ ድማ፡ ፍትሒ፡ ግጠም፡ ይበሎ፡ ነዚ፡ እንተ፡ አበዮ፡ አብ፡ እንዳ፡ ጭቃ፡ ምስ፡ ሰበይቱ፡ ትሕደር፡ ነዚእቶም፡ ገዲፉ፡ አብ፡ ካልእ፡ እንተ፡ ከደት፡ ትወረስ። ካልተ፡ ሰብ፡ ቃልኪዳን፡ እንተ፡ ተፋትሑ፡ አበ፡ ነብሲ፡ እንተ፡ ገዘተ፡ ቃል፡ ኪዳን፡ ይጽናዕ፡ ፈትዩ፡ ቃል፡ ኪዳን፡ ይእቶ፡ ነዚ፡ ግዘት'ዘ፡ አፍርሹ፡ ቃል፡ ኪዳን፡ እንተ፡ ተመርዓወ፡ ፯ ፈርጊ፡ ነቲ፡ ዘይተመርዖ፡ ነዚ፡ ዓድዩ፡ አባት፡ ነብሱ፡ ድማ፡ ይቅጽዓዮ። በዓልቲ፡ ደሞዝ፡ እንተ፡ ተፈትሐት ጉርዲ፡ ቴርጠም፡ ጽምዲ፡ ብዕራይ፡ ዘለዎ፡ ዓመት፡ ዝገበረት፡ መገጻ፡ እከሊ፡ ይሃባ፡ ቅራና፡ ክዳን፡ በዓል፡ ቃንጃ፡ ፫ ገበታ፡ እከሊ፡ ይሀባ፡ ቅራና፡ ክዳና፡ ይሀብ። ድሕሪ፡ ፉስጋ፡ ፍርቂ፡ ይኩን፡ እንተ፡ ተፈትሔት፡ ሰበይቲ፡ ዉሉድ፡ ዜብላ፡ ነግፍን፡ ጽግእን፡ ትሕረስ፡ ካልእ፡ ዜብላ።

## ብዛዕባ፡ ገዘሙት።

ሰበይቲ፡ ሰብእይ፡ ዘእቶ፡ ፯ ፈርጊ፡ ፈትያ፡ እንተከነት፡ እይ፡ ዘየለት፡ ንሰብእያ፡ አርብዓ፡ ፈርጊ፡ ትከፈል። ንሰበይቲ፡ ሰብእይ፡ እንተ፡ ብመዓልቲ፡ እንተ፡ ብለይቲ፡ ሰብእይ፡ መጺእዋ፡ እይ፡ እንተለት፡ እንተ፡ ሐዘቶ፡ ፯ ፈርጊ፡ ድማ፡ ሰብእይን፡ ሰበይትን፡ እንተ፡ ተበእሱ፡ ሰብእይ፡ ዜብላ፡ ሰበይቲ፡ አመንዝራ፡ ከእ፡ ዘይከነት፡ እሞ፡ ብደሐና፡ ዘላ፡ እንተ፡ ብለይቲ፡ እንተ፡ ብመዓልቲ፡ ሰብእይ፡ መጺእዋ፡ እይ፡ ኢላ፡ እንተ፡ ሐዘቶ፡ ፯ ፈርጊ፡ ሕጽይቲ፡ ጓል፡ ዘሕሰመ፡ ፯ ፈርጊ። ነበን፡ ነደን። ዜይተሐጼት፡ ጓል፡ ዘሕሰመ፡ ፯ ፈርጊ፡ ነበን፡ ነደን፡ ፈንጢጡ፡ ነሎ፡ ንጓል፡ ከነ፡ ንሐያም፡ ከነ፡ ከይነገራ፡ ነሰ፡ ከእ፡ ከዖእ፡ እንተ፡ አፈንጠጦ፡ እንተ፡ አፈንጠጣ፡ ፲፪ ፈርጊ። እተመርዖት፡ ጓል፡ እብ፡ ሳልሳይ፡ ለይቲ፡ ይእቶዋ፡ ሐሲማ፡ እንተላ፡

ግቡእት ፡ ምስክር ፡ ጊሩ ፡ ይኩለላ ፡ ሐቂ ፡ ምስ ፡ ክኑ ፡ ኪዲ ፡ እን ቶላ ፡ ምሉእ ፡ ገንዘባ ፡ ትሰዶ ፡ አቦ ፡ ድማ ፡ ይምለስ ፡ ሳልሳይ ፡ መዓልቲ ፡ አሕሊፉ ፡ ሐሲማ ፡ እንቶላ ፡ ባዕሉ ፡ ከምዝእቶዎ ፡ ይኩን ፡ ፲፱ ፈርጊ ፡ ትከሐስ ፡ አንጥርዎ ፡ ከይከይድ ፡ ብሐደና ፡ ከላ ፡ ኪዲ ፡ እንቶላ ፡ ገንዘባ ፡ ብምሉእ ፡ ትሰዶ ፤ ብሕጸ ፡ እተፉ ትሑ ፡ መፈንፈኒ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ብሕጻ ፡ እተፋትሑ ፡ አቦ ፡ ጓል ፡ ናይ ፡ ክታበት ፡ ይከፈል ።

## ቄጸራ ፡ መርዓ ።

አብ ፡ ሕጸ ፡ መርዓ ፡ ተቋጺሩ ፡ ዝጠለመ ፡ ተላዕጢጡ ፡ ተ አሊኩ ፡ እክለ ፡ ማይ ፡ ጠሬኡ ፡ እንተከነ ፡ ነቲ ፡ ዝጠፍኤ ፡ ብ ፫ቶ ፡ ሽማግሌ ፡ ሽኒኖም ፡ ነቲ ፡ ዝጠፍኤ ፡ የምልሰሉ ፡ ፴ ፈርጊ ፡ ድማ ፡ ይኸፈል ። እኽለ ፡ ማይ ፡ ከይጠፍኤ ፡ ቄጸራ ፡ ጥራይ ፡ እ ንተከነ ፡ እቲ ፡ ዝጠለመ ፡ ፴ ፈርጊ ። ሐያም ፡ ሕራይ ፡ ኢላ ፡ ም ስ ፡ ተላዕጠጤ ፡ ዝጠለመት ፡ ፲ ፈርጊ ፡ ሰብአይ ፡ ድማ ፡ ከአ ፡ እ ንተ ፡ ጠለመ ፡ ፲ ፈርጊ ፡ ይዕደ ፡ ንሰበይቲ ። አቦ ፡ ወድን ፡ አቦ ፡ ጓልን ፡ ንሳዳኛ ፡ ዋሕስ ፡ መለምበጢ ፡ ይትከሉሉ ፡ ፫ መርዓዊ ፡ አ ብ ፡ ዳስ ፡ ምስ ፡ አቦኡ ፡ ዋሕስ ፡ ይትክል ። እግታት ፡ ከከምገዝግ ብእም ፡ ዋሕስ ፡ ጓል ፡ ካብ ፡ አቦ ፡ ወዲ ፡ መማጽኢ ፡ ካብ ፡ አቦ ፡ ወዲ ፡ ቅራና ፡ ካብ ፡ አቦ ፡ ጓል ፡ ቅራና ፡ አብ ፡ ዳስ ፡ ይብላዕ ፡ ዳ ሕራይ ፡ መዓልቲ ፡ ዜብሉ ።

## ኖትሕ ።

ሰዋን ፡ ባይታን ፡ ጌራ ፡ እንተ ፡ አብተከት ፡ አጻውር ፡ ዘ ይቀተክለ ፡ እንተ ፡ ክነ ፡ ትመቀል ፡ እተፈትሐት ፡ ሰበይቲ ፡ ሰ ብአይ ፡ እንተ ፡ አእቶት ፡ ለቂሖ ፡ ትኪድ ፡ ቤት ። ነቲ ፡ መጎት ገንኢ ፡ መጥሐን ፡ ዓራት ፡ ልቡድ ፡ ቆሮ ፡ እተፈትሐት ፡ ሰበይ ቲ ፡ የጊላን ፡ ዋሕስ ፡ ግን ፡ ብ፫ቶ ፡ መዓልቲ ፡ ጨልኒ ፡ ገበታን ፡ ይጥበሽታ ፡ ያዘላስ ።

## ጥርሳ ፡ ተስካር ።

ክልተ ፡ ሰብ ፡ ቃል ፡ ኪዳን ፡ ብርከም ፡ ዝወጹ ፡ ሐዲኦም ፡
እንተ ፡ ሞተ ፡ ዝተረፈ ፡ የተስከር ፣ ተረፍ ፡ ተስካር ፡ ይከፈሉ ።
ዕበይቲ ፡ እንተ ፡ ሞተት ፡ ገንዘብ ፡ ሓዲኦም ፡ ንቄላው ፡ አበአ
ም ፡ ይሐዘሎም ፡ አበ ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ ድማ ፡ አደ ፡ ትሐዝሎም ፡
ክሳዕ ፡ ልቢ ፡ ዚገብሩ ፣ ገንዘብ ፡ ወላዲ ፡ ውላድ ፡ ይረስ ፣ ወዲ ፡
ከነ ፡ ጓል ፡ ከነ ።

ገንዘብ ፡ ውላድ ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ አደ ፡ እንተተረፈት ፡ አ
ደ ፡ ትረስ ፣ አበ ፡ እንተ ፡ ተረፈ ፡ ድማ ፡ አበ ፡ ይውረስ ፤ አደ ፡
ከላ ፡ ሐወበ ፡ አይውረስ ፡ ክልት ፡ ከበደ ፡ ዚውለዱ ፡ አይረሱ ፡
ካበበ ፡ ዚውለዱ ፡ ይረሱ ሰብአይኒ ፡ ፡ ሰበይትን ፡ እንተ ፡ ሞቱ ፡
ውሉድ ፡ ዜብሎም ፡ ዘመድ ፡ ክልቲኦምን ፡ ይረስዎም ፡ አተስኪሮም ፡
ተረፍ ፡ ግን ፡ ይረሱ ። እንዳ ፡ ጓልኒ ፡ እንዳ ፡ ወድን ፡ ጠፊአ ፡ እንተ ፡
ከኑ ፡ ሰብ ፡ ዜብሎም ፡ ንው ፡ ከነመርው ፡ ከንተስከር ፡ ይበልዎም ፡ ነዶ
ም ፡ ቀረብ ፣ እምበልና ፡ እንተ ፡ የልምዎ ፡ ዑናን ፡ ቃድራን ፡
ይሐዝ ፡ ድካ ፡ እንተከነ ፡ እቲ ፡ ቀረብ ፡ ግን ፡ እሬሜገይ ፡ መ
ጥሐን ፡ ይሐግዝ ፡ ምስ ፡ ረከበ ፡ ነቲ ፡ ዘተስከረ ፡ ገንዘብ ፡ መ
ሊሹ ፡ ይእቶ ፡ ርስቲ ፡ ምስአ ፡ ይጽናሕ ። ዘይሰምዒ ፡ ሓዉ ፡ እን
ተ ፡ መጸ ፡ ወርቂ ፡ መሊሹ ፡ ይእቶ ፡ ጓል ፡ አበአን ፡ አዲአን ፡
እንተ ፡ ሞቱ ፡ አሕዋታ ፡ ቅድም ፡ የምስልዋ ፡ ተረፍ ፡ ግን ፡
ነሕዋታ ፡ አሕዋት ፡ ዜብላ ፡ እንተከነት ፡ ከለርስቱ ፡ ጥራስ ፡ ጓ
ል ፡ ወዲ ፡ ጓል ፡ አይሽጡ ፡ አይለውጡ ፤ አብ ፡ ዓዲ ፡ እትዮ
ም ፡ ይገብሩ ። ተመርዕያ ፡ ዝነበረት ፡ ጓል ፡ ገንዘብ ፡ አበአን ፡
አዲአን ፡ አይትረስ ።

## ናይ ፡ መሬት ፡ ወርሲ ።

ምድሪ ፡ ለኅን ፡ ጪዋን ፡ ምድሪ ፡ በሐርነጋሲ ፡ እንተ ፡ ተ
ሸጠ ፡ ንጸለማ ፡ ከም ፡ ውዑሉ ፡ ይቁም ፡ ብዘበናት ፡ ዝሸጠ ፡ ብ

ሀበናት፡ ይምለስ፡ ናይመሬት፡ ግራት፡ ወርቂ፡ ምኽኑ፡ ይርታዕ፡ ሕሉ፡ እንተሎ፡ ግን፡ ተቀባል፡ ወርቂ፡ ምሒሉ፡ የእቱ፧ ቅድሚ፡ ደብተር፡ ዝነበረ፡ ናይ፡ መሬት፡ ወርቂ፡ ዝነበረ፡ በቲ፡ ናይ፡ ቀደሙ፡ ይቑም፡ ቅድሚ፡ ደብቶር፡ ግን፡ አብ፡ ርስተኛኡ፡ እዩ፡ ይምለስ፡ ዝነበረ።

## ናይ፡ ማሕረስ።

ናይ፡ ማሕረስ፡ ጽግኢ፡ ዝጸግኡ፡ ክሳዕ፡ ሰለስተ፡ ፍሬ፡ ይብላዕ፡ ቀሪም፡ ማሽላ፡ ቀሪም፡ ባልዶንን፡ ቀሪም፡ ዓይንዓተር፡ ቀሪም፡ እንጣጢዕ፡ ቀሪም፡ ንሂጉ፡ ዓተር፡ እንተ፡ ተዘርኤ፡ ንሐደ፡ ዓመት፡ ኢይልቀቅ፧ መሬት፡ ኪሐርስ፡ ዝነበሬ፡ ግንቦት፡ ምስ፡ አቶ፡ ልቀቅ፡ እንተሎ፡ ኢይልቀቐ። ሰብአይ፡ አብ፡ ዓዲ፡ ሰበይቱ፡ ዝደቀሰ፡ ክም፡ ስርዓት፡ አበፆት፡ ይኪድ። ሐረስታይ፡ ፍርቂ፡ ዝሐረሰ፡ ሐሰር፡ ንብዓል፡ ብዕራዩ፡ እንተ፡ አግደሮ፡ ይማቀሉ። ሐረስታይ፡ ፈረቓ፡ ድማ፡ ከኸይድኒ፡ ኪሐርስኒ፡ ይብላዕ፡ ሳዕሪ፡ ብኻል፡ መዓልቲ፡ ግን፡ ይከልከል።

## ዓመጺ፡ መሬት።

መሬት፡ ዝዓመጸ፡ ብሰለስተ፡ ሽማግሌ፡ እተረግጸ፡ ዶብ፡ ዘፍረሰ፡ ፴ ፈርጊ፡ ክሕሹ፡ ብናይ፡ ፫ተ፡ ሽማግሌ፡ ይቑም። በቶም፡ ዝረገጽዎ፡ ቀደም። መገህጫ፡ ዓዲ፡ ፫ተ፡ ሽማግሌታት፡ ዝቀመርዎ፡ ዘፍረሰ፡ ፴ ፈርጊ።

## መዓንቀሬ።

ጉድኳድ፡ አብ፡ ከባቢ፡ ዓዲ፡ ዝኮዒቱ፡ ከይደፈኖ፡ አብኡ ወዲ፡ ንብሲ፡ እንተ፡ ሞተ፡ ብንብሲ፡ ይተሐገዝ፡ ማል፡ እን ሞተ፡ ድማ፡ ቶንዲ፡ ማል፡ ይኸፈል፡ መገዲ፡ ስሩዕ፡ ዝሐረሰ፡ ፭ተ፡

ፈርጊ ፡ ክሕሹ ፡ ብ፫ተ ፡ ሽማግሌ ፡ ይቱም ፡ ምድሪ ፡ አርዑት ፡ ዝነበረ ፡ ክጸልም ፡ እንተሌ ፡ ፪፳ ፡ ቅርሺ ፡ ይዕደ ፡ ግን ፡ ንጉስ ፡ ሀቆሞ ፡ ይቱም ።

## ስርዓት ፡ እም ።

ጽላል ፡ ክትክነኒ ፡ ኢሉ ፡ አብ ፡ ደረት ፡ ግራቱን ፡ አብ ፡ ግራቱን ፡ ጸልጺሉ ፡ ዘዕበያ ፡ እም ፡ እንተ ፡ ተበትከት ፡ እቲ ፡ ዝበተካ ፡ ፩ ፈርግን ፡ አሙን ፡ ይህበ ። እኸሊ ፡ ዘለዎ ፡ ግራት ፡ ሐጸር ፡ ቀንጢጡ ፡ ዝወሰደ ፡ ቅሬና ፡ ይዕደ ፡ ድማ ፡ አብ ፡ ደረት ፡ ግራት ፡ ከምሓጹር ፡ ክይኑ ፡ ዝበቴለ ፡ እም ፡ ዝበተከ ፡ ቅሬና ፡ ይዕደ ። ሰራውሩ ፡ ዝበተከ ፡ እም ፡ ኩታም ፡ ይኹን ፤ ነዚ ፡ ርእዩ ፡ ዝበተኘ ፡ ፩ ፈርግን ፡ አሙን ፡ ይዕደ ። አርዑት ፤ ነዊት ፤ ድጉሪ ፤ እንተ ፡ ሰረቀ ፡ እንተ ፡ ዘይመሰለ ፡ ብዕራዩ ፡ ጸጋም ፡ ይዕደ ።

## ብዛዕባ ፡ ስርቂ ።

ንዋንኡ ፡ ክይነገረ ፡ ዘይብዕራዩ ፡ ዝሐረሰ ፡ ዘይበቅሉ ፡ ዝጸዓነ ፡ ዘይላሙ ፡ ዝሐለበ ፡ ፳ ፈርጊ ። ብዕራይ ፡ ልፍንቲ ፡ ዝቀተለ ፡ ቀንዲ ፡ ይከፈል ።

እመል ፡ ምጋእ ፡ ዘለዎ ፡ ከብቲ ፡ እቲ ፡ ዋንኡ ፡ ክይተጠንቀቐሉ ፡ ከብቲ ፡ ወጊኡ ፡ እንተ ፡ ቅተለ ፡ እቲ ፡ ዋንኡ ፡ ቀንድቲ ፡ ዝሞተ ፡ ይኸእል ። ጥፉእ ፡ ከብቲ ፡ ብጸልማት ፡ አብ ፡ ደምቤ ፡ እንተ ፡ አቶ ፡ በዓል ፡ ደምበ ፡ እንተ ፡ ሰጎጎ ፡ አራዊት ፡ እንተ ፡ ቀተሎ ፡ ርእሱ ፡ ማል ፡ ይኸፈል ። ሰራቝ ፡ ማዕጺድ ፡ ምራን ፡ ሉቱታ ፡ ሕጁ ፡ እቶረኸበ ፡ ብለይቲ ፡ እንተ ፡ ሰረቀ ፡ አክቢ ፡ ፯ ገበታ ፡ ናይ ፡ ለይቲ ፡ ናይ ፡ መዓልቲ ፡ ፫ ገበታ ። ከምኡ ፡ ከብቲ ፡ ዝሰረቀ ፡ ካዕበት ፡ ይዕደ ። ፈረስ ፡ በቅሊ ፡ አድጊ ፡ ካዕበት ፡ ይሀደ ፡ ገንዘብ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ዝሰረቀ ፡ ካዕበት ፡ ይዕደ ፡ ገንዘብ ፡ ወርቂ ፡ ዝሰረቀ ፡ ኩሉ ፡ ካዕበት ፡ ይዕደ ፡ ከብቲ ፡ ን

ሳአ ፡ ዝቀተላ ፡ ርእሱ ፡ ማል ፡ ይከፈል ፡ ከብቲ ፡ ሀስዩ ፡ ዝቀተ
ለ ፡ ካዕበት ፡ ይዕደ ። ኖይ ፡ ማል ፡ ተሰቢሩ ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ ማ
ሉ ፡ አኪቡ ፡ እቲ ፡ ዝሰበሮ ፡ ካዕበት ፡ ይዕደ ፡ ዚሐጢ ፡ እንተኮ
ነ ፡ ግን ፡ መጸገኒኡ ፡ ንዋንኡ ፡ ብ፲ተ ፡ ሸግግሌ ፡ ይከሐስ ። ከብ
ቲ ፡ ወጋኢ ፡ እንተኮነ ፡ ዋንኡ ፡ ይወግእ ፡ እዩ ፡ ኢሉ ፡ እንተ ፡
ዘይነገረሉ ፡ ሰብ ፡ እንተ ፡ ተወግኤ ፡ ነቲ ፡ እተወግኤ ፡ ፲ ፈር
ጊ ፡ ይኩን ፡ ክሕስኡ ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ ግን ፡ ዋንኡ ፡ ጋር ፡ ነብሲ ፡
ይዕደ ፡ እቲ ፡ ከብቲ ፡ ድማ ፡ ይሙት ። መጽዓኛ ፡ አመለኛ ፡ እያ ፡
እዩ ፡ ኢሉ ፡ እንተ ፡ ዘይነገረሉ ፡ እሞ ፡ እንተ ፡ ነድሔ ፡ ፲ ፈርጊ ፡
ነብሲ ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ ግን ፡ ጋር ፡ ነብሲ ፡ ይከፈል ፡ እቲ ፡ መጽ
ዓኛ ፡ ድማ ፡ ይሙት ። ሰራቂ ፡ ከልቢ ፡ ዋንኡ ፡ ይቅተሎ ፡ እንተ ፡
ዘይቀተሎ ፡ ዋንኡ ፡ ሰለስተ ፡ ፈርጊ ፡ ዓድዩ ፡ ይቅተሎ ፡ ነካሲ ፡
ከልቢ ፡ ዋንኡ ፡ ይቅተሎ ፡ እንተ ፡ ዘይቀተሎ ፡ ፲ ፈርጊ ፡ ይዕደ ፡ ድ
ማ ፡ ይቅተሎ ።

## ብዛዕባ ፡ ሐዊ ።

ቤት ፡ ዘንደደ ፡ ንጉስ ፡ ይመርምሮ ፡ ኩሙር ፡ እኽሊ ፡ ዘን
ደደ ፡ እቲ ፡ ዋግ ፡ እኽሊ ፡ ምስ ፡ መሐለ ፡ ካዕበት ፡ ይከፈል ፥ ዘይ
ተዓጽደ ፡ ዘንደደ ፡ ድማ ፡ ከምኡ ፡ እዩ ፡ ሐሰር ፡ ዝነደደ ፡ እቲ ፡
ዋንኡ ፡ ምስ ፡ መሐለ ፡ እተን ፡ ሐሰሩ ፡ ይምለሰሉ ። ሳዕሪ ፡ ሐዊ ፡
ዘንደደ ፡ እታ ፡ ዝነደደት ፡ መሬት ፡ ሰለስተ ፡ ሸማግለ ፡ ሰብ ፡ ከ
ልእ ፡ ዓዲ ፡ የክሕስዋ ።

## ኖይ ፡ ዘርዓ ።

ኖይ ፡ ዘርዓ ፡ እኽልን ፡ ሳዕርን ፥ እኽሉ ፡ ማል ፡ ዝበልዓሉ ፡
ብሰለስተ ፡ ሸማግሌ ፡ ይከሐስ ፥ ዘይወለደ ፡ እኽሊ ፡ እንተኾነ ፡
ብዘበደለ ፡ ዓዲ ፡ ይከሐስ ፡ እተን ፡ እኽሊ ፡ ኪበልዓ ፡ ዝጸንሐ ፡
ከብቲ ፡ ዋና ፡ እንተ ፡ ረከበ ፡ በለን ፡ ተሰታይኒ ፡ ላምኒ ፡ ዘሪው ፡ የ

እቱ ፣ ዋና ፡ ክለወን ፡ እንተ ፡ አእተወን ፡ ኾለን ፡ ግን ፡ ፳ ፈር
ጊ ፡ በይነን ፡ እንተ ፡ ጸንሐ ፡ ግና ፡ የእትወን ፡ እቲ ፡ ዋንኤን ፡
አየገበርዕኒ ፡ ኢሉ ፡ እንተ ፡ ክልኤ ፡ ድማ ፡ እቲ ፡ ከብቲ ፡ ክልተ ፡
ፈርጊ ። እቲ ፡ ዋና ፡ ከብቲ ፡ አዕቲበኒ ፡ ኪብሎ ፣ ክሎ ፡ ዕቁባ ፡
አብይዎ ፡ አብ ፡ እንድኡ ፡ እንተ ፡ አሕደረ ፡ ንሐደ ፡ ንለይቲ ፡
ክልተ ፡ ፈርጊ ፡ ንሐደ ፡ መዓልቲ ፡ ክልተ ፡ ፈርጊ ፡ ይዕደ ። ኩ
ሙር ፡ ሐሰር ፡ ዘብልዔን ፡ ዝወሰደን ፡ ፩ ፈርጊ ፡ ዕድዩ ፡ እንተን ፡
ዘብልዔንኒ ፡ ዝወሰደኒ ፡ ሐሰር ፡ ይምለስ ። ካብ ፡ ዓውዲ ፡ ዝበ
ልዔን ፡ ዝወሰደን ፡ ግን ፡ እተን ፡ ዝበልዔኒ ፡ ዝወስዲኒ ፡ ጥራ
ይ ፡ ይኸፈል ። ዘይተሳዕረ ፡ ሕዛእቲ ፡ ዘብልዔ ፡ ቀርኒ ፡ አስሐ
በ ፡ ይዕደ ። እተሳዕረ ፡ ሕዛእቲ ፡ ዘብልዔ ፡ ግን ፡ ርብዒ ፡ ቅር
ሺ ፡ ይዕደ ። ስለ ፡ ዘነባ ፡ ዝኸ ልኤን ፡ ዘነባ ፡ ዘሕደረን ፡ ዘእተወ
ን ፡ ግን ፡ አብቲ ፡ ናይ ፡ አከሊ ፡ ይርኤ ። ዘርዓይ ፡ እንተ ፡ ዘር
ዔ ፡ ማልካ ፡ ተዘኒበን ፡ ይበሎ ፡ በዓልማል ፡ አዕቁበኒ ፡ ክየሎ ፡
እንተ ፡ አሕደረ ፡ ፱ተ ፡ ፈርጊ ፡ ናይለይቲ ፡ ፱ተ ፡ ፈርጊ ፡ ናይ ፡
መዓልቲ ፡ ይኸፈል ፣ ብሐይሉ ፡ ዝወሰደ ፡ ግን ፡ ፮ ፈርጊ ፡ ግራ
ት ፡ ምስ ፡ ተዓጽደ ፡ ቅሚጠ ፡ ክለዎ ፡ ከብቲ ፡ ዘእተወሉ ፡ ቅራና
ይኸፈል ፡ ዋንኡ ፡ ዘእተወሉ ፡ ግን ፡ ስዑር ፡ እዩ ።

## አብቲ ፡ ናይ ፡ መውስቦ ፡ ዚስዕብ ፡ ነገር ።

ሰብአያ ፡ ዝሞታ ፡ ሰበይቲ ፡ ንሕሙትሙታ ፡ ፍትሑኒ ፡ ክ
የለት ፡ አብ ፡ ሰብአይ ፡ እንተ ፡ ተአቶት ፡ ፲፱ ፈርጊ ፡ ሰብአይ ፡
ድማ ፡ ሰበይቱ ፡ ዝሞተቶ ፡ ንሐሙኡ ፡ ክይነገሬ ፡ ሰበይቲ ፡ ዘአ
ቶ ፡ ፯ ፈርጊ ፡ ሰበይትን ፡ ሰብአይኒ ፡ በብርኪ ፡ ዝኮኑ ፡ ሰብአያ ፡
ዘምጽአ ፡ ሰበይቲ ፡ ዘምጽአቶ ፡ ዕዳ ፡ ሐቢሮም ፡ ይኸፈሉ ፡ ግን ፡
ፋሉጥ ፡ እንተኾነ ። አምባር ፡ ኣግሪ ፡ ዝአዘዘ ፡ ውዑል ፡ እንተ
ኢለዎ ፡ ክም ፡ ውዑሉ ። ሰበይቲ ፡ ክይአቶት ፡ ተዓድይዎ ፡ ዝነበ
ረ ፣ ብላዕ ፡ ኮሉ ፡ እተበልዔ ፡ ሰብአይ ፡ በይኑ ፡ ይኸፈሎ ። አ
ምባር ፡ ኣግሪ ፡ ፰ ቅርሺ ፡ እተሰርሔ ፡ ይኹን ።

## ብዛዕባ ፡ ዚዕደል ፡ ውላድ ።

ሰበይቲ ፡ ምስ ፡ ሰብኣያ ፡ ከላ ፡ ወደይ ፡ ኪብል ፡ ከሎ ፡ ወደይ ፡ ኢሉ ፡ ዝቐለበ ፡ ዝከደነ ፡ ሀዕቤ ፡ ሀሕጸ ፡ ሀመርዓወ ፡ ዳሕራይ ፡ መዓልቲ ፡ አይወድኻን ፡ ኢላ ፡ ንኽልእ ፡ ሰብኣይ ፡ እንተ ፡ ዓደለቶ ፡ ነቲ ፡ ውላድ ፡ ዝሀበቶ ፡ ሰብኣይ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ይሀቦ ፡ ነቲ ፡ ውላድ ፡ ዝኸዶ ፡ ነቲ ፡ ዘዕበ ፡ እታ ፡ ሰበይቲ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ትሀበ ፡ ነቲ ፡ ዘዕበ ፲ ምስ ፡ ሰብኣያ ፡ ኸላ ፡ ብሕጻኑ ፡ ከሎ ፡ እንተ፡ ዓደለቶ ፡ እቲ ፡ ውላድ ፡ እተቐበለ ፡ ነቲ ፡ ውላድ ፡ ዝከልኣቶ ፡ ፴ ፡ ፈርጊ ፡ ይሀብ ። ዚጠበ ፡ እንተኾነ ፡ ነሳ ፡ ድማ ፡ ፲ ፈርጊ ፡ ትሀበ ፡ ነቲ ፡ ዝኻልኢቶ ።

## ብዛዕባ ፡ ንሀቢ ።

እተፈትሔት ፡ ሰበይቲ ፡ ዘይተመርዖት ፡ ንሀቢ ፡ ትምቀል ። እንተ ፡ ተመርዖት ፡ ግን ፡ ዜብላ ፡ ዓሰ ፡ ንሕቢ ፡ እንተ ፡ ረከበ ፡ ንጐይትኡ ፡ ይኩን ፡ ንሕቢ ፡ ዘዕሰለ ፡ ሹሙ ፡ ከይተቈርደደ ፡ ሰብ ፡ እንተ ፡ መጸ ፡ ይመቀል ። ተቈርዲዱ ፡ እንድሕሬ ፡ ጸኒሒ ፡ ግን ፡ የብሉን ፡ ኣብ ፡ ደምበ ፡ ዝዓሰለ ፡ ንገዛ ፡ ይኩን ፡ ኣብ ፡ ገበልኡ ፡ ዝዓሰለ ፡ ንብዓል ፡ ቤት ፡ ይኹን ።

## ዐስቢ ፡ ዐሳብ ።

ኻል ፡ እንተ ፡ ትገዝኤት ፡ ግዝኣታ ፡ ይሀባ ። ማይ ፡ ዕጨይቲ ፡ እተሃሙኾ ፡ እንተቖነት ፡ ቅራና ፡ ይሀባ ። ኣጸግኡን ፡ ኢላ ፡ ን ንተከነት ፡ ወይ ፡ ከየለት ፡ እንተከነ ፡ ትጥሕን ፡ እንተከነት ፡ ፭ ፈርጊ ፡ ይሀባ ። እንተ ፡ ኣመርዓዋ ፡ ግን ፡ ዜብላ ። ወዲ ፡ ድማ ፡ ዕጮ ፡ ዜምሑኦ ፡ ማሐስኡ ፡ ምራኻት ፡ ላም ፡ ጤል ፡ ዚሕሉ ፡ እንተኸነ ፡ ቅራና ። ዚሐርስ ፡ እንተከነ ፡ ፭ ፈርጊ ።

## በዓል ፡ ኢ.ዶ ።

እምርን ፡ ዝሀቤ ፡ ኢዱ ፡ ይከፈል ፡ ኪሀብ ፡ ዘለውን ፡ ሊይ ፕለሃ ፡ ብስርዓት ፡ ይተሐገዝ ፡ ሕዋ ፡ ይኸፈል ።

## ናይ ፡ ለበዋ ።

ሕሙም ፡ ኪመውት ፡ ክሎ ፡ እንተተ ፡ ላበ ፡ አብ ፡ ገዛ ፡ እንተ ኸነ ፡ ፫ተ ፡ ምስክር ፡ ግቡእት ፡ ጌሩ ፡ ይላበ ፡ ሊብ ፡ በረካ ፡ ገዛም ተ ፡ ግና ፡ ምስኡ ፡ ዝነበረ ፡ ይንገረሉ ፡ ቅሡም ፡ ይኩን ። ብመሬ ት ፡ ግን ፡ እተላበዎ ፡ ለበዋ ፡ አይኸውን ። ንቡኡን ፡ ንዲኡን ፡ ዝ ሀረመ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ፫ተ ፡ መዓልቲ ፡ ድማ ፡ ይተአሰር ።

## ናይ ፡ ምድሪ ፡ ለጎሮዋ ፡ ዝደቀሰ ።

እምድሪ ፡ ለጎሮዋ ፡ ዝደቀሰ ፡ ኩሉ ፡ ስዓርቱ ፡ ከም ፡ ለጎ ሮዋ ፡ ክብ ፡ ስርዓቶም ፡ አይሕለፍ ፡ ልሳን ፡ ማንካ ፡ ንሐለፃን ፡ ንርስተኛን ፡ ዝደፈኖ ፡ ሕልቂ ፡ ይኸፈል ፡ ሊብታ ፡ ምድሪ ፡ እ ተሐርደት ፡ ከብቲ ፡ ርስቲ ፡ ዝሐዘ ፡ ወዲ ፡ ጓል ፡ ልሳን ፡ ማንካ ፡ ይብላዕ ። ጓል ፡ ለጎሮዋ ፡ አዘይከመ ፡ ምልጋእ ፡ እተአቶት ፡ ከም ፡ ስርዓቶም ፡ ትቀበል ፡ ጓል ፡ ለጎሮዋ ፡ አብ ፡ እኩለጉዛይ ፡ እተአቶት ፡ ከም ፡ ስርዓቶም ፡ ትቓበል ። በዓል ፡ ቀሚስ ፡ ከፈዩ ዓልኩም ፡ እንተበሉ ፡ እንተ ፡ አተዉ ፡ ስፍራ ፡ ሀቡና ፡ ይበልዎም ። እንተ ፡ ደፈንዎም ፡ ፳ ፈርጊ ፡ በገዕ ፡ እንተ ፡ ዘይሐረደሎም ፡ ናይ ፡ ሹም ፡ አሕዋት ፡ ድማ ፡ ከምኡ ፡ ሰብ ፡ ሠርዒ ፡ አሕዋት ፡ ድማ ፡ ሊንተ ፡ አተዉ ፡ ከምኡ ፡ ክብ ፡ ዓዲ ፡ ይሀብዎም ። አቦ ን ፡ አደን ፡ ገንዘብ ፡ ዜብሎም ፡ እንተ ፡ ኮነ ፡ ሡላዶም ፡ ይቀ ልዘም ።

## አጠስበ ፡ ሠይትን ፡ ጓልን ።

ክሊተ ፡ ሰብ ፡ ንወድኸን ፡ ንጓልኸን ፡ ጺሮም ፡ እንተ ፡ ተ ዋጋቡ ፡ ብርካ ፡ ከይወጸት ፡ እንተ ፡ ተፈሒት ፡ ብምሉእ ፡ ገንዘ

ባ፡ ትሰድ፡ ሰብሕያ፡ ግን፡ እቲ፡ እተበልዖ፡ ገንዘቡ፡ ጸብጺቡ፡
ይከፈል፤ ወዲ፡ ንል፡ ኣይሕረድ፡ ነከታተ፡ ሀቡኒ፡ ይበሎም።
እምኒ፡ ጸሊም፡ ዝርእሱ፡ ጽላሉ፡ ዝእግሩ፡ ዓዲቀሺ፡ ዝር
እሱ፡ ማየልበ፡ ዝእግሩ፡ ኣብ፡ ማይለሐም፡ ውዕሎ፡ እን
ቶ፡ ወዓሉ፡ ኣብ፡ ዛውል፡ ኣይሕደሩ፤ ኣብ፡ ካልእ፡ ዓዲ፡ ው
ዕሎ፡ እንተ፡ ገበሩውን፡ ከምኡ፡ ዝሐደረ፡ ፩ ፈርጊ፡ ይዕደ፡
ንሐደ፡ ሰብ። እዚም፡ ፲፱ቱ፡ ሕግን፡ ወግዕን፡ ግን፡ ዘርን፡ ዜ
ብሎም፡ ኣብ፤ ዝደለዩ፡ ይሕደሩ፡ ኣብ፡ ካልእ፡ ዓድውን፡ እ
ንተ፡ ተዋግዐ፡ ከምኡ።

## ናይ፡ ሕግን፡ ወግዕን።

ዐዲ፡ ሕጊ፤ ዐዲባሮ። ዐዲባዘዮሐንስ። ዛውል፡ ሰለስቲ
ኡ፡ እዩ። ዐዲ፡ ወግዒ፡ ድማ፡ ዓዲ፡ ሕምብርቲ። ዓዲ፡ ወገ
ረቓ። ዓዲ፡ ገብሬይ። ዐዲ፡ ፈለስቲ። እምኒ፡ ጸሊም። ሽኪቲ።
ኣባርዳእ። ከትምወሊዕ። ዓዲ፡ ራእሲ፡ ጎባይ፡ ምስናይ፡ ቶራ
ት፡ እዮም፡ እዚም፡ ፲፱ቱ፡ ዓድታት፡ እዚኦም፡ ብጥቕልል፡
ዐዲ፡ ሕግን፡ ወግዕን፡ ይበሀሉ።

ክቡራት፡ ሀዝብና፡ ህዝቢ፡ ለጎን፡ ጮዋን፡ ዘረባ፡ ሰብኒ፡
ተግባሩን፡ ዘይውዳእ፡ እዩም፡ እቲ፡ ዝተረፈናን፡ ዜድልዩናን፡
ስርዓት፡ እና፡ ሐሰብና፡ ኣብ፡ ውዕሎ፡ ማይለሐም፡ ክንምልእ፡
ኢና። ንናብኡ፡ ዜጸርግ፡ ዕድሜ፡ ይሀበና፡ ኣሜን።

# ሥርዓት፡ ሎን፡ ጭዋ።

ብ፲፱፻፴፭፡ ዓ፡ ም፡ ካህናትን፡
መኳንንትን፡ ኑገ፡ ጥንታዊ፡ ሕጊ፡
እናተኸተሉ፡ ዘቆምዎ።

ተሐተመ፡ በማሕተም
ጴጥሮስ፡ ሲላ፡
፲፱፻፴፭፡ ኣሥመራ።

ሕጊ ፡ ሎጎ ፡ ጭዋ ፡ አቀዲም
ና ፡ ከምዘበልና ፡ ብሃጸይ ፡ እ
ስክንድር ፡ ዘመን ፡ ብ፲፬፻፹፬ ፡
ተመስረተ ።

ካልአይ ፡ ጊዜ ፡ ብሃጸይ ፡ ፋ
ሲል ፡ ዘመን ፡ ብ፲፮፻፵ ፡ ተ
ሐደሰ ።

ሳልሳይ ፡ ብመንግስቲ ፡ ኢጣ
ልያ ፡ ፲፱፻፴፱ ፡ እንደገና ፡ ተ
ሐደሰ ።

ራብዓይ ፡ ጊዜ ፡ ብመንግስቲ ፡
እንግሊዝ ፡ ፲፱፻፵፭ ፡ ከአ ፡
ተሐደሰ ።

# ኣ ር እ ስ ቲ ።


| | | |
|---|---|---|
| መቅድም ፣ | | |
| ናይ ፣ ደም ፣ | ገጽ | ፩ |
| ኣማቕላ ጋር ፣ ንብሲ ፣ ንስድራ ፣ መዋቲ ፣ | › | ፩ |
| መርዓ ፣ ንመንቀሲ ፣ ደም ፣ እትእቱ ፡ ጓል ፡ ክትምርዮ ፣ ከላ ፣ | › | ፪ |
| ኣማሓዳድር ፣ ጋር ፣ እተቀበሉ ፣ ደቂ ፣ መዋቲ ፣ | › | ፫ |
| ቀታሊኡ ፣ ዘይፍሉጥ ፣ | › | ፬ |
| ኣከፋፈል ፣ ወርቂ ፣ ናይ ፣ ጋር ፣ | › | ፮ |
| ናይ ፡ ድንገተ ፣ ሞት ፣ ቅትለት ፣ | › | ፯ |
| ብንጉሥ ፣ ዝደቀሰ ፣ ደም ፣ | › | ፰ |
| ቅትለት ፣ ናብ፣መንን፣ወላድን ፣ ውሉድን ፣ ውሉዱ ፣ ዝቀተለ ፣ | › | ፱ |
| ናይ ፣ ኣብምጋሮ ፣ ሞት ፣ ቅትለት ፣ | › | ፱ |
| ጽሉል ፣ ዝቀተሎ ፣ ሰብ ፣ | › | ፲፩ |
| ብዛዕባ ፣ መሬት ፣ | › | ፲፩ |
| መሬት ፣ እንዳ ፣ ዓባየይ ፣ ዝብል ፣ ሰብ ፣ | › | ፲፫ |
| መሬት ፣ ጼሳ ፣ | › | ፲፭ |
| ግብሪ ፣ መሬት ፣ | › | ፳ |
| ኣናባብር ፣ ቤት ፣ | › | ፳፪ |
| ዋርሳ ፣ ቤት ፣ | › | ፳፮ |
| ዑናታት ፣ ናብ ፣ ማእከል ፣ ዓዲ ፣ | › | ፳፰ |
| ግራት ፣ ፈረቓ ፣ | › | ፳፱ |
| ብዛዕባ ፣ መሸጣ ፣ መሬት ፣ | › | ፴፫ |
| ብዛዕባ ፣ እንገራን ፣ ማይን ፣ እተሸጠ ፣ መሬት ፣ | › | ፴፭ |

| | |
|---|---|
| | ገጽ |
| ናይ ፣ ቅድሚ ፣ ሎሚ ፣ ኢትዮጵያ ፣ መሬት ፣ ምንባብር ፣ | ፴፮ |
| ብዛዕባ ፣ ምስክር ፣ | ፴፰ |
| ብዛዕባ ፣ ዓውዲ ፣ | ፵፪ |
| መቀመጥ ፣ ሐሰር ፣ | ፵፫ |
| ብዛዕባ ፣ መንገዲ ፣ | ፵፬ |
| ብዛዕባ ፣ አእዋም ፣ | ፵፭ |
| ንቁጽ ፣ ዕንጨይቲ ፣ | ፵፮ |
| መጋሰስ ፣ ዓንደ ፣ ገመል ፣ ይኹን ፣ ዕንጨይቲ ፣ ይኹን ፣ | ፵፮ |
| ናውቲ ፣ ማሕረስ ፣ | ፵፯ |
| ኩታም ፣ እም ፣ | ፵፯ |
| አገባብ ፣ ቁርጻ ፣ እም ፣ | ፵፰ |
| ሕጻ ፣ | ፵፰ |
| ስልማት ፣ ክዳውንቲ ፣ ሕጻ ፣ | ፵፱ |
| ብጽሖት ፣ ሐሩስ ፣ ብግዜ ፣ ሕጻ ፣ | ፶ |
| ኩልኩል ፣ ነገር ፣ | ፶ |
| አገባብ ፣ ብላዕ ፣ በቅሊ ፣ | ፶፩ |
| ብላዕ ፣ ሠርሓ ፣ | ፶፬ |
| ወራድ ፣ መርን ፣ | ፶፮ |
| መንልቲ ፣ መርዓ ፣ | ፶፯ |
| ውሁል ፣ መርዓ ፣ | ፶፰ |
| መርዓ ፣ ሐያም ፣ | ፷፪ |
| ምውጻእ ፣ ሐዳር ፣ | ፷፬ |
| ብዛዕባ ፣ ሕርሻት ፣ | ፷፮ |
| ፍትሕ ፣ | ፷፯ |
| ቤት ፣ ትምህርቲ ፣ | ፸፪ |

ዓብዪ ፣ ትምህርቲ ፣ ቤት ፣ ናብ ፣ ምሉእ ፣ ኣጦራጃ ፣ . . . ገጽ ፷፫
ምስላም ፣ ቤት ፣ ክርስቲያን ፣ . . . . . ፣ ፷፬
ካህን ፣ ዲያቆን ፣ . . . . . . ፣ ፷፬
ወርቂ ፣ ቤተ ፣ ክርስቲያንን ፣ ኣሳያም ፣ ገበዝን ፣ . . ፣ ፷፯
ንቤተ ፡ ንጉሥ ፣ ሰላምታ ፣ . . . . ፣ ፷፱
ብጥላይ ምስለኔን ጭቃን ክንብርዎ ዝግባእ ኣፋላላይ ማያት ፣ ፸
ሕማም ፣ ተላጋቢ ፣ ናብ ፣ ርእሲ ፣ እንስሳ ፣ . . ፣ ፸፩
ናይ ፣ ዝብእን ፣ መኻርያን ፣ ጉድኣት ፣ . . ፣ ፸፪
እንስሳ ፣ . . . . . . ፣ ፸፫
ርግሄ ፣ . . . . . . ፣ ፸፬
ሚባ ፣ ደምበ ፣ . . . . . . ፣ ፸፬
ሕማም ፣ ተላጋቢ ፣ ናብ ፣ ሰብ ፣ . . . . ፣ ፸፬
ብሕጽቲ ፣ ሠርሒ ፣ (ጥንስቲ) . . . . ፣ ፸፭
ሽህነት ፣ ክብቲ ፣ . . . . . ፣ ፸፮
ውሕስነት ፣ . . . . . . ፣ ፸፯
ጸርፊ ፣ ኣፍ ፣ ኣይጽረፍ ፣ ኢድ ፣ ኣይግረፍ ፣ . . ፣ ፸፱
ሰራሕ ፣ ሐጺን ፣ . . . . . ፣ ፹፪
ሰራሕ ፣ ወርቅን ፣ ብሩርን ፣ . . . . ፣ ፹፫
ሐሳውን ፣ ሰራቅን ፣ . . . . . ፣ ፹፭
ጠበቃ ፣ . . . . . . ፣ ፹፮
ሽመት ፣ ምስለኔን ፣ ጭቃ ፣ ዓድን ፣ ሹም ፣ ኣሕዋትን ፣ . ፣ ፹፮
ሹም ፣ ኣሕዋት ፣ . . . . . ፣ ፹፯
ኣገባብ ፣ ፍርዲ ፣ ጭቃ ፣ ዓዲ ፣ . . . . ፣ ፹፯
ኣገባብ ፣ ፍርዲ ፣ ምስለኔ ፣ . . . . ፣ ፹፱
ጠቅላል ፣ ግማሕዳሪ ፣ ትሕቲኡ ፣ ዘለዉ ፣ ደያኑን ፣ . . ፣ ፹፱

| | | |
|---|---|---|
| ምሕላው ፡ ሕጊ ፡ | ገጽ | ፻ |
| ስዑር ፡ ሹመኛ ፡ | » | ፻፪ |
| ዝሙት ፡ | » | ፻፪ |
| ማህረምትን ፡ መጭጋእትን ፡ | » | ፻፬ |
| ቀብሪ ፡ | » | ፻፭ |
| ዘርዓ ፡ | » | ፻፱ |
| ብዛዕባ ፡ ታራ ፡ መጓስ ፡ | » | ፻፲፩ |
| ታራ ፡ ህበይ ፡ | » | ፻፲፫ |
| ተዝካር ፡ | » | ፻፲፫ |
| ዝንድኡ ፡ እንስሳ ፡ | » | ፻፲፭ |
| ቀለታ ፡ እሕዋት ፡ | » | ፻፲፮ |
| ከብካብ ፡ ቀሚስ ፡ | » | ፻፲፯ |
| ለበዋ ፡ | » | ፻፲፰ |
| ውርሻ ፡ እሕዋት ፡ | » | ፻፲፱ |
| ንህቢ ፡ | » | ፻፳፪ |
| ገንዘብ ፡ ልቃሕ ፡ | » | ፻፳፫ |
| ገንዘብ ፡ ሕድሪ ፡ | » | ፻፳፫ |
| ገንዘብ ፡ ሐረጣ ፡ | » | ፻፳፬ |
| ሃይማኖት ፡ | » | ፻፳፬ |


ተፈጸመ ፡ ብዘመነ ፡ ፲፱፻፴፰ ፡ ዓ ፡ ም ። — ብማኅተም ፡ ጴጥሮስ ፡ ሚላ ።
— እ ሥ መ ራ —

## መ ቅ ድ ም ።

ብስመ ፡ አብ ወወልድ ፡ ወመንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ አሐዱ ፡ አምላክ ።

ንሕና ፡ እንዳብ ፡ ሎጎሜዋ ፡ ንቲ ፡ ሥርዓትናን ፡ ሕግናን ፡ መታን ፡ ን
ዘልአለም ፡ ኪጸንዓልና ፡ ብስም ፡ እቲ ፡ ኩሉ ፡ ዝኽእል ፡ እግዚአብሔር ፡
አምላክና ፡ ተጸጊዕና ፡ ንጅምሮን ፡ ንፍጻሞን ፡ አሎና ።

ስሎሞን ፡ ንጉስ ፡ ይላል ። በጥበብ ፡ የሚሠራ ፡ መልካም ፡ ነገር ፡ ያ
ገኛል ፡ በእግዚአብሔር ፡ የታመነ ፡ ምስጉን ፡ ነው ፡ ምሳ ፡ ም ፡ ፲፮ ፡ ቁ ፡ ፳ ።

ብቃልም ፡ በስራም ፡ የምታደርጉት ፡ ሁሉ ፡ በየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ በጌ
ታችን ፡ ስም ፡ አድርጉት ፡ እግዚአብሄርንም ፡ አብን ፡ በርሱ ፡ አመስገኑ ፡
ቆለ ፡ ም ፡ ፫ ፡ ቁ ፡ ፲፯ ።

ያከበረኝን ፡ አከብራለሁና ፤ የናቁኝምን ፡ ይናቃሉ ፡ ሳሙ ፡ ቀ ፡
ም ፡ ፪ ፡ ቁ ፡ ፴ ።

ስለዚ ፡ ብስም ፡ እግዚአብሄር ፡ ንቲ ፡ ብ፲፱፻፹፬ ፡ ዓመተ ፡ ም ፡ ዝቆ
መ ፡ ሕጊና ። ሎሚ ፡ ብ፲፱፻፹፭ ፡ ዓ ፡ ም ፡ ብ፲፭ ፡ ሰኔ ፡ መንግስቲ ፡ ዓባይ ፡
ብሪታንያ ፡ ንሕግና ፡ ክንአርሞን ፡ ክነብልጾን ፡ ምሉእ ፡ ፈቃድ ፡ ስለዝሃበ
ና ፡ እናመስገና ፡ ክንሰርሕ ፡ ጀመርና ።

ሕጊ ፡ ሉን ፡ ሎዊ ፡ ኪሕደስ ፡ ክሉ ፡ ዝነበሩ ፡ አማሐደርቲ ፡ ሹመ
ኛታት ።

ክቡር ፡ ክሉኒሉ ፡ ክራርርድ ፡ ቅድም ፡ ናብ ፡ ክሚሻርያቶ ፡ ሰራየ ፡ ዋና ፡ ከለዉ ፡ ተጀመረ ፡፡ ብድሕሪኡ ፡ ናብ ፡ ክሚሻርየ ፡ ሐማሴን ፡ ምስ ፡ ሐለፉ ፡ ተፈጸመ ፡፡

ክቡር ፡ ማጆር ፡ ጆምሰን ፡ ክሚሻርየ ፡ ሰራየ ፡

ክቡር ፡ ከመንዳቶረ ፡ ደጀዝማች ፡ በራኺ ፡ ተክለጼን ፡ ምስለኔ ፡ ጽልማን ፡ ሰፍሕን ፡፡

ክቡር ፡ ካቩሌር ፡ አዝማች ፡ ምራጭ ፡ ጉድም ፡ ምስለኔ ፡ ሊባን ፡፡

ክቡር ፡ ካቩሌር ፡ ኡፊቻለ ፡ ደጀዝማች ፡ አስረሰሄን ፡ ባራኺ ፡ ምስለኔ ፡ ላዕላዋይ ፡ ሎጎን ፡ ጩዋን ፡ ከበሳ ፡ ጩዋን ፡፡ እዚም ፡ ዝሰመናዮም ፡ ኩሎም ፡ ናብቲ ፡ ዝሰሚናዮ ፡ አውራጃታት ፡ ተሸይሞም ፡ ብምሉእ ፡ ልበቶም ፡ ንሕግና ፡ አብሊጽና ፡ ክንጽሕፍ ፡ ብምክርን ፡ ብግብርን ፡ ሐገዙና፡፡

ኩልና ፡ ክምእንፈልጥ ፡ ሕጊ ፡ ሎጎ ፡ ጩዋ ፡ ብጥንቲ ፡ አቦታትና ፡ ጽሒፎም ፡ ደብተሮም ፡ እዩም ፡ ዜናብርዋ ፡ ዝነበሩ ፡፡ እተን ፡ ደባትር ፡ ክአ ፡ ፱ ፡ እዩን ፡፡ አቦታትና ፡ ፱ ፡ ደባትር ፡ ምጽሐፎም ፡ ምናልባት ፡ ሰብ ፡ ሰሐቲ ፡ እዩሞ ፡ እታ ፡ ሐንቲ ፡ ብገቢር ፡ ወይ ፡ ብጉቡ ፡ እቲ ፡ ተሐዛይ ፡ ደብተር ፡ እንተ ፡ ሰሐተ ! እታ ፡ ካልአይቲ ፡ ክትሕልዋ ፡ ማለት ፡ እዩ ፡፡ ከመይ ፡ በቲ ፡ እዋናም ፡ ብኢድ ፡ ጥራይ ፡ እዩ ፡ ዝጸሐፍ ፡ ዝነበረ፡ እምበር ፡ ናይ ፡ ጽሕፈት ፡ ማሕተም ፡ አይነበረን ፡ ስለዚ ፡ ነቲ ፡ ናይ ፡ ኢድ ፡ ጽሕፈት ፡ መታን ፡ ከይንከዮን ፡ ከይወሰከን ፡ ኢሎም ፡ ብጥንቃቐ ፡ ፱ ፡ ደብተር ፡ አቆሙ ፡፡ በዚ ፡ ዘሎናዮ ፡ ጊዜ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ርእሲ ፡ ብማሕተም ማኪና ፡ እተጻሕፈ ፡ ናይ ፡ ኢድ ፡ እንተ ፡ ተረኽበ ፡ ብቅልጡፍ ፡ ኪርከብ ይከአል ፡ እዩ ፡፡

እዘን ፡ ፱ ፡ ደባትር ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ እንዳበ ፡ ገዛአመኑዎ ፡ ብእል ፡ ዓቢዓዲ ፡ ከኦነ ፡ ብዓል ፡ ቀሽት ፡ ዓዲ ፡ ናብ ፡ ለባዎ ፡ እንዳበ ፡ ገዛሐረዮዎ ፡ ከሎም ፡ ዓሌታት ፡ ዝመረጹዎ ፡ እየን ፡ እናዘሩ ፡ ዝቅመጣ ፡፡

በዚ ፡ ምክንያትዚ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ዓዲታት ፡ ሎጎ ፡ ጭዋ ፡ ዓዲ ፡ ሕግን ፡ ወግዕን ፡ ዝበሃል ፡ ብናላይ ፡ የልበን ።

ከመይ ፡ እቲ ፡ ናብ ፡ ደብትርና ፡ ዝርከብ ፡ ሕጊ ። ካብ ፡ ኩሎም ፡ ዓሌታት ፡ መሪጽም ፡ ብአእምሮን ፡ ብፍልጠትን ፡ ተጸዊዖም ፡ እዮም ፡ ዝሕግግዎን ፡ ዝድብትርዎን ፡ እምበር ፡ ብዓል ፡ ዓቢይ ፡ ዓዲ ፡ ይሐግግ ፡ ብዓል ፡ ንእሽቶይ ፡ ይትረፍ ፡ ዝብል ፡ ናይ ፡ አድልዎ ፡ ስርዓት ፡ የልበን ።

ናብ ፡ አውራጃ ፡ ጽልማን ፡ ሰናአን ። ሊባን ። ናብ ፡ ላዕላይ ፡ ሎጎ ፡ ጭዋን ፡ ከበሳ ፡ ጭዋን ፡ ዝነብሩ ፡ ህዝቢ ። ዓሌቶምን ፡ ትውልዶምን ፡ ከምዚ ስዕብ ፡ እዩ ።

ቅድሚ ፡ ኩሉ ፡ ወለዶኦም ፡ አሕዋት ፡ ደቂ ፡ ሳበ ፡ እዮም ። በብእዋኑ ፡ ካብ ፡ ትግራይን ፡ ዓደምሐራን ፡ እናመጹ ፡ ናብዘን ፡ ዝሰሚናየን ፡ አውራጃታትን ፡ ናብ ፡ ወጻኢ ፡ ካልኦት ፡ ዓድታትን ፡ ተቐመጡ ።

ምንም ፡ እኳ ፡ ናብ ፡ ላዕሊ ፡ ደቂ ፡ ሐደ ፡ ሰብአይ ፡ እንተኾኑ ፡ ወለዶታት ፡ ስለ ፡ ዝበዝሔ ፡ ናብ ፡ ታሕቲ ፡ ከምዚ ፡ ዝስዕብ ፡ ዓሌታት ፡ ይጽውዑ ።

ሎጎ ።
ጭዋ ።
ዛጓ ።
ተምቤን ።
ላምዛ ።
ሳሐርቲ ።
ደጉዝ ።
ዛወለታይ ።
ጓረታይ ።
ዝርቤን ።
ጋልዓንታይ ።
ደቀተሽም ።
ገብለ ።
ሕራማስ ።

ላጌናይ ።
ሃም ።
ሮቡራ ።
ከልከልታይ ።
ሳቐያቲ ።
ጽጋበ ።
ገረመታይ ።
ደቂ ፣ ዳሺም ።

ካልኦትውን ፣ አለዉ ።

እዞም ፣ ዝጸብጸብናዮም ፣ ዓሌታት ፣ ኩሎም ፣ ሐቢሮም ፣ ደቂ ፣ ሐንቲ ፣ ሕጊን ፣ ስምረትን ፣ ከይኖም ፣ ብ፲፱፻፶፯ ፣ ዓ ፣ ም ፣ ሕጊ ፣ ጽሒፎም መጸውዒ ፣ ደብተሮም ፤ ሎጎ ፣ ሶጮዋ ፣ ተበሃለ ።

ካብቲ ፣ እዋንቲ ፣ ጀሚሮም ፣ ብእዋን ፣ ሸገር ፣ እናተራዳድኡ ፣ ብእዋን ፣ ሓጎስ ፣ እናተዓዳደሙ ፣ ክርስቲያኖምን ፣ እስላምን ፣ ክሳዕ ፣ ሎሚ ፣ ብስጋዊ ፣ ስርዓትን ፣ ሕግን ፣ ይናበሩ ፣ አለዉ ።

ብመንፈሳዊ ፣ ግና ፣ ክርስቲያን ፣ ናብ ፣ ካህኑ ፣ እስላማይ ፣ ናብ ፣ ቃዲኡ ፣ ኪኸይድ ፣ ፈቃድ ፣ እንዳበ ፣ እዩ ።

ናይ ፣ ጥንታዊ ፣ ዶብ ፣ ሎጎ ፣ ሶጮዋ ፣ ብምስራቕ ፣ ዓዲ ፣ ራእሲ ፣ ጉባይ ፣ ቶራት ፣ እዩ ።

ብምዕራብ ፣ ወገን ፣ ክሳዕ ፣ ምሉእ ፣ ምድሪ ፣ ሊባንኒ ፣ ማየልበን ፣ ምስ ፣ በንዓምር ፣ ይዳወብ ።

ብሰሜን ፣ ሐበላ ፣ ምስጓግ ፣ እዩ ፣ ዶብ ። ምስደቀ ፣ ተሸም ፣ ዓዲ ፣ ጓዕዳይ ።

ብደቡብ ፣ ምክዓው ፣ ቆሎ ፣ ምላሽ ፣ እምኒጸሊም ፣ ጽንዕዩ ፣ ምስ ፣ ዓድከመ ፣ ምልጋእ ፣ ይዳወብ ።

ብመንግስቲ ፡ ዓባይ ፡ ብሪታንያ ፡ ሕጊ ፡ ሎሚ ፡ ጭዋ ፡ ንምሕዳስን ፡ ንምሕጋግን ፡ ብዝተፈቅደሉ ፡ ሙሉኣት ፡ እንዳበ ፡ ብ፲፱፻፴፫ ፡ ዓ ፡ ም ፡ ብ፯ ሰኔ ፡ ናብ ፡ ማይ ፡ ላሐም ፡ ተአኪቦም ። ለባማትን ፡ ምሁራትን ፡ ካብ ፡ መኳንንትን ፤ ካብ ፡ ሽማግለ ፡ ዓበይቲ ፡ ዓድን ፡ ካህናትን ።

መረጹ ።

እቶም ፡ ሐገግቲ ፡ እተመርጹ ፡ እዚኦም ፡ እዮም ።

፩ አዝማች ፡ ምራጭ ፡ ጉድም ፡ ምስለኔ ፡ ሊባን ።

፪ ግራዝማች ፡ አብርሃም ፡ ወልዱ ፡ ሹም ፡ አሕዋት ፡ ናይ ፡ ደብተር ።

፫ ግራዝማች ፡ ፍስሐ ፡ ጓንጉል ፡ ሹም ፡ አሕዋት ፡ ናይ ፡ ደብተር ።

፬ ፊተውራሪ ፡ አባይ ፡ ብርሃኔ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ፈለስቲ ፡ ወኪል ፡ ምስለ
ኔ ፡ ናይ ፡ ሰፍአን ።

፭ ብላታ ፡ ካሕሳይ ፡ ማሉ ፡ ጭቃ ፡ ደቂ ፡ ጽንዓይን ፡ ኖታቢለ ፡ ናይ ፡ ክ
ሚሻርያቶ ፡ ሰራየን ።

፮ ባሻይ ፡ አስፈሃ ፡ ካሕሳይ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ገዳ ።

፯ አቶ ፡ ገብረዝጊ ፡ ስብሐት ፡ ዓዲ ፡ ናህባይ ።

፰ ቀሺ ፡ ተወልደ ፡ መድህን ፡ ገረማርያም ፡ ዓዲ ፡ ሐርበ ።

፱ ባሻይ ፡ ወልደስላሴ ፡ ወልደገብርኤል ፡ ዓዲ ፡ ሐርበ ።

፲ አቶ ፡ ነማርያም ፡ ጕለም ፡ ዓዲ ፡ ጕላ ።

፲፩ ባሻይ ፡ ገረክርስቶስ ፡ መብራሀቱ ፡ ሰዳጋ ፡ ድሕና ።

፲፪ ብላታ ፡ ስብሃቱ ፡ ዘርባቤል ፡ አማድር ።

፲፫ ቀሺ ፡ ሁንቋይ ፡ ዓዲ ፡ ባር ።

፲፬ ብላታ ፡ አጦዓሎም ፡ ገረኪዳን ፡ ድባርዋ ።

፲፭ ቀሺ ፡ ምስግና ፡ ክፍለ ፡ ዓዲዘበሐንስ ።

፲፮ ባሻይ ፡ ተስፋልደት ፡ መሐሪ ፡ እምኒጸሊም ።

፲፯ ብላታ ፡ ማሕሙድ ፡ ሲራጅ ፡ ዓዲ ፡ ዋጠት ።

፲፰ ባሻይ ፡ ገብረገርጊሽ ፡ ገብረ ፡ ገዛ ፡ ላምዛ ።

፲፱ ገብርሂት ፡ ተስፋማርያም ፡ ጨዓት ።

፳ ከሊፋ ፡ በይ ፡ ዓረቢ ፡ ሳልም ፡ ድባርዋ ።

ካብ ፡ አውራጃ ፡ ሐማሴን ፡ ሎጎጭዋን ፡ ከበሳ ፡ ጭዋን ።

፩ ከንቲባ ፡ ምሕጹን ፡ ጭቃ ፡ ሰላዕ ፡ ዳዕሮ ።

፪ ብላታ ፡ እሳቱ ፡ ሃብተጼን ፡ ዓዲ ፡ ከፈለት ።

፫ ከንቲባ ፡ ዑቅባገርጊሽ ፡ ስብሐቱ ፡ ሕምብርቲ ።

፬ ባሻይ ፡ መንገሻ ፡ ወልዱ ፡ እባርዳእ ።

፭ ባሻይ ፡ ፍስሃየ ፡ ገረንድራስ ፡ ከትመወልዕ ።

፮ ባሻይ ፡ ገብረአብ ፡ ተወልደመድህን ፡ ሽከቲ ።

፯ ባሕረናጋሲ ፡ ገረሱስ ፡ ተስፋልደት ፡ ሐበላ ።

፰ ባሻይ ፡ ፍስሃየ ፡ ድምጹ ፡ ጭቃ ፡ ላገን ።

፱ ብላታ ፡ ተስፋጼን ፡ ኪዳን ፡ ዛጡል ።

፲ ብላታ ፡ እስገዶም ፡ እው዆ሎም ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ከልከልቲ ።

፲፩ ፊተውራሪ ፡ ዑንቃይ ፡ ሃብተ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ገብራይ ።

፲፪ ቀሺ ፡ ዑንቃይ ፡ መንግስቱ ፡ ዓዲ ፡ ገብራይ ።

፲፫ ቀሺ ፡ ክፍለ ፡ ሕምብርቲ ።

፲፬ ተዓደል ፡ ጊላንኪኤል ፡ ዓደበኻኮ፡ይ ።
፲፭ ዓንደማርያም ፡ ግርመ ፡ ክትመውልዕ ።
፲፮ ቀሺ ፡ ክፋለ ፡ ግደ ፡ ሕምብርቲ ።
፲፯ በሻይ ፡ በርሄ ፡ አስፈሃ ፡ ጽላለ ።
፲፰ በረምበራስ ፡ በራኺ ፡ ሽከቲ ።

እዚም ፡ ዝሰሚናዮም ፡ ኩሎም ፡ ብጥቅርን ፡ ብስምምዕን ፡ ፪ ፡ ዓመት ፡ ምሉእ ፡ ጽዒሮምን ፡ ደኺሞምን ፡ ሕጊ ፡ እንዳበአም ፡ ብሰላም ፡ ስለ ፡ ዝ ጨ፡ረሱ ፡ ንእግዚአብሄር ፡ ምስጋና ፡ ነቕርበሉ ፡ አሎና ።

ንክቡር ፡ አዝማች ፡ ተስፋይ ፡ በራኺ ፡ ከአ ፡ ዝኸበረ ፡ ምስጋና ፡ ነቅር በሎም ፡ አሎና ። ምንም ፡ እኳ ፡ ስራሖም ፡ ሹመኛ ፡ ናብ ፡ መራጉዝ ፡ እንተኮነ ፡ ነቲ ፡ ሕጊ ፡ እንዳበአም ፡ ዝድግፍ ፡ ቃላት ፡ ምስዩም ፡ ናይ ፡ ልቢ ፡ መተ ዓደይዶም ፡ ክቡር ፡ ብላታ ፡ ከሕሳይ ፡ ማሉ ፡ እናተሰማምዑን ፡ ዝኸበረ ፡ ም ኽሮም ፡ ብጽሕፈት ፡ እናሰደዱ ፡ ስለ ፡ ዝሐገዙና ፡ ንሕጊ ፡ ሎን ፡ ጭጥ ነብ ፡ ክትብል ፡ ስለ ፡ ዝጸዓሩን ፡ ዝደኸሙን ምስጋናና ፡ ነቕርብ ፡ አሎና ፡

ክቡር ፡ ደጃዝማች ፡ ብርሃነ ፡ ግርማጽዮን ፡ ሕጊ ፡ ከሕተም ፡ ከሎ ፡ ለ ፡ ሐገዙም ፡ ዘቅረቡ ፡ ምስጋና ፡ ነቅርበሎም ፡ አሎና ።

## ምዕራፍ ፬ ናይ ደም ።

ነብሲ ፡ ዝቐተለ ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ ሕነቕ ፡ ኰይኑ ፤ ብኢድ ፡ እቶም ፡ ሐዎም ፡ ዝሞቶም ፤ ተሐኒቑ ፡ ይሙት ። እቶም ፡ አሕዋት ፡ መዋቲ ፡ ፈትዮም ፡ እንተ ፡ ተዓርቁ ፡ ግና ፡ ጋርኒ ፡ ጓልኒ ፡ ይቀባበሉ ። ጋር ፡ ነብሲ ፡ ሺሕ ፡ ቅርሺ ፡ አባጠራ ፡ እዩ ፤ እንተ ፡ ተሳእነ ፡ ግና ፡ ከም ፡ ንጉስ ፡ ዝአወጆ ፡ ይከፋፈሉ ። ንጉስ ፡ ካብ ፡ ጋር ፡ ሲሶ ፡ ኪወስድ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ፡ ንስድራ ፡ መዋቲ ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ፡ ኩሉ ።

## ፪ ። አማቅላ ጋር ነብሲ ንስድራ መዋቲ ።

ካብቲ ፡ ናይ ፡ ጋር ፡ ነብሲ ፡ ዝአቱ ፡ ሽሕ ፡ ቅርሺ ፡ ፪ ፡ አፍ ፡ ንደቂ ፡ እቲ ፡ ዝሞተ ፡ እዩ ። እቲ ፡ ሳልሳይ ፡ አፍ ፡ ግና ፡ ንአሕጥት ፡ እቲ ፡ ዝሞተ ፡ ማለት ፡ ነቶም ፡ ክፈልቲ ፡ ሕነ ፤ እዩ ፡ ዝግባእ ። ጋር ፡ ነብሲ ፡ ንቲ እቱ ፡ ጓል ፡ ድማ ፡ እቲ ፡ ቀታሊ ፡ ጓል ፡ እንተላቶ ፡ ጓሉ ፡ ንወዲ ፡ እቲ ፡ ዝሞተ ፡ ትመርዖ ፤ እቲ ፡ ቀታሊ ፡ ጓል ፡ ዘይብሉ ፡ እንተኾይኑ ፡ ግና ፡ ካብ ፡ አዋልዶ ፡ እቶም ፡ አሕዋቱ ፡ ወይ ፡ ካብ ፡ አዋልድ ፡ ደቂ ፡ ሐወቦኡ ፡

ማለት ፡ ካብቶም ፡ ከፈልቲ ፡ ሕን ፡ ዝኾኑ ፡ እቶም ፡ ቤተ ፡ ሰብ ፡ ናይ ፡ መዋቲ ፡ መሪጸም ፡ ጓል ፡ ናይ ፡ መንቀጽ ፡ ደም ፡ ይውሰዱ ። ብድሕርዚ ፡ ዋሕስ ፡ ዕርቂ ፡ ናይ ፡ ምሉእ ፡ ማይቤቶም ፡ ወዲ ፡ እም ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ዳኛን ፡ እቶም ፡ ዓራቆን ፡ ይትከሉ ፡ ናብ ፡ ንጉስ ፡ ከአ ፡ ይደብተሩ ፡ ብድሕርዚ ፡ ሕን ፡ ምፍዳይ ፡ የልበን ።

## ፲ ። መርዓ ንመንቀጽ ደም እትአቱ ጓል ከትምርዖ ከላ ።

እቶም ፡ ወረዲ ፡ መርዓ ፡ ናይ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ኰነ ፤ እቶም ፡ ዓዲ ፡ ዝጸንሑ ፡ ናይ ፡ አበ ፡ ጓል ፡ ኰነ ፤ ናይ ፡ አጽዋር ፡ ምልክት ፤ ከይሕዙ ፡ ብጽኑዕ ፡ ኩልኩል ፡ እዩ ። ናብ ፡ ዳስ ፡ ምስ ፡ አተዉ ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ ሎጎ ፡ ጨዋ ፡ እቶም ፡ እንዳወዲ ፡ ካብ ፡ እንዳጓል ፤ እቶም ፡ እንዳጓል ፡ ካብ ፡ እንዳ ፡ ወዲ ፡ ዋሕስ ፡ ዘየቃሳቅስ ፡ ብኢድ ፡ ጨቃ ፡ ዓዲ ፡ ይትከሉ ። አይንተክልን ፡ ዋሕስ ፡ ዕርቂ ፡ አሎና ፡ ኢሎም ፡ እንተአበዩ ፤ ወይ ፡ አጽዋር ፡ ናይ ፡ ሰልፊ ፡ ምልክት ፡ እንተ ፡ ተረኺበም ፡ ፳ ፡ ፈርጊ ፡ ይኸፈሉ ፤ እዚ ፡ ስርዓት ፡ እዚ ፡ ንንዳወዲ ፡ ኰነ ፡ ንንዳጓል ፡ ኰነ ፡ ትኽክል ፡ ኢዩ ።

ብጋር ፡ ንመንቀጽ ፡ ደም ፡ ዝአተወት ፡ ጓል ፡ ብዝኾነ ፡ ምኽንያት ፡ ሰብአያ ፡ ከይሃርማ ፡ ክልኩል ፡ እዩ ፤ ስለምንታይ ፡ ናይ ፡ ደም ፡ ምንቅናቅ ፡ ዜርኢ ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ሰብአያ ፡ እንተሃረማ ፡ ብዝሃረማ ፡ ልክዕ ፡ ፴ ፡ ፈርጊ ፡ ይኸሐሳ ።

## ፬ ። አማሐዳዳር ጋር እተቐበሉ ደቂ መዋቲ ።

ጋር ፡ እተቐበሉ ፡ ደቂ ፡ መዋቲ ፡ ቅድም ፡ ዘይመሰለት ፡ ጓል ፡ እቲ ዝሞተ ፡ እንተላ ፤ እዶም ፡ አሕዋታ ፡ ንመምሰሊአ ፡ ዝአክል ፡ ካብቲ ጋርኣ አበአ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ የቐምጡላ ፤ እቲ ፡ ዝተረፈ ፡ ግና ፡ እዶም አሕዋታ ፡ ኲም ፡ ብዝሖም ፡ ልክዕ ፡ ይካፈሉ ። ሐደ ፡ ጥራይ ፡ እንተኰነ ወዲ ፡ መዋቲ ፡ ድማ ፡ ተረፍ ፡ መምሰል ፡ ሐብቱ ፡ ወይ ፡ ከአ ፡ እተን ፡ ይመስላ ፡ አሕዋቱ ፤ ብዙሐት ፡ እንተኾና ፡ ዝግብኤን ፡ መምሰሊኤን አትረፉ ፤ ናብ ፡ አዴኤን ፡ የቐምጠለን ። እቲ ፡ ዝተረፈ ፡ ገንዘብ ፡ ን ይኑ ፡ ይውሰዶ ። ዝመሰለት ፡ ጓል ፡ ምስ ፡ አወዳት ፡ አሕዋታ ፡ ጋር ፡ ትምቀል ፡ አይግብአን ፡ እዩ ።

እቲ ፡ ዝሞተ ፡ ሰብ ፡ አዋልድ ፡ ጥራይ ፡ እንተኰና ፡ ውላዱ ፡ ማለት ወዲ ፡ ዜብሉ ፡ እንተኾነ ፡ ግና ፡ ካብቲ ፡ ክልተ ፡ ኢድ ፡ ጋር ፡ አበኤን ቅድም ፡ ነተን ፡ ዘይመሰላ ፡ አሕዋተን ፡ ከምብዝሔን ፡ ልክዕ ፡ ንመምሰ ኤን ፡ አትረፈን ፡ እቲ ፡ ዝተረፈ ፡ ገንዘብ ፡ ኩለን ፡ እተን ፡ አዋልድ ፡ ሱላትን ፡ ዘይመሰላን ፡ ሐቢረን ፡ ይካፈላ ።

## ፫። ቀታሊኡ ዘይፍሉጥ ።

ቀታሊኡ፡ ዘይፍሉጥ፡ ሰብ፡ እሞ፡ እቶም፡ ቤተሰቡ፡ ዝጠርጠርዎ፡ ሰብ፡ ንሓደ፡ ይኹን፡ ወይ፡ ንብዙሓት፤ ብዳኛ፡ ኣሒዞም፡ የምሕልዎ። ኣማሓሕላኦም፡ ከም፡ ስሩዕ፡ እንዳበ። እቶም፡ ቤተሰብ፡ ናይ፡ መዋቲ፡ ካብ፡ እቶም፡ ዝጠርጠርዎ፡ ማይቤት፡ ፳፡ ተባዕታይ፡ ፳፡ ኣንስተይትን፤ ብሰላቶም፡ መሪጾም፤ ናብ፡ ፴፡ ቤተክርስቲያን፡ ናይ፡ ሎጎ፡ ጨጊዋ፡ ማለት፡ እምኒጸሊም፡ ዓዲ፡ ጓዕዳድ፡ ቶራት፡ ዝርእሱ፡ ማየልበን፡ ሐበላን፡ ዝእግሩ፡ ናብ፡ ዝደለዩ፡ ቤተክርስቲያን፡ ወሲዶም፡ የምሕልዎም። ዘይወለደት፡ ሰበይቲ፡ ግና፡ ምስዘን፡ ፴፡ ኣንስቲ፡ ክትምሕል፡ ኣይግብኣን፡ እዩ፡ ስለምንታይ፡ ዘይወለደት፡ ሰበይቲ፡ ምስ፡ ሰብኣያ፡ ወይ፡ ምስ፡ ኣሕመትሙታ፡ እንተተቓየመት፡ ሰባራ፡ ዘንጊ፡ ክትንብሮም፡ ትኽእል፡ እያ፡ ምንም፡ እንተተረቁሔት፡ ብዳኛ፡ ትክልክል፡ ኣምሳይኣ፡ ክልእ፡ ይርቁሓ።

ከምዚ፡ ጌሮም፡ ብግቡእ፡ ምስ፡ ኣምሓሉዎም፡ ግና፡ እቶም፡ ከሰስቲ፡ ዳኙነቶም፡ ከፈሉዎም፡ ደም፡ ዘየሰግሪ፡ ዋሕስ፡ ሰርቂ፡ ይትከሉሎም፡ እቶም፡ ዋሕሳት፡ ግና፡ ፪፡ ይኹኑ፡ ከመይ፡ ናይ፡ ደም፡ ዝኮነ፡ ኩሉ፡ ብጽኑዕ፡ ኪትሐዝ፡ ግቡእ፡ እዩ፡ እዚኣምውን፡ ርስተኛታትን፡ ሃብታማትን፡ ኪኮኑ፡ ይግባእ። ብድሕሪዚ፡ እቲ፡ ዘቆመ፡ ዳኛ፡ ናብ፡ ንጉሥ፡ የደብትሮም።

ናብ፡ መሬት፡ ናይ፡ ሓደ፡ ዓዲ፡ ነብሲ፡ ሞይቱ፡ እንተተረኺበ፡ እሞ፡

ቀታሊኡ ፡ ዘይፍሉጥ ፡ እንተኾነ ፡ እቶም ፡ ቤተ ፡ ሰብ ፡ ናይ ፡ መዋቲ ፡ ነቶም ፡ ዓዲ ፡ ናብ ፡ መሬቶም ፡ ምዉት ፡ እተረኽበሎም ፡ ናብ ፡ ዳኛ ፡ ይኸሱዎም ። እቲ ፡ ዳኛ ፡ ካብ ፡ ማይቤት ፡ ሐሐደ ፡ ወዳእቲ ፡ ዘንጊ ፡ እቲ ሙ ፡ ከምዝከአሉ ፡ ይመርምር ፡ ብቅልጡፍውን ፡ ንንጉስ ፡ ይነግር ። ተመርሚሩ ፡ ቀታሊ ፡ እንተተረኽበ ፡ ቀታሊ ፡ ይሕለፍ ። ቀታሊ ፡ እንተተሳእነ ፡ ግና ፡ ብሸም ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ዓዶም ፡ ነብሲ ፡ ዝሞተ ፡ እቶም ፡ ዓዲ ፡ ብነብሲ ፡ ኪተሓዙ ፡ አይግብኦምን ፡ እዩ ፡ ከመይ ፡ መሬት ፡ ዓዲ ፡ ገሬሕ ፡ እዩ ፡ ወይ ፡ ጸላእቲ ፡ ስዒቦም ፡ ይቐትልዎ ፡ ወይ ፡ ከትርፉ ፡ ገንዘብ ፡ ዝደለዩ ፡ ካብ ፡ ካልእ ፡ ሐገር ፡ መጺኦም ፡ ኪቐትልዎ ፡ ሐደ ፡ ኣምላኽ ፡ እዩ ፡ ዝፈልጦ ፡ እሞ ፡ እቶም ፡ ኣሕዋት ፡ መዋቲ ፡ ካብቶም ፡ ዓዲ ፡ ፳ ፡ ሰብኣይ ፡ መሪጾም ፡ የምሕሉዎም ። ምስ ፡ መሐሉ ፡ እቲ ፡ ዳኛ ፡ ዘመሐሐለ ፡ ፬ ፡ ዋሕሳት ፡ ደም ፡ ዘየስሚ ፡ ኣትኪሉ ፡ ናብ ፡ ንጉሥ ፡ የደብትሮም ።

ናብ ፡ ከብዲ ፡ ዓዲ ፡ ብኢድ ፡ ሰብ ፡ ነብሲ ፡ ሞይቱ ፡ እንተተረኽበ ፡ እሞ ፡ ቀታሊኡ ፡ ዘይፍሉጥ ፡ እንተኾነ ፡ እቲ ፡ ጩቃ ፡ ዓዲ ፡ ብቅልጡፍ ፡ ሊኢኹ ፡ ንንጉስ ፡ ይነግር ። ነቲ ፡ ዝሞተ ፡ ነብሲውን ፡ ከምታ ፡ ዘለዋ ፡ ኪጸንሕ ፡ ፫ ፡ ሐለውቲ ፡ ይአዝዘላ ። ንጉሥ ፡ ወይ ፡ ሐኪም ፡ ሐደው ፡ ወተሃደሩ ፡ ሰዲዱ ፡ ብኢድ ፡ ሰብ ፡ ከምዝሞተ ፡ ምስ ፡ መስከሩ ፡ እቶም ፡ ዓዲ ፡ ኩሎም ፡ ጋር ፡ ነብሲ ፡ ሽሕ ፡ ቅርሺ ፡ ይኸፍሉ ፡ ወይ ፡ ከአ ፡ ገባሪ ፡ አሕሊፎም ፡ ይሃቡ ። እቶም ፡ አሕዋት ፡ መዋቲ ፡ ከአ ፡ ጋር ፡ ተቐቢሎም ፡ ደም ፡ ዘየስሚ ፡ ፬ ፡ ዋሕሳት ፡ ይትክሉ ፡ እቲ ፡ ዘፋመ ፡ ዳኛ ፡ ናብ ፡ መንግሥቲ ፡ የደብትሮም ።

## ፮ ። አካፉፋል ወርቂ ናይ ጋር ።

ብጋር ፡ እተዓርቀ ፤ እቶም ፡ ዓራቕ ፡ ሽማግለ ፡ ብዘቓጸርዎ ፡ መዓል ቲ ፡ ከምታ ፡ ፈጽሙ ፡ ከየሕለፈ ፡ ኪኸፈል ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ። ስለምንታ ይ ፡ እቶም ፡ አሕዋት ፡ መዋቲ ፡ ብብዙሕ ፡ ልማኖ ፡ እዮም ፡ ነቲ ፡ ጋር ፡ ሐዎም ፡ ንምቅባል ፡ እሺ ፡ ዚበሉ ፡ እምበር ፡ ሐሳባቶምስ ፡ ሕነ ፡ ሐዎም ፡ ወይ ፡ ሕነ ፡ አቦኦም ፡ ኪኸፍሉ ። ከምዝነበረ ፡ ርግጽ ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ዋሕስ ፡ ዓጊቶም ፡ ጋር ፡ ሐዎም ፡ ከምዘየእትወ ፡ ፈሊጥና ፡ እንዳበ ፡ ከምዚ ፡ ን ሕግግ ፡ አሎና ። ቀታሊ ፡ ብጋር ፡ ምስ ፡ ተዓርቀ ፡ በታ ፡ ቆጸርኡ ፡ እን ተ ፡ ዘይከፈለ ፡ እቲ ፡ ዘዕረቀ ፡ ዳኛ ፡ ብቅልጡፍ ፡ ንንጉሥ ፡ ይንገር ፡ እቲ ፡ ቀታሊ ፡ ድማ ፡ ብሐይሊ ፡ ንጉስ ፡ ገንዘቡ ፡ ከአ ፡ ይተሐረጅ ፡ ዕዳ ፡ ጋር ፡ ከይተኸፍለ ፡ ደም ፡ አይድቅስን ፡ እዩሞ ፡ ብቅልጡፍ ፡ ይከፈል ።

## ፯ ። ናይ ድንገት ሞት ቅትለት ።

ቈልዓ ፡ ካብ ፡ ፲፬ ፡ ንታሕቲ ፡ ዝሰደሚኡ ፡ ብድንገት ፡ ደርቢዩ ፡ ወይ ፡ ሃሪሙ ፡ ነብሲ ፡ እንተቐተለ ፡ ጋር ፡ ዩአ ፡ ይኽፈል ፡ እምበር ፡ ብሕኑቕ ፡ አይሙት ።

ከምኡውን ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ጸወታ ፡ ብቕርሳ ፡ ወይ ፡ ጥምቢ ፡ ወይ ፡ ኩዑሶ ፡ አኩድር ፡ ንዕኡ ፡ ዝመስል ፡ ካልእ ፡ ጸወታውን ፡ እሞ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ጽልኢ ፡ ዘይነበሮም ፡ ሰባት ፡ ሐዲኦም ፡ ብድንገት ፡ ወቒዑ ፡ እንተቀተለ ፡ ጋር ፡ ደአ ፡ ይኽፈል ፡ እምበር ፡ ብሕኑቕ ፡ አይሙት ።

ሰራቒ ፡ ናብ ፡ ቤቱ ፡ ኪሰርቅ ፡ ምስ ፡ ጸንሖ ፡ ብለይቲ ፡ እሞ ፡ እቲ ፡ ዋና ፡ ቤት ፡ ብድንገት ፡ ነቲ ፡ ሰራቒ ፡ ሃሪሙ ፡ እንተቐተሎ ፡ ጋር ፡ እዩ ፡ ዝኽፍል ፡ እምበር ፡ ብሕኑቐ ፡ ኪመውት ፡ አይግብእን ፡ እዩ ። እቲ ፡ ሰራቒ ፡ ንበዓል ፡ ቤት ፡ እንተቐተሎ ፡ ግና ፤ ናይ ፡ ቤት ፡ ዝገሃሰ ፡ ፴ ፡ ፈርጊ ፡ ይኽፈል ፡ እተን ፡ ዝወሰደን ፡ ገንዘብ ፡ ወይ ፡ አቓሑ ፡ ብኽሰበት ፡ ከፈሉ ፡ ብሕኑቕ ፡ ይሙት ።

ከምኡውን ፡ ዘማዊ ፡ ናብ ፡ ሰበይቲ ፡ ሰብአይ ፡ ብለይቲ ፡ ኪዝሙ ፡ ምስተረኽበ ፡ እቲ ፡ ዋና ፡ ቤት ፡ ሃሪሙ ፡ ብድንገት ፡ እንተቐተሎ ፡ ጋር ፡ እዩ ፡ ዝኽፍል ፡ እምበር ፡ አይተሐነቕ ፤ እቲ ፡ ዘማዊ ፡ ነቲ ፡ በዓልቤት ፡ እንተቐተሎ ፡ ግና ፡ ስርቆ ፡ ዓርብዓ ፡ ማለት ፡ ፵ ፡ ፈ ፡ ከፈሉ ፡ ብሕኑቕ ፡ ይሙት ። እንተተዓርቁ ፡ ግና ፡ ከምቲ ፡ ተወሲኑ ፡ ዘሎ ፡ ጋር ፤ ናብ ፡ ርእሲ ፡ ፵ ፡ ፈ ፡ ናይ ፡ ስርቆ ፡ ይኽፈል ።

ነዳቓ ፡ እምኒ ፡ ኪቃብበሉ ፡ ከምኡውን ፡ መቐበልቲ ፡ እምኒ ፡ መሊቑዎም ፡ ነብሲ ፡ እንተቐተሉ ፡ ጋር ፡ ደአ ፡ ይኽፈሉ ፡ እምበር ፡ ሕኑቕ ፡ ኪሐልፉ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ።

ኦም ፡ ዝበትኽ ፡ ሰብ ፡ ምሳር ፡ ነጺሉ ፡ ወይ ፡ ከአ ፡ እቲ ፡ ዝበተኾ ፡ ኦም ፡ ሰብ ፡ ጸቒጡ ፡ እንተቐተለ ፡ ጋር ፡ እዩ ፡ ዝኽፍል ፡ እምበር ፡ ብሕ

ቅ ፡ ኣይሙት ። ከምኡውን ፡ ዓንደገመል ፡ ከነ ፡ መጥሐን ፤ እተሰብረ ፡ ይ ፡ ዝዓበረ ፡ ከብቲ ፤ ወይ ፡ ናብ ፡ ምስራሕ ፡ ቤት ፡ ብድንገት ፡ ጾር ፡ ስሩዎም ፡ ነብሲ ፡ እንተሞተ ፡ ብጋር ፡ ይኽፈሉ ፡ እምበር ፡ ብሕኑቅ ፡ ኣይቱ ። ንዕኡ ፡ ዝመስል ፡ ካልእ ፡ ናይ ፡ ድንገተሞት ፡ ከምኡ ፡ እዩ ።

## ፰ ። ብንጉሥ ዝደቀሰ ደም ።

ቀታል ፡ ነብሲ ፡ ንጉሥ ፡ ኣሲሩዎ ፡ ከሎ ፡ ናብ ፡ ማእሰርቲ ፡ እንተ ፡ ተ ፤ ወይ ፡ ከአ ፡ ንጉሥ ፡ ፈሪዱ ፡ እንተረሸኖ ፡ ንጉሥ ፡ ባዕሉ ፡ ሕኔ ፡ ድዩሎም ፡ እዩሞ ፡ እቲ ፡ ደም ፡ ድቁስ ፡ እዩ ። መታን ፡ እቲ ፡ ደም ፡ ዝዩ ፡ ኪጸሪ ፡ ግና ፡ እቲ ፡ ቀታል ፡ ነብሲ ፡ መንግሥቲ ፡ ፈሪዱ ፡ ዝርሸ ፡ እንተኾይኑ ፡ ከም ፡ ሥርዓት ፡ እንዳበ ፡ በታ ፡ ዝርሸነላ ፡ መዓልቲ ፡ ቶም ፡ ኣዝማድ ፡ ናይ ፡ መዋትን ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ዓዶምን ፡ ጭቃ ፡ ዓዶን ፡ ተጸዊዖም ፡ እቲ ፡ ቀታሊ ፡ ናብ ፡ ቅድሚኦም ፡ ክርሸን ፡ ይግባእ ፡ ለቲ ፡ ደም ፡ ጨሪሱ ፡ ኪድቅስ ፡ ብድሕሪዚ ፡ ሕነ ፡ ምፍዳይ ፡ የልቦን ፡ ከዐይ ፡ እቲ ፡ ሕነ ፡ ብፍትሐ ፡ ንጉሥ ፡ ፈድዩሎም ፡ እዩ ።

ብድሕርዚ ፡ ዘይንጉሥ ፡ ዝቀተሎ ፡ ንሕና ፡ ድማ ፡ ባሰልና ፡ ካብቶም ተሰቡ ፡ ዘይንቐትል ፡ ኢሎም ፡ ንሐደ ፡ ሰብ ፡ ካብቲ ፡ ንጉሥ ፡ ዝረሸኖ ይ ፡ ናብ ፡ ቤት ፡ ማእሰርቲ ፡ ዝሞተ ፡ ካብ ፡ ቤተ ፡ ሰቡ ፡ ሕነ ፡ ኢሎም ፡ ንተቀተሉ ። ናብ ፡ ርእሲ ፡ ንጉሥ ፡ ኣይፈርዶ ፤ ናብ ፡ ርእሲ ፡ ማይ ፡ ዊ ፡ ኣይኣጉዱ ፡ እዮም ፡ ነዚኦ ፡ ሐሲፉ ፡ ዝቀተለ ። ሰጽፊ ፡ ጋር ፡ ከሉ ፡ ብሞት ፡ ይቀጻዕ ።

## ፱ ። ቅትለት ናብ መንጎ ወላድን ውሉድን ውሉዱ ዝቐተለ ።

ውሉዱ ፡ ዝቐተለ ፡ ወላዲ ፡ ሰብአይ ፡ ኰነ ፡ ሰበይቲ ፡ ብሥርዓት ፡ መንግሥቲ ፡ ንጉሥ ፡ ባዕሉ ፡ ይቕጻዓዮ ። ከምኡውን ፡ ውላድ ፡ ንወላድኡ ዝቐተለ ፡ ንጉሥ ፡ ባዕሉ ፡ ይቕጻዓዮ ። እዚ ፡ ማለት ፡ ብጋር ፡ እንተ ፡ ተኻፊሉ ፡ ገንዘብ ፡ ወላዲ ፡ ውሉድ ፡ እዩ ፡ ዝወርሰ ፡ ገንዘብ ፡ ውሉድ ፡ ከኣ ፡ ወላዲ ፡ እዩ ፡ ዝወርሰ ፡ እሞ ። መንግሥቲ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ወላዲን ፡ ውሉድን ፡ ኪፈርድ ፡ ግቡእ ፡ ስልጣን ፡ አለዎም ፡ ባዕሉ ፡ ይቕጻዓዮም ።

## ፲ ። ናይ አበጋሮ ሞተ ቅትለት ።

አብ ፡ አምባ ፡ ጋሮ ፡ ዝሞተ ፡ ሰብ ፡ እቲ ፡ ቅድም ፡ ዝሃረሞ ፡ እዩ ፡ ቀታሊኡ ፡ ምንም ፡ ብድሕሪኡ ፡ አዳጊሞም ፡ ካልኣት ፡ እንተሃረሙዎ ፡ ቀተልቲ ፡ አይኰኑን ፡ ዘረይቲ ፡ እዮም ፤ ስለዚ ፡ ናብ ፡ አምባ ፡ ጋሮ ፡ ቅድም ፡ ዝሃረመ ፡ ብሕኑቅ ፡ ይሕለፍ ።

ናብ ፡ አምባ ፡ ጋሮ ፡ ዝሞተ ፡ ሰብ ፡ እሞ ፡ ቅድም ፡ ዝጠቅዖ ፡ እንተ ዘይተፈልጠ ፡ እቶም ፡ ናብ ፡ አምባ ፡ ጋሮ ፡ ዝነበሩ ፡ መበእስቱ ፡ ኩሎም ፡

ሰጭ ፡ አውዲቆም ፡ ሕኑቅ ፡ ይሃብዎም ፤ እንተ ፡ ተዓርቂ ፡ ግና ፡ ብጊር ፡ ይደቅሱ ። እቲ ፡ ጋር ፡ ከአ ፡ ኩሎም ፡ ይኽፈሉዎ ።

ናብ ፡ አምባ ፡ ጋሮ ፡ ኰነ ፡ ወይ ፡ ብካልእ ፡ መዓልቲ ፡ ተጻናትዮም ፡ ወይ ፡ ሃስዮም ፡ አበርቲያም ፡ ወቒያም ፡ ዝሐደግዎ ፡ እሞ ፡ ምናልባት ፡ ም ስትንፋሱ ፡ ጸኒሑ ፡ እክለ ፡ እዩ ፡ ዝሃረመኒ ፡ ኢሉ ፡ ነጊሩ ፡ እንተ ፡ ሞተ። እቲ ፡ ሃሪሙኒ ፡ ዝበሎ ፡ ሰብ ፡ ብሕኑቅ ፡ ይሕለፍ ። ከመይ ፡ እቲ ፡ ምስ ክር ፡ ናይቲ ፡ ውጹዕ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ሕዮወትኒ ፡ ሞትኒ ፡ ዘሎ ፡ ሰብ ፡ ቅ ውም ፡ ይኹን ።

ብእዋን ፡ ኲናት ፡ ኰነ ፡ ወይ ፡ ንጉሥ ፡ ክርሺና ፡ ዝደለየ ፡ ወይ ፡ ኪ ቀጽዖ ፤ ኪአስሮ ፡ ዝደለዩ ፡ ኩሉ ፤ እቲ ፡ ንጉሥ ፡ ንወተሃደሩ ፡ አዚዙ ፡ እዩ ፡ ዝገብሮ ፡ እሞ ፡ ነዚ ፡ ከምዚ ፡ ዝመሰለ ፡ ብፍቓድ ፡ ንጉሥ ፡ እተአ ዘዘ ፡ ወተሃደር ፡ ቂምኒ ፡ በቕልኒ ፡ ጌሩ ፡ ሕነ ፡ ኪፈዲ ፡ እተረኽበ ፡ ብቅት ለት ፡ እንተኰነ ፡ ናብ ፡ ርእሲ ፡ ጋር ፡ ነቲ ፡ ዝሞተ ፡ ምስ ፡ ከፈለ ፤ እንደገ ና ፡ ንንጉሥ ፡ ፲፻ ፡ ፈ ፡ ይኽፈል ።

እቲ ፡ ሕነ ፡ ዝኸፍል ፡ ብማህረምቲ ፡ ጥራይ ፡ እንተ ፡ ኰነ ፡ ከአ ፡ ነቲ ፡ እተሃርመ ፡ ወተሃደር ፡ ከምቲ ፡ ናብ ፡ ሕጊ ፡ ተወሲኑ ፡ ዘሎ ፡ ይኽሐስ ። ናብ ፡ ርእሲኡ ፡ ንመንግሥቲ ፡ ከአ ፡ ፴ ፡ ፈ ፡ ይሰድ ፤ እዚ ፡ ንወተሃደር ፡ ናብ ፡ ትሕቲ ፡ ንጉሥ ፡ ዝነበሩን ፡ ንተረፈቱን ፡ ኩሉ ፡ ሓደ ፡ እዩ ።

## ፲፩ ። ጽሉል ዝቐተሎ ሰብ ።

ጽሉል ፡ ነብሲ ፡ እንተቀተለ ፡ ይተሐነቅ ፤ እቶም ፡ ቤተሰብ ፡ ናይ ፡ መዋቲ ፡ እንተ ፡ መሐርዎ ፡ ግና ፤ መታን ፡ ካልኣይ ፡ ጊዜ ፡ ነብሲ ፡ ከይቀትል ፡ ብጽኑዕ ፡ ይተኣሰር ።

እቶም ፡ ኣሕዋት ፡ መዋቲ ፡ ግና ፡ ንቲ ፡ ቀታሊ ፡ ማለት ፡ ንቲ ፡ ጽሉል ፡ ገዲፎም ፡ ንቶም ፡ በደል ፡ ዜብሎም ፡ ቤተሰብ ፡ ናይቲ ፡ ጽሉል ፡ ሕነ ኢሎም ፡ እንተቀተሉ ፤ ሕኑቕኒ ፡ ጋርኒ ፡ ይኸፈሉ ።

## ፲፪ ። ብዛዕባ መሬት ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ሎሚ ፡ ጭዋ ፡ ዘሎ ፡ ርስተኛ ፡ ኩሉ ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ጻለማ ፡ ኮነ ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ ኮነ ፡ ዓዲ ፡ ኣትዩ ፤ ቤት ፡ ኣጢሉ ፡ ይሕረስ ፡ ዘይኣቶን ፡ ዘየጠሰን ፡ ግና ፡ ይክልከል ።

ኣሳሕበ ፡ መሬት ፡ ካብቲ ፡ ዘጸለሙላ ፡ መዓልቲ ፡ ክሳዕ ፡ ፴ ፡ ዓመት ፡ ሐዲኦም ፤ ካብ ፡ መሬተይ ፡ መሬትካ ፡ ይገፍሕ ፡ እሞ ፡ ኣሳሕበ ፡ ንግበር ፡ እንተበለ ፤ ናብ ፡ መሬት ፡ ርስቲ ፡ ይኹን ፡ ወይ ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ወርቂ ፡ ናይ ፡ ኣበታቶም ፡ ይኹን ፡ ኪሰሐሕቡ ፡ ይከኣል ፡ እዩ ፣ ብድሕሪ ፡ ዓር

ብዓ ፡ ዓመት ፡ ግና ፡ አሳሕበ ፡ የልቦን ፡ በብዝሐዘዙም ፡ ይቑሙ ። ስለም ንታይ ፡ ብዙሕ ፡ ነገርን ፡ ሀውከትን ፡ ዚልዕል ፡ እዩ ።

ጓል ፡ ወይ ፡ ወዲ ፡ ጓል ፡ ብጸልሚ ፡ ዝጸንሔ ፡ መሬት ፡ አይደዩሱ ። ከምኡውን ፡ ብዴሳ ፡ ዝጸንሔ ፡ መሬት ፡ አየጸልሙ ፡ አይሸጡ ፡ አያለው ጡ ። ደቂ ፡ ወዲ ፡ ግና ፡ ክድይሱና ፡ ኬጸልሙን ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ አቦአ ም ፡ ይከአሉም ፡ እዩ ።

ጓል ፡ ሉን ፡ ጭዋ ፡ ተፈቲሐ ፡ ወይ ፡ ሰብአያ ፡ መይቱዋ ፡ እታ ፡ ጓል ወዲ ፡ ብቃንዳ ፡ እንዳ ፡ አቦአ ፡ እንተመጸት ፡ ከምዝግባእ ፡ ምስ ፡ አሕዋ ታ ፡ መሬት ፡ ትርከብ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ አትያ ፡ ትሕረስ ፡ ትሕፈስ ።

ወዲ ፡ ጓል ፡ ብቀንዱ ፡ ካብ ፡ እንዳበይ ፡ እንዳኖይ ፡ ይደልወኒ ፡ እን ተበለ ፡ ናብ ፡ እንዳኑኡ ፡ ቤት ፡ አጢሱ ፡ ዓዲ ፡ ተቀሚጡ ፡ ይሕረስ ፡ ይ ሕፈስ ።

ቅድሚ ፡ ሉሚ ፡ ማለት ፡ ፲፻፱፻፴፮ ፡ ዓ ፡ ም ፡ ናብ ፡ እንዳኑኡ ፡ ወይ ፡ ላንዳ ፡ ዓበዩ ፡ ቤት ፡ ሰሪሑ ፡ ዓዲ ፡ አትዩ ፡ ዝሐርስ ፡ ዝሐፍስ ፡ ዝነበረ ፡ በዝሐዘ ፡ ይቑም ።

ሐው ፡ ዜብላ ፡ ጓል ፡ መሬት ፡ አቦአ ፡ ከም ፡ ወዲ ፡ ልክዕ ፡ ኩይና ፡ ኖልሚ ፡ እንተኩን ፡ ብጸለማ ፡ ዴሳ ፡ እንተኩን ፡ ብዴሳ ፡ ዓዲ ፡ አትያ ፡ አ ቢሳ ፡ ትርከብ ። ግና ፡ አይትሸጥ ።

ጓል ፡ ወይ ፡ ወዲ ፡ ጓል ፡ ንሐብታ ፡ ወይ ፡ ብወለዶ ፡ ንመኻፍልታ ፡ ቀድሚኺ ፡ አሒጅ ፡ ኢላ ፡ አይትኸልከላ ፡ ከመይ ፡ ጓል ፡ ንጓል ፡ ክትከ ልክላ ፡ አይከአልን ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ዓዲ ፡ አትየን ፡ ስሚ ፡ አውዲቀን ፡ ይሕረሳ ፡ ይሕፈሳ ፡ ግና ፡ አይሸጣ ፡ አይለውጣ ፡ አይጸልማ ፡ ስለምንታይ ፡ ወዲ ፡ ጓል ፡ መሬት ፡ አጸሊሙ ፡ ሽይጡ ፡ እንተኺዱ ፡ እቲ ፡ ርስቲ ፡ ኪ በፍእ ፡ እዩ ፡ እንተሸጠ ፡ አይርጋእ ።

## ፲፫ ። መሬት ፡ እንዳዓባየይ ዝብል ሰብ ።

መሬት ፡ እንዳ ፡ ዓባዩይ ፡ ክረክብ ፡ ዝብል ፡ ሰብ ፡ በዚሒሑ ፡ ገለ ፡ ሰበት ፡ ክሳዕ ፡ ፯ይ ፡ ወለዶ ፡ እንዳዓባዮም ፡ ገሊኦም ፡ ክአ ፡ ክሳዕ ፡ ፲ይ ፡ ወለዶ ፡ እንዳዓባዮም ፡ ብኻል ፡ ጸብጺቦም ፤ ካብዚ ፡ ዓዲዚ ፡ ነቒላ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ እከለ ፤ ካብኡ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ እከለ ፡ እናበሉ ፡ ናብ ፡ ብዙሕ ፡ ዓዲታት ፡ አሕጆም ፡ ነቶም ፡ ደቂ ፡ ወዲ ፡ ብዙሕ ፡ ሽጋርን ፡ ጸበባን ፡ ከምዝኾነ ፡ ርኢና ፡ ከምዚ ፡ ነቅወም ፡ አሎና ።

ብዝኾነ ፡ ወለዶ ፡ እንዳዓባየይ ፡ ኢሉ ፡ መሬት ፡ ዝኸሰሰ ፡ ሰብ ፤ እታ ፡ ዓባዩ ፡ ብሃጸይ ፡ ዮሃንስ ፡ ግብርኻን ፡ ድግርኻን ፤ ኢሎም ፡ ምስ ፡ አጠፉ ፤ እታ ፡ ዓባዩ ፡ ምስቶም ፡ አጠዳት ፡ አሕዋታ ፡ ሐቢራ ፡ ንመሬት ፡ አቦአ ፡ ግብሪ ፡ ዮሃንስ ፡ ከምዝኸፈለት ፤ እንተረትዔ ፡ ክሳዕ ፡ ፱ይ ፡ ወለዶአ ፡ ይሕረስ ፤ ካብ ፡ ፰ይ ፡ ወለዶ ፡ ግና ፡ ወለዶኡ ፡ ደአ ፡ ይአመኑ ፡ እምበር ፡ መሬት ፡ የልብሉን ፡ ክልኩል ፡ እዩ ።

እቲ ፡ እንዳ ፡ ዓባየይ ፡ ዝብል ፡ ሰብ ፡ ግብሪ ፡ ዮሃንስ ፡ ዓባዩ ፡ ከምዝኸፈለት ፡ መርትዖ ፡ ዝሰአነ ፡ ግን ፡ ካብታ ፡ መሬት ፡ ይክልከል ። ነቶም ደቂ ፡ ወዲ ፡ ትኹን ።

ሐደ ፡ ሰብ ፡ ናብ ፡ ጸሎም ፡ መሬት ፡ እሞ ፡ ናብ ፡ ሐደ ፡ ዓዲ ፡ እንተኾነ ፤ መሬት ፡ አቦኡ ፡ ካብቶም ፡ ሐደ ፡ ገዛ ፡ ጸሎም ፡ ከምኡውን ፡ መሬት ፡ አዲኡ ፡ ካብቶም ፡ ካልአይ ፡ ገዛ ፡ ጸሎም ፡ እንተኾነ ፡ እቲን ፡ ዝግብ

አ ፡ መሬት ፡ ጽልሙ ፡ ይርከብ ፡ ከምታ ፡ እማቅላኡ ፡ ድማ ፡ ይተአዘዘለን ፡ ይኰድረለን ፡ ግብሪ ፡ ንጉሥ ፡ ኰነ ፡ ጥርቂ ፡ ዓዲ ፡ ኩነ ፡ ይኸፈለለን ፡ ጢሳኡ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ሐደ ፡ ይኹን ።

ሐደ ፡ ሰብ ፡ ካብ ፡ መሬት ፡ እንዳ ፡ አቦኡን ፡ ካብ ፡ መሬት ፡ እንዳ ፡ አዲኡን ፡ ካብ ፡ ክልቲኦም ፡ መሬት ፡ ወሲዱ ፡ እናሐረሰ ፡ እሞ ፡ እቶም ፡ እንዳቦኡን ፤ እንዳኑኡን ፡ ብመሬት ፡ እንተተባእሱ ። እንተ ፡ ክእለ ፡ ይዕረቆም ፤ እንተ ፡ ዘይክእለ ፡ አፉ ፡ አኪቡ ፡ ስቅ ፡ ይበል ፡ ናብ ፡ መንጎኦም ፡ አይእቶ ፡ አየዕልል ፡ አየውሪ ፡ ከመይ ፡ እቲ ፡ ወረን ፡ ሰላልን ፡ ብድሕሪ ፡ ነዊሕ ፡ መዓልቲ ፡ ምስክር ፡ ይታ ፡ ኰይኑ ፡ እዩ ፡ ዝርከብ ። ነዚ ፡ አሐሊፉ ፡ ምስ ፡ እንዳቦኡ ፡ ኰይኑ ፡ ነቶም ፡ እንዳኑኡ ፡ መሬትኩም ፡ አይኰነን ፡ ኢሉ ፡ እንተመጕቶም ፡ ወይ ፡ ከአ ፡ ነቶም ፡ እንዳቦኡ ፤ ምስ ፡ እንዳኑኡ ፡ ከምኡ ፡ እንተመጕቶም ። ነታ ፡ ዝበልዓላ ፡ መሬት ፡ ፈትዩ ፡ ኪሕዱዋ ፡ እዩም ፡ ንውሉድ ፡ ወለዶኡ ፡ ይልቀቃ ፡ ካብታ ፡ ዝኸሐዳ ፡ መሬት ፡ ክፍሊ ፡ የልብሉን ። እቲ ፡ ንሱ ፡ ዘውረዮ ፡ ወረ ፡ ድማ ፡ ምናልባት ፡ ካብኡ ፡ ሰማዒ ፡ ዝብል ፡ ምስክር ፡ ፍሩስ ፡ ይኹን ።

ናብ ፡ ጽሉም ፡ መሬት ፡ አትክልቲ ፡ እቲ ፡ ዋና ፡ መሬት ፡ ከም ፡ ድላዩ ፡ ኪተክል ፡ ይኽእል ፡ እዩ ። መሬት ፡ ደሳ ፡ እንተኾነ ፡ ግና ፡ ቅድሚ ፡ ሎሚ ፡ ተተኺሉ ፡ ዘሎ ፡ አታኽልቲ ፡ ብዝኾነ ፡ ይኹን ፡ ኪለቂቕ ፡ አይግበአን ፡ እዩ ። አትክልቲ ፡ ማለት ፡ ከም ፡ ትርንጕ ፡ ለሚን ፡ ወይኒ ፡ ንዕኡ ፡ ዝመስል ፡ ክልእ ፡ ውን ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ፫ ፡ ሸማግለ ፡ ብዝገመትዎ ነታ ፡ ግራት ፡ አትክልቲ ፡ ከንዲ ፡ መምበር ፡ ኻል ፡ መምበር ፡ ወይ ፡ ቀጠጠ ፡ ትኹን ፡ ብዝበልዋ ፡ ካብ ፡ ኢድ ፡ ዋና ፡ አታኽልቲ ፡ አይትልቀቕ ።

ካብ ሕጂ ፡ ንዳሐር ፡ ከምኡ ፡ ዝመሰለ ፡ አትክልቲ ፡ ኪተክል ፡ ዝደለ ፡ ሰብ ፡ አቀዲሙ ፡ ኣብ ፡ ፫ ፡ ሸማግለ ፡ መናበርቲ ፡ መሬት ፡ ፍቓድ ፡ ይ

ለምን ፣ እንተፈቀዱሉ ፣ ይትከል ፣ እንተኸልእዎ ፣ ግና ፣ እቲ ፣ ሓሙቓ ፣ ዓድ ን ፣ ምስለኔን ፣ እታ ፣ በታ ፣ ርእዮም ፣ ንታኽልቲ ፣ ትኹንኒ ፣ አይትኹንኒ ፣ ይበልዋ ።

ደረት ፣ ግራት ፣ ናብ ፣ ጐልጐል ፣ ፪ ፣ እመት ፣ ይኹን ፣ ናብ ፣ ጐበ ፣ እንተኮነ ፣ ግን ፣ ፫ ፣ እመት ፣ ይኹን ፣ ስለ ፣ ውሕጅ ፣ ከየፍርስ ፣ ናይ ፣ ገደና ፣ ፭ ፣ እመት ፣ ነዘይ ፣ ግን ፣ ብ፫ ፣ ሽማግለ ፣ ተረጊጹ ፣ ካብ ፣ ፪ ፣ መዳርቲ ፣ ይውጻእ ።

## ፲፱ ። መሬት ዴሳ ።

መሬት ፣ ዴሳ ፣ ብኢድ ፣ ፯ ፣ ሽማግለ ፣ እዩ ፣ ዚዋፈር ። እቶም ፣ ፫ተ ላዕለዎት ሽማግለ ፤ ዝግበአን ፤ ዘይግብአን ፣ ፈልዮም ፣ ነቶም ፣ ፫ተ ፣ ቃሮ ፣ ዝህቡ ፣ እዮም ። ይግባኢ ፣ ኢሉ ፣ ናብ ፣ ዳኛ ፣ ዝመጉት ፣ እንተ ተረኸበውን ፣ ዝገጥሙዎ ፣ ንሳቶም ፣ እዮም ። እዚኦም ፣ ፫ ፣ ሽማግለ ገላጽ ፣ ይበሀሉ ።

እቶም ፣ ፫ ፣ ሽማግለ ፣ ታሕተዎት ፣ ከአ ፣ መሬት ፣ ገበር ፣ ኩሉ ፣ ብ ዋን ፣ ዋሬዳ ፣ ናብ ፣ ኢዶም ፣ ከሚሮም ፣ ረጒድኒ ፣ ረቂቅኒ ፣ መዘኖም ብድልይል ፣ ሰብ ፣ አጡዲቶም ፣ ነቲ ፣ ይግብአ ፣ እተበሀለ ፣ ገበር ፣ ዝዐ ቅሉ ፣ እዮም ። ከምኡውን ፣ ናይ ፣ ዝሞተ ፣ ገበር ፣ ወይ ፣ ዝለቀቀ ፣ ገ ር ፣ ናብ ፣ ኢዶም ፣ መሊሶም ፣ ንዝግብአ ፣ ገበር ፣ ዝህቡ ፣ እዮም ፣ እዚ ም ፣ ፫ ፣ ሽማግለ ፣ ዓቓር ፣ መሬት ፣ ይበሀሉ ።

ነዚእም ፡ ግና ፡ ከኸብ ፡ ማይቡት ፡ ለበማት ፡ መሪጹ ፡ ዳኛ ፡ እዩ ፡ ገ፡
ረቐሖም ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ ቤት ፡ አጢሱ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ዝአቶ ፡ ይከፈል ፡
ዘየጠሰን ፡ ዘይአቶን ፡ ግና ፡ ይከልከል ፡፡ ስለዚ ፡ መሬት ፡ ተመቀሉ ፡ ና
ብ ፡ ክልአ ፡ ዓዲ ፡ እንተ ፡ ተቀመጠ ፡ እታ ፡ መሬት ፡ እተመቅላ ፡ ናብ ፡
፫ ፡ ዓቃሮ ፡ ትተሐገዘ ፤ ንሳቶም ፡ ንዳኛ ፡ ነጊሮም ፡ ንዝግብአ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡
አትዩ ፡ ዘሎ ፡ ገባር ፡ ይሃብዎ ፡፡ ንሱ ፡ ንዳሕራይ ፡ ዋሬዳ ፡ ይጸበ ፡፡

ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ መታን ነቶም አሙናት ገባር ኪታልሎም፤ ቤት
ንእስቶይ ፡ ሰሪሑ ፤ ናብአውን ፡ ቱሩብ ፡ መዓልቲ ፡ ደቂሹ ፡ አትዩ ፡ ኢሉ ፡
ዝመቀሉ ፡ መሬት ፡ ግቡእ ፡ ምእታው ፡ ኪበሃል ፡ አይከአልን ፡ እዩ ፤ ግ
ቡእ ፡ ምእታው ፡ ከምቶም ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ተቀሚጦም ፡ ዘለዉ ፡ ገባር ፡ ጋ
ሻ ፡ ብርሃንኒ ፡ ጋሻ ፡ ጸልማትኒ ፡ ምቅባል ፤ እዚ ፡ ንጉሥኒ ፡ እዚ ፡ ዓድን ፡
ምፍጻም ፡ እዩ ፡፡ ስለዚ ፡ እቲ ፡ አትየ ፡ ኢሉ ፡ መሬት ፡ እተመቅለ ፡ ሰብ
እታ ፡ ሰበይቱ ፡ ካብታ ፡ ዝአተወላ ፡ መዓልቲ ፡ ካብ ፡ ዓዲ ፡ አይትልቀቕ፡ ካብ
አ ፡ ብዘይ ፡ ፍቓድ ፡ ዳኛ ፡ ወይ ፡ ብዘይ ፡ ፍቓድ - እቶም ፡ ቀረብ ፡ አይት
ኪድ ፡ ድንገታ ፡ ንዳኛ ፡ ነጊራ ፡ ሕራይ ፡ ኪዱ ፡ እንተ ፡ በላ ፡ ዳኛ ፡ ትኺድ ፡
ነሊአ ፡ ሐሊፉ ፡ ብዘይ ፡ ፍቓድ ፡ ዝኸደ ፡ ፴ ፡ መዓልቲ ፡ ከይተመለሰት ፡
እንድሕሪ ፡ ናብ ፡ ክልአ ፡ ዓዲ ፡ ተቀሚጣ ፡ ነተን ፡ እተመቅለን ፡ ግራሁ ፡
፫ ፡ ሽማግለ ፡ ዓቃሮ ፡ ከም ፡ ሐደጋ ፡ ገባር ፡ መጠን ፡ ንዳኛ ፡ ነጊሮም ፡ ን
ግቡእ ፡ ገባራይ ፡ ይሃብዎ ፡፡ እቲ ፡ ዋንኤን ፡ ዝነበረ ፡ ናብ ፡ ዳሕራዋይ ፡
ዋሬዳ ፡ ይጸበ ። ከመይ ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ ሐደ ፡ ገባራይ ፡ ካብ ፡
፪ ፡ ዓዲ ፡ ፪ ፡ መገበር ፡ ኪሕዝ ፡ አይግብአን ፡ እዩ ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ ሰብአይ ፤ ሰበይቱን ፡ ደቁን ፡ ጥሪቱን ፡ ናብ ፡ ዓ
ዲ ፡ ሐዲጉ ፤ ኪነግድ ፡ ወይ ፡ ኪሸቅል ፡ ወይ ፡ ካአ ፡ ካብቲ ፡ ሳሰሪ ፡ ኪብ

ልዕ ፡ ናብ ፡ ርሑቕ ፡ መገሽ ፡ እንተኸደ ፡ ሐንቲስ ፡ ሰበይቱ ፡ ደአ ፡ ካብ ፡ ዓዲ ፡ አይትልቀቕ ፡ እምበር ፡ መገበሩ ፡ ማለት ፡ መሬቱ ፡ ይርከብ ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ ክኮን ፡ ጽልሚ ፡ ኲኑ ፡ ወተሃደር ፡ ንጉሥ ፡ ምስ ፡ ሰበይቱ ፡ ናብ ፡ ንጉሥ ፡ ዘቀመጠ ፡ ዓዲ ፡ ተቀሚጡ ፡ መሬቱ ፡ ይሕረስ ። ከመይ ፡ ብፍቃድ ፡ ንጉሥ ፡ እዩ ፡ ገነብር ፡ እምበር ፡ ብፍቃዱ ፡ አይኮነን ።

መሬት ፡ ዴሳ ፡ ኪዋረድ ፡ ከሎ ፡ ካብ ፡ ፲፮ ፡ ነሐሴ ፡ ክሳብ ፡ ፳፩ ፡ ነሐሴ ፡ ማለት ፡ ብዓላት ፡ ማርያ ፡ ከየሐለፈ ፡ ኪጭረስ ፡ ይግብአ ። ከመይ ፡ እቲ ፡ መሬት ፡ እዋን ፡ ክራማት ፡ ከይሐለፈ ፡ ቃድራ ፡ ገኹን ፡ ኩሉ ፡ ኪጽጋእ ። እተዘርኤ ፡ ግራት ፡ ግና ፡ ክሳሰ ፡ ዝጋፍያኡ ፡ ዝሳጸ ፡ ማለት ፡ እቲ ፡ ፍርያቱ ፡ ተዓጺዱ ፡ ቀሚጡኡ ፡ እቲ ፡ ዝዘርአ ፡ ክሳዕ ፡ ዘልዕሉ ፡ ናብ ፡ ኢድ ፡ እቲ ፡ ዝዘርኤ ፡ ቀዳማይ ፡ ገበራይ ፡ እዩ ፡ ዝጸንሕ ፡ ቀሚጠ ፡ ምስ ፡ ተላዕለ ፡ ግና ፡ እቲ ፡ ዕጭ ፡ ዝበጽሖቶ ፡ እዩ ፡ ዝሐርሳ ። ቃድራ ፡ ዝጸንሔ ፡ መሬት ፡ ግና ፡ ካብታ ፡ ዕጭ ፡ ዝበጽሖቶ ፡ መዓልቲ ፡ እቲ ፡ ዳሕራዋይ ፡ ገበር ፡ እዩ ፡ ዝሐርሳ ። እቲ ፡ ቀዳማይ ፡ አጀይ ፡ ኪብል ፡ አይከአሎን ፡ እዩ ።

ከምኡውን ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ እቶም ፡ ፫ ፡ ላሰለምት ፡ ሸማግለ ፡ ፈረዮም ፡ ዝኽልክልዎ ፡ ሰብ ፡ ብዝኮነ ፡ ምኽንያት ፡ ንሽማግለ ፡ ከይተዋርዱ ፡ ኢሉ ፡ ኪግዝግዝ ፡ አይክአልን ፡ እዩ ፡ ስለምንታይ ፡ ንቶም ፡ አሸሐት ፡ ገበር ፡ ካብ ፡ መጡሰብ ፡ ማሕረሶም ፡ ብግዚ ፡ ኪዓግቶም ፡ አይግባእን ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ እቲ ፡ ዳኛ ፡ ነቲ ፡ ዝገዘዘ ፡ ሰብኒ ፡ ነቶም ፡ ፫ ፡ ፈራዮ ፡ ሸማግለን ፡ ዋሕሳት ፡ አትኪሉ ። ግዚ ፡ ኣሰልስል ፡ ይበሎ ፡ እንተ ፡ አበዩ ፡ እቲ ፡ ዳኛ ፡ ፫ ፡ ደናብ ፡ ቀጺዑ ፡ ነቲ ፡ ግዚ ፡ ባሰሉ ፡ የሰልስሎ ፡ መቃን ፡ እቲ ፡ ምሬት ፡ ከይበኽን ፡ ብድሕሪ ፡ ጥራሕ ፡ ነገሮም ፡ ሰሚዑ ፡ ዝግባእ ፡ እንተኮነ ፡ እቶም ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ነብ ፡ መንጎ ፡ ወይ ፡ ሐደጋ ፡ ገበር ፡ ወይ

መሐለውታ፡ ዘቀመጡዎ፡ ይርእዩሉ። ዘይግብኦ፡ እንተኾነ፡ ቅጽዓቱ፡ ከረሉ፡ ይልቀቖም።

ናብ፡ መሬት፡ ዴሳ፡ ርበሀ፡ ዝወጸ፡ ውላድ፡ ማለት፡ ወዲ፡ እቲ፡ ናብ፡ ዓዲ፡ ዝቕመጥ፡ ርስተኛ፡ መገበር፡ ኪምቀል፡ ይግብኦ፡ እዩ። ቤት፡ ዘየጤሰሰ፡ ክብልዎ፡ አይክእልን፡ እዩ።

ወዲ፡ ወጻኢ፡ ግና፡ ውሉድ፡ እዩ፡ ኢሉ፡ እንተመጸ፡ እሞ፡ ዝግብኦ፡ እንተኾነ፡ ቅድም፤ ክጥይስ፡ ይግብኦ፡ ብድሕሪኡ፡ ግና፡ መገበር፡ ሃቡኒ፡ ይበል።

ሰብአይ፡ ዝሞታ፡ ሰበይቲ፡ መገበር፡ ሰብአያ፡ አሕዳ፡ ደቃ፤ ተሰቢ ናብ፡ ከልእ፡ እንተ፡ ደመርዓወት፡ ግና፡ ትልቀቕ፡ አቶም፡ ቈልዑ፡ ምስ፡ ሐወቦኦም፡ ወይ፡ ምስ፡ ዓቢ፡ ሐዎም፡ ወይተዓሲቦም፡ ናብታ፡ እንዳቦኦም፡ ተቀሚጦም፡ እታ፡ መገበር፡ አቦኦም፡ ይርከቡ። አዲኦም፡ እተመርዓወቶ፡ እሞ፡ ናብ፡ ዓዳ፡ ምስአ፡ እንተኸዱ፡ ግና፡ ዜብሎም።

ዘኸታማት፡ ቈላው፡ አቦኦምኒ፡ አዴኦምኒ፡ ዝሞቱዎም፤ መሰበይኦም፡ መገበር፡ ይርከቡ። ዘይተመርዓኹም፡ ሐዳር፡ ዘይወጻእኩም፡ ኢሎም፡ አይከልክልዎም፡ ከመይ፡ ከ ይዓበዩ፡ ዝምርዮ፡ ሰብ፡ የልቦን።

ናብ፡ መሬት፡ ዴሳ፡ ናብ፡ ሐደ፡ ዓዲ፡ ፪ተ፡ ወይ፡ ፫ተ፡ ማይቤት፡ እሞ፡ እቲ፡ መሬቶም፡ ብጉንዱ፡ ጽሉም፤ ናብ፡ ገገዛኦም፡ ግና፡ ብዴሳ ዝሐርሱ፡ እንተኾኑ፡ እሞ፡ እቶም፡ ሐደ፡ ማይቤት፤ ክብዮም፡ ክልአይ ወይ፡ ክብዮም፡ ሳልሳይ፡ ጓል፡ ወሲዶም፤ ከብ፡ መሬት፡ አቦኦም፡ ፩፡ ሰጮ፡ ከብ፡ መሬት፡ ሰበይቶም፡ ከአ፡ ፩፡ ሰጮ፡ ኪወስዱ፡ አይክእልን፤ እዩ፡ ከመይ፡ ናብ፡ መሬት፡ ዴሳ፡ ንሰበይቲ፡ ፡ እቲ፡ ዝአተወቶ፡ ሰብአይ፡ እዩ፡ ቀላቢኣን፡ ከዳኒኣን፡ እዳ በር፡ ንመሬት፡ እንዳቦአ፡ ገዝሚ፡ ክትወስዶ፡ ግቡእ፡ አይኮነን። እሞ፡ ብመሬት፡ ሰብአይ፡ ትናበር።

ናይ ፣ ዝሞተ ፡ ገባር ፣ እሞ ፣ ቈላቡ ፣ ዚብሉ ፣ እንተኾነ ፣ ብድሕሪ ፡ ሞቱ ፣ ፩ ፣ ፍረ ፣ ንሐገዝ ፣ እክለመሰሊኡ ፡ እቶም ፣ ቀረብ ፣ ይገዝርኦም ፡ ንዘድልዮም ፣ ጉዳይ ፣ ይግበሩዎም ። ብድሕሪኡ ፣ ናብ ፣ ፫ ዓቃር ፣ ይተሐገዝ ።

ሐደጋ ፣ ገባር ፣ ዘለዎ ፡ መሬት ፣ ኩሉ ፡ ናብ ፣ ሊድ ፣ ፫ ፣ ዓቃር ፣ መና በርቲ ፣ ይተሐዝ ፣ ንሳቶም ፣ ከአ ፣ ክሳዕ ፣ ዓመታት ፡ ዋሬዳ ፣ ዝአክል ፣ ነቲ ፣ ዝግብኦ ፣ ናብ ፡ መንግ ፣ ዋሬዳ ፣ ዝመጸ ፣ ገባራይ ፡ ይሃብዎ ።

ዋሬዳ ፣ መሬት ፣ ብ፳ ፣ ዓመት ፣ ይኹን ፤ ስለቲ ፣ መሬት ፣ ኪዶኳዕኒ ፣ ኪዛለን ። ምንም ፣ ሐደስቲ ፣ ገባር ፣ እንተለዉ ፣ እቶም ፣ ፫ ሽማግለ ፡ ዓቃር ፣ ርእዮም ፣ የናብርዎም ፣ እምበር ፣ ቅድሚ ፣ ፳ ፣ ዓመት ፣ ዋሬዳ ፣ ነቲ ፡ እተዳኹዒን ፣ እተዛለን ፣ ክይግበር ፣ ኩልኩል ፣ እዩ ። ብድሕሪ ፣ ፳ ፣ ዓመት ፡ ግና ፣ ግቡእ ፡ ዋሬዳ ፣ ይገበር ፣ ስለምንታይ ፣ እቲ ፣ ጸዕረኛ ፡ ዝደኸመሉ ፤ እቲ ፣ ሀኩይ ፣ ኪበልዖ ፡ ግቡእ ፣ አይኮነን ።

ናብ ፣ መሬት ፣ ዴሳ ፣ ቅድሚ ፡ ዋሬዳ ፣ ዝጸግኤ ፤ እሞ ፣ ብድሕሪ ፣ ምጽጋኡ ፣ ዋሬዳ ፣ እንተገበሩ ። እቲ ፣ በዓል ፣ ጽግኢ ፣ እምሰይኢ ፡ ሂቡ ፣ ክሳዕ ፣ ፫ ፣ ፍረ ፣ ይብለዓላ ፤ እታ ፣ እምሰያ ፣ እትወሃብ ፣ ግና ፣ ብሊድ ፣ እቶም ፡ ፫ ፣ ሽማግለ ፣ ዚማቅሉ ፡ ይቀባበሉ ።

ናብ ፣ መሬት ፣ ዴሳ ፣ ንመትክል ፣ ካሊብቶስ ፣ ጭቃ ፣ ዓዲ ፣ ርእዩ ፣ ብ፫ ፣ ሽማግለ ፣ ጌሩ ፣ ይሃቦም ፡ ናብኡ ፣ ብሐንሳእ ፣ ሐጺሮም ፡ ተኻሪቦም ፣ ይትከሉ ፣ ከመይ ፣ ናብዚ ፣ ዓለም ፣ እትነብረሉ ፣ አባይቲ ፣ ግድን ፣ ዚድሊ ፣ እዩም ።

ናብ ፡ መንግ ፣ ግራሁ ፣ ናይ ፣ ዴሳ ፣ እቲ ፣ ጽላል ፣ ካሊብቶስ ፣ ንዘራእቲ ፣ ሲገዝዩ ፡ ዝገሎድእ ፣ እዩሞ ፣ ናብ ፣ ደረት ፡ ግራት ፣ ኮይኑ ፡ መይ ፣ ናብ ፣ ማእከል ፣ ግራት ፣ ናይ ፣ ዴሳ ፣ ኮይኑ ፣ ክይትትከል ፣ ኩልኩል ፣ እዩ ። ነዚ ፣ ሐሊፉ ፣ ዝተኸለ ፣ ፴ ፣ ሬርጊ ፣ ክሬሉ ፣ ነታ ፣ ተኸሊ ፣ ይልቀቃ ።

ቅድሚ ፡ ሎሚ ፡ ተተኺሉ ፡ ዝጸንሖ ፡ እሞ ፡ እታ ፡ እተተኽለታ ፡ መሬት ፡ ብዋሬኛ ፡ ናብ ፡ ክልእ ፡ እንተ ፡ በጽሔት ፡ እቲ ፡ ዝበጽሐቶ ፡ ሰብ ይሕረሳ ። እተን ፡ እተተከላ ፡ ክሊብቶስ ፡ ግና ፡ ነቲ ፡ ዝተኸለን ፡ ይኹና ፡ እተን ፡ ከብሊቶስ ፡ አግማል ፡ ንምኺን ፡ በሲለን ፡ እንተኾና ፡ ፫ ፡ ኸማግለ ፡ ርእዮም ፡ እቲ ፡ ዝተኸለ ፡ ብቅልጡፍ ፡ ይቁረጸን ። ሙልዶ ፡ ዘይበሰላ ፡ እንተኾና ፡ ግና ፡ ክሳዕ ፡ ዝበስላ ፡ ይጽንሐ ። ምስ ፡ በሰላ ፡ ግና ፡ ቆሪጹ ፡ እቲ ፡ ዝተኸለ ፡ ይውሰደን ።

## ፲፭ ። ግ ብ ረ መ ሬ ት ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ሎጎ ፡ ሒዞ ፡ ግራሁ ፡ እናሐረሰ ፤ ግብሪ ፡ ንጉሥ ፡ ዘይከፍል ፡ ርስተኛ ፡ ወይ ፡ በለመሬት ፡ ኪብል ፡ አይከአሎን ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ግብሪ ፡ ንጉሥ ፡ ከይከፈለ ፡ ፱ ፡ ዓመት ፡ ዝአክል ፡ እንድሕሪ ፡ ሐሊፈን ፡ ብድሕሪ ፡ ፱ ፡ ዓመት ፤ ናብቲ ፡ ግብሪ ፡ ንጉሥ ፡ ዝኸፈለላ ፤ ብዘድሊ ፡ ኩሉ ፡ ዚእዘዘላ ፡ ርስተኛእ ፡ ትኹን ፤ ሰብ ፡ ሐራ ፡ እዩ ፡ መሬት ፡ ግና ፡ ገባር ፡ እዩ ።

ሹመኛ ፡ መሬት ፡ ገባራይ ፡ አይሰድ ፤ ዝግብአ ፡ ዳኝነቱ ፡ ወይ ፡ ደናብ ፡ ዝቀጽዖ ፤ ወይ ፡ ናይ ፡ ውርዲ ፡ ክልአውን ፡ ንሰእ ፡ ዝመስል ፡ እንተሎ ፤ ብገንዘብ ፡ ደአ ፡ ቀሕስ ፡ ዓጊቱ ፡ የእትዎ ፡ እምበር ፤ ግራሁ ፡ ተሸሊጉ ፡ አይሰድ ፤ ከምኡውን ፡ ናይ ፡ ሰለጢን ፡ ኢሉ ፡ አይሰድ ፤ ከመይ ፡ ንዳሕራይ ፡ እዋን ፡ እቲ ፡ ሹመኛ ፡ ዝወሰዶ ፡ መሬት ፡ ንምምላሱ ፡ ብዙሕ ፡ ጻገም ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ናብ ፡ መጋን ፡ ሎጎ ፡ ሒዞ ፡ ብዩክ ፡ ሐደ ፡ ንጉሥ ፡

ክልእ ፡ ሰለጢን ፡ የልቦን ፤ እሞ ፡ እቲ ፡ ብዓመጽ ፡ ዝኸደ ፡ መሬት ፡ ብቕሑ ፡ ይመለስ ።

ገባራይ ፡ ንሹመኛ ፡ ብልማዱ ፡ ንቱሩብ ፡ እዋን ፡ ኪሐርስ ፡ ግራት ፡ ንት ፡ ሃቦ ፤ ክሳዕ ፡ እቲ ፡ ዋናኡ ፡ ልቀቐለይ ፡ ዝብሎ ፡ ይሕረስ ፡ ይሕሩስ እቲ ፡ ዋናኡ ፡ ኪደልየ ፡ መዓልቲ ፡ ግና ፡ አይምንቅር ፡ ናብ ፡ ዝደለየ ፡ ልቀቅሉ ። እቲ ፡ ልቀቀለይ ፡ ዝብል ፡ ገባራይ ፡ ክአ ፡ ቅድሚ ፡ ግንቦት ኪዛረብ ፡ ይግብኦ ። ግንቦት ፡ ምስ ፡ አቶ ፡ ልቐቕ ፡ እንተበሎ ፡ አይግኦን ፡ እዩ ፤ ናብ ፡ ቀረም ፡ ዓተር ፡ ወይ ፡ ቀረም ፡ ሰበረውን ፡ አይግብኦን እዩ ፡ ናብ ፡ ኢድ ፡ እቲ ፡ ብዓል ፡ ትሕዝ ፡ ትኸረም ፤ ብድሕሪ ፡ ፍርያት ይልቀቐሉ ።

ከምኡውን ፡ ጽግኢ ፡ ምስ ፡ ጸግአ ፡ ክሳዕ ፡ ፫ ፡ ፍረ ፡ ከምስራዕ ፡ አዳቦ ፡ ክይበልዕ ፡ ኪልቅቆ ፡ አይክአሎን ፡ እዩ ፡ እቲ ፡ ዝጸግኤ ፡ ፫ ፡ ፍረ ይብለዓላ ፡ እዚ ፡ ሥርዓት ፡ እዚ ፡ ንሹመኛን ፡ ንገባርን ፡ ትክክል ፡ እዩ

ልሳን ፡ ማንካ ፡ ንሐለቃ ፡ መሬት ፡ እዩ ፡ እትግባእ ፤ ስለዚ ፡ ብዝኾነ ምክንያት ፡ እተሐርደ ፤ ከብቲ ፡ ማለት ፡ ላምኒ ፡ ብዕራይኒ ። ከምኡውን ፡ ብድንገት ፡ ጸዲፎም ፡ ወይ ፡ ተሰቢሮም ፡ ወይ ፡ ሐሚሞም ፡ ዝሞቱ ኩሉ ። ልሳን ፡ ማንካ ፡ ነቲ ፡ ሹመኛ ፡ ሐለቃ ፡ መሬት ፡ ይሃብዎ ። ዝራኖ ፡ ፯ ፡ ፈርኺ ፡ ይኽሕስ ፤ ልሳን ፡ ማንካ ፡ ማለት ፡ ልሳንኒ ፡ ደቢትኒ ፡ ዩሞ ፡ ከምኡ ፡ ኪሀብዎ ፡ ይግባእ ።

## ፲፮። ኣናብብር ቤት።

ከባቢ፡ ዓዲ፡ ኩሉ፡ ናይ፡ ሉጎ፡ ጭዋ፡ ናብ፡ መሬት፡ ደሴ፡ ኹነ
ናብ፡ መሬት፡ ጽልሚ፡ ኮነ፡ ብ፫፡ ሸማግለ፡ እምበ፡ ኮለለ፡ ይቖረጽ፡
ብ፫፡ ሸማግለ፡ ከአ፡ ቤት፡ ንዘ.ግብእ፡ ቤት፡ የምስሉዎ፤ መገሃጫ፡ ገ
ግባእ፡ ከአ፡ መገሃጫ፡ ንምሉእ፡ ዓዲ፡ ይኹን።

ከባቢ፡ ዓዲ፡ እየርግጽን፡ ኢሉ፡ ዝኸልከለ፡ ፳፡ ፈ፡ ዓድዩ፡ እታ
ቦታ፡ ብ፫፡ ሸማግለ፡ ትረገጽ፡ ኡቲ፡ ናይ፡ ቅጽዓቱ፡ ፳፡ ፈርጊ፡ ናብ
ንጉሥ፡ እዩ፡ ዝአቱ።

ብ፫፡ ሸማግለ፡ እተረግጸ፡ ኩሉ፡ ከባቢ፡ ዓዲ፡ ኮነ፡ ዶብ፡ መሬት፡
ኮነ፡ መንገዲ፡ ኮነ፡ ንዕኡ፡ ዝመስል፡ ኩሉእውን፡ ብድሕሪ፡ ፫፡ ሸማግ
ለ፡ ኬፍርስ፡ እተረኸበ፡ ፳፡ ፈ፡ ዓድዩ፡ መሬት፡ ናብ፡ ሸማግለ፡ ዝገበ
ርዋ፡ ትመለስ።

ጉድጓድ፡ ናብ፡ ከባቢ፡ ዓዲ፡ ዝኮዓተ፤ ማለት፡ ቤት፡ ኪሰርሕ፡
መደብደብ፡ ሀድሞ፤ ወይ፡ ንባዕጢ፡ መንደቅ፤ ወይ፡ እምኒ፡ ኪፍንቅ
ል፡ ንኸምኡ፡ ዝመስል፡ ኩሉእውን፤ ዝኾዓተ፡ ሰብ፡ መታን፡ ብጸልማ
ት፡ ሰብኒ፡ ማልኒ፡ ከይጉድእ፡ ብቅልጡፍ፡ ይድፈኖ። ከይደፈኖ፡ ኩ
ሉ፡ ሰብ፡ ወይ፡ ከብቲ፡ እንተጎድኤ፡ ናይ፡ ሰብ፡ ከምጉድአቱ፡ ልክዕ
ከምቲ፡ ናብ፡ ሕጊ፡ ተወሲኑ፡ ዘሎ፡ ይኸፈል። ናይ፡ ከብቲ፡ ከአ፡ ከ
ምቲ፡ ብዛሰባ፡ ከብቲ፡ ተወሲኑ፡ ዘሎ፡ ሕጊ፡ ይኸፈል።

ኣማሳስሐ፡ ቤት፡ ጉኑ፡ ፲፫፡ እመት፡ ይኹን፡ ናይ፡ መንደቐ፡ ገንዘ

እመትኒ፡ ስድሪን፡ ይኹን ። ቑመቱ፡ ግና፡ ማለት፡ ካብ፡ ውሽጠ፡ ክሳ ዕ፡ ደምበ፡ እቶም፡ ፫ሽ፡ መማሳሕቲ፡ በታኡ፡ ርእዮም፡ ይለክዕዎ ።

ቤት፡ ምስ፡ ቤት፡ እናለገበ፡ ፮፡ ቤት፡ ይሰራሕ፡ ናብ፡ መንጎ፡ ፳ተ፡ አባይቲ፡ ግና፡ ፲፪፡ እመት፡ ንመንገዲ፡ ይትረፍ፡ ነዚእ፡ ሐሊፎም፡ እ ቶም፡ ፫፡ ሽማግለ እንተምስሑ፡ ፴፡ ፈ፡ ዓድዮም፡ ሽምግልነቶም፡ ይ ልቀቑ፡ ከመይ፡ ምንብባር፡ ዘይክእል፡ ንዓዲ፡ ከመርሕ፡ አይክእሉን፡ እዩ፡ እታ፡ ዘምስሐዋ፡ ሽባዓይቲ፡ ቤትውን፡ ከይትሰራሕ፡ ጭቃ፡ ዓዲ ይኸልክላ፡ ከመይ፡ ንመንገዲ፡ እያ፡ እትግበእ ።

ቤት፡ ዝሰርሕ፡ ሰብ፡ ብሽማግለ፡ ዓዲ፡ እዩ፡ ዝምሳሕ፡ እምበር፡ ብ ኢዱ፡ መሬት፡ ዓዲ፡ ኪሰርሕ፡ አይክእሉን፡ እዩ ። ስለዚ፡ ብዘይ፡ ሽ ማግለ፡ ዓዲ፡ ብኢዱ፡ መሬት፡ ዝወሰደ፡ ፳ፈ፡ ዓድዩ፡ ነታ፡ ዝወሰዳ፡ ይልቀቓ ። እንደገና፡ ብ፫፡ ሽማግለ፡ ይመሳሕ፡ ዝግብኦ፡ እንተኾነ ።

ቅድሚ፡ ክሊ፡ ዓዲ፡ ካብታ፡ ጽልምቲ፡ መሬቱ፡ ንብጫዩ፡ እንካ፡ ቤት፡ ሰሪሕካያ፡ ጽናሕ፡ እሞ፡ ክትለቅቕ፡ ኢኻ፡ ኢሉ፡ አውዒሊሉ፡ እንተነበረ፡ እሞ፡ ብድሕርዚ፡ እቲ፡ ክባቢ፡ ዓዲ፡ ነበይቲ፡ እንተተረግ ጸ ። ኬልቅቖ፡ አይክእሎን፡ እዩ፡ በታ፡ ዝሃበ፡ ሰሪሑ፡ ይቑም ። ከ መይ፡ ነቲ፡ ቐዳማይ፡ ውዑል፡ እቲ፡ ክቢ፡ ዓዲ፡ ደሳ፡ ምስራሕ፡ አፍ ሪሱዎ፡ እዩ ።

ክልተ፡ ጐረቤት፡ ብሐንሳእ፡ እንተተመስሑ፡ እቲ፡ እተመስሑዎ፡ አባይቲ፡ ተሳማሚያም፡ ብሐደ፡ ጐኒ፡ መንደቕ፡ እቲ፡ ሐደ፡ ጐረቤት፡ እቲ፡ ካልኣይ፡ ከአ፡ በቲ፡ ሐደ፡ ጐኒ፡ ናይ፡ መንጎኦም፡ ይንደቑ ። ሐዲ ኦም፡ ቤት፡ ተመሲሑ፡ ምስራሕ፡ እንተ፡ አበየ ። ግና፡ እቲ፡ ኪሰርሕ፡

ዝደሊ ፡ ነቲ ፡ ዝአበየ ፡ ሰብ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ዳኛን ፡ ፫ ፡ ግቡአት ፡ ምስነ
ርኒ ፡ ይጠይቀ ፤ ምኽንያት ፡ ጌሩ ፡ እንተአበየ ፤ እቲ ፡ ድላይ ፡ ዘለዎ ፡ ነታ
ናይ ፡ መንገእም ፡ ዘላ ፡ መንደቕ ፡ ይንደቃ ፡ መታን ፡ ቤቱ ፡ ከይፈርስ ፡ ከ
መይ ፡ ቤት ፡ ብነጸላ ፡ መንደቕ ፡ ኪቐውም ፡ አይከአልን ፡ እዩሞ ። ዳሕ
ራይ ፡ መዓልቲ ፡ እቲ ፡ ጐረቤት ፡ እተመስሐ ፡ ናብታ ፡ መንደቕ ፡ ተጸግ
ዑ ፡ ኪሰርሕ ፡ እንተመጸ ፤ እቲ ፡ ቅድም ፡ ዝነደቓ ፡ ናይ ፡ መንደቕ ፡ ጕኒ
ዘጥፍአ ፡ ምሒሉ ፡ ብዝነገረ ፤ ካዕበተን ፡ ከፊሉ ፡ ነታ ፡ መንደቕ ፡ ይጸጋ
ዕ ። ነገዜን ፡ ከይከፈሉ ፡ ኪሰርሕ ፡ አይከአሉን ፡ እዩ ።

ሐደ ፡ ሰብ ፡ ቤት ፡ ሰሪሑ ፡ እንተጸንሑ ፡ እሞ ፡ ብድሕሪ ፡ ነዊሕ ፡ ጊ
ዜ ፡ ፫ ፡ ሸማግለ ፡ ምስኡ ፡ አልጌበም ፡ ንከልአ ፡ ሰብ ፡ እንተ ፡ አምስሑዎ
ናይ ፡ እታ ፡ ነፀላ ፡ መንደቅ ፡ ብ፫ ፡ ሸማግለ ፡ ናይ ፡ እምኑን ፡ እንጌሩ ፡ ማ
ዩን ፡ ሸኒኖም ፡ ይኽፈሉ ። ካዕበት ፡ ግና ፡ አይግብአን ፡ እዩ ፤ እተን ፡ እ
ተሸነና ፡ ቀንዲ ፡ ከፊሉ ፡ ይስራሕ ።

ክልተ ፡ ጐረቤት ፡ ናይ ፡ ሐዲአም ፡ ቤት ፡ ነዊሕ ፡ ናይ ፡ ሐዲአም ፡
ከአ ፡ ሐጺር ፡ እንተኾነ ፤ በቢ መኽለሉም ፡ መማዮም ፡ ይኽልከሉ ። እ
ቲ ፡ በዓል ፡ ነዊሕ ፡ ሀድሞ ፡ ነቲ ፡ በዓል ፡ ሐጺር ፡ ሀድሞ ፡ ማይ ፡ ኬፍስ
ሰሉ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ።

ብ፫ ፡ ሸማግለ ፡ በዲ ፡ ንቤት ፡ እተመስሐ ፡ ሰብ ፡ ክሳዕ ፡ ፱ ፡ ዓመት ፡
ተቓላጢፉ ፡ ይስረሐያ ፤ ብድሕሪ ፡ ፱ ፡ ዓመት ፡ ከይሰርሐ ፡ እንተጸንሔ ፡
ግና ፤ ፫ ፡ ሸማግለ ፡ ንዝሰርሕ ፡ ካልእ ፡ ሰብ ፡ የምስሕዋ ። ከመይ ፡ ነቲ ፡
መሬት ፡ ዓዲ ፡ ንዘይሰርሑዎ ፤ ተመሲሖም ፡ ትሕዳ ፡ ኪቕምጡዎ ፡ አይግ
ባእን ፡ እዩ ።

ሸማግለ ፡ መማሳሕቲ ፡ ቤት ፤ ክሳዕ ፡ ፱ ፡ ዓመት ፡ የማስሑ ፤ ብድሕ

ሪ ፣ ፪ ፣ ዓመት ፣ ግና ፣ ክልኣት ፣ ይለወጡ ። ዓዲ ፣ ፈትዮም ፣ ይጽንሑ ፣ እምበር ፣ እንተበሉዎም ፣ ግና ፣ ከም ፣ ፈቓድ ፣ ዓዲ ፣ ይኹን ።

ማእከላይ ፣ ዓሌት ፣ ኩብ ፣ ርስተኛ ፣ ለሚኑ ፣ ቤት ፣ ሰሪሑ ፣ እንተ ፣ ነበረ ፣ እሞ ፣ እቲ ፣ ርስተኛ ፣ ኪዱ ፣ እንተበሉ ፣ አጽዋሩ ፣ አሒዙ ፣ ይልቀቅ ። በሰሉ ፣ ፈትዩ ፣ ናብ ፣ ክልእ ፣ እንተኸደ ፣ ግና ፣ አጽዋር ፣ ንርስተኛ ገዲፉሉ ፣ ይኺድ ። ነታ ፣ ቤት ፣ አይበትና ።

ናብ ፣ ማእከል ፣ ዓዲ ፣ ዝቕመጥ ፣ ርስተኛ ፣ ግና ፣ ክብቲ ፣ ሐደ ፣ ገዛ ፣ ወይ ፣ ማይቤት ፣ ሁና ፣ አልዩም ፣ እንተ ፣ ገዓዘ አጽዋሩ አሒዙ ይጉዓዝ ፣ ኪክልከል ፣ አይግባእን ፣ እዩ ።

ከምኡውን ፣ ወዲ ፣ ጓል ፣ እንዳኑኡ ፣ ለቒቑ ፣ ናብ ፣ እንዳቦኡ ፣ ኪእቱ ፣ እንተ ፣ ደለዩ ፣ አጽዋሩ ፣ በኒኑ ፣ ይሰድ ። ኪሸጦ ፣ ዝደሊ ፣ እንተ ኰነ ፣ ግና ፣ ናብቶም ፣ ቀርብ ፣ አኮታቱ ፣ ይሸጦ ። ዋጋ ፣ እንተ ፣ ዘይተጋጠሙ ፣ ብ፲ ፣ ብማግለ ፣ ይሸንን ።

ምስ ፣ ሃብታም ፣ ተጸጊዑ ፣ ዝነበረ ፣ ግዙእ ! ወይ ፣ ምስ ፣ ጐይታ ፣ ተኸቲሉ ፣ ዝነበረ ፣ ጊላ ፣ ካብታ ፣ ዓዲ ፣ ወለዶ ፣ ዚብሉ ። እሞ ፣ ካብ ፣ መሬት ፣ ዴሳ ፣ ቤት ፣ ተመሲሑ ፣ ሰሪሑ ፣ እንተ ፣ ነበረ ፣ ምናልባሽ ፣ ንዓዱ ፣ እንተኸደ ፣ እተን ፣ አጽዋር ፣ ንጐይታኡ ፣ ይኹና ። እታ ፣ ቦታ ፣ ግና ፣ ናብ ፣ ዓዲ ፣ ትመለስ ።

## ፲፯ ። ዋ ር ሳ ቤ ት ።

ቤት ፡ አቦኡ ፡ ኪወርስ ፡ ዝግብኦ ፡ እቲ ፡ ሕሳስ ፡ ልደ ፡ ወዲ ፡ እታ ፡ ቀዳመይቲ ፡ ሰበይቲ ፡ እዩ ። ማለት ፡ ወዲ ፡ እታ ፡ ጽዒራን ፡ ደኺማንነታ ፡ ቤት ፡ ቅድም ፡ ዝሰርሐታ ፡ እቲ ፡ ዝነኣሰ ፡ ወዲ ፡ ይውረስ ። ከመይ ፡ እታ ፡ ዝጸዓረት ፡ አዲኦም ፡ አወዳት ፡ ገዲፋ ፡ እንተሞተት ፡ ወይ ፡ እንተ ፡ ተፈትሔት ፤ ደቂ ፡ ዳሕረወይቲ ፡ ሰበይቲ ፡ አዴኦም ፡ ናብ ፡ ስራሕ ፡ ቤት ፡ አትያ ፡ እንደገና ፡ ክአ ፡ ደቃ ፡ ኪወርሱዎ ፡ አይግባእን ፡ እዩም ። ስለዚ ፡ ሕሳስ ፡ ልደ ፡ አዴኡ ፡ ዝሰርሔት ፡ ይውረስ ።

እቲ ፡ ሕሳስ ፡ ልደ ፡ ወዲ ፡ ቀዳመይቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ቤት ፡ ተመሲሑ ፡ አቦኡ ፡ ክይሞተ ፡ ሰሪሑ ፡ እንተኾነ ፡ ግና ፡ ክልተ ፡ ቤት ፡ ናብ ፡ ሓደ ፡ ዓዲ ፡ ኪሕዝ ፡ አይክእሉን ፡ እዩም ። እታ ፡ ቤት ፡ አቦአም ፤ ነቲ ፡ ሕሳስ ልደ ፡ ወዲ ፡ ዳሕረወይቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ትኹን ።

ክልተ ፡ አወዳት ፡ እሞ ፡ አቦአም ፡ ሓደ ፤ አዴታቶም ፡ ግና ፡ በበይነን ፡ እንተ ፡ ኮና ። እሞ ፡ ሓዲኦም ፡ ቤቱ ፡ ምስ ፡ ሰርሔ ፡ ዘወርሶ ፡ ውላድ ፡ ከይወለደ ፡ እንተ ፡ ሞተ ። እታ ፡ ርስቲ ፡ ቤት ፡ ነቦኡ ፡ ትኹን ፡ እተን ፡ አጽዋር ፡ ናይ ፡ ቤቱ ፡ ግና ፡ እታ ፡ አዶኡን ፤ አቦኡን ፡ ክልቲኦም ፡ ይካፈሉዎ ፡ ብ፫ ፡ ሸማግለ ፡ ሸኒኖም ። ዘይተሰርሔ ፡ አጽዋር ፡ እንተኾነ ፡ ግና ፡ ዕጮ ፡ አውዲቆም ፡ ይማቍሉዎ ።

ዝአረገ ፡ ወላዲ ፡ ቤቱ ፡ እንተፈረሰ ፡ ወይ ፡ ዓንዩገመል ፡ እንተ ፡ ተሰብረ ፡ ምንም ፡ እኳ ፡ በቢቶም ፡ ዝሰርሑ ፡ እንተኾኑ ፡ እዮም ፡ ደቁ ፡ ክ

ሎም ፡ የዓርዩሉ ። እንተ ፡ አበዩዎ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ዳኛን ፡ ሳምዕኒ ፡
ሩ ፡ ይንገሮም ፡ ገሊኦም ፡ ምስ ፡ አበዩ ፤ እቲ ፡ ሕራይ ፡ ኢሉ ፡ ቤት ፡ አ
ኡ ፡ ዘዓረዩ ፡ ብድሕሪ ፡ ሞት ፡ አቦኡ ፡ ንሱ ፡ ይውረሳ ። እቶም ፡ ዝአበዩ
ግና ፡ ኪወርስዋ ፡ አይግብአምን ፡ እዩ ።

አሕዋት ፡ ዘሎዋ ፡ ጓል ፡ ቤት ፡ አቦአ ፡ ክትወርስ ፡ አይከአላን ፡ እዩ
ንወዲ ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ፡ ግና ፡ እታ ፡ ጓል ፡ ሐሚማ ፡ ተደንጊታ ፡ እንተ
መጸት ፡ ናብ ፡ ወገፈ ፡ አቦአ ፡ ትገድግድ ፡ ክሳዕ ፡ ዘላ ።

አሕዋት ፡ ዘብላ ፡ ጓል ፡ ግና ፡ ቤት ፡ አቦአ ፡ ርስቲ ፡ አቦአ ፡ ከሎ ፡ ወ
ርቂ ፡ አቦአ ፡ ከም ፡ ወዲ ፡ ኩይና ፡ ትውረስ ፡ ከመይ ፡ እታ ፡ ጓሉ ፡ ክላ
ደቂ ፡ ሐው ፡ ወይ ፡ ደቂ ፡ ሐወቦኡ ፡ ኪወርሱ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ።

ወላዲ ፡ ብመሬት ፡ ዝአከል ፡ ንሐደ ፡ ወዲ ፡ ፈትዩ ፡ ኪህቦ ፡ ነቲ ፡ ገ
ጸልአ ፡ ወዱ ፡ ግና ፡ ኪኸልአ ፡ አይከአሎን ፡ እዩ ፡ ከመይ ፡ ነቲ ፡ ርስቲ
ካብ ፡ አቦኡን ፡ ካብ ፡ አቦሐጎኡን ፡ ካብ ፡ ጥንቲ ፡ ወላዲ ፡ እናሞተ ፤ ውለ
ድ ፡ ከኣ ፡ እናወረሰ ፡ ዝጸንሐ ፡ ርስቲ ፡ እዩ ፡ እምበር ፡ አሕጅም ፡ አይተ
ወልደን ፡ ስለዚ ፡ ወላዲ ፡ ፈትየዮ ፡ ኢሉ ፡ ብሰበዋ ፡ ርስቲ ፡ ኪተክል ፡ ን
ዝጸልአ ፡ ውላዱ ፡ ክአ ፡ ርስቲ ፡ ኪነቅል ፡ አይከአሎን ፡ እዩ ፡ እሞ ፡ ናብ
መሬት ፡ እተላበዎ ፡ ኩሉ ፡ ፍሩስ ፡ ይኹን ።

ካልእ ፡ ገንዘቡ ፡ ላሙ ፡ ብዕራዩ ፡ ዘሎ ፡ ጥሪቱ ፡ ኩሉ ፡ ግና ፡ ንዝፈ
ተወ ፡ ይሃብ ፡ ንዝጸልኤ ፡ ይኽላእ ።

## ፲፫ ። ውናታት ናብ ማእከል ዓዲ ።

እቲ ፡ ናይ ፡ ቀዳሞት ፡ ጸበብቲ ፡ ውና ፡ አበታትና ፡ ዝነብሩሉ ፡ ዝነበሩ ፡ ብዙሕ ፡ ዓሚቕኒ ፡ ጸቢብኒ ፡ ስለ ፡ ዝኾነ ፣ ነዚ ፡ ወዲ ፡ እዚእዋንዚ ፡ ዜሐጉሶን ፡ ዚሰማመዮን ፡ አይኰነን ፡ እሞ ፡ ነቲ ፡ ጽቡቕ ፡ ቤት ፡ ሰሪሑ ፡ ዕድሜ ፡ ምሉእ ፡ ኪነብረሉ ፡ ዚትምን ፡ ሰብ ፣ ናይ ፡ አቦታትካ ፡ ፀቢብ ፡ ውና ፡ አሎካ ፡ ናብአ ፡ ስራሕ ፡ ኢልካ ፡ ምጩካን ፡ አይግባእን ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ንእሽቶ ፡ ውና ፡ ዘላቶ ፡ እሞ ፡ እታ ፡ ውናኡ ፡ ከም ፡ ሥርዓት ፡ ቤት ፡ ዘይተአከል ፡ እንተኾነት ፡ እቶም ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ይሰፈርዋ ፣ ፲፫ ፡ እመት እንተ ፡ ዘይአኸለት ። እቲ ፡ ዋና ፡ ነታ ፡ ውናኡ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ዳኛን ሽማግለን ፡ ተፈጺሙ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ የውድቃ ፡ ብድሕሪዚ ፡ ብ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ግቡእ ፡ ቤት ፡ ይመሰሕ ።

ከምኡውን ፡ ካብቲ ፡ ማእከል ፡ ዓዲ ፡ ዘሎ ውናታት ንመንገዲ ፡ ቤት ክርስቲያን ፡ ወይ ፡ ንመንገዲ ፡ ዓዲ ፡ ዜጽብብ ፡ ዜዒንቅፍ ፡ እንተሎ ፡ በቶም ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ አምሰያ ፡ ግቡእ ፡ ቤት ፡ ነቶም ፡ ዋናታት ፡ ውና ፡ አሃበም ፡ ንመንገዲ ፡ ይግበሩዎ ። ከመይ ፡ ብዘይጠቅሞ ፡ ውናታት ፡ ናይ ፡ አቦአ ፡ ኢልካ ፡ ዓዲ ፡ ምብልሻው ፡ ጽቡቕ ፡ አይኰነን ።

እተን ፡ ናእሽቱ ፡ ውናታት ፡ ዋናታተን ፡ ተፈጺምም ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ዘውደቐወን ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ደራረቦም ፡ ንዝደለዩ ፡ የምስሉወን ።

ቤት ፡ ከራይ ፡ ዘከረየ ፡ ሰብ ፡ ኵሉ ፡ ከም ፡ ውህሉ ፡ ይኸፈል ፣ እቲ

ቀና ፡ ቤት ፡ ልቓቓለይ ፡ ብዝበሉ ፡ መዓልቲ ፡ ግና ፡ መድለይ ፡ ቤት ፡ ነቲ በዓል ፡ ክራይ ፡ ፴ ፡ መዓልቲ ፡ ቀጸራ ፡ ይሃቦ ። በታ ፡ ፵ ፡ መዓልቲ ፡ ብዘይ ፡ ዘረባ ፡ ይልቀቅ ። ነዚኣ ፡ ዘፍረሰ ፡ ከም ፡ ፈጸሚ ፡ ዘፍረሰ ፡ ይዕደ ዓድዩ ፡ ዝግብኦ ፡ ክራይ ፡ ከፊሉ ፡ ይልቀቓሉ ። ከምኡውን ፡ መሬት ፡ እተኻረየ ፡ ዋና ፡ ናብ ፡ ዝደለዮ ፡ ይልቀቓሉ ።

ቤት ፡ ፈሊጡ ፡ ዘንደደ ፡ ፲፭ ፡ ፈርጊ ፡ ኪሒሱ ፡ ንተን ፡ ናብታ ፡ ቤት ፡ ዝነደደ ፡ አጽዋር ፡ ኰነ ፡ ገንዘብ ፡ እኽሊ ፡ ዋና ፡ ብገመሐለ ፡ ይኸፈሎ ። ቅልጽሙ ፡ ከኣ ፡ ከምሥርዓት ፡ ንጉሥ ፡ ንማእሰርቲ ፡ ይሕለፍ ።

## ፲፱ ። ግራት ፈረቓ ።

ብዕራይን ፡ ጉልበትን ፡ ዘለዎ ፡ ሰብ ፤ ካብ ፡ ብዓል ፡ ግራት ፡ አፍቂዱ ንፈረቓ ፡ ይሕረስ ። ነገር ፡ ግን ፡ ክወዓዓሉ ፡ ከሎዉ ፤ ናብ ፡ ቀድሚ ፡ ፫ ፡ ምስክር ፡ ይኹን ፤ ከመይ ፡ ንዳሕራይ ፡ መዓልቲ ፡ ምናልባሽ ፡ እንተ ፡ ተኸሓሓዱ ፡ እዩም ፡ ፫ ግቡኣት ምስክር ይኣኽሉ እዮም ከመይ ግራት ፡ ፈረቓ ፡ እዩምበር ፡ ርስቲ ፡ አይኰነን ።

ዋና ፡ ግራት ፡ ንዝአመኖ ፡ ሰብ ፡ ግራት ፡ ፈረቓ ፡ ይሃብ ። እኑ ፡ ቀረብ ፡ እዩ ፡ ኢሉ ፡ ኪሰንቅሮ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ፡ ስለምንታይ ፡ እቲ ፡ ቀረብ ፤ አጸቢቑ ፡ ንዘይሐርሰ ፡ ዘይክናኸኖ ፡ ነቲ ፡ በዓል ፡ ግራት ኪጥምዮ ፡ ግቡእ ፤ አይኰነን ፤ ስለዚ ፡ ብዓል ፡ ግራት ፡ ንዝአምኖ ፡ ይሃብ ። ብጀካ ፡ ንጣልየን ።

በዓል ፡ ግራት ፤ ግራቱ ፡ ቆጥቂጡ ፡ እዩ ፡ ንሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ ዘሀ
በ ፤ ከምኡውን ፡ ናብ ፡ ዓዓመት ፡ ቆጥቃጥ ፡ ዜድሊ ፡ እንተ ፡ ኮነ ፡ ብዓል
ግራት ፡ እዩ ፡ ዝቁጥቁጠ ፡ ዘርኢ ፡ ጻህያይ ፡ ዓጺድ ፡ መኬዳ ፡ ዓውዲ ፡ ጠ
ለቃ ፡ ዜድሊ ፡ ሰዮ ፡ ኩሉ ፡ ናብ ፡ ክልቲኦም ፡ እዩ ። አባዕር ፡ መኼድ
ግና ፡ ካብ ፡ ብዓል ፡ ብዕራይ ፡ እዩ ፡ ዝግበአ ።

ሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ ጽግኢ ፡ ጸጊኡ ፡ ዝሐዘ ፡ ግራት ፡ አካፋፋል ፡ እ
ኺሊ ፡ ከም ፡ ውዑሎም ፡ ይካፈሉ ። ሐሰር ፡ ግና ፡ ኩሉ ፡ ንበዓል ፡ ብዕ
ራይ ፡ ይኹን ።

ብዓል ፡ ግራት ፡ ናብ ፡ ቀሪም ፡ ዓተር ፡ ናብ ፡ ቀሪም ፡ ሰበረ ፡ ናብ ፡ ቀ
ሪም ፤ መሸላ ፡ ጽግኢ ፡ ማለት ፡ ካብ ፡ ማሐብር ፡ ክሳዕ ፡ ጻጉሜን ፡ ብአይ
ሚ ፡ እተዘርኤ ፡ ኩሉ ፡ ንሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ ይኹን ፡ ብልማኖ ፡ ዝሃበ
ይኹን ፡ ኬልቅቆ ፡ አይከአሉን ፡ እዩ ። በሰለአ ፡ ንሐደ ፡ ዓመት ፡ ይብልዓ
ላ ፡ እቲ ፡ ዝጸዓረ ፡ ሐረስታይ ።

ሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ ዝሐርሳ ፡ ዝነበረ ፡ ግራት ፡ ኪገድፋ ፡ እንተደለየ
ከምታ ፡ እተቐበላ ፡ ጌሩ ፡ ንዋና ፡ ግራት ፡ ይሃበ ፡ ማለት ፡ ቀሪም ፡ ጣፍ
ወይ ፡ ቀሪም ፡ ካልእ ፡ እኽሊ ፡ እንተ ፡ ተቐቢሉዋ ፡ ከምአ ፡ ጌሩ ፡ ንዋና
ግራት ፡ ይግደፈሉ ።

ሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ ንታ ፡ ዝሐርሳ ፡ ዝነበረ ፡ ግራት ፡ ኪገድፋ ፡ እን
ተደለ ፡ ናብቲ ፡ ዓውዳ ፡ ንዋናአ ፡ ይንገር ፤ እተን ፡ ናይ ፡ ሸዑ ፡ ዘበን ፡ ሐ
ሰር ፡ ከኣ ፡ ንመሕረስ ፡ ግራት ፡ ኪኾኖ ፡ ናብታ ፡ ዓውዲ ፡ ፈፈረቕአም
ይማቐሉ ፤ ከይነገሮ ፡ አጽቂጡ ፡ ነተን ፡ ሐሰር ፡ ንበይኑ ፡ ወሲዱ ፡ ዳሕረ
ይ ፡ መዓልቲ ፡ ግራትካ ፡ ገዲፈልካ ፡ እንተበለ ፡ ነተን ፡ ሐሰር ፡ ብምሉአ
ተን ፡ ንበዓል ፡ ግራት ፡ ይሃብ ፡ ብጀ ፡ ሽማግለ ፡ ጎረቤት ፡ እታ ፡ ግራት ፡ ዳ

ኛ ፡ ይርቁሖሉም ፡ እቶም ፡ ሽማግለ ፡ በተን ፡ ዝአተዋ ፡ ጽሰነት ፡ እኽሊ ፡ ኪፈልጡዎ ፡ ይኽእሉ ፡ እዮም ። ከመይ ፡ ፩ ፡ ጽሰነት ፡ እኽሊ ፡ ዝአተዎ ፡ ፩ ፡ ጽዕነት ፡ ሐሰር ፡ ከምዝረኽቦ ፡ ርግጽ ፡ እዩ ።

ብዓል ፡ ግራትውን ፡ ግራቱ ፡ ኪእክብ ፡ እንተደለ ፡ ናብታ ፡ ዓውዲ ፡ እኽሎም ፡ ምስ ፡ መቐሉ ፡ ይንገሮ ። ዘይአምኖ ፡ እንተ ፡ ኰይኑ ፡ ከኣ ፡ እንደገና ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ፫ ፡ ምስክር ፡ ግራተይ ፡ ልቀቐለይ ፡ ይበሎ ።

ሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ ኰይኑ ፡ ብዓል ፡ ግራት ፡ ኰይኑ ፡ ግንበት ፡ ምስ ፡ አቶ ፡ ኬልቅቕኒ ፡ ኪለቅቕኒ ፡ አይከአልን ፡ እዩ ፡ እሞ ፡ ከምታ ፡ ትሕጂኣም ይኽረሙ ።

ሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ ናይ ፡ ብዙሐት ፡ ሰባት ፡ ንፍርቂ ፡ ዝሐርሰ ፡ ግራሁ ፡ እንተሐዘ ፡ ከየዳለወ ፡ ንኹሉም ፡ ብታርታ ፡ ይሕረሰሎም ። ስለምንታይ ፡ አጥቢቑ ፡ ናይ ፡ ሐደ ፡ ጥራይ ፡ እንተሐረሰ ፡ እዋን ፡ አዝመራ ፡ ተማሓላፊ ፡ እዩሞ ፡ እቶም ፡ ሰብ ፡ ግራት ፡ ከይጉድኡ ፡ ብታራ ፡ ንኹሉም ይሕረሰሎም ። ነዚ ፡ ሐሊፉ ፡ አጥቢቑ ፡ ናይ ፡ ሐደ ፡ ሐሪሹ ፡ ናይቲ ፡ ሐደ ፡ እንተ ፡ አዳለወ ፡ ፯ ፡ ፈርጊ ፡ ይኽሐስ ፡ ንበዓል ፡ ግራት ።

ሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ ግራት ፡ ፍርቂ ፡ ተቐቢሉ ፡ እንተ ፡ አቓደራ ፡ ማለት ፡ ከይዘርአ ፡ እንተኸረመ ፡ ንቀውዒ ፡ ከምታ ፡ ጎረቤታ ፡ ዝአተወታ ፡ ብ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ሸኒኖም ፡ ፈረቓ ፡ እተን ፡ እተሸነና ፡ እኽሊ ፡ ንበዓል ፡ ግራት ፡ ይሃብ ።

ሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ እኽሊ ፡ ከእቱ ፡ እንተደለየ ፡ ነቲ ፡ በዓል ፡ ግራት ፡ በዛ ፡ መዓልቲ ፡ እዚኣ ፡ እኽልና ፡ነእቱ ፡ ይበሉ ፡ እንተአበዮ ፡ ንሬኢ

ታ ፡ ዓዲ ፡ ነጊሩ ፡ የእቱዎ ፡ ዝግብኦ ፡ ውዕለቱውን ፡ ካብ ፡ መንጎኦም እቲ ፡ እኽሊ ፡ ከይተመቅለ ፡ የልዕል ፡ ብድሕርኡ ፡ ይከፈሉ ።

ሐረስታይ ፡ ፈረቓ ፡ ናብታ ፡ ኪሐርሳ ፡ ዝወዓለ ፡ ቦታ ፡ ሕዛእቲ ፡ እንተኾይኑ ፡ ፫ ፡ ብዕራይ ፡ የብልዕ ። ራብዓይ ፡ እንተወሰኸ ፡ ግና ፡ ፫ ፡ ፈርጊ ፡ ንቶም ፡ ሰብ ፡ ሕዛእቲ ፡ ናይ ፡ ሳዕሮም ፡ ይከሕሶም ። እቲ ፡ ሐላው ፡ ሕዛእቲ ፡ ወይ ፡ እቶም ፡ ዋናታት ፡ ሕዛእቲ ፡ ንቶም ፡ ኪሐርሱ ፡ ዝወዓሉ ፡ ፫ ፡ ብዕራይ ፡ ናይ ፡ ዓዲ ፡ ይኹኑ ፡ ናይ ፡ ጕደቦ ፡ ይኹኑ ፡ ምብላዕ ሳዕሪ ፡ እንተኸልከልዎም ፡ ከአ ፡ ፫ ፡ ፈ. ፡ ንብዓል ፡ አባውር ፡ ይኸሕሱዎ ።

አባውር ፡ መኼዳ ፡ ናብ ፡ ሕዛእቲ ፡ እንተኼዱ ፡ ናብታ ፡ ዝወዓሉዋ ፡ ቦታ ፡ ሳዕሪ ፡ ይብልዑ ፡ አይከልከሉ ፡ ነባውር ፡ መኼዳ ። ዝኸልከለ ፡ ፫ ፡ ፈርጊ ፡ ይኸሕስ ፡ ንዋና ፡ አባውር ። ዋና ፡ አባዕር ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ሕዛእቲ ፡ ኪኼይድ ፡ ከሎ ፡ ጥሪቱ ፡ እንተከይኖም ፡ ዘሎዎ ፡ አባዑሩ ፡ በዝሑ ፡ ወሐዱ ፡ የውፍር ፡ ከመይ ፡ ብእዋን ፡ ቀውዒ ፡ ገሊኦም ፡ ናብ ፡ መኼዳ ፡ እቶም ፡ ዝተረፉ ፡ ከአ ፡ በይኖም ፡ ጓሳ ፡ ኪሸግሮ ፡ እዮም ፡ ብሐደ ፡ ጓሳ ፡ ናብ ፡ ዓወዱ ፡ አኺዱ ፡ ሳዕሪ ፡ ሕዛእቲ ፡ የብልዖም ፡ አይከልከል ። ዝኸልከሎ ፡ ፫ ፡ ፈርጊ ፡ ይኸሕሶ ።

አባሁር ፡ ልማኖ ፡ ግና ፡ መታን ፡ ሕዛእቲ ፡ ዓዲ ፡ ኪብልዕ ፡ ናይ ፡ ቤተሰቡ ፡ አኻኪቡ ፡ ብዙሐት ፡ አባሁር ፡ ከውፍር ፡ አይግባእን ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ካብ ፡ ፭ ፡ ኪሸ ፡ ንታሕቲ ፡ ዘለዎ ፡ ዓውዲ ፡ ፮ ፡ ብዕራይ ፡ አኺዱ ፡ ሕዛእቲ ፡ የብልዕ ። እቲ ፡ እኽሊ ፡ ብዙሕ ፡ እንተኾነ ፡ ግና ፡ ከም ፡ ብዝሒ ፡ እኽሉ ፡ ልክዕ ፡ አባሁር ፡ መኼዳ ፡ ለሚኑ ፡ ኪጡፍር ፡ ይግብአ ፡ እዩ ! ማለት ፡ ን፲ ፡ ኪሸ ፡ ዚአቱ ፡ እኽሊ ፡ ፲ ፡ አባሁር ፡ መኼዳ ፡ አውፊሩ ፡ ሕዛእቲ ፡ የብልዕ ።

## ፰ ። ብዛዕባ መሸጣ መሬት ።

መሬት ፡ ሉኑ ፡ ጭዋ ፡ ብዝኾነ ፡ ምኽንያት ፡ ንጸለማ ፡ ክይሸየጥ ፡ ኩኩል ፡ እዩ ፤ ስለዚ ፡ እንደገና ፡ ካብ ፡ ብሕጂ ፡ ንደሐር ፡ ማለት ፡ ካብ ፡ ፲፱፻፴፮ ፡ ዓ ፡ ም ፡ ክምቲ ፡ ሕጊ ፡ አቦታትና ፡ መሬት ፡ ንጸለማ ፡ ክይሸየጥ ጽኑዕ ፡ ክልኩል ፡ እዩ ። ስለምንታይ ፡ ሰብ ፡ ነታ ፡ እተወልደላ ፡ ርስን ፤ ዓዱን ፤ ብስእነት ፡ ብድኽነት ፡ ንጸለማ ፡ ሸይጡ ፤ ንውሉድ ፡ ወለ ፡ ንዶምኒ ፡ ርስቶምኒ ፡ ኪለቁ ፡ ፍቃድ ፡ እግዚአብሔር ፡ አይኮነን ፡ እ ፡ መሬት ፡ ንጸለማ ፡ አይሸየጥ ።

ስለዚ ፡ ምንም ፡ እቲ ፡ ድኻ ፡ ሸጊሩዎን ፡ ጸቢብዎን ንጸለማ ብውሁ ፤ ብፈጽሚ ፡ እንተሸጠ ፡ እቲ ፡ ውዑልን ፡ ፈጽምን ፡ ፍሩስ ፡ እዩ ።

መሸጣ ፡ መሬት ፡ ሉኑ ፡ ጭዋ ፡ ኩሉ ፡ ንዘበናት ፡ እዩ ፡ ስለዚ ፡ እቲ ፡ ሬት ፡ ዝሸጠ ፡ ወይ ፡ አቦኡ ፡ ሐደው ፡ አባሐጉኡ ፡ ዝሸጡዎ ፤ መሬት ድሕሪ ፡ ፩ ፡ ዓመት ፡ ነተን ፡ ዋጋ ፡ መሬት ፡ ንባለ ፡ ወርቂ ፡ ከፊሉ ፡ መቱ ፡ የምልስ ። እቲ ፡ ባለ ፡ ወርቂ ፡ ዘበናት ፡ በዝሒ ፡ ወለዶታት ፡ ነው ፡ ፡ ኢሉ ፡ አይኽልክሉ ፤ ናብ ፡ ዝመጸ ፡ መዓልቲ ፡ ወርቁ ፡ ተቐቢሉ ፡ ሌቐቕሉ ።

ንትሕዘ ፡ እተሸጠ ፡ መሬት ፤ ቅድሚ ፡ ፳ ፡ ዓመት ፡ ኪምለስ ፡ አይኽኣን ፡ እዩ ፡ ስለምንታይ ፡ እቲ ፡ ንትሕዘ ፡ መሬት ፡ ዝገዝአ ፡ ሰብ ፡ ናይ ፡ ፡ ፍረ ፡ መሬት ፡ ኪረክብ ፡ ይግብእ ፡ እዩ ። ብድሕሪ ፡ ፳ ፡ ዓመት ፡ ገ

፣ እቲ ፣ ርስተኛ ፣ ናብ ፣ ዝደለዮ ፣ ዘበን ፣ መጺኡ ፣ ወርቂ ፣ ሂቡ ፣ መሬ ቱ ፣ የምልስ ።

ንትሕዛ ፣ መሬት ፣ ዝሸይጥ ፣ ሰብ ፣ ቅድም ፣ ነቲ ፣ ቀረብ ፣ ናብ ፣ ቅድ ሚ ፣ ዳኛ ፣ ዓዲ ፣ ይወክስ ። እቲ ፣ ቀረብ ፣ ዝዕድጎ ፣ እንተኾነ ፣ ብዕሉ ፣ ዪሻየጦ ፣ ዘይደልዮ ፣ እንተኾነ ፣ ግና ፣ ናብ ፣ ካልእ ፣ ይሸጦ ። እቲ ፣ ቀረ ብ ፣ ይደሐን ፣ እቲ ፣ ጭቃ ፣ ናይታ ፣ መሬት ፣ ከአ ፣ ዪፈጽም ፣ ዳኛ ፣ መ ሬት ፣ ዘይፈጽሞ ፣ መሸጣ ፣ ናይ ፣ ስርቂ ፣ መሸጣ ፣ እዩሞ ፣ ፍሩስ ፣ ይኹን ።

ንትሕዛ ፣ እተሸጠ ፣ መሬት ፣ ኪምለስ ፣ ከሎ ፣ እቲ ፣ ባለወርቂ ፣ መ ርትዖ ፣ እንተለዎ ፣ ክንድዚ ፣ ገንዘብ ፣ ሂበሉ ፣ ወይ ፣ አበታተይ ፣ ሂበሙ ሉ ፣ ኢሉ ፣ ረቲዑ ፣ ወርቁ ፣ ይከፈል ፣ መርትዖ ፣ ዘይብሉ ፣ እንተኾነ ፣ ግና ፫ ፣ ሽማግለ ፣ ካብታ ፣ መሬት ፣ ዘይኽፈሉ ፣ ነታ ፣ ግራት ፣ ወይ ፣ ግራሁ ፣ ዋጋ ፣ በዚ ፣ ለሚ ፣ እዋን ፣ ክንድዚ ፣ ተውጽአ ፣ ኢሎም ፣ ይሽንንዎ ፣ እ ቲ ፣ ባለርስቲ ፣ ነተን ፣ እተሸነና ፣ ወርቂ ፣ ከፊሉ ፣ ርስቱ ፣ ይእከብ ።

ጠፊ ፣ ሐምም ፣ ዝሸጠ ፣ መሬት ፣ እሞ ፣ ካብቶም ፣ ሀልዋት ፣ ቀረበ ፣ ነቲ ፣ ጠፊ ፣ ሐምም ፣ ዝሸጠ ፣ መሬት ፣ ናብ ፣ ዝደለዩዎ ፣ መዓልቲ ፣ ነተን ፣ ገንዘብ ፣ ከፊሎም ፣ የምልሱዎ ።

ምናልባሽ ፣ እቲ ፣ ናይ ፣ ጠፊ ፣ መሬት ፣ ኪምለስ ፣ ከሎ ፣ ዘይነበሩ ፣ ወይ ፣ ከአ ፣ ብድኽነት ፣ ስኢኖም ፣ ምስቶም ፣ አሕዋቶም ፣ ወርቂ ፣ ዘይከ ፈሉ ። ናብ ፣ ዝመጽኦ ፣ መዓልቲ ፣ ጸብጻበዖም ፣ ከፊሎም ፣ ምስቶም ፣ ና ይ ፣ ጠፊ ፣ አምሊሰም ፣ ዝጸንሑ ፣ አሕዋቶም ፣ ይከፈሉ ፣ ቅድሚኹም ፣ ከፈልናሉ ፣ ኢሎም ፣ አያከልክልዎም ።

## ፳፩ ። ብዛዕባ ብእንጌራን ማይን እተሸጠ መሬት ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ሎሚ ፡ ጭዋ ፡ ንዝጠመዮ ፡ ሰብ ፡ እንጌራ ፡ አብሊዕካ ወይ ፡ ንዝጸምኤ ፡ ማይ ፡ አስቲኻ ፡ እተሸጠ ፡ መሬት ፡ ፍሩስ ፡ ይኹን ፡ መይ ፡ ዝጠመዮ ፡ ሰብ ፡ መሬቱ ፡ ይሸዪጥ ፡ ዝፈትዎም ፡ ደቁ ፡ ወይ ፡ ብ ልቲ ፡ ኪጻኑ ፡ ይሸዪጥ ፡ ሃይማኖቱ ፡ ይክሕድ ፡ ከምኡውን ፡ ብዙሕ ፡ ና ስሕተት ፡ ነገር ፡ ይግበር ፡ እዩሞ ፡ እቲ ፡ ንዝጠመየ ፡ እንጌራ ፡ ማይ ፡ አ ሊዕካ ፡ ናይ ፡ ቅድሚ ፡ ሎሚ ፡ እተገብረ ፡ መሸጣ ፡ መሬት ፡ እንተሎ ፡ ብ ፡ ሕጊ ፡ ዝወጸ ፡ መሸጣ ፡ እዩሞ ፡ ምንም ፡ እቲ ፡ ዝጠመዮ ፡ ንጸለማ እንተ ፡ ሸጠ ፡ ፍሩስ ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ እቲ ፡ ርስተኛ ፡ አቦኡ ፡ ወይ ፡ አ ሐንኡ ፡ ወይ ፡ ዓሌቱ ፡ ዝሸጠሉ ፡ ብዝጠዓሞ ፡ መዓልቲ ፡ ናብ ፡ ዳኛ ፡ ሲሉ ፡ ነታ ፡ መሬት ፡ ብእንጌራ ፡ ማይ ፡ ሂቦም ፡ ካብ ፡ አቡኡ ፡ ወይ ፡ አ ሐጉኡ ፡ ከምዝወሰዱዋ ፡ እቲ ፡ ርስተኛ ፡ ረቲዑ ፡ መሬቱ ፡ ይሰድ ። ፃ ንም ፡ ዘበናት ፡ በዝሐ ፡ ዓመታት ፡ ነውሐ ፡ ኢሎም ፡ እንተመጎቱዎ ፡ ይክልክል ፡ ብዓመጽ ፡ ዝኸደ ፡ ብፍትሒ ፡ ይመለስ ፡ እዩሞ ፡ ረቲዑ ፡ መ ሬቱ ፡ የምልስ ።

ከምኡውን ፡ አመርሚወካ ፡ ወይ ፡ አተስኪረዮ ፡ ነቦኻ ፡ ኢሉ ፡ ነቲ ርስተኛ ፡ መሬቱ ፡ አይኽልክሎ ፡ ነቲን ፡ ዘተፍኤን ፡ ገንዘብ ፡ ናይ ፡ ተስ ር ፡ ወይ ፡ ናይ ፡ መርና ፡ ምሒሉ ፡ ይከፈል ። እቲ ፡ ዝምሕል ፡ ብዘይ መጠን ፡ አብዚሑ ፡ ኪምሕል ፡ እንተበለ ፡ ግና ፡ ፫ሽ ፡ ነቲ ፡ ናብ ፡ ውራ

ክንድዚ ፡ አጥፊኡ ፡ ይኽውን ፡ ኢሎም ፡ ይሸንንዎ ፡ ነዚ ፡ ተቐቢሉ ፡ መሬቱ ፡ ንርስተኛ ፡ ይልቀቐሉ ። እቲ ፡ ዘተስከረ ፡ ሰብ ፡ ምስ ፡ ሁናኡን ፡ መሬቱን ፡ ጩሚሩ ፡ ዝወረሰ ፡ እንተኾነ ፡ ክለቅቕ ፡ አይግብኦን ፡ እዩ ። ብዝሓዘ ፡ ይቑም ።

## ፳፪ ። ናይ ቀድሚ ሎሚ አተሻሽጣ መሬት ምንብባር ።

ናብ ፡ መሬት ፡ ሎሚ ፡ ጕዳ ፡ ቀድሚ ፡ ሎሚ ፡ ተሸይጡ ፡ ዝጸንሐ ፡ ወይ ፡ ከኣ ፡ ተዋሂቡ ፡ ዝጸንሐ ። ን፫ ፡ ነገር ፡ ብፍላይ ፡ ነናብብር ፡ አሎና ።

፩ይ ፡ ቀድሚ ፡ ሎሚ ፡ ንጸለማ ፡ ሁና ፡ መደቀሲኡ ፡ ግራት ፡ መሕረሲኡ ፡ ደሪቡ ፡ ከም ፡ ግቡእ ፡ መሸጣ ፡ ወርቂ ፡ ከምዝሸጠሉ ፡ እቲ ፡ ባለ ፡ ወርቂ ፡ ይርታዕ ፡ በዚ ፡ ምስ ፡ ረትዔ ፡ ብዝሓዘ ፡ ይቁም ። ከመይ ፡ ሁና መደቀሲኡ ፡ ጩሚሩ ፡ ስለ ፡ ዝሸጠሉ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ አትዩ ፡ አጢሱ ፡ ካብ ዝድቅስ ፡ ከምርስተኛ ፡ ምኟኑ ፡ እዩ ።

፪ይ ፡ ናይ ፡ ቀድሚ ፡ ሎሚ ፡ ንጸለማ ፡ አተሸጠ ፡ መሬት ፡ እንተሎ ፡ እቲ ፡ ባለ ፡ ወርቂ ፡ ረቂሑ ፡ ሸያጢ ፡ ተሸያጢ ፡ መድሕን ፡ ብክንድዚ ፡ ወርቂ ፡ እሞ ፡ ንጸለማ ፡ አቦኡ ፡ ወይ ፡ አባሐጒኡ ፡ ከምዝዓደጉ ፡ ይርታዕ ፡ ምስ ፡ ረትዔ ፡ ብዝሓዘ ፡ ይቑም ፡ መርትዖ ፡ እንተሰአነ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ባለርስቲ ፡ ትመለስ ።

፫ይ ፡ ናይ ፡ ቀድሚ ሎሚ ፈትዩ ዝሃበ እሞ ፡ እቲ አተቀበላ ግብሪ ፡ ንጉሥ ፡ ኩነ ፡ ጥርቂ ፡ ኩነ ፡ እዚ ፡ ንጉሥ ፡ ኩነ ፡ ዝመጸ ፡ አኸለ ፡ መሰላ ፡ እቲ ፡ ተቐቢሉዎ ፡ ዘሎ ፡ ብስሉ [illegible]

ዕሊ ፣ እንድሕሪ ፡ ኣሒዚዙዋ ፣ ብዝሐዘ ፣ ይቲም ። ከመይ ፣ ምልክት ፣ ርስቲ ፣ ግብሪ ፣ እዩ ።

ነዚን ፡ ሰለስተ ፣ ነገር ፡ እዚኤን ፣ ንምልቃቕን ፣ ስለ ፣ ዝሸገረና ፡ ብምንብባር ፣ ሐሲብና ፡ ብፍላይ ፣ ነቲመን ፣ ኣሎና ።

ብሕጂ ፣ ንደሐር ፡ ግና ፣ ከምዚ ፣ ከይግበር ፣ ብሕጊ ፣ ንክልክል ፣ ኣሎና ።

ኣተስኪሩ ፣ መሬት ፣ ዝወረሰ ፡ ሰብ ፣ ምስ ፣ ዑናኡ ፡ ጨሪሚሩ ፣ መሪሱ ፣ እንተኾነ ፡ ብዝወረሰ ፣ መሬቱን ፣ ዑናኡን ፣ ይቀመጥ ፣ ከመይ ፡ ድሕሪ ፣ ነዊሕ ፣ ጊዜ ፣ ውና ፣ በቲንከን ፣ መሬት ፣ ልቓቕ ፡ ኪበሃል ፣ ኣይግባእን ፣ እዩሞ ፡ ብዝሐዘ ፣ ይቒመሉ ።

ብዝኾነ ፣ ነገር ፣ እተኸሰ ፣ መሬት ፣ ካብታ ፣ እተኸሰትላ ፣ ጊዜ ፣ ፍርያታ ፣ ናብ ፡ ዓሙዲ ፣ ብዳኛ ፡ እናተሰፍረ ፣ ናብ ፡ በዓል ፣ እጂ ፣ ይጽናሕ ። እቲ ፣ ከሳሲ ፣ እንተረትዔ ፣ ዝግብኦ ፣ ፍራያቱ ፣ ጸብጺቡ ፣ ይርከብ ። እንተተረትዔ ፣ ግና ፣ ተኸሳሲ ፣ ብዝበልዖ ፣ ይደቅስ ።

ናብ ፣ ኩሱስ ፡ መሬት ፣ ንዳኛ ፣ ፍርያት ፡ ኣየርእን ፣ ኢሉ ፡ ዝኣበየ ፣ ወይ ፣ ዳኛ ፣ ከየርኣየ ፣ ዘእተወ ፣ ጀ ፣ ፈርጊ ፣ ይኸሐስ ፣ እተን ፣ ፍርያት ፣ ድማ ፣ ካብ ፣ ቆፎ ፡ ተሰፊረን ፣ ናብ ፣ ዳኛ ፡ ይተሓዛ ። ምናልባሽ ፣ ክንደይ ፣ ከምዝኣተወ ፣ ዝረኣዮ ፡ ሰብ ፡ እንተ ፣ ዘየልበ ፣ ብጀ ፣ ሽማግለ ፣ ተገማቲ ፡ ይትሓዝ ።

## ፳፯። ብዛዕባ ምስክር ።

ናይ ፡ መሬት ፡ ምስክር ፡ ካብ ፡ ሐሙሽተ ፡ ንላዕሊ ፡ ግቡእ ፡ ምስክር ፡ ይኹን ። እንተኾነ ፡ ግን ፡ ካብታ ፡ ዘበኣሰት ፡ መሬት ፡ ብወለዶ ፡ ዘይኣ ትዋ ፡ እንተኾነ ፡ እዩ ። ብዝኾነ ፡ ወለዶ ፡ ብእንዳበኡ ፡ ወይ ፡ ብእንዳ ኖኡ ፡ ዝወለደላ ፡ እንድሕሪ ፡ ኰይኑ ፡ ማለት ፡ ናብ ፡ ዝነበረ ፡ ኔሩ ፡ ንታ ፡ መሬት ፡ ዝኸፈለላ ፡ እንድሕሪ ፡ ኰይኑ ፡ ግቡእ ፡ ምስክር ፡ አይኮነን ፡ ክ ልተ ፡ ሰብ ፡ ነገር ፡ ፈትዮም ፡ ዝኣመኑዎ ፡ ግና ፡ ግቡእ ፡ ምስክር ፡ ይኹን።

ብመሬት ፡ እተበኣሰ ፡ ኩሉ ፡ ብ፯ ፡ ምስክር ፡ ኪቐውም ፡ እዩ ፡ ዝግብ እ ። ስለዚ ፡ እቲ ፡ ከሳሲ ፡ ፯ ፡ ግቡኣት ፡ ምስክር ፡ ኪመርሕ ፡ እቲ ፡ ተ ኸሳስውን ፡ ኪሰዕብ ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ።

ካብዘም ፡ ፯ ፡ ግቡኣት ፡ ምስክር ፤ ፬ ዝወጹሉ ፡ ረቲዑ ፡ ማለት ፡ እዩ ንመራሕ ፡ ምስክር ፡ ይኹን ፡ ንተመራሒ ፡ ይኹን ።

እቶም ፡ ንምስክር ፡ እተረቅሑ ፡ ሰባት ፡ ግን ፡ ደም ፡ ብጋር ፡ ዘይደቀ ሰ ፡ ኪምስክር ፡ አይግባእን ፡ እዩ ፡ ብስጋ ፡ ድማ ፡ ክምቲ ፡ ናብ ፡ ላዕሊ ፡ ተ ጻሒፉ ፡ ዘሎ ፡ ካብ ፡ ፭ ወለዶ ፡ ንላዕሊ ፡ ክኸኑ ፡ ይግባእ ።

ናይ ፡ ክልእ ፡ ነገር ፡ ምስክር ፡ ግና ፡ እንተሎ ፡ ገንኢ ፡ ቆጺርካ ፡ ራ ብዓይ ፡ ወለዶ ፡ ይምስክር ፡ ብጀካ ፡ ገንኢ ፡ ሳልሳይ ፡ ምኻኒ ፡ እዩ ።

ብመሬት ፡ ተባኢስም ፡ ዝነበሩሞ ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ እተዓርቁ፡እንደገና፡

ብዕርቂ ፡ አፍራስ ፡ እንተ ፡ ተባእሱ ፡ እቶም ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ዓራቱ ፡ ግቡእ ፡ ምስክር ፡ እዮም ፡ እሞ ፡ ንሳቶም ፡ ይንገሩሉም ፡ ዝዓረቑ ፡ ሽማግለ ፡ ብዝኾነ ፡ ምኽንያት ፡ ካብቲ ፡ ዝዓረቆም ፡ ምስክር ፡ ኪፍንፈን ፡ ኣይከኣ ልን ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ክልተ ፡ ካብቶም ፡ ሽማግለ ፡ ሐደ ፡ ቃል ፡ ክሳይ ሞም ፡ እንድሕሪ ፡ መስኪሮም ፡ እቲ ፡ ፪ ፡ ዝወጸሉ ፡ ረቲዑ ፡ ማለት ፡ እዩ ።

፫ ፡ ሽማግለ ፡ ዓራቶ ፡ ብህይወቶም ፡ ተረኺቦም ፡ ማለት ፡ ክይሞቱ፡ጸ ኒሖም ፡ ዝመስከሩዎ ፡ ቃል ፡ ክንዲ ፡ ፫ ፡ ምስክር ፡ ቅቡል ፡ እዩ ፡ ብርእሲ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ምስክር ፡ ኪውስኹ ፡ ኣይግባእን ፡ እዩ ።

ካብቶም ፡ ሽማግለ ፡ ፩ ፡ ሙውት ፡ እንተኰነ ፡ ዳኛ ፡ ፈጻሚን ፡ እቶ ም ፡ ፪ ሀልዋት ፡ ሽማግለን ፡ ዝመስከሩዎ ፡ ቅውም ፡ ይኹን ፡ ቃል ፡ ሰለስ ተ ፡ ማለት ፡ እዩ ።

እቶም ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ እቲ ፡ ዝፈጸመ ፡ ዳኛ ፡ ምውታት ፡ እንተኰኑ ፡ ግና ፡ ክም ፡ ሥርዓት ፡ ብ፫ ምስክር ፡ ብነፋይ ፡ ይኹን ፡ ነፋይ ፡ ምውታት እንተኰኑ ፡ ክኣ ፡ ብያታ ፡ የመስክሩ ።

እቲ ፡ ዝምስክር ፡ ሰብ ፡ ምንም ፡ ተጠይቀ እንተበለ ካብ ምስክር፡ኪ ኸልከል ፡ ኣይግባእን ፡ እዩ ፡ ስለ ፡ እተጠቀውን ፡ ጽያፍ ፡ የልብሉን። ስለ ምንታይ ፡ ምስክር ፡ ክይጠየቅካ ፡ ክይሐተትካ ፡ ብሃንደበት ፡ እቶ ፡ ማለት ግቡእ ፡ ኣይኰነን ።

እቲ ፡ ዝምስክር ፡ ሰብ ፡ ገንዘብ ፡ ተቀቢለ ፡ እንተበለ ፡ ግና ፡ ካብ ፡ ም ስክር ፡ ትሩፍ ፡ እዩ ።

ምስክር ፡ ረቂሑዎ ፡ ዝነበረ ፡ እሞ ፡ ዳኛ ፡ ኣይግቡኣትን ፡ እንተበለ-

ም ፡ ኣምሰያኦም ፡ ካልኣት ፡ ግቡኣት ፡ ምስክር ፡ ይተክእ ፡ ኣይከልክል ።

ናይ ፡ መሬት ፡ ምስክር ፡ ብ፫ ይቆም ። ናይ ፡ ካልእ ፡ ነገር ፡ ግና ፡ ብ፪ ፡ ወይ ፡ ብ፩ ፡ ይቑም ። ከብኡ ፡ ኪውስኽኒ ፡ ኬጉድልኒ ፡ ኣይግቡእን ፡ እዩ ።

ብህሰየት ፡ ማህረትም ፡ ኮነ ፡ ቅትለት ፡ ንብሲ ፡ ኮነ ፡ ኣብኡ፡ ከምገነበረ ፡ ደኣ ፡ ይምሓል ፡ እምበር ፡ ቀረብ ፡ ይኹን ፡ ጓና ፡ ይኹን ፡ ግቡእ ምስክር ፡ እዩ

በዚ ሐሽዊ ግዜ ዘሎናዮ ብዙሕ ኣሉ ብወርቂ ዝዕደግ ነስሓ ፡ ዘየፍርሶ ፡ የልቦን ፡ እሞ ፡ ተነሲሔ ፡ ይነጽህ ፡ ኢሉ ፡ ጠዋውዩ ፡ ዝምስክር ፡ ብይዘፈረሃ ፡ እግዚአብሔር ፡ ስለዚ ፡ ገጽ ፡ ዳኛን ፡ ንጉሥን ተፈራህን ተሐፋሪን ፡ እዩሞ ፡ በለ ፡ ዘድሊ ፡ መርመራ ፡ መብርህ ፡ ፍርድን ፡ ቃል ፡ ምስክርን ፡ ስለ ፡ ከርከብ ፡ እቶም ፡ ምስክር ፡ ብውላድ ፡ ዳኛ ፡ ተጸዊዮም ፡ እና መሐሉ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ እዞም ፡ ዝስዕቡ ፡ ዳያኑ ፡ ይመስክሩ ።

ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ጭቃ ፡ ተጫቢጦ ፡ ምስክር ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ጭቃ ፡ መጺኦም ፡ ይመስክሩ ።

ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ምስለኔ ፡ እተጫበጠ ፡ ውን ፡ ከምኡ ።

እቲ ፡ ምስክር ፡ ተጸዊዑ ፡ ዝመጸ ፡ ፪ ቅርሺ ፡ ንመዓልቲ ፡ እዩ ፡ ዝግብኦ ፡ ክንዲ ፡ ብኩራቱን ፡ መንገዱን ፡ መግቡን ።

ድሕሪ ፡ ጭብጢ ፡ እቶም ፡ ምስክር ፡ ይጸርሑ ፡ እቲ ፡ ውላድ ፡ ዳኛ ፡ ናይ ፡ ዘጫበጠ ፡ ዳኛ ፡ ናብ ፡ ርሑቅ ፡ ይኹኑ ፡ ናብ ፡ ቀረባ ፡ ይኹኑ ፡ ክይዱ ፡ ይጸውዓዮም ፡ እዮም ፡ ፪ ሰብ ፡ ነገር ፡ ግና ፡ ምስ ፡ ዳኛ ፡ ጸኒሖም ዘዝመጸ ፡ ምስክር ፡ ይመስክሩ ፡ እዮም ፡ ካልእ ፡ ክሳብ ፡ ዝመጽእ ፡ ኣይጸበዩ ።

እኳ ፡ ዘምጺበጠ ፡ ዳኛ ፡ እቶም ፡ መሰክር ፡ መስ ፡ ተረቅሑ ፡ እኳ ፡ ዓዶም ፡ ርሑ
ቑ ፡ ገንዘብ ፡ ናይ ፡ ፩ ፡ መዓልቲ ፡ ይሕገዝ ፡ ናብ ፡ ከብዲ ፡ ዓዲ ፡ እንተኸይ
ዶም ፡ ግና ፡ ናይ ፡ ፩ ፡ መዓልቲ ፡ ይሕዝ ፡ እዚኤን ፡ ግን ፡ ንቅድም ፡ እዩ ፡
ካብ ፡ ፪ ፡ ሰብ ፡ ነገር ፡ ዝቅበልን ፡ ድሕርዞይ ፡ ዝምለስ ፡ ገንዘብ ፡ እንተሎ
ይመልስ ፡ ዝውሰኽ ፡ እንተሎ ፡ ከዐ ፡ ካብ ፡ ሰብ ፡ ነገር ፡ ይቀበል ።

እቶም ፡ ምስክር ፡ ግን ፡ ብኩራቶም ፡ ድሕሪ ምስ ፡ መሰከሩ ፡ ብቅ
ልጡፍ ፡ ይቀበሉ ፡ ፍርዲ ፡ አይጸበዩ ።

እኳ ፡ ንምስክር ፡ እተፈደየ ፡ ገንዘብ ፡ እተረትዔ ፡ እዩ ፡ ዝከፍሎ ።

እቶም ፡ ምስክር ፡ ግን ፡ ንቲ ፡ ገንዘብ ፡ ናይ ፡ ብኩራቶም ፡ ኪምሕሩ ፡
ግቡእ ፡ አይኮነን ፡ ከመይ ፡ ቡቲ ፡ ዝበኰሩሉ ፡ መዓልቲ ፡ ነቲ ፡ ትሕዳሮ
ም ፡ ባዓል ፡ ውሰለት ፡ መሊሶምሉ ፡ ከምዝመጹ ፡ ብዙይ ፡ ጠርጠራ ፡ ግ
ድንትዩ ፡ እዙይ ፡ ከዐ ፡ ብዙሕ ፡ ነገረ ፡ ሀልክ ፡ ከምዘትርፍ ፡ ግድንዩ ፡ ን
መርፍእስ ፡ ማሕረሻ ፡ ይማበጽሁላ ።

እኳ ፡ ምስክር ፡ ናብ ፡ ዳኛ ፡ ምቅራብ ፡ ትጸዊው ፡ እንተአበየ ፡ ፳ ፡ ቅ
ርሺ ፡ ባጠራ ፡ ንቤተ ፡ መንግሥቲ ፡ ይቀጻዕ ።

አይተዋስኩን ፡ ወይ ፡ አይውሐስከም ፡ ዝብሉ ፡ እንተተረኽቡ ፡ ዳኛ ፡
ብዝነገረ ፡ ይቱም ።

ኳደረ ፡ እዚ.ዝም ፡ ኣሉ ፡ ዝበለ ፡ ሰብ ፡ እንተለም ፡ ብእኣም ፡ ይርታዕ
እንተዘየሉ ፡ ኳደረ ፡ ዝበሎ ፡ ቁውም ፡ ቃል ፡ እዩ ።

## ፳፩። ብዛዕባ ዓውዲ ።

ዓውዲ ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ጸለማ ፡ እንተኰይኑ ፡ እቲ ፡ ዋናኣ ፡ ጠለቃ ፡ ኣውጺኡ ፡ ብፍቃድ ፡ ኪህብኒ ፡ ኪኽልእኒ ፡ ይከኣሎ ፡ እዩ ።

ናብ ፡ ዘይጸለመ ፡ ዓውዲ ፡ መንጎ ፡ ግና ፡ እቶም ፡ ከበብቲ ጥቓ ፡ ዓውዲ ፡ ዘለዉ ፡ ሰብ ፡ ግራሁ ፡ ኩሎም ፡ ሐቢሮም ፡ ዘለዎም ፡ ጥሪት ፡ ኰነ ፡ ማለት ፡ ኣእዱግ ፡ ጅርባ ፡ ዝረግጹ ፡ ኣባዕር ፡ እቲ ፡ ዜብሉ ፡ ድማ ፡ እንግድዓኡ ፡ ኣሒጆም ፡ ብሐደ ፡ ዜዋፍሮም ፡ መዓልቲ ፡ ቆሪጾም ፡ ጠለቃ ፡ የውጽኡ ። ነዚኣ ፡ ዚኣበ ፡ ፺ፊ ፡ ይሰደ ፡ ነቲ ፡ ዝኸሰሰ ፡ ጆንድኡ ፡ ፩ ፡ ይኹን ፡ ብዘሐት ፡ ይኹኑ ።

ዋና ፡ ዓውዲ ፡ እኽሉ ፡ ከይወድኤ ፡ ብዘይፍቓዱ ፡ ነታ ፡ ዓውዱ ፡ ዘሪፎም ፡ እንተውደቁላ ፤ ፺ ፡ ፊ ፡ ንበዓል ፡ ዓውዲ ፡ ይኽሐስ ፤ እተን ፡ ሐሰር ፡ ከኣ ፡ ንበዓል ፡ ዓውዲ ፡ ይኹና ።

በዓል ፡ ዓውዲ ፡ ከኣ ፡ ምንም ፡ እኳ ፡ ብዘይፍቃዱ ፡ እንተኣውደቁላ ፤

እቲ ፡ እኽሊ ፡ ከይጠፍእ ፡ ናብታ ፡ ዘውደቁላ ፡ ዓውዲ ፡ ይእቶ ። ብዳኛ ኣሕጁ ፡ ድኣ ፡ ከምስሩዕ ፡ ይኸሐስ ፡ እምበር ፡ ብኣ ፡ ዱ ፡ ኣይበትን ፤ ከምኡውን ፡ መ፡ታን ፡ ዳሕሮዎት ፡ ከየእትውሉ ፡ ኣ ሉ ፡ ኣይኸሩዓቶ ፤ ስለዚ ፡ ን እኽሊ ፡ ካብ ፡ ዓውዲ ፡ ዝቤተን ፤ ንዓውዱውን ፡ ዝኸሩዓተ ፡ ፺ ፡ ፊ ፡ ንኸሳሲኡ ፡ ይኸሐስ ።

ናብ፡ ዓሁዱ፡ ጠለቓ፡ ብዙሕ፡ እኽሊ፡ እንተተከአበ፡ እዩም፡ ጠለቓ፡ ዘውጽእ፡ ኩሉም፡ ዕንጸይቲ፡ ይዋደቑ።

ዓውዲ፡ ካኑያ፡ እት፡ ቅድም፡ ዝጸቐጠላን፡ ዝኸስተራን፡ የኸደላ ጸቒጡላ፡ ምስኬደ፡ ካልእ፡ ሰብ፡ እንተውደቀላ፡ ፪፡ ፊርጊ፡ ነት፡ ቐዳማይ፡ ይኸሕስ።

ዓውዲ፡ ጠለቓ፡ ኮነ፡ ካኑያ፡ ኮነ፡ አውዲቑላ፡ ካልት፡ ስራሕ፡ እንተ፡ አሕሊፉ፡ ፮ፊ፡ ንኸሳሲኡ፡ ይሰደ፡ ስለምንታይ፡ ነዮም፡ ካልኣት፡ ዜኺዱ፡ ከልኪልዎም፡ ኪነብር፡ አይግብኦን፡ እዩ።

ናብ፡ ዓውዲ፡ አጻዓኑኒ፡ ኢሉዎም፡ እንተአበዩ፡ እኽሊ፡ ይኹን፡ ሓሰር፡ ይኹን፤ ከምኡውን፡ ናብ፡ መገዲ፡ ጽዕነት፡ ወዲቑዎ፡ ጋሻ፡ ሓላፍ፡ መገዲ፡ ይኹን፡ ወዲ፡ ዓዲ፡ ይኹን፤ ምጽዓን፡ እንተአበዩዎ፤ ምስክር፡ እንተለውዎ፡ ብምስክር፡ ረቲዑ፡ ምስክር፡ እንተዘብሉ፡ ክኣ፡ ምሒሉ፡ ፮ፈ፡ ይከሓስ።

ከምኡውን፡ ላም፡ ወይ፡ ብዕራይ፡ እተገምዮ፡ ምሕጋዝ፡ እንተአበዩዎ፡ ፮ፊ፡ እዩ፡ ክሓሳኡ።

## ፳፫። መቐመጥ ሓሰር።

መቐመጥ፡ ሓሰር፡ ፱፡ ሚእቲ፡ መትሮ፡ ርሒቑ፡ ካብ፡ ዓዲ፡ ኪቕመጥ፡ ይግባእ፤ መታን፡ ሓዊ፡ ንዓዲ፡ ከየጥፍእ። እዚ፡ ከኣ፡ መሬት ጸለማ፡ እንተኮነ፡ ናብ፡ ጸለማኡ፡ መሬት፡ ዴሳ፡ እንተ፡ ኮነ፡ ከኣ፡

ብ፫ ፡ ሽግግል ፡ ናብ ፡ ዝመረጸዎ ፡ በታ ፡ ካብ ፡ ዓዲ ፡ ፱፻ ፡ ሜትሮ ፡ አርሒ ቆም ፡ የቐምጡ ። ነዚአ ፡ አፍርሾ ፡ ናብ ፡ ጥቃ ፡ ዓዲ ፡ ዘቀመጡ ፡ ብዘሕ ፡ ዜፍርሕ ፡ እዩሞ ፡ ጃሬ ፡ ይኸፈል ።

ምቅማጥ ፡ ሐሰር ፡ ዝነበረ ፡ እሞ ፡ ሰብ ፡ በዚሑ ፡ ዓዲ ፡ ገፌሑ ፡ ፫ ፡ ሽማግለ ፡ ዓዲ ፡ ወጺአሞ ፡ ንገዛታት ፡ እዩ ፡ ዝግበእ ፡ እንተበሉዎ ፡ ንገዛታት ፡ ይኹን ፡ አእማኑ ፡ ግና ፡ እቲ ፡ ዝአከበ ፡ ይውሰዶ ፤ እቲ ፡ በዓል ፡ ሐሰፍ ፡ አይለቅቅን ፡ ኢሉ ፡ እንተ ፡ አበዮ ፡ ጃፈ ፡ ይሰደ ፡ ንታ ፡ መሬት ፡ ይልቀቃ ።

ኩሙር ፡ ሐሰር ፡ ዘብልዔ ፡ ንሐደ ፡ ከብቲ ፡ ፪ ቅርሺ ፡ ንዋና ፡ ሐሰር ይኸሕሶ ። ከምኡውን ፡ አጣል ፡ እንተበተንአ ፡ ንመንሰ ፡ ፩ ፡ ቅርሺ ፡ ይምሕስ ።

## ፳፮ ። ብዛዕባ መንገዲ ።

መንገዲ ፡ አርብዓ ፡ ፮ ፡ ሜትሮን ፡ ፈረቃን ፡ ይኹን ። እታ ፡ መንገዲ ፡ ብማይ ፡ ወይ ፡ ብካልእ ፡ ምኽንያት ፡ እንተተበላሸወት ፡ እቲ ፡ ቅድም ዝረአያ ፡ ገባር ፡ ንጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ይንገር ፡ እቲ ፡ ጭቃ ፡ ምስሰምዐ ገባር ፡ አዚዙ ፡ ብቅልጡፍ ፡ የዕርያ ። ተአዚዙ ፡ ዘብኰረ ፡ ገዛሩይ ፡ እቲ ፡ ጭቃ ደናብ ፡ ቀጺዑ ፡ ንጽባሒቱ ፡ የውፍዮ ።

ከምኡውን ፡ ናይ ፡ ዓዲ ፡ ዕዮ ፡ ምጽሓር ፡ ማይ ፡ ከኣ ፡ ናይ ፡ ቤተክርስቲያን ፡ ዕዮ ፡ ኰነ ፡ ተአዚዙ ፡ እንተብኰረ ፡ ከምኡ ፡ እዩ ፡ ቅጽዓቱ ።

እቲ ፡ ሓለቓ ፡ ዓዲ ፡ ድማ ፡ ነታ ፡ ዝፈረሰት ፡ መንገዲ ፡ ርእዩ ፡ ወይ ፡ ምፍራሱ ፡ ሰሚዑ ፡ ብሸለልታ ፡ ከየዕረያ ፡ ሰብ ፡ ከየአዘዘላ ፡ ስቕ ፡ እንተበለ ፡ ፳ፈ ፡ ንቤተክርቲያን ፡ ይሰድ ፡፡

ንዝኾነ ፡ መንገዲ ፡ ዝሐረሰ ፡ ሓደው ፡ እምኒ ፡ ፈንቒሉ ፡ ናብ ፡ መንገዲ ፡ ዝሐደገ ፡ ወይ ፡ እም ፡ በቲኹ ፡ ናብታ ፡ መንገዲ ፡ ዝሐደገ ፡ ፳ፈርጊ ንቤተክርስቲያን ፡ ይዕድ ፡፡

ቀጢን ፡ መንገዲ ፡ ብመንጎ ፡ ግራሁ ፡ ሰብኒ ፡ ልጉምኒ ፡ በቕልን ፡ ጥራዩ ፡ ይሕለፉ ፡ ዝኾነ ፡ ይኹን ፡ ከብቲ ፡ ዝሓዘ ፡ ብመንገዲ ፡ ፴ ፡ ደእ ፡ ይኺድ ፡ እምበር ፡ ብቀጢን ፡ መንገዲ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ዝሩእ ፡ ግራሁ ፡ አይሕለፍ ፡ ብእኡ ፡ ዝሐለፈ ፡ ፳ፈ ፡ ንበዓል ፡ ግራት ፡ ይኽሕስ ፡፡

## ፳፫ ፡፡ ብዛዕባ አእዋም ፡፡

ጥሉል ፡ እሞ ፡ ነብ ፡ ዘይመሬቱ ፡ ብዶኽ ፡ ፍቓድ ፡ ዋና ፡ ክበትክ ፡ አይግበእን ፡ እዩ ፡ ስለዚ ፡ እቲ ፡ ነብ ፡ ዘይመሬቱ ፡ ክበትኽ ፡ እተረኽበ ፡ ንዓንደ ገመል ወይ ንሐርከም ዝኸውን እንተበተኸ፣ ነተን አእዋም፣ ለቂቑ ፡ ከምብገዘሔን ፡ ልክዕ ፡ ንሐንቲ ፡ እም ፡ ፪ፈ ፡ ንሰበ ፡ መሬት ፡ ይከሐሰም ፡፡

እቲ ባለ መሬት ከአ ነብ መሬቱ እም በትኽምሉ ብእኡ ኪጽይቑ ማለት ፡ ኪገንዮ ፡ አይግበእን ፡ እዩ ፡ እንተደለዩ ፡ ዓዲ ፡ ጠሲዮም ፡ ሸይጦም ፡ ንቤተክርስቲያን ፡ ወይ ፡ ንኻልእ ፡ ናይ ፡ ዓዲ ፡ ጉዳይ ፡ ንዝደለዩ ፡ ይግበሩዎ ፡፡ ከብዚ ፡ ሐሊፎም ፡ እንተገንዮም ፡ እቲ ፡ ዝገንየ ፡ ፴ፈርጊ ፡

ነቲ ፡ ዝበተኸን ፡ ይሽሐሰ ። ምንም ፡ ናብዚ ፡ መሬቱ ፡ እንተ ፡ በተኸ ፡ ብዳኛ ፡ አሒጊዝካ ፡ ከምስሩዕ ፡ ተኻሒስካ ፡ አእዋም ፡ አግዱ ናትካ ፡ ንጠቅሚ ዓዲ ፡ ኪኸውን ፡ ይግባእ ፡ እምበር ፡ ምጽያቅ ፡ ክልኩል ፡ እዩ ።

## ፻፫ ። ንቑጽ ሰንጨይቲ ።

ብድኻ ፡ ፍቃድ ፡ በዓል ፡ መሬት ፡ አይሰድ ። ከመስድ ፡ እንተተረኽበ ፡ ንጽዕነት ፡ አድጊ ፡ ፩ ፡ ቅርሺ ፡ ይዕደ ።

## ፻፬ ። መጋለስ ዓንደ ገመል ይኹን ዕንጨይቲ ይኹን ።

ነዛይ ፡ ሒጅ ፡ ኪኸይድ ፡ ከሎ ፡ ርስተኛ ፡ ናብ ፡ መንገዲ ፡ አይሐይዝ እንተሐዘ ፡ አድራሽ ፡ ተኺሉ ፡ ንዓዱ ፡ ይሕለፍ ። ብቑጸራ ፡ መዓልቲ ፡ ብዳኛኡ ፡ ይሐገዞ ። ካብ ፡ መሬቶም ፡ ከም ፡ እትቈርጽ ፡ እንተረትዕዎ ፡ ከምቲ ፡ ሕጊ ፡ ይኽሐስ ። ብዓይኑ ፡ ካብ ፡ በታኡ ፡ ኪቈርጽ ፡ ዝረአየ ፡ ከራግሮ ፡ ይኽእል ፡ እዩ ።

ዓይኑ ፡ ዘይገጠመሉ ፡ ግድነት ፡ አራግፉ ፡ ኪብል ፡ ተረኺበ ፡ እሞ ፡ አድራሽ ፡ ክንተክል ፡ እናበልዎ ፡ ዝአበ ፡ ብዙሕ ፡ ሰብን ፡ ጸማድን ፡ እኽሊ ፡ ማይን ፡ ስለ ፡ ዘብከረ ፡ ፫ ፡ ቅርሺ ፡ ይኽሐስ ።

## ፴ ። ናውቲ ማሕረስ ።

ብዘይ ፡ ፍቃዱ ፡ ዋና ናውቲ ፡ ማሕረስ ፡ ዘልዓለ ፡ ንዋና ፡ ናውቲ ፴ ፈርጊ ፡ ይኽሕስ ።

አርሀት ፡ ነዊት ፡ ዱግሪ ፡ ብልመና ፡ ዝወሰደ ፡ ሰብ ፡ ነዚኤን ፡ እተቀበለ ፡ ሰብ ፡ በታ ፡ ዋና ፡ ዝከትየሉ ፡ መዓልቲ ፡ ይምለሰን ። ከምቲጻሩ ፡ እንተዘይ ፡ መለሰን ፡ ናይ ፡ ብከሩፈት ፡ ፲፪ ፈ ፡ ይኽሕስ ።

## ፴፩ ። ኩታም ፡ አም ።

ናብ ፡ ግራትክ ፡ ጸጸ'ኻ ፡ ዘዕበኻዮ ፡ አም ፡ ኩታም ፡ ይበሃል ፡ ስለዚ ፡ እታ ፡ እተኾትመት ፡ አም ፡ ናብ ፡ መሬት ፡ ዴሳ ፡ እንተ'ኾነት ፡ ምንምኳ ፡ እታ ፡ ግራት ፡ ናብ ፡ ክልእ ፡ ሰብ ፡ እንተሐለፈት ፡ ነቲ ፡ ቅድም ፡ ገከተመ ፡ ትኹን ፡ ናብ ፡ ዝግብአ ፡ ግዚ ፡ ድማ ፡ ይቍረጻ ። ናብ ፡ ግራት ጽልሚ ፡ እንተኾነ ፡ እቲ ፡ ኩታም ፡ ንበዓል ፡ ጽልሚ ፡ እዩ ።

ናብ ፡ ገጠር ፡ ዘሎ ፡ አም ፡ ኪበትኽ ፡ ምስ ፡ ጀመረ ፡ ብሐደ ፡ ድንገት ዝአከል ፡ እንተዘይፈጸማ ፡ ን፴ ፡ መዓልቲ ፡ ኩታሙ ፡ እዩ ። ብድሕርዚ ይ ፡ ዘርከበ ፡ ኪበትክ ፡ ይኽእል ፡ እዩ ።

## ፻፱ ። ኣገባብ ቍርጻ ኣም ።

ብሩስ ፡ ብመጋዝ ፡ ይቝረጽ ፡ ብሐዊ ፡ ክይቁረጽ ፡ ክልኩል ፡ እዩ ፡ ንዘይ ፡ ዝገሃስ ፡ ፻ሬ ፡ ይዕደ ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤት ።

ንዓንደ ፡ ገመል ፡ ዝኸውን ፡ ኣም ፡ ካብ ፡ ኪዳን ፡ ምሕረት ፡ ስኒ ፡ ክሳብ ፡ መወዳእታ ፡ ንሐሴ ፡ ኪብተኸ ፡ ይግባእ ፡ ክመይ ፡ በዚ ፡ ጊዜ ፡ ተቘርጹ ፡ ኣም ፡ ኪንቅጽ ፡ ኣይክልን ፡ እቲ ፡ ኣም ድማ ይጭጭብ ፡ ኣይበርስን ። ዳዕሮ ፡ ኣውሒ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ አቡን ፡ እከሌ ፡ ተብሂሉ ፡ ዝሰሚ ፡ ክልኩል ፡ ኣግራብ ፡ ጽላል ፡ ማያት ፡ ንሁኡ ፡ ዝመስል ፡ ክልእውን ፡ ዝበተኸ ፡ ፻ፊ ፡ ንቤተ ፡ ትምህርቲ ፡ ይሰደ ፡ እታ ፡ ዝበተኸ ፡ ኣም ፡ ክኣ ፡ ንቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ትኹን ።

ኣታኽልቲ ፡ ዝቘረጸ ፡ ወይ ፡ ዝመሐወ ፡ ፳ ፈርጊ ፡ ይኸሐስ ፡ ንዋና ፡ ኣትክልቲ ።

## ፻፲ ። ሕጻ ።

ቅድም ፡ ክትሐጻጸዩ ፡ ክለዉ ፡ ወድን ፡ ጓልን ፡ ትኣትዮም ፡ ይተሐጻዩ ፡ ምናልባሽ ፡ እቶም ፡ መለዮም ፡ ካብ ፡ ብገዚሒ ፡ ፍቅሪ ፡ እተላሰለ ፡ ብና

እሸትኣም ፣ እንተኣሕጺይዎም ፣ ድማ ፡ ወዲ ፡ ብ፲፰ ዓመት ፡ ጓል ፣ ብ፲፭ ፣ ዓመት ፣ ኪምርዓዉ ፣ ይግባእ ፣ ነዚዩ ፡ ዘፍረሰ ፣ ፴ ፈርጊ ፣ ይዕደ ፡ ንቤተ ትምህርቲ ።

ነዚ ፣ ነገርዚ ፡ መግለጺኡ ፣ መንታን ፣ እቲ ፡ ዕድመ ፣ ናይዶም ፡ ቈላሁ ኪናብሩ ። ንኽልእ ፣ ኣብነት ፣ ውን ፣ ኪነውን ፡ ካብ ፡ ሎሚ ፣ መዓልቲ ፣ ንደሐር ፣ ማለት ፡ ፲፱፻፴፩ ፡ ዓ ፣ ም ፡ እተወልዱ ፡ ሕጻናት ፣ ወድን ፣ ጓልን በታ ፡ መዓልቲ ፣ ጥምቀቶም ፣ ናብ ፣ መዝገብ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያንን ፣ መዝ ገብ ፣ ሉቃን ፣ ይጸሐፉ ።

## ፵፬ ። ስልማለት ክዳውንቲ ሕጻ ።

ናብ ፡ መጀመርታ ፣ ኣበ ፡ ወዲ ፡ ፫ ሽግግለን ፣ ፪ ቀለቤት ፣ እገረ ፡ ፩ መስቀል ፣ ናይ ፣ ክርስቲያን ፡ ምልክት ፡ ፩ ጥልፊ ፣ ፩ ነጸላ ፣ ንሕጽይቲ ፣ ወዱ ፣ ይሃብ ፣ እቲ ፣ እተሰምየ ፣ ስልማት ፣ ግን ፣ ብናር ፡ ወርቂ ፡ ዝተቀብ ኡ ፣ ይኹን ።

ብኽልኣይ ፣ ግዜ ፣ ፩ ጀለብያን ፣ ነጸላን ፣ ይኽደና ።

ብድሕሪዚዩ ፡ ብናቶም ፣ ኣበ ፣ ወዲ ፣ እንተኽደንን ፣ ሰለመን ፣ ናት ሕ ፣ ምናልባሽ ፣ እንተተርኽበ ፡ ኣይጽብጹብንዩ ፣ እቲ ፣ ተሐጊጉ ፣ ዘሎ ጥራይ ፣ እዩ ፣ ዝሕሰብ ። እስተርሊኒ ፣ እምበር ፣ እግሪ ፣ እምበር ፣ ኢይ ክልኣት ፣ ውን ፣ ናይ ፣ ምውራዕ ፡ ዓይነት ፣ ክይስለም ፣ ክልኩልዩ ፡ ብደነ እቲ ፣ ናብ ፣ ላዕሊ ፣ ተመልከተ ፡ ዘሎ ።

## ፴፫ ። ብጽሖት ሓራስ ብግዜ ሕጻ ።

አደን ፡ አበን ፡ ናይቲ ፡ ሕጹይ ፡ ወዲ ፡ ንታ ፡ አዲአ ፡ ንሕጽይቲ ፡ ምስ ፡ ሐረሰት ፡ ከም ፡ ከአለቶም ፡ መብጽሒ ፡ ሒዞም ፡ ፩ ጊዜ ፡ እንዳ ፡ ወዲ ፡ ንእንዳ ፡ ኳል ፡ ይብጽሕዎ ፡ ብድሕርዚ ፡ ብጽሖት ፡ ክልኩልዩ ።

## ፴፬ ። ኩ ል ኩ ል ነ ገ ር ።

መከራት ፡ አፍ ፡ ብላዕ ፡ ዓንደገመል ፡ ብላዕ ፡ ቤት ፡ ስርሐለይ ፡ ብላዕ ዓጺድ ፡ ክልእ ፡ ንዕኡ ፡ ዝመስል ፡ ውን ፡ አበ ፡ ኳል ፡ ከይአዝዝ ፡ ክልኩልዩ ። ነዞይ ፡ ሓሊፉ ፡ ዝአዘዘ ፡ ፴፫ ፡ ይሰደ ፡ ንቤተ ፡ ትምህርቲ ።

አበ ፡ ወዲ ፡ ድማ ፡ ሐሞይ ፡ ኪፈትጠለይ ፡ ኢሉ ፡ ነዚኤን ፡ ብሕጊ ፡ ዝተረሳ ፡ እንተሐበ ፡ ፍትሕ ፡ ኪኸውን ፡ መዓልቲ ፡ ትሩፍ ፡ እዩ ።

ነምአ ፡ ውን ፡ ናብ ፡ ቀብሪ ፡ ነበዳ ፡ ምምጻእ ፡ ክልኩልዩ ፡ ስለዚ ፡ አቶም ፡ ከብቲ ፡ እግዚአብሔር ፡ ንክልእ ፡ ግዙእ ፡ ንብረትና ፡ እዩ ፡ ዝሓበና ፡ እምበር ፡ ናብ ፡ አገበር ፡ ኪዘሩ ፡ እናተፈጌንቱ ፡ አይኮነን ፡ ናብዚ ፡ ነገርዚ ፡ እተረኸበ ፡ ጥሪት ፡ እቲ ፡ ጭቃ ፡ ንገበር ፡ አዚዙ ፡ ብተሎ ፡ ይሐዝም ፡ አስቀዳዲሙ ፡ ድማ ፡ ጽዕነቶም ፡ የራግፈሎም ፡ ጥሕስ ፡ አትኪሉ ፡ ፲፬ ፡ ፈ ፡ ይሰደዩ ፡ ኡቶም ፡ ዋና ፡ እንስሳ ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤት ።

## ፴፰። ኣገባብ ብላዕ በቕሊ።

በቕሊ ፡ ዝበልዕ ፡ ኣቦ ፡ ጓል ፡ ቅድም ፡ ናብ ፡ መዓልቲ ፡ ሕጂ ፡ ፲ ፡ ክብቲ ፡ ፭ ኣንስትዮ ፡ ፭ ተባዕትዮ ፡ እኩታት ፡ ይሃብ ክብዚኣም ግን ፡ ፱ ገዝሕረሱ ፡ ፩ ትሕለብ ፡ ዝሃበ ፡ በቕሊ ፡ ኪበልዕ ፡ ይግብኦ ። ነዚኣን ፡ ዘይሀብ ፡ በቕሊ ፡ ኣይብላዕ ፤ ነዚ ፡ ሕጊ ፡ ሐሊፉ ፡ በቕሊ ፡ ኣዚዙ ፡ ዝወሰደ ፡ ፍትሕ ፡ ኪኸውን ፡ መዓልቲ ፡ ዋጋ ፡ እታ በቕሊ ፡ ብዕጽፊ ፡ ነቦ ፡ ወዲ ፡ ይሃብ ።

ኣቦ ፡ ወዲ ፡ ድማ ፡ ክይተኣዘዘ ፡ በቕሊ ፡ ንሓሙኡ ፡ ኪፈትወለይ ፡ ኢሉ ፡ ዝሃበ ፡ ፍትሕ ፡ ኪኸውን ፡ መዓልቲ ፡ ጸብጻብ ፡ ዜብላ ፡ ትርፍቲ ፡ ትኹን ።

ኣቦ ፡ ወዲ ፡ ነቦጓል ፡ ክይተወከሰ ፡ ካብቶም ፡ ናብ ፡ ሕፀ ፡ ዝሃበ ፡ ክብቲ ፡ ክሸይጥ ፡ ኣይክእሎን ፡ እዩ ፤ ክይተወከሰ ፡ ዝሸጠ ፡ ጃፊ ፡ ይከሐስ ፡ እተን ፡ ሺያጥ ፡ ድማ ፡ ነቦጓል ፡ ይሃብ ።

ኣቦ ፡ ወዲ ፡ ካብቶም ፡ ናብ ፡ ሕፀ ፡ ዝእተዉ ፡ ክብቲ ፡ እፍቲዎ ፡ ዝሸጠ ፡ ወይ ፡ ገዝሚ ፡ ጓሉ ፡ ብፍቓድ ፡ ሐሙኡ ፡ ዝሃበ ፡ ምናልባሽ ፡ ፍትሕ ፡ እንተኾነ ፡ ቀንዲ ፡ ሽያጥ ፡ ገንዘቡ ፡ ነቦጓል ፡ ይሃብ ። እታ ፡ ኽብቲ ፡ እንስተይቲ ፡ እንተኰነት ፡ እሞ ፡ ናብቶም ፡ ኣሕማ ፡ ናይ ፡ እንዳወዲ ፡ እንተፈረየት ፡ ብፍቓድ ፡ እያ ፡ ዝኸደት ፡ እሞ ፡ እተን ፡ ዝፈረየተን ፡ ደቃ ፡ ናብ ፡ ኣቦጓል ፡ ክምለሳ ፡ ኣይክእላን ። እታ ፡ ቀንዲ ፡ ጥራይ ፡ ይቕበል ።

አበ ፡ ወዲ ፡ ካብቶም ፡ እተቐበሎም ፡ ገገዝሚ ፡ ወዱ ፡ ነቦኻል ፡ ከይተወከሰ ፡ ንኻሉ ፡ እንተግዘመ ፡ ወይ ፡ ንካልእ ፡ እንተሃበ ፡ ፍትሒ ፡ ኪኸሱን ፡ መዓልቲ ፡ እቶም ፡ ከብቲ ፡ ብቐንደም ፡ እንተለዉ ፡ ብቐንዶም ፡ ናብ አቦኻል ፡ ይመለሱ ፡ ምናልባሽ ፡ እንስተይቲ ፡ እንተኰነት እሞ እንተፈረየት ፡ እንተሎ ፡ እተን ፡ ዝፈረየተን ፡ ደቃ ፡ ናብ ፡ አቦኻል ፡ ትመለስ ። ቀንዲ ፡ እንተዘይለዋ ፡ ግና ፡ አምሰያ ፡ ይሃብ ።

ጣሰዋ ፡ ገዝሚ ፡ ናብ ፡ ኢድ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ እንተሞተ ፡ እሞ ፡ ስጋኡ ፡ ናብ ፡ ቤቱ ፡ እንተበልዖ ፡ ከንዲ ፡ ኻስኑቱን ፡ ድኻሙን ፡ እዱሞ ፡ ብገዝበልዖ ፡ ይደቅስ ፡ አይከሰስ ። ነቲ ፡ ስጋ ፡ እንተሸጦ ፡ ግና ፡ ፍትሒ ፡ እንተኰነ ፡ ነቦ ፡ ኻል ፡ ይሃብ ።

ጣዕዋ ፡ ገዝሚ ፡ ብዘይ ፡ አሰር ፡ ጠፊኡ ፡ እንተበለ ፡ ብአዋን ፡ ፍትሕ አቦኻል ፡ ነቦ ፡ ወዲ ፡ የምሕሉ ። ምናልባሽ ፡ ባዕሉ ፡ ሸይጡ ፡ ወይ ፡ ናብ ፡ ዝጸንዒ ፡ ሐቢኡ ፡ ጠፊኡኒ ፡ እንተበለ ፤ አበ ፡ ኻል ፡ ብምስክር ፡ ረቲዑ ፡ ከምዝሸጦ ፡ ወይ ፡ ከምዝሐብአ ፡ እንተወጸአ ፡ ግና ፤ አበ ፡ ወዲ ፡ ብ፩፡ረተከላ ፡ ይከፈል ።

ብሕጺ ፡ አበወዲን ፡ አቦኻልን ፡ እተባልዐም ፡ እንጌራ ፡ ማይ ፡ ፍትሕ ፡ እንተኾነ ፡ አይጸብጸብ ፡ ትሩፋ ፡ እዩ ።

አበ ፡ ወዲ ፡ ካብተን ፡ ገዝሚ ፡ ዝአተውአ ፡ ናእሽቱ ፡ ጣዓዉ ፡ ስለ ፡ ዝኾና ፡ ዘይሐረሰን ፡ ዘይሐለበን ፡ እንተኾነ ፡ እሞ ፡ ምናልባሽ ፡ እንተ ፡ ተፋትሒ ፤ አበኻል ፡ ብላሰ ፡ ሳዕርን ፡ ግብርንጉሥን ፡ አኽፊሉ ፡ እንተኰነ ከአ ፡ ናይ ፡ መኽተብን ፡ ጸብጺቡ ፡ ገንዘብ ፡ ነቦወዲ ፡ ከፊሉ ፡ ጣዓውኡ ፡ ይውሰድ ። እቲ ፡ አበ ፡ ወዲ ፡ ሐሪሱን ፡ ሐሊቡን ፡ እንትኰነ ፡ ግና ፡ ብኡ ፡ ይደቅስ ፡ ጸብጺብ ፡ ግብሪ ፡ ብላዕ ፡ ሳዕሪ ፡ ከታበት ፡ የልቦን ፤ አበኻል ጣዓውኡ ፡ ወሲዱ ፡ ይደቅስ ።

ኋል ፣ ኣቦኣን ፤ ኣደኣን ፡ እንተ ፣ ተፋትሖ ፣ ብጭቃድ ፣ ኣቦኡ ፣ ኣያ ፣ እትሕፀ ፤ ኣቦ ፡ ከሎ ፣ ኣደ ፡ ባዕላ ፡ ከተሕጸ ፣ ኣይከኣላን ፣ እዩ ፡ ስለዚ ፡ ነቦ ፡ ከየጭቀደት ፣ ኣደ ፣ እንተሕፀየት ፣ ፀሬ ፡ ትኽሕሶ ፣ እቲ ፣ ኣቦ ፣ ዘይሬተያ ፣ ሕፀውን ፣ ኣይርጋእ ፡ ትኑፍ ፣ ይኾን ።

ሰብኣይኒ ፣ ሰበይትን ፣ ፍቱሓት ፡ እንተኾኑ ፡ ክልቲኦም ፡ ተሰማሚዖም ፣ ኋሎም ፣ የሕጽዩ ፤ ዘይሰማማዕ ፣ እንተኾኑ ፣ ግና ፡ እታ ፣ ኋል ፡ ክይተሐጽየት ፡ ፲፩ ዓመት ፡ ትጽናሕ ። ብድሕሪኡ ፡ እታ ፣ ኋል ፣ ገሬተመት ፣ ባዕላ ፣ ትተሐጸ ።

እቲ ፤ እተሐጸ ፣ ወዲ ፣ ካብ ፣ ፲፰ ዓመት ፣ ጀሚሩ ፡ ክሳዕ ፣ እዋን ፣ መርዓኡ ፡ ናብ ፡ ቤት ፣ ሐሙኡ ፣ ይመላለስ ፤ እታ ፣ ሕጽይቲ ፣ ኋል ፣ ድማ ፣ ኣይትተሐባእ ፤ ከምዚ ፣ እናተረኣእዩ ፤ ይዕበዩ ።

ንመርዓ ፣ ፩ ዓመት ፣ ምስተረፎም ፣ እቶም ፣ ክልተ ፣ ሕሁያት ፣ ፍቅሮም ፣ ናብ ፣ ቅድሚ ፡ ኣበንስሓ ፡ ናይ ፣ እንዳኋልኒ ፣ ፫ ግቡኣት ፣ ምስክርኒ ፣ ብግልጺ ፣ የፍልጡ ። ብድሕርዚ ፣ ክልተ ፣ ወለዲ ፣ ንመርዓ ፣ ኪቋጸሩ ፣ ይግብኦም ፣ ከምዚ ፣ እንተኾነ ፣ እቲ ፣ ንምኽንያት ፣ ፍትሕ ፣ ኣቦታትና ፣ እዮም ፣ እምበር ፡ ንሕናስ ፣ ኣይንፋለጥን ፣ እኳ ፣ ዚበሃል ፣ ቃል ፣ ኪተርፍ ፣ ይከኣል ፣ እዩ ።

ወድን ፡ ኋልን ፣ ተሐጻጽዮም ፣ ከለዉ ፣ ሐሞኦም ፣ ፈንጠጡ ፣ ወይ ፣ ጀጊሉ ፣ እንተ ፣ ተረኺበ ፣ ገገንዘቦም ፣ ተጻብጺቦም ፣ ይፈላለዩ ።

ኣደኣም ፣ ዝሞተቶም ፣ ቈላዑ ፣ ኣቦኣምን ፣ ሰይተቦኦምን ፡ ብናይብሮም ፣ ገንዘብ ፣ እንተሕፀይዎም ፤ ምናልባሽ ፣ እቶም ፣ ሰብኣይን ፣ ሰበይትን ፣ እቶም ፣ ቆላዑ ፡ ናብ ፡ ሕፀ ፣ ከለዉ ፣ እንተ ፣ ተፋትሖ ፣ እቲ ፣ ናብ ፣ ሕፀ ፣ ዝጠፍአ ፣ ገንዘብ ፣ እታ ፣ ሰይተቦኦም ፣ ሁብጺባ ፣ ክትምቀሎ ፣ ኣይኮ

ብእኦን ፡ እዩ ፡ ከመይ ፡ እቶም ፡ ዘኽታማት ፡ ቆላዑ ፡ ግገእቶም ፡ እዩ ።

ከምኡውን ፡ እቲ ፡ ንሳ ፡ ሐማት ፡ ኰይና ፡ ምስሐረሰት ፡ ገዛበልዓቶ ፡ መብጺሒ ፡ ኰነ ፡ ደቂ ፡ ቀዳማይ ፡ ሰብኣያ ፡ ማለት ፡ ደቂ ፡ በይና ፡ ኣሕጽያ ፡ እንተ ፡ ነበረት ፡ ኣይጸብጸብ ፡ ትሩፍ ፡ ይኾን ።

መማጽኢ ፡ ቅራና ፡ ከቢ ፡ ኣበ ፡ ወዲ ፡ ቅራና ፡ ከብ ፡ እንዳ ፡ ጓል ፡ ይግብኡ ።

## ፴፰። ብላዕ መርዓ።

ኣበ ፡ ወድን ፡ ኣበጓልን ፡ ብላዖም ፡ ብጺሒዩ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ኣበት ፡ ነብሲን ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ፫ ፡ ግቡእት ፡ ምስክር ፡ ብላዕ ፡ ኣቒሞም ፡ መዓልቲ ፡ መርዓ ፡ ይቋጸሩ ።

ብላዕ ፡ መርዓ ፡ ንሃብታም ፡ ኰነ ፤ ንድኻ ፡ ትኽክል ፡ እዩ ፡ ስለዚ ፡ እዚ ፡ ክብ ፡ ገዛበለ ፡ ብላዕ ፡ ክሳዕ ፡ ገንዘ ፡ ላምኒ ፤ እንፍቅቲ ፡ ጣፍኒ ፡ ይኾን ከብኡ ፡ ንታሕቲ ፡ ብምኽት ፡ ብጤል ፡ ውራይ ፡ መርዓ ፡ ኣሕጺርካ ፡ ኪግበር ፡ ፍቓድ ፡ እንዳበ ፡ እዩ ። ከመይ ፡ ብዙሕ ፡ ድኻ ፡ ነቲ ፡ ሃብታም ፡ ኪርከብ ፡ ብድሕሪ ፡ መርዓ ፡ ናብ ፡ ከቢድ ፡ ዕዳ ፡ ከም ፡ ዝወድቕ ፡ ርግጽ ፡ እዩ ፡ ስለዚ ፡ ካብዚን ፡ ናብ ፡ ሕጊ ፡ ተጸሒፉን ፡ ዘሎዋ ፡ ሐሊፉ ፡ ብላዕ ፡ መርዓ ፡ ገእዘዘ ፡ ፶ ፡ ፈረሲ ፡ ይሰደ ፡ ንተማሃሪ ፡ ቤት ።

እቲ ፡ ኣበ ፡ ወዲ ፡ ድማ ፡ ዘይተኣዘዘ ፡ ሐሞይ ፡ ከፈትወለይ ፡ ኢሉ ፡ ነቲ ፡ ሕጊ ፡ እፍሪሱ ፡ ላዕ ፡ ብምልእታ ፡ ነበ ፡ ጓል ፡ እንተሃበ ፡ ወይ ፡ ከብቱን ፡ ጾሑፋት ፡ ናብ ፡ ሕጊ ፡ እንተሐለፈ ፡ ፶ፈ ፡ ይሰደ ፡ ንተማሃሪ ፡ ቤት ።

ብላዕ ፡ ክዳውንቲ ፡ ፩ ጥልፊ ፡ ፩ ፡ ባዕሉዓቢ ፡ ፩ ልበልባ ፡ አበጓል ፡ ካብዚኡን ፡ ሓሊፉ ፡ አይብላዕ ። እቲ ፡ አቦ ፡ ወዲ ፡ ግና ፡ ፈትዩ ፡ ከናን ፡ መርዓት ፡ ወዱ ፡ ወሲኹ ፡ እንተሃበ ፡ ብዛዕባ ፡ ክዳውንቲ ፡ እንክብሉ ፡ የብልናን አቦ ፡ ወዲ ፡ ዘምጽኦ ፡ ብላዕ ፡ አበጓል ፡ ንኽልእ ፡ እንተሃበ ፡ ፴ ፡ ፈርጊ ፡ ይኽሕስ ።

መለኸት ፡ እምብልታ ፡ ከበሮ ፡ ገሐዞ ፡ ሕልፎት ፡ ብጀኽ ፡ ፫ ንርከ ፡ ከልኩል ፡ እዩ ። ነዚእ ፡ ሓሊፉ ፡ አበጓል ፡ እንተአዘዘ ፡ ወይከኣ ፡ አቦ ፡ ወዲ ፡ ከፈትወለይ ፡ ኢሉ ፡ እንተሰደደ ፡ ፴ ፈ ፡ ይሰድ ፡ ኣቦ ፡ ንብሲ ፡ ድማ ፡ ንሬ ፡ እኽሊ ፡ ማይ ፡ አይብርከ ።

ከምኡ ፡ ውን ፡ ኳይላ ፡ ሬኤፈራ ፡ ምገራፍ ፡ ናብ ፡ መርዓኡ ፡ ገገበረ ፡ ፴ፈ ፡ ይሰድ ፡ አቦ ፡ ንብሲ ፡ ድማ ፡ እኽሊ ፡ ማይ ፡ አይብርኽ ፤ ካህን ፡ ንዘይ ፡ ሓሊፉ ፡ እንተበረኸ ፡ ካብ ፡ ማሕድሮ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ይልቀቅ ።

አቦ ፡ ጓል ፡ ንቶም ፡ ርእዮን ፡ ተመልኪቶን ፡ እተዋሰቦም ፡ አሕማኑ ፡ ናብ ፡ መዓልቲ ፡ መርዓ ፡ ብአዋልድ ፡ ከጽርፍን ፡ ብበርበረ ፡ ኬሰጥዎም ፡ አይግበኦን ፡ እዩሞ ፡ ስለዚ ፡ አዋልድ ፡ ከበሮ ፡ አሒዘን ፡ ንመርዓውን ፡ ዓሌቱን ፡ ከየጸርፉ ፡ ከልኩላትየን ፡ ብሕጊ ፡ ከምኡ ፡ ውን ፡ እንዳ ፡ ጠዲ ፡ ንታ ፡ መርዓትን ፡ ዓሌታን ፡ ከይጸርፉ ፡ ከልኩላትየን ፡ ነዘዩ ፡ ሓሊፉ ፡ አቦ ፡ ወዲ ፡ ይኹን ፡ አቦ ፡ ጓል ፡ ይኹን ፡ ዘጽረፈ ፡ ፴ፈ ፡ ይሰድ ፡ ንትማሃሪ ፡ ቤት ።

## ፴፱ ፡ ወራድ መርዓ ።

ወራድ ፡ መርዓ ፡ ፪ መአዲ ፡ ምስ ፡ ሐሙ ፡ ፩ መአዲ ፡ ምስ ፡ መርዓዊ ፡ ኩሎም ፡ ፳፬ ፡ ሰብ ፡ ይኾኑ ፡ ካብዚኦም ፡ ዝሐልፉ ፡ እንተ ፡ ኣውረደ ፡ ከምኡ ፡ ውን ፡ ብዸካ ፡ እቲ ፡ አቦ ፡ ጓል ፡ ፈትዩ ፡ ዝሃቦ ፡ ገዝምን ፡ ክዳውትን ፡ በቶም ፡ ወረዲ ፡ መርዓ ፡ ገይሩ ፡ ብጥርዓንን ፡ ህውኽትን ፡ ዝወሰደ ፡ ገንዘብ ፡ ምንብባር ፡ ኪኸውን ፡ መዓልቲ ፡ እተን ፡ ናብ ፡ ዳስ ፡ እተሰምያ ፡ ክዳውንቲ ፡ ብክብሪ ፡ ኾነ ፡ ብገንዘብ ፡ ኩለን ፡ አቦ ፡ ወዲ ፡ ብላዕሊ ፡ አይውሰድ ፡ ከም ፡ ገዝሚ ፡ መጠን ፡ ኰይነን ፡ ይመቐላ ፡ ፍትሕ ፡ እንተ ፡ ተረኸበ ፡ ክዳውንቲ ፡ ብላዕሊ ፡ የልብሉን ።

እቲ ፡ ከም ፡ ሕጊ ፡ ፳፬ ፡ ሰብ ፡ ጥራይ ፡ መርዓ ፡ ዘውረደ ፡ ንሳቶም ፡ ድማ ፡ ብዘይጥርዓን ፡ ካብ ፡ ዳስ ፡ እንተተሳናበቱ ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ ኩሉ ፡ ክዳውንቲ ፡ እተሰምየ ፡ ነበ ፡ ወዲ ፡ ብላዕሉ ፡ ይኹን ፤ እዚ ፡ ካብ ፡ ፲፱፻፴፮ ፡ ዓ ፡ ም ፡ እዩ ፡ ዝጀመር ።

ብጸሓይ ፡ መርዓ ፡ ንቋጸር ፡ ኢሎም ፡ ፪ ኣሕጣ ፡ ምስተቋጸሩ ፡ ሐዲኦም ፡ እንተጠለመ ፡ ፴ፈ ፡ ይኽሕስ ፡ ምስተቋጸሩ ፡ እኽሊ ፡ ማይ ፡ ምስ ፡ ተላዕጠጠ ፡ እንተኾነ ፡ ግን ፡ ፳ፈ ፡ ይኽሕስ ።

በዚ ፡ መዓልቲ ፡ መርዓ ፡ አቦ ፡ ጓል ፡ እንተኸልኤ ፡ ጓሉ ፡ ከምኡውን ፡ አቦ ፡ ወዲ ፡ ኣብዮኒ ፡ ወደይ ፡ ኢሉ ፡ እንተገደፉ ፡ ናይ ፡ ጽንዓል ፡ ሐረረ ፡ ፳ፈ ፡ እዩ ፡ ክኽሕሱ ።

አቦ ፡ ወዲ ፡ ነተን ፡ ብላዕ ፡ ተአዘዘን ፡ በታ ፡ ቈጸራ ፡ መዓልቲ ፡ እንተ ዘይሃበ ፡ ፴፫ ፡ ኪሒሱ ፡ እተን ፡ ብላዕ ፡ ብዋሕስ ፡ ይእቲዋ ።

ዓለባ ፡ ዳስ ፡ ከይብላዕ ፡ ክልኩልዩ ፡ ክዳውንቲ ፡ ብንገሚ ፡ ከይጽብ ጸብ ፡ ክልኩልዩ ።

ብጸሓይ ፡ ዝቖመ ፡ ብላዕን ፡ ክዳውንትን ፡ ቅውምዩ ።

ናብ ፡ ዳስ ፡ እቲ ፡ አቦ ፡ ወዲ ፡ አቦ ፡ ጓል ፡ ዝበሉ ፡ ዝኾኑ ፡ ሕራይ ይበሉ ፡ ስለ ፡ ዕግርግር ፡ ከይከውን ፡ ካብ ፡ መስተ ፡ ተላዕለ ፡ ስለዚ ፡ ምን ምኒ ፡ እቲ ፡ አቦ ፡ ጓል ፡ ንአቦ ፡ ወዲ ፡ ፈጺሙ ፡ እንተበለ ፡ አይረግእንዩ ፡ ከመይ ፡ እቲ ፡ ናይ ፡ ጸሓይ ፡ ጥራይ ፡ እዩ ፡ ዝጼውዑም ።

## ፶ ። መዓልቲ መርዓ ።

ወራድ ፡ መርዓ ፡ ናብ ፡ ዳስ ፡ ምስ ፡ አተዉ ፡ አስቀዳድሞም ፡ ካብ ፡ እ ንዳ ፡ ጓል ፡ ዋሕስ ፡ ይትከሉ ፡ እንዳ ፡ ወዲ ፡ እንዳ ፡ ጓል ፡ ድማ ፡ ከምኡ ፡ ካብ ፡ እንዳ ፡ ወዲ ፡ ይትከሉ ፡ ዘየቃሳቕስ ፡ ብኢድ ፡ ጭቃ ፡ ወይ ፡ ጭቃ ፡ ዝሐደጎ ፡ ዋና ።

እቲ ፡ መርዓ ፡ ዝገብር ፡ ሰብ ፡ ቅድም ፡ ነቲ ፡ ጭቃ ፡ ይነግሮ ፡ በታ ፡ መዓልቲ ፡ መርዓ ፡ ውን ፡ ዝግበአ ፡ መቐመጢ ፡ ናብ ፡ ዳስ ፡ ጌሩ ፡ ቅድሚ መርዓ ፡ ምእታዎም ፡ ይጸወዓዮ ፡ እቲ ፡ ጭቃ ፡ ድማ ፡ ናብ ፡ ዳስ ፡ መ ጺኡ ፡ ዋሕስ ፡ እትከሉ ፡ ፈጺሙ ፡ መርዓት ፡ ምስ ፡ ወጻት ፡ ይኸይድ ።

በዓል ፡ ውራይ ፡ ቅድም ፡ ኪቋጸር ፡ ንሎቃ ፡ እንተዘይነገሮ ብመዓል ቲ ፡ መርዓ ፡ መቐመጢኡ ፡ አሳናድዩ ፡ እንተዘይጸውዖ ፡ ፮ፊ ፡ ይኽሐስ ።

ጭቃ ፡ ብዕሉ ፡ ወይ ፡ ወኪሉ ፡ ተጸዊዑ ፡ እንተዘይመጸ ከምቲ ፡ ና ብ ፡ ሕጊ ፡ ዘሎ ፡ እንተዘይፈጸመ ፤ ፮ፊ ፡ ንበዓል ፡ መርዓ ፡ ይከሐስ ።

## ፺፩ ። ውዑል መርዓ ።

ኩሉ ፡ ውዑል ፡ ናይ ፡ መርዓ ፡ ዝኸውን ፡ ብፌርማ ፡ ይኹን ፤ ቁጽሪ ፡ ገዝሚ ፡ ናይ ፡ ገንዘብ ፡ ማልን ፡ ናይ ፡ ቃል ፡ ኪዳንን ፡ ምስክር ፡ ዝኾኑ ፡ እዚኦም ፤ እዮም አበ ፡ ንስሐ ፡ ናይ ፡ እንዳ ፡ ጓል አበ ንስሐ ናይ እንዳ ወዲ ፤ ፪ አበ ዳስን ፡ ጭቃ ዓድን እዮም እዞም እተሰምዩ ፫ ምስክር ፡ ገርአይዎን ፡ ዝሰምዕዎን ፡ ናብ ፡ ሰለስተ ፡ ወረቀት ፡ ይፈርሙ ፤ እተን ፡ ፫፡ ወረቀት ፡ ናይ ፡ ውዑል ፡ ፊርማ ፡ ፩ ምስ ፡ አበ ፡ ንስሐ ፡ ናይ ፡ እንዳጓል ፡ ፩ ምስ ፡ አበ ፡ ነብሲ ፡ ናይ ፡ እንዳ ፡ ወዲ ፤ ፩ ድማ ፡ ምስ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ናይ ፡ እንዳጓል ፡ ይቀመጣ ፤ እንዳ ፡ ወድን ፡ እንዳ ፡ ጓልን ፡ ካብአቶም ፡ ቀ ዳሐም ፡ ይውሰዱ ።

ቃል ፡ ኪዳን ፡ ምትእትታው ፡ ናብ ፡ ዳስ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ኩሉ ፡ ህ ዝቢ ፡ እዩ ፡ ኪኸውን ፡ ዝግባእ ፡ ብመንፈሳዊ ፡ ዓይነት ፡ ዚድሊ ፡ እንተሎ ግና ፡ እቶም ፡ ካህናት ፡ መዘም ፡ ኪፍጽሙ ፡ ግቡአም ዩ ።

እዞም ፡ ተሐዝቲ ፡ ውዑል ፡ ነቲ ፡ ዝፈረምዎ ፡ እንተአጥፍእዎ ፡ ነተ ን ፡ ዘካሐሐዳ ፡ ገንዘብ ፤ ይኹን ማል ይኹን ከፊሎም ውጺ ይውጹኡ ።

ዋሕስ ፡ አበ ፤ ጓል ፡ ዝደለዮ ፡ ይትኽል ፤ ክልተ ፡ አሕማ እንተተባእ

ሱ ፡ ሰደኛ ፡ ይዳኒ ፡ ዘይከአሉ ፡ እንተኾኑ ፡ ናብ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ የሕልፍ ፡ መውሓሰኡ ፡ ካብ ፡ ፪ ኣሕማ ፡ ቀቅርሽም ፡ ይሃብዎ ።

ጣዕዋ ፡ ገገሚ ፡ ናብ ፡ ሕጹን ፡ መርዓን ፡ ዘስምዒ ፡ ይሃብ ፤ ናብ ፡ እጥን ፡ ሕጻ ፡ ዘስምዔ ፡ ቅድሚ ፡ መርዓ ፡ ዩእተዉ ፡ ጣዓዉ ፤ ምናልባሽ ፡ ከሳብ ፡ ግዜ ፡ መርዓ ፡ ከይእተዉ ፡ እንተጸንሑ ፡ ብድሕሪ ፡ መርዓ ፡ ጣዕጥ ፡ ፪ ዓመት ፡ ይኽፈል ።

ብዕለት ፡ መርዓ ፡ እተሰምዩ ፡ ጣዓዉ ፡ ግን ፡ ኣበ ፡ ጓል ፡ ካብኣ ፡ መርዓ ፡ መዓልቲ ፡ ክሳብ ፡ ፪ ዓመት ፡ ጨሪሱ ፡ ይሃብ ፤ ብድሕሪ ፡ እዚ ፡ ከይሃበ ፡ እንተጸንሔ ፡ ኣበ ፡ ጓል ፡ ጣዕዋ ፡ ፩ ዓመት ፡ ፮ ወርሒን ፡ ይሃብ ።

በቲ ፡ መዓልቲ ፡ መርዓ ፡ ኣበጓል ፡ ዘስምዖ ፡ ዝኾነ ፡ ጣዓዉ ፡ ገገምን ከዳውንትን ፡ ዘከፍሉ ፡ ዋሕስ ፡ ካብ ፡ ወረድ ፡ መርዓ ፡ ነበ ፡ ወዲ ፡ ይትከለሉ ።

ዕዱም ፡ ጣዕዋ ፡ እንተሃበ ፡ ብኢድ ፡ ኣበ ፡ ወዲ ፡ ጥሕስ ፡ ካብዩም ፡ ወረዲ ፡ መርዓ ፡ ይትከል ፡ ዘከፍሉ ፤ በታ ፡ ተቋጸራ ፡ መዓልቲ ፡ እንተዘይሃቡ ፡ ከምቲ ፡ ተሐጊጉ ፡ ዘሎ ፡ ይሃብ ።

ብመዓልቲ ፡ መርዓ ፡ ገንዘብ ፡ ይኹን ፡ ጣዕዋ ፡ ይኹን ፡ መመረቅታ ፡ ንመርዓዊ ፡ እተዋህበ ፡ ዘበለ ፡ ኩሉ ፡ ከም ፡ ገገሚ ፡ ይኹን ፡ ኣበ ፡ ወዲ ፡ ፍርቂ ፡ ይመቀሉ ፤ ብካልእ ፡ መዓልቲ ፡ ሐሙን ፡ ሐማትን ፡ ዝሃብዎ ፡ ግን ፡ ንመርዓትን ፡ መርዓውን ፡ ይኹን ።

ብመዓልቲ ፡ መርዓ ፡ ኩሉ ፡ ተሰምየ ፡ ከዳውንቲ ፡ ብግልን ፡ ብገንዘብን ፡ ዝኾነ ፡ እንተኾነ ፡ ነበ ፡ ወዲ ፡ ብባዕሉ ፡ እዩ ።

ድሕሪ ፡ ሞት ፡ ሰበይቱ ፡ ኣበ ፡ እንተመርዓወ ፤ ነታ ፡ ዝሞተት ፡ ሰበይ

ቲ ፡ ከብቲ ፡ እንተ፡ኸደና ፡ አበ ፡ ጓል ፡ ከሳብ ፡ ዘሎ ፡ እቲ ፡ አበ ፡ ምስኡ ይጽናሕ ፤ ብድሕሪ ፡ ሞት ፡ ኣብኡ ፡ ግን ፡ እቶም ፡ ከብቲ ፡ ዝወለዱ ፡ አወዳት ፡ ይወረሱዎ ፤ ካብኡ ፡ ዘይወለዱ ፡ ከወርሱ ፡ ግቡእ ፡ የልብ ሎምን

አበ ፡ ወድን ፡ አበ ፡ ጓልን ፡ በታ ፡ መጓልቲ ፡ መርዓ ፡ ተሰማሚዖም ፡ ነቲ ፡ ኩሉ ፡ ገዝሚ ፡ ንወድናን ፡ ንጓልናን ፡ እንተበሉ ፡ ከም ፡ ውዑሎም ቅውም ፡ እዩ ፤ እንተተበእሱ ፡ ግን ፡ በቢ ፡ ዘጥፍእዎ ፡ እኽለ ፡ ማይ ፡ ይ ቁሙ ፡ ብዘይ ፡ ጸብጻብ ፡ ቅድሚ ፡ ብርኪ ፡ ምጻእ ፡ እንተተፋላለዩ ፡ ገገንዘ በም ፡ ይጻበጸቡ ።

መርዓቱ ፡ ሒዙ ፡ ዓዱ ፡ ምስ ፡ ተመልሰ ፡ መርዓዊ ፡ ምስኣ ፡ ይደቅስ ጥራያ ፡ እንተጸንሐት ፡ ንጽባሒቱ ፡ ብ፫ ቈረብቲ ፡ ትኩለል ፤ ብርግጽ ፡ ጥራያ ፡ እሞ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ኰይኑ ፡ እንተተረኽበ ፡ ፵ፈ ፡ ትኽሐስ ፡ ን መርዓዊ ፤ ንድያቆን ፡ ግን ፡ ፷ፈ ፡ እዩ ፡ ክእሳኡ ፤ መርንት ፡ ተኩሊላ ፡ ደ ሐን ፡ እንተጸንሐት ፡ ፵ፈ ፡ ትከሐስ ።

ንጓና ፡ ክመርዕወካ ፡ እየ ፡ ኢሉ ፡ ዝገዝአ ፡ ከምታ ፡ ተስሩ ፡ ዝሃበ ፡ የ መርዕዎ ፤ እታ ፡ መርዓቱ ፡ ወይ ፡ እንተሞተት ፡ ወይከዓ ፡ እንተተፈትሐት ፡ እተን ፡ ገዝሚ ፡ ፈረቃኤን ፡ አቡኣል ፡ ይሰድ ፡ እተን ፡ ፈረቃ ፡ ድማ ፡ እቲ ከም ፡ አበ ፡ ኰይኑ ፡ ዘመርዓወን ፡ እቲ ፡ ግዙእ ፡ ተመርዓወን ፡ ይከፈልወ ን ፤ ስለ ፡ ምንታይ ፡ እቲ ፡ ጓና ፡ አይመርሰንዮም ።

ንጓና ፡ ክመርዕወካ ፡ እየ ፡ ኢሉ ፡ ዝበለመ ፡ ካብታ ፡ ስራሕ ፡ ዝጀመ ረላ ፡ መዓልቲ ፡ ጸብጺቡ ፡ ደሞዙ ፡ ከምቲ ፡ ናብ ፡ ሕጊ ፡ ዘሎ ፡ ይሃበ ፡ እ ቲ ፡ ጓና ፡ ግዙእውን ፡ ናብ ፡ ዓደይ ፡ ክደይ ፡ ብኢድ ፡ ሰበይ ፡ እየ ፡ ዝመ ርዖ ፡ እንተበለ ፡ ጸብጸቡ ፡ ተቀቢሉ ፡ ይኺድ ።

ዓሰር ፡ ክፍላ ፡ ምልሰት ፡ ሕድሮ ፡ እዚ ፡ ኩሉ ፡ ክይግበር ፡ ክልኩል እዩ ፡ ነዚዩ ፡ ዘፍረሰ ፡ ጁፈርጊ ፡ ንተመሃሪ ፡ ቤት ።

ጓል ፡ ብእእልታ ፡ እንተ ፡ ሃዲ ፡ ሰብኢያ ፡ አትያ ፡ ብላሰ ፡ ክጓውንታ ፡ ውን ፡ እንተ አትዩዋ ፡ ምንምኳ ፡ ብጭሉቅ እንተኾነ ክም ግቡእ ምርሰ ውቲ ፡ ትኸውን ፤ ፍትሕ ፡ እንተተረኸበ ፡ ክም ፡ ምርሰውቲ ፡ ይተሓሳሰቡ ።

ጓል ፡ ሰነ ፡ ጭዋ ፡ ናብ ፡ አድከመ ፡ ምልጋእ ፡ እንተተመርወት ፡ ክ ም ፡ ስሩዕ ፡ አድከመ ፡ ምልጋእ ፡ ገዝምን ፡ መሰልን ፡ ክምታ ፡ ነተን ፡ አን ላት ፡ አድከመ ፡ ምልጋእ ፡ ተሰሪዕወን ፡ ዘሎ ፡ ትርከብ ።

በቲ ፡ መርዓ ፡ መዓልቲ ፡ ጠበንጃ ፡ ሽጉጥ ፡ ፈረሰ ፡ በቅሊ ሓሙ ፡ ን ሰብአይ ፡ ጓሉ ፡ ዝሃበ ፡ ንመርዓዊ ፡ ብላዕሊ ፡ ይኹን ፡ ምስ ፡ መርዓቱ ።

ብርኪ ፡ ክይወጸት ፡ ክላ ፡ እታ ፡ መርዓት ፡ ሰብአያ ፡ ሞይትዋ ፡ እንተ ተፈትሔት ፡ ፈረቃ ፡ ገዝማ ፡ ትሰድ ፡ እቲ ፡ ፈረቃ ፡ ድማ ፡ ነበ ፡ ወዲ ፡ ይ ኹን ፤ እታ ፡ መርዓት ፡ እንተሞተት ፡ ድማ ፡ ምቅሉ ፡ ክምኡ ፡ እዩ ።

ስልማት ፡ መርዓት ፡ ዕሸር ፡ ገዝሚ ፡ ካብ ፡ አቦ ፡ ወዲ ፡ ትቀበል ፡ ና ብ ፡ ቤት ፡ ምሕጻን ፡ ክላ ፡ እንተሃበ ፡ ብገንዘቡ ፡ ትቀበል ፡ አበአ ፡ የሰርሐ ላ ፡ ድሕሪ ፡ ምልሰታ ፡ እንተሃበ ፡ ግን ፡ እንተሎ ፡ መስርሕኡ ፡ ገና ፡ ይሃብ ክምቲ ፡ ተቀበሎ ፡ ገዝሚ ፡ ብቅርሺ ፡ ይኹን ፡ ብፈረንካ ፡ ይኹን ።

መሰል ፡ ዝበልዒ ፡ መሰል ፡ ይሃብ ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ አቦ ፡ ወዲ ፡ ፋርቂ ፡ ገዝሚ ፡ ይመቀል ፤ ክዳውንትን ፡ ዕጥቃትን ፡ ድማ ፡ ብላዕሊ ፡ ይውሰድ ፡ አቦ ፡ ወዲ ።

ንና ፡ ክም ፡ ወላዲ ፡ መጠን ፡ ክውይኑ ፡ ዘምሰለ ፡ ኩሉ ፡ መሰል ፡ ክም ወላዲ ፡ ይሰድ ፤ እቲ ፡ ገምርያ ፡ ወዲ ። ወለዱ ፡ ብሂወቶም ፡ እንተለ

ዉ ፡ እቲ ፡ አበጓል ፡ እንተከደኖም ፡ ማል ፡ ይኩን ፡ ገንዘብ ፡ ይኩን ፡ ይውሰዱ ። ምውታት ፡ ከለዉ ፡ እንተተኸድኑ ፡ ግን ፡ ነቲ ፡ ዘመርዓወ ፡ ጓና ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ።

መርዓዊ ፡ ናብ ፡ ዳስ ፡ ምስ ፡ አበኦ ፡ ቿይሙ ፡ ዋሕስ ፡ ይትክል ፡ ዋሕስ ፡ ምስ ፡ ዝዕገት ፡ ግዜ ፡ በበቲ ፡ ዝግብኦም ፡ ይኸረሉ ።

ሰብአይ ፡ ጓል ፡ መርዓቱ ፡ ኪወስድ ፡ ተቛጺሩ ፡ እንተኸልኡዎ ፡ ጃፊ ፡ ይኽሕሱዎ ፡ ከምኡውን ፡ ሰብአይ ፡ ጓል ፡ መርዓቱ ፡ ደልዩ ፡ ወይ ፡ ከዳውንታ ፡ አሒዙ ፡ እንተመጺሞ ፡ አማኻንዮም ፡ ምስ ፡ መርዓቱ ፡ ሥድቃስ ፡ እንተከልኡዎ ፡ ጃፊ ፡ ይኽሕሱዎ ።

ሽብ ፡ ወዲ ፡ ለጎ ፡ ጭዋ ፡ ኰነ ፡ ኮብ ፡ ክልአት ፡ አውራጃታት ፡ ኰነ ፡ ወረዲ ፡ መርዓ ፡ መርዓውን ፡ መርዓትን ፡ አሒዞም ፡ ምድሪ ፡ መስዮዎም ፡ ናብ ፡ ዝሐደሩዎ ፡ ዓዲ ፡ ከፈይዓልኩም ፡ ሰፈር ፡ ሃቡና ፡ ገበሉ፡ አጋይስ ። እቲ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ምስቶም ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ አተረኽቡ ፡ ሰብ ፡ ኰይኖም ፡ ብኧደረ ፡ አዚዞም ፡ ሰፈር ፡ ድራሮም ፡ ከአ ፡ በጊዕኒ ፡ ዝአክሎም ፡ እንጌራን ፡ ይሃብዎም ። እንተደፈኑዎም ፡ ጃፈርጊ ፡ ይኽሕሱዎም ።

## ፴፱ ። መርዓ ሐያም ።

ሰብአይ ፡ ንሐያም ፡ ሰበይቲ ፡ ከምጽእ ፡ ከሎ ፡ አቐዲሙ ፡ ገንዘብ ፡ አዲአም ፡ ነቶም ፡ ቋላው ፡ ጓፍለየሎም ። ብድሕርዚ ፡ በትን ፡ ዝተረፉ ፡ ገንዘቡ ፡ ከም ፡ ድላዩ ፡ ይባረኾለን ።

ሓያም ፣ ሰበይቲ ፣ ናብ ሰብኣይ ፣ ክትኣቱ ፣ ከላ ፣ ናብ ፣ ግራት ፣ ዘሎ ዘራእቲ ፣ እኽሊ ፣ ኮነ ፣ ናብ ፣ ፉር ፣ ዘሎ ፣ ቀመጥ ፣ እኽሊ ፣ ኮነ ፣ ምንም ፣ እቲ ፣ ሰብኣይ ፣ ብውዑል ፣ ብርኪ ፣ እተውዮ ፣ እንተበላ ። ንሳ ፣ ክአ ፣ ሕራይ ፣ ኢላ ፣ ብድሕሪ ፣ ቁሩብ ፣ መዓልቲ ፣ ኣራ ፣ ፈረቓ ፣ እኽሊ ፣ መቑለ ፣ ክኸይድ ፣ እዩ ፣ ፍትሓኒ ፣ እንተበለቶ ፣ ዘርኢ ፣ ሰሬራን ፣ ጸሃያን ፣ ዘየፍረየቶ ፣ እኽሊ ፣ ክትምቀል ፣ ኣይግባእን ፣ እዩ ፣ እቲ እኽሊ ን ሰብኣይ ፣ ይኹን ። ብድሕሪ ፣ ፩ ዓመት ፣ ዘርኢ ፣ ሰሬራ ፣ ዝጸመወትሉ ፣ ፍርያት ፣ ግና ፣ ክትምቀል ፣ ግቡእ ፣ እዩ ።

እቲ ፣ ሰብኣይ ፣ ድማ ፣ ንሳ ፣ በዕሉ ፣ ፈትዩ ፣ ዘምጽአ ፣ ሰበይቲ ፣ ብድሕሪ ፣ ቁሩብ ፣ መዓልቲ ፣ ኪዲ ፣ እንተበለ ፣ ክምታ ፣ ውዑሉ ፣ ይምቀላ ።

ክምኡውን ፣ ንኽዳውንታ ፣ እተበልዔ ፣ ብላዕ ፣ ኹን ፣ ሸልማት ኮነ ፣ ብድሕሪ ፣ መርዓ ፣ ቁሩብ ፣ መዓልቲ ኢራ ክዳውንተይን ሸልማተይን ንጊደ ፣ ኣሎኹ ፣ ኢላ ፣ ፍትሓኒ ፣ እንተበለቶ ፣ እተን ፣ ቀጋ ፣ ኽዳውንትን ሸልማትን ፣ ዝኽፈለለን ፣ ገንዘብ ፣ ምሒሉ ፣ ካብኣ ፣ ይከፈል ።

እቲ ፣ ሰብኣይ ፣ ድማ ፣ ንሳ ፣ ፈትዩ ፣ ዘምጽአ ፣ ሰበይቲ ፣ ብድሕሪ ፣ ቁሩብ ፣ መዓልቲ ፣ ኪዲ ፣ እንተበላ ፣ ብእተኽድንቶን ፣ ብእተሸለመቶን ፣ ትኸይድ ፣ ከብቲ ፣ ግና ፣ ገንዘበን ፣ ይስዓ ። እዚ ፣ ናይ ፣ ፬ ዓመት ፣ ዘይመልኡ ፣ ህውኽ ፣ ፍትሕ ፣ ዜቅውም ፣ ሕጊ ፣ እዩ ።

ሓያም ፣ ሰብኣይን ፣ ሰበይትን ፣ ብብዕራዮም ፣ እንተ ፣ ተባረኹም ፣ ሓዲኦም ፣ ሂቡ ፣ ሓዲኦም ፣ እንተጠለመ ፣ ናብዚመንጎ ፣ ምናልባሽ ፣ ፍትሕ እንተኾነ ። እቲ ፣ ብዕራዩ ፣ ሂቡ ፣ ዝርአ ፣ ዝኽረመ ፣ ፫ ኪሻ ፣ እኽሊ ፣ ፈረቓ ፣ ብሱል ፣ ፈረቓኡ ፣ ድማ ፣ ጥረ ፣ ክራይ ፣ ብሰራዩ ፣ ብላዕሊ ፣ ይሰድ ። ዝተረፈ ፣ ፈፈረቓኡም ፣ ይማቐሉ ።

ኪሻ ፣ እኽሊ ፣ ማለት ፣ ብሱል ፣ እንተኾነ ፣ ያሒት ፣ እዩ ፣ ስፍሩ ፣ ጥ

እንተኸኖነውን ፣ ከምኡ ፣ እዩ ፣ ስገም ፣ ሓንፈሸ ፣ ግና ፣ ፭ ገበታ ፣ እዩ ። ሰብኣያ ፣ ዝሞያ ፣ ሰበይቲ ፣ ገንዘብ ፣ አቦኣም ፣ አሐዳ ፣ ናብ ፣ እንዳ ም ፣ ትቕሚጣ ፣ ተዕብዩም ። ምናልባሽ ፣ እንተ ፣ ተመርዓወት ፣ ግና ፣ ፣ ገንዘብ ፣ ቈላሁ ፣ ናብ ፣ ዳሕራዋይ ፣ ሰብኣይ ፣ አይትውሰድ ። ገንዘ ቈላሁ ፣ ዓቢ ፣ ሐዎም ፣ ይሐዝሎም ። ዓዚ ፣ ዝእርንብ ፣ ሐው ፣ ዜብ ፣ እንተኸኑ ፣ ከኣ ፣ እቲ ፣ ሐወቦኦም ፣ ከየጥፍእ ፣ ዋሕስ ፣ ተኺሉ ፣ ዘሎም ፣ ክሳዕ ፣ አእምሮ ፣ ዚገብሩ ። ፲፰ ፣ ዓመት ፣ ምስ ፣ ገበሩ ፣ በም ፣ ይአክቡ ።

ሐያም ፣ ሰበይቲ ፣ ንመርዓ ፣ ሕራይ ፣ ኢላ ፣ እንተጠለመት ፣ ፲ፈርጊ ፣ ሐሰ ፣ እቲ ፣ እኸለማይ ፣ ትላዕጢጡ ፣ እንተኸኖ ፣ ግና ፣ ፳ፈርጊ ፣ እያ ፣ ክሕስ ። ሰብኣይ ፣ እንተጠለመውን ፣ ከምኡ ፣ እዩ ።

ሰብኣይ ፣ ንሐያም ፣ ሰበይቲ ፣ ከምርያ ፣ ኸሎ ፣ አቝዲሙ ፣ ዘሎዎ ፣ ዕ ዶንገራ ፣ ፈትያ ፣ ብሐደ ፣ ንኸጥሉ ፣ እንተበሊዑ ፣ ከምውዑሎም ፣ ይ ነም ። እንተአበየት ፣ ካብ ፣ ገንዘብ ፣ ላዕሉ ፣ ይኸፈሎ ።

## ፴፫ ። ምውጻእ ሐዳር ።

ገብታ ፣ ሠዓልቲ ፣ መርዓ ፣ ፫ምሮም ፣ አቦንልኒ ፣ አቦወድን ፣ ኑቶም ፣ ፣ መርዓውቲ ፣ ብቅልጡፍ ፣ ሐንሮም ፣ የውጽኦም ፣ ምናልባሽ ፣ ኳል ፣ ወይ ፣ አቦ ፣ ወዲ ፣ ሎሚ ፣ ጽጋሕ ፣ እናብሉ ፣ ተዳሮም ፣ ክይፈ ም ፣ ፫ ዓመት ፣ እንድሕሪ ፣ ካብ ፣ ዝምርዓወ ፣ ኣኒሐም ፣ ብሕጊ ፣ ክ

ም ፡ ውጹኣት ፡ ሐዳር ፡ እዮም ። ብሐደ ፡ እንተለዉ ፡ ወዲን ፡ ጓልን ፡ ፈረቓ ፡ ገዝሚ ፡ ይወሰዱ ፤ እንተ ፡ ተፋቲሖም ፡ ድማ ፡ ጓል ፡ ርባን ፡ ኣሐዳ ፡ ካብ ፡ ገዝማ ፡ እያ ፡ እትኸይድ ። ብድሕሪ ፡ ፲ ዓመት ፡ ክም ፡ ውጹኣት ፡ ብርኪ ፡ እዮም ።

ምውጻእ ፡ ሐዳር ፡ ቅድም ፡ ኣበ ፡ ወዲ ፡ ነበ ፡ ጓል ፡ ኣናበረኒ ፡ ይበሎ ብድሕሪዚ ፡ ኣበጓል ፡ ናብ ፡ እንዳወዲ ፡ መጺኦም ፡ ክም ፡ ስሩዕ ፡ ግቡኣት ፡ ምስክር ፡ ቅሪበም ፤ ኣበ ፡ ወዲ ፡ ኣበ ፡ ጓልን ፡ ናብ ፡ ኢዶም ፡ ዘሎዉ ፡ ከብቲ ፡ ቁጺሮም ፡ በታ ፡ መዓልቲ ፡ ቁጺሩ ፡ ክልቲኦም ፡ የቕርብወን ፡ እቲ ፡ ናብ ፡ ገዝሚ ፡ እትዋህበ ፡ ገንዘብውን ፡ ቁጽሩ ፡ ተፈሊጡ ፡ ይሰመ ።

ብድሕሪዚ ፡ ፈረቓ ፡ ገዝሚ ፡ ከብቲ ፡ ኰነ ፡ ገንዘብ ፡ ንወድን ፡ ጓልን ፡ ይኹን ። እቲ ፡ ፈረቓ ፡ ገዝምን ፡ ናብ ፡ ዳስ ፡ እትሰመ ፡ ክዳውንቲ ፡ ብ ገንዘብ ፡ ኰነ ፡ ብኸብቲ ፡ ኩሉ ፡ ንኣበ ፡ ወዲ ፡ ይኹን ።

-ኣበ ፡ ወዲ ፡ ድማ - ንመርዓውን ፡ ንመርዓትን ፡ ርባዕ ፡ ዘራእቲ ፡ ከብ ቶን ፡ እቲ ፡ መርዓዊ ፡ ኪሐርሰን ፡ ዝኸረመ ፡ ይምቀሎም ፡ ክዳኖም ፡ ድማ ፈርጊ ፡ ንወዲ ፡ ፫ ግርባብ ፡ ድማ ፡ ንመርዓት ፡ ይሃበም ።

ምምቓል ፡ እኽሊ ፡ ቀውዒ ፡ ክብዝገድመር ፡ ነሳዕ ፡ ዚወጻእ ፡ እዩ ። እንተኾነ ፡ ብሽም ፡ ቀውዒ ፡ ተመቅሉ ቅድሚ ማርያም ግንቦት ልደታ መግበም ፡ ኪፈልዩ ፡ እይከኣልን ፡ እዩሞ ፡ እተን ፡ ርባዖም ፡ እተማቐሎም ፡ ከሳዕ ፡ ማርያም ፡ ግንቦት ፡ ምስ ፡ ኣብ ፡ ወዲ ፡ እዮም ፡ ዝሰንበቱ ። ብድሕሪኡ ፡ ሠእዶም ፡ ይፍለዩ ።

ካብ ፡ መናበብሮ ፡ ቤት ፡ ማለት ፡ ካብ ፡ ሐጺን ፡ ካብ ፡ ጐኖ ፡ ካብ ፡ ገ ኾነ ፡ መናብብሮ ፡ እቃሑ ፡ ቤት ፤ እቲ ፡ ወላዲ ፡ ክክእሎ ፡ እንተሎዎ ፡ ሐ

ሐደ ፣ ንወዱ ፣ ይምቀሎ ። ሐድሐደ ፣ ጥራይ ፣ እንተኾነ ፣ ግና ፣ ነበ ፣ ወዲ ፣ ይኸውን ።

ንዓመታት ፣ ግና ፣ እንተ ፣ ተሰማምዑ ፣ ብሐደ ፣ ይሕረሱ ፣ እንተዘይ ተሰማምዑ ፣ ግና ፣ እቲ ፣ ዘግብእ ፣ መሬት ፣ መቂሉ ፣ ንበይኑ ፣ ይሕረስ ። አመቃቅላ ፣ መሬት ፣ ግና ፣ ጽልሚ ፣ እንተኾነ ፣ ካብ ፣ አቦኡ ፣ ዴሳ ፣ እንተኾነ ፣ ግና ፣ ካብ ፣ ዓዲ ፣ ይመቓል ።

እቲ ፣ ርባዕ ፣ እኽሊ ፣ እተመቀለ ፣ ወዲ ፣ ርባዕ ፣ ሐሰር ፣ ከአ ፣ ኪምቀል ፣ ይግብእ ፣ እዩ ። ግብሪ ፣ ንጉሥ ፣ ዝመጸ ፣ ጥርቂ ፣ ናይቲ ፣ ዓመት ፣ እቲ ፣ አብ ፣ ወዲ ፣ እዩ ፣ ዝኸፍሎ ።

እቲ ፣ እተመርዓወ ፣ ወዲ ፣ ምስ ፣ አቦኡ ፣ እንተሐረሰ ፣ እዩ ፣ ርባዕ ፣ እኽልን ፣ እቃሑ ፣ ቤትን ፣ ዝረክብ ፣ እምበር ፤ አነን ፣ ኪህወትት ፣ አቦይ ግና ፣ ሐረሱ ፣ ርባዕ ፣ ይምቀለኒ ፣ ኪብል ፣ አይግብአን ፣ እዩ ።

## ፶፬ ። ብዛዕባ ሕርሻት ።

ንበከር ፣ ሐራስ ፣ ተባዕታይ ፣ በጊዕ ፣ አበሰንቲ ፣ ጠስማ ፣ ወጮ ፣ ገበታ ፣ እኽሊ ፣ ፈረቓእ ፣ ብሱል ፣ ፈረቓእ ፣ ጥረ ፣ ማሕዘል ፤ ካብ ፣ ሐሙእ ፣ ትቀበል ፣ ዝደፈነ ፣ ኼፈ ፣ ይከሐሳ ። ምንም ፣ እኳ ፣ ሐዳሩ ፣ እንተወጸት ፣ መሰላ ፣ ካበሐሙእ ፣ እዩ ።

እታ ፣ ሐራስ ፣ ሐያም ፣ እንተኾነት ፣ ግና ፣ ኑሉ ፣ መሰላ ፣ ካብ ፣ ሐዳሩ ፣ ሰብእየ ፣ ይሃባ ፣ እንተ ፣ ደፈና ፣ ኼፈ ፣ ካብ ፣ ሐሳሮም ፣ ይከሐሳ ።

እታ ፡ ሐረስ ፡ እናድቃላ ፡ እንተኮነት ፡ ወርሖ ፡ ማእሲ ፡ ማሕዘል ፡ ፫ ግርባብ ፡ ወይ ፡ ፈረቓ ፡ ጣቓ ፡ አበጀዲድ ፡ ይሃብ ። እቲ ፡ ዘጥነሳ ፡ ቀለብ ፡ ቆልዐ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ክልትአም ፡ እዩ ።

ሐረስ ፡ እናድቃላ ፡ እንተኮነት ፡ ካብቲ ፡ ዘጥነሳ ፡ ሰብኣይ ፡ መሰለስ ፡ እኽሊ ፡ ጥጥቆ ፡ ሐራሰት ፡ ትውሰድ ፡ ፈረቓኡ ፡ ብሱል ፡ ፈረቓ ፡ ጥሬ ።

እቲ ፡ መሰል ፡ እንተደንጎየ ፡ ብሸሞንተ ፡ መዓልቲ ፡ ብድሕሪ ፡ ሕርሳ ፡ ይከፈል ፡ ካብኡ ፡ ዘብኮረ ፡ ፲ፈ ፡ ይከሐሳ ።

በካር ፡ ሐረስ ፡ ናብ ፡ እንዳበኣ ፡ ወይ ፡ እንዳሐሙኣ ፡ እንተሐረሰት ፡ ናብ ፡ ዘላቶ ፡ መሰላ ፡ ትርከብ ።

እቲ ፡ ሕጻን ፡ ዝጥመቀሉ ፡ መዓልቲ ፡ ከሎገና ፡ ነበኡ ፡ የፍልጡዎ ፡ እቲ ፡ አበ ፡ ድማ ፡ ንዳሕራይ ፡ መዓልቲ ፡ ዝኣምኖ ፡ አባልገ ፡ ኣሒዙ ፡ ይምጻእ ፡ እንዳጓል ፡ አበ ፡ ዝፈተዎ ፡ አባልገ ፡ ይቀበሉ ።

እቲ ፡ አባልገ ፡ ዝሐዘ ፡ ሰብ ፡ ከኣ ፡ ኬምህሮን ፡ ናብ ፡ ሃይማኖት ፡ ክርስትና ፡ ኪመርሖን ፡ ዋሕስ ፡ ክምዝኮነ ፡ ኪዝክር ፡ ይግብኦ ።

## ፺፫ ። ፍ ት ሕ ።

ፍትሕ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ሰብኣይ ፡ ይኹን ፡ ወለደኛ ፡ ጓል ፡ ብቘጸራ ፡ መዓልቲ ፡ ይምጹኡ ፡ ተበዕታይ ፡ በጊዕን ፡ ስዋን ፡ እንጀራን ፡ ብግቡእ ፡ ይጽንሐዮም ፡ ነዚ ፡ ተመዲቡ ፡ ዘሎ ፡ ሲሳይ ፡ እቲ ፡ ሰብኣያ ፡ ነታ ፡

ትፍታሕ ፡ ሰበይቲ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ምስክር ፡ ዘድሊ ፡ ይሃብ ፡ ንሳ ፡ ድማ ፡ ትስርሖ ፡ እንተአበየት ፡ ጀሬ ፡ ትኽሐስ ፡ እቲ ፡ ሰብኣይ ፡ ድማ ፡ እቲ ፡ ዘድሊ ፡ እንተኸልኣ ፡ ጀሬ ፡ ይኽሐሳ ፤ አበ ፡ ጓል ፡ ፳ ርእሱ ፡ ይሃጸእ ፡ ብ ቄጸራ ፡ መዓልቲ ።

ክሳብ ፡ ቈጸራ ፡ መዓልቲ — እታ ፡ ትፍታሕ ፡ ሰበይቲ ፡ ከም ፡ ቀደማ ፡ ስራሕ ፡ ቤት ፡ ትግበር ፡ ፍቓዱ ፡ ውን ፡ ትምላእ ፤ ናይ ፡ ፍትሕ ፡ ቈጸራ ፡ ፪ ሰሙን ፡ እዩ ።

፪ ሰብ ፡ ብርኪ ፡ ክፍትሑ ፡ ከለዉ ፡ ካብ ፡ ሐዲኦም ፡ ዝዓረቀ ፡ ካብ ፡ ገንዘብ ፡ መንጎ ፡ ይከደን ፤ ኩሉ ፡ ገንዘቦም ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ዳኛ ፡ ይጻበጾ ፡ እሙን ፡ ይከፈሉ ፡ ክሑድ ፡ ይማሓሓሉ ፡ ሰብኣይ ፡ ተለቅሖ ፡ ንሰበይቲ ፡ ይንገር ፡ ሰበይቲ ፡ ድማ ፡ ከምኡ ፡ ንሰብኣይ ፡ ትንገር ፡ እንተተኸሓሓዱ ፡ ይማሓሓሉ ፡ እሙን ፡ ሐቢሮም ፡ ይከፈሉ ።

ፍትሕቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ቀለብ ፡ ቈልዓ ፡ ክይወድኤት ፡ ከላ ፡ ሰብኣያ ፡ እንተሞተ ፡ ክንዲ ፡ ቀለብ ፡ ቈልዓ ፡ ናብ ፡ ውናኑ ፡ ትደቅስ ፡ ቃድራኡ ፡ እናሐረሰት ፡ ክሳዕ ፡ ፫ ዓመት ፡ ተእክል ግና ግቡእ የልብላን ዋሕስ ክትዓግት ፤ ዑናን ፡ ቃድራን ፡ እንተ ፡ ሳእነት ፡ ግን ፡ ካብ ፡ ዋሕስ ፡ ትቀለብ ።

ሰብኣያ ፡ ዝሞታ ፡ ሰበይቲ ፡ ነቶም ፡ ቤተ ፡ ሰቡ ፡ ፍትሑኒ ፡ ኢላ ፡ ትነገር ፡ እዮም ፡ ክይበለት ፡ እንተተመርዓወት ፡ ወይከዐ ፡ ሰብኣይ ፡ እንተረከበ ፡ ፲፪ ፈ ፡ ትዕድ ፡ ንቤተሰቡ ፡ ፍትሑኒ ፡ ኢላቶም ፡ ደስ ፡ ክይብለ ፤ እንተደንጎይዎ ፡ ግን ፡ እግዚአብሔር ፡ ብሞት ፡ ፈቲሑዋ ፡ እዮም ፡ ዕዳ ፡ ኣብላ ፡ ትመርዖ ። ሰበይቱ ፡ ዝሞተት ፡ ሰብኣይ ፡ ድማ ፡ ከምኡ ።

ቅድሚ ፡ ፍትሕ ፡ ሰበይቲ ብእኽለማይ ናይ ብርኪ አተበትክ ፡ ዓንደ

ገመል ፣ ከይተተኽለ ፡ እንተጸንሔ ፣ ትመቀል ፣ ተተኺሉ ፣ እንተኮነ ፣ ግን እታ ፣ ሰበይቲ ፣ ዘይወለደት ፣ እንተኮነት ፣ ብ፫ ሽማግለ ፡ ተሸኒኑ ፣ ዋጋ ፣ አጽዋር ፣ ትመቀል ፤ ዝወለደት ፣ ግን ፣ ቤት ፣ መቂላ ፣ ትቀመጥ ፡ ሰብኣይ እንተተረከበ ፡ ግን ፣ ቤትን ፣ መሬትን ፣ ትልቀቅ ።

ንሬት ፣ መንበር ፡ መኩባዕቲ ፣ ሠሰብ ፣ መኰንብያ ፣ መጉስ ፣ መጉጎ ልበድ ፣ ቈፎ ፣ መጥሐን ፣ ገንሊ ፡ ምንጻፍ ፣ እዚ ፣ ንሰብኣይ ፡ ብላሰሉ ፣ እዩ ፣ ሰበይቲ ፣ የልብላን ።

ፍትሕቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ቤታ - መቂላ ፣ ትቀምጥ ፣ ክሳብ ፡ ዘላ ፣ መጉስ ፣ መጥሐን ፣ ቈፎ ፣ ኩሉ ፣ ድማ ፣ ናውቲ ፡ ማሕረስ ፣ ብሐደ ፣ ኰይኖም ፣ ይ ዕየይሉ ፡ ዓዲ ፣ እንተኸደት ፣ ዘይብላ ።

ቀለብ ፡ ቈልዓ ፣ ቅድም ፣ ሰብኣይ ፣ ይጀምር ፣ ደሐር ፣ ሰበይቲ ፣ ነቲ ቀለብ ፣ ሰብኣይ ፣ ናብታ ፣ ተመርዓወላ ፣ ዓዲ ፣ እንዳበአ ፣ ይሰደላ ።

ቀለብ ፣ ቈልዓ ፣ ዘምጽኤ ፣ ሰብኣይ ፣ እታ ፣ ሰበይቲ ፣ እንጀራ ፣ ማይን መደቀስን ፣ ትሃብ ።

፪ ሰብ ፣ ብርኪ ፣ ውላድ ፣ ዘለውዎም ፣ እንተተፋትሑ ፣ ቤት ፣ መቂሎም ፣ ይቀመጡ ፣ እንተተሰነዩ ፣ ብሐደ ፣ አፍደገ ፣ ይውጽኡ ፣ እንተዘይ ሰነዩ ፣ ግን ፣ ፪ አፍደገ ፣ ይግበሩ ፤ ንመዕየይኡ ፣ ዝጠፍኤ ፡ ግን ፣ ናብ ፣ ፪ ቲአምእዩ ።

ፍትሕቲ ፣ ሰበይቲ ፣ ዝወለደት ፣ እንተኮነት ፣ ቤታን ፣ ግራታን ፣ መቂላ ፡ ትቀመጥ ፣ እኽይድ ፣ እንተበለት ፣ ግን ፣ ቤትን ፣ ግራትን ፣ ትልቀቅ ጽግእን ነግፍን ፣ ግና ፡ ናብ ፣ ዘላቶ ፣ ኰይና ፣ ትሕረስ ፡ ካብ ፣ ሰልሰን ፣ ዜብላ ።

እተፈትሔት ፡ ሰበይቲ ፡ ግራትን ፡ ቤትን ፡ መቂላ ፡ እንተተቀመጠት ፡ ፈረቃ ፡ እዮም ፡ ቈላዑ ፡ ክብኣ ፡ ዝወለዱ ፡ ተመቂላ ፡ ትክደን ፡ ትቀልብ እዞል ፡ ክኸውን ፡ ክሎ ፡ በኩሪ ፡ ወዲ ፡ ነደ ፡ በኩሪ ፡ ጓል ፡ ድማ ፡ ነበ ። እታ ፡ ፍትሕቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ግራት ፡ ዘይሐረሰት ፡ ቤት ፡ ዘይደቀሰት እንተ ኰነት ፡ ብድሕሪ ፡ ፲ ዓመት ፡ ኵሎም ፡ ቈላዑ ፡ ኣቦ ፡ ይኣክቦም ።

ኣቦ ፡ ጓልን ፡ ኣቦ ፡ ወድን ፡ ንፍትሕ ፡ ምስ ፡ ተቋጸሩ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ቈጸራ ፡ መሰል ፡ ይግበኣኒ ፡ ኢሉ ፡ እንተኣዘዘ ፡ ፍሩስ ፡ እዩ ።

ብጥንስታ ፡ እተፈትሔት ፡ ሰበይቲ ፡ ማንታ ፡ እንተወለደት ፡ ማሕዘል ሐሊዲኣም ፡ ወንጬ ፡ ናብ ፡ ክልቲኣም ፡ ቀለብ ፡ ቈልዓ ፡ ክሳብ ፡ ፲ ዓመት ፡ ገበታው ፡ ክዕበ ፡ ንጀ ወርሒ ፡ ብሱልን ፡ ጥረን ፡ እዮም ፡ ዝኸፍሉ ።

ጓል ፡ ሎጎ ፡ ጭዋ ፡ ናብ ፡ ደቅ ፡ ተሸም ፡ ናብ ፡ ከርንሽም ፡ ናብ ፡ ድምበዛን ፡ ናብ ፡ ዓንሰባ ፡ ናብ ፡ ሰሐርቲ ፡ ናብ ፡ ኣከለጉዛይ ፡ እንተ ፡ ተመርዓወት ፡ ብእዋን ፡ ምንብባርከን ፡ ወይ ፡ ብፍትሕ ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ ሎጎ ፡ ጭዋ ፡ ትናበር ። ብዝኾነ ፡ ምኽንያት ፡ እንተ ፡ ተበእሰት ፡ ናብ ፡ በይቶ ፡ እንዳበኣ ፡ ብሳደኛ ፡ ትዳን ። ብሕጊ ፡ ሎጎ ፡ ጭዋ ፡ ትቑም ።

ሰብኣይ ፡ ነታ ፡ ፈሪሃ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ጐቃ ፡ ዘዕቈበ ፡ ሰበይቲ ፡ ኣየእቱን ፡ ዋሕስ ፡ ውን ፡ ኣይተክል ፡ እንተዘለ ፤ ቒፈ ይኽሐስ እንተተዓርቁ ክብ ፡ ገንዘብ ፡ ብርከም ፡ እንተተፋትሑ ፡ ግን ፡ ክብ ፡ ገንዘብ ፡ ላዕሉ ።

ንሰበይቱ ፡ ዘፈንጠጠ ፡ ሰብኣይ ፡ ቓፈ ፡ ይከሐስ ! ክትፍታሕ ፍቓዳ እንተኰይኑ ፡ ውን ፡ ብምኽንያት ፡ ዝሙትዩሞ ፡ ትፈታሕ ፤ ሰበይቲ ፡ ንሰብኣያ ፡ እንተፈንጠጠቶ ፡ ከምኡ ፡ እዩ ፡ ዝግበኣ ።

ቀለብ ፡ ቈልዓ ፡ ገበታው ፡ ክዕበ ፡ እዩ ፡ ፍርቁ ፡ ብሱል ፡ ፍርቁ ፡ ጥረ ።

እተፈትሔት ፡ ሰበይቲ ፡ ግራትን ፡ ቤትን ፡ መቒላ ፡ እንተተቀመጠት ፡ ፈረቃ ፡ እ·ዮም ፡ ቈላዕ ፡ ክ·በአ ፡ ዝወለዱ ፡ ተመቒላ ፡ ትክደን ፡ ትቀልብ እዞል ፡ ከኸውን ፡ ከሉ ፡ በከሩ ፡ ወዲ ፡ ነደ ፡ በኩሪ ፡ ጓል ፡ ድማ ፡ ነቦ ። እታ ፡ ፍትሕቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ግራት ፡ ዘይሐረሰት ፡ ቤት ፡ ዘይደቀሰት እንተ ኰነት ፡ ብድሕሪ ፡ ፫ ዓመት ፡ ኲሉም ፡ ቈላው ፡ አቦ ፡ ይአከቦም ።

አቦ ፡ ጓልን ፡ አቦ ፡ ወድን ፡ ንፍትሕ ፡ ምስ ፡ ተቛጸሩ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ቈጸራ ፡ መሰል ፡ ይግበኣኒ ፡ ኢሉ ፡ እንተአዘዘ ፡ ፍሩስ ፡ እዩ ።

ብጥንስታ ፡ እተፈትሔት ፡ ሰበይቲ ፡ ማንታ ፡ እንተወለደት ፡ ማሕዘል ሖፈዲአም ፡ ወንጩ ፡ ናብ ፡ ክልቲአም ፡ ቀለብ ፡ ቈልዓ ፡ ክሳብ ፡ ፫ ዓመ ት ፡ ገበታው ፡ ካዕበ ፡ ን፩ ወርሒ ፡ ብሱልን ፡ ጥረን ፡ እዮም ፡ ዝኸፍሉ ።

ጓል ፡ ሎሚ ፡ ጭዋ ፡ ናብ ፡ ደቅ ፡ ተሸም ፡ ናብ ፡ ክርንሽም ፡ ናብ ፡ ድ ምበዛን ፡ ናብ ፡ ዓንሰባ ፡ ናብ ፡ ሰሐርቲ ፡ ናብ ፡ አከለጉዛይ ፡ እንተ ፡ ተመር ዓወት ፡ ብአዋን ፡ ምንብብርከን ፡ ወይ ፡ ብፍትሕ ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ ሎሚ ፡ ጭ ዋ ፡ ትናበር ። ብዝኾነ ፡ ምኽንያት ፡ እንተ ፡ ተባእሰት ፡ ናብ ፡ በይቶ ፡ እ ንዳበአ ፡ ብሳደኛ ፡ ትዳነ ። ብሕጊ ፡ ሎሚ ፡ ጭዋ ፡ ትቑም ።

ሰብኣይ ፡ ነታ ፡ ፈሪሃ ፡ ናብ ፡ እንዳ ፡ ጭቃ ፡ ዘዕቈበ ፡ ሰበይቲ ፡ አየ እቱን ፡ ዋሕስ ፡ ውን ፡ አይተክል ፡ እንተዘለ ፡ ጁፈ ይኸሐስ እንተተዓርቁ ካብ ፡ ገንዘብ ፡ ብርከም ፡ እንተተፋትሑ ፡ ግን ፡ ካብ ፡ ገንዘብ ፡ ላዕሉ ።

ንሰበይቱ ፡ ዘፈንጠጠ ፡ ሰብአይ ፡ ቯፈ ፡ ይከሐስ ! ከትፍታሕ ፍቓዳ እንተኰይኑ ፡ ውን ፡ ብምኽንያት ፡ ዝሙትዩሞ ፡ ትፈታሕ ፡ ሰበይቲ ፡ ንሰ ብአያ ፡ እንተፈንጠጠቶ ፡ ከምኡ ፡ እዩ ፡ ዝግበአ ።

ቀለብ ፡ ቈልዓ ፡ ገበታው ፡ ካዕበ ፡ እሩ ፡ ፍርቂ ፡ ብሱል ፡ ፍርቂ ፡ ጥረ ።

ዘይወለደት ፡ ሰባይቲ ፡ እንተተፈትሔት ፡ ጽግእን ፡ ነግፍን ፡ ትሕረስ ፡ እኪይድ ፡ እንተበለት ፡ ግን ፡ ንታ ፡ ዝሰርሐታ ፡ ቤት ፡ ብ፫ ግቡእት ፡ ሽማ ግለ ፡ ዳኛ ፡ ዝሐረዮም ፡ ተሸኒና ፡ ፍርዲ ፡ ተቀቢላ ፡ ትኪድ ፤ ይትመሞ ፡ ቴሪበ ፡ እንተበለት ፡ ድማ ፡ ክሳብ ፡ ትመውት ፡ ተቀመጥ ፡ ድሕሪ ፡ ሞታ ፡ ግን ፡ አዝማዳ ፡ ዋርሳ ፡ አይግብአምንዩ ፡ እታ ፡ ቤት ፡ ንሰብአይ ፡ ትኹን ።

ፍትሕቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ንህቢ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ እንተለዎም ፡ ብ፫ ሽማግ ለ ፡ ተሸኒኑ ፡ ፈረቃ ፡ ገንዘብ ፡ ሰበይቲ ፡ ትውሰድ ፡ እቲ ፡ ንህቢ ፡ ግን ፡ ሰ ብአይ ፡ ገንዘብ ፡ ብዝከፈለ ፡ የትርፎ ።

እንዳ ፡ ሰበይቱ ፡ ዝቅመጥ ፡ ሰብአይ ፡ ቤታ ፡ ደቂሱ ፡ ቃድርአ ፡ ሐሪ ሱ ፡ ዝነብር ፡ እንተተፋትሑ ፡ ንሳ ፡ መሰል ፡ ሰብአይ ፡ ትሰድ ፡ ንሱ ፡ ድማ ውና ፡ ቃድራ ፡ ለቂቁ ፡ ንዓዱ ፡ ይኺድ ።

ሰበይቲ ፡ ምስ ፡ ሰብአያ ፡ ተበኢሳ ፡ ምናልባሽ ፡ ከይሃርማ ፡ እንተፈር ሔት ፡ እንዳ ሐሙአ ፡ ሐማታ ፡ አበ ነብሲ እንዳ ጭቃ ተዕቁብ ነዚአም ከይነገረት ፡ ናብ ፡ ካልእ ፡ እንተከደት ፡ ኗፈ ፡ ንሰብአያ ፡ ትኽሕስ ፡ በቲ ፡ ግዜ ፡ እቲ ፡ ናብ ፡ ቤት ፡ ዝነበረ ፡ አቅሑ ፡ ወይን ፡ ገንዘብ ፡ ወይድማ ፡ አ ኽሊ ፡ እንተጠፍኤ ፡ ምስክር ፡ እንተለዎ ፡ ብምስክር ፡ ይርታዕ ፡ ምስክር ፡ ዘይብሉ ፡ ሚሒሉ ፡ ይከፈል ፡ ካብታ ፡ ሰበይቱ ፡ ምናልባሽ ፡ ንሳ ፡ ድማ ፡ እወ ፡ ነሩ ፡ ኢላ ፡ አሚና ፡ ነቲ ፡ ስርቂ ፡ ንሰብአየይ ፡ እየ ፡ ዝጥርጥር ፡ እ ንተበለት ፡ ከምዘይ ፡ ሰረቅኩ ፡ ኢሉ ፡ ምሒሉ ፡ ይከፈል ።

እኖ ፡ ድቃላ ፡ ኲይና ፡ ትቅለብ ፡ ዝነበረት ፡ ሰበይቲ ፡ ፫ ዓመት ፡ ከየ እከለት ፡ ከላ ፡ ካብ ፡ ካልእ ፡ ሰብአይ ፡ እንተወለደት ፡ ክልቲኦም ፡ ሰሰለሰ

ተ ፡ ዓመት ፡ ይቐልቡ ፡ ከመይ ፡ ንክልቲኦም ፡ ቊላዑቶም ፡ ተዕብየሎም ፡ አላ ።

ሰበይቱ ፡ ዝሞተቶ ፡ እሞ ፡ ቤትን ፡ ሰራሓ ፡ ውላድን ፡ ገዲፉ ፡ እንተኰነት ፡ ብድሕሪኡ ፡ ካልእ ፡ ሰበይቲ ፡ እንተመርዓወ ፡ እቶም ፡ ዘኽታማት ፡ ቊላዑ ፡ እንተሳነዩ ፡ ምስ ፡ ሰበይቲ ፡ አቡኦም ፡ ብሐንሳእ ፡ ይቕመጡ ፡ ምናልባሽ ፡ ስኒት ፡ እንተሳእኑ ፡ ግን ፡ ፍርቂ ፡ ቤትን ፡ ፍርቂ ፡ መሬት ፡ ናብ እጂ ፡ አቡኦም ፡ ዘሎ ፡ ተመቂሎም ፡ ይነብሩ ።

ሰብኣይን ፡ ሰበይትን ፡ ተፋቲሖም ፡ ኔሮም ፡ እንተ ፡ ተዓርቁ ፡ አቲ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ዋሕስ ፡ ቅውም ፡ እዩ ፡ ምንም ፡ እኳ ፡ ተገርንዩ ፡ እንተነበረ ። ካብ ፡ ዝዕረቑ ፡ ንሱ ፡ ዋሕስ ፡ ድጊ ፡ ናይ ፡ ኀል ፡ ይኹን ፤ ከመይ ፡ ብድሕሪ ፡ ዕርቂ ፡ ካልእ ፡ ዋሕስ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ።

## ፶፰ ። ቤት ትምህርቲ ።

ናብ ፡ ኵሉ ፡ ዓዲ ፡ ብሐልዮ ፡ ህገዚ ፡ ትምህርቲ ፡ ቤት ፡ ኪሰራሕን ፡ ኪቀውምን ፡ ግቡእዩ ፡ ምናልባሽ ፡ ካብ ፡ ዓዘቅቲ ፡ ጸልማት ፡ ናብ ፡ ብርሃን ፡ አይንወጽእን ፡ ኢሎም ፡ ዝቃወሙ ፡ ሰበት ፡ እንተተረኽበ ፡ ብጽኑዕ ፡ ሕጊ ፡ ኲልኵላት ፡ ኢዮም ።

እቶም ፡ ገዘመሃሩ ፡ ቊላዑ ፡ ጠቕሞም ፡ ጥራይ ፡ ንርእሶምን ፡ ንወለዶምን ፡ አይኰነን ፡ እንታይደአ ፡ ንዓዶም ፡ ንመንግሥቶም ፡ ንቤተ ክርስቲያኖም ፡ ንሃይማኖቶም ፡ እዩ ፡ ብዓብይ ፡ መንገዲ ፡ ዘገልግሉ ፡ ስለዚ ፡ ንመ

ምህርን ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤትን ፡ ከተዓናቅፍ ፡ አተረኽበ ፡ ፲ፈ ፡ ንቤተ ፡ ትምህርቲ ፡ ዓድዩ ፡ ይስመር ።

ቤት ፡ ትምህርቲ ፡ ኪሰርሑ ፡ መምህር ፡ ዘሀድሩ ፡ ፩ ዓዲ ፡ እንትኾኑ ፡ ጕዕቃ ፡ ሽማግለ ፡ ይስመ ። እቶም ፡ ተሰምዩ ፡ ሽማግለ ፡ ደሞዝ ፡ ምስ ፡ መምህር ፡ አውዲሎም — ዋሕስ ፡ ዘክፍሉም ፡ ይትከሉ ፡ ስፍራ ፡ ይሃብዎ ፡ ነቲ ፡ መምህር ፡ ትምህርቲ ፡ ቤት ፡ የቅርቡ ።

ደሞዝ ፡ ናይ ፡ መምህር ፡ ምሉእ ፡ ዓዲ ፡ እዩ ፡ ዝኸፍሎ ፡ ቈልዑ ፡ ዘምሃረን ፡ ዘየምሃረን ፡ ስለዚ ፡ ውሉዱ ፡ ኩሉ ፡ የምህር ፡ ብዘይ ፡ ፍላይ ፡ ወድን ፡ ጓልን ።

ውሉዱ ፡ ዘየምሃረ ፡ ሰብ ፡ ወይከዐ ፡ አደ ፡ ናብ ፡ ዓመት ፡ ፲ፈ ፡ ይዕደ ንትምርቲ ፡ ቤት ፡ ወዲ ፡ ክሳብ ፡ ፲፮ ፡ ዓመት ፡ ዝአክል ፡ ጓል ፡ ግን ፡ ክሳብ ፡ ፲፱ ፡ ዓመት ፡ ወላዲ ፡ ግን ፡ ነዚ ፡ ኩሉ ፡ ገንዘብ ፡ ዓድየ ፡ ነቲ ፡ ውላደይ ፡ ንሳ ፡ አጣል ፡ ገዶረ ፡ እየ ፡ ዘዕብዮ ፡ አይብል ። ከመይ ፡ ዘይተማህረ ፡ አየድሕን ፡ ዘይተወቅረ ፡ አየጥሕን ።

እቲ ፡ መምህር ፡ ግዜ ፡ ውዕል ፡ ከይፈጸመ ፡ እንተኸደ ፡ ደሞዝ ፡ አይግብኦን ፡ እዩ ፡ አስቀዲሞም ፡ እቶም ፡ ሽማግለ ፡ ዋሕስ ፡ የትከሉዎ ፡ በቲ ፡ ውዕሉ ፡ ዘቁሞ ።

ተማሃራይ ፡ ይንአስ ፡ ይዕበ ፡ ትሑትን ፡ ዓቃልን ፡ ኪኸውን ፡ እዩ ፡ ዝግብኦ ፡ ስለዚ ፡ ንመምህሩ ፡ እንተደፈረ ፡ ንመምህሩ ፡ ዘሃረመ ፡ ተማሃራይ ፡ ከም ፡ ሕጊ ፡ ይኸሐስ ፡ መምህሩ ፡ ይቅጽዖ ፡ ተመሃራይ ፡ ብግቡእ ፡ ትምህርቲ ፡ ምስ ፡ በሰለ ፡ ዕድሚኡውን ፡ ክብ ፡ ፲፯ ፡ ዓመት ፡ ንላዕሊ ፡ ምስ ፡ በጽሐ ፡ መዓርግ ፡ ዲቁና ፡ ኪቅበል ፡ ይግብኦ ። አገባብ ፡ መንርግ ፡ ዲቁና ፡ ከምዚ ፡ ዝስዕብ ፡ እዩ ።

ቅድም ፡ እቲ ፡ መዓርግ ፡ ዲቁና ፡ ዝደሊ ፡ ተማሃራይ ፡ ካብ ፡ መምህሩ ፡ ንግብረ ፡ ዲቁና ፡ ዝበቅዕ ፡ ትምህርትን ፡ ጠባይን ፡ አለዎ ፡ ይግብኦ ፡ ዝብል ፡ ወረቀት ፡ ምስክር ፡ ይቀበል ። ብድሕርዚ ፡ ቀሺ ፡ ገበዝን ፡ ማሕበርን ፤ ጭቃን ፡ ፫ ሽማግለ ፡ ዓዲን ፤ ናብ ፡ ቤተክርስቲያን ፡ ተአኪቦም ናይ ፡ ጠባዩን ፡ ትምህርቱን ፡ መርሚሮም ፡ ፍጹም ፡ ይግብኦ ፡ እዩ ፡ ዝብል ፡ ምስክር ፡ ብጽሕፈት ፡ ፈሪሞም ፡ ይሃብዎ ፡ ክንዲ ፡ ማሕበር ፡ ቄስ ፡ ገበዝ ፡ ይፈርም ፡ ክንዲ ፡ ዓዲ ፡ ድማ ፡ ፫ ሽማግለ ፡ ይፈርሙ ፡ ከም ፡ ሽሞኛ ፡ መጠን ፡ ከዐ ፡ ጭቃ ፡ ይፈርም ። ብድሕሪ ፡ እዙይ ፡ ነቶም ፡ ዲቁና ፡ ዝግብኦምን ፡ ወረቀት ፡ ምስክርን ፡ አሒዙ ፡ እቲ ፡ ገበዝ ፡ ናብ ፡ ብፁእ አቡን ፡ አሰንዮም ፡ ይኺድ ።

ማዓርግ ፡ ክህነት ፡ ዝቅበል ፡ ግን ፡ ስለ ፡ ክቢድ ፡ መዚ ፡ ናብ ፡ መንጎ እግዚአብሔርን ፡ ናብ ፡ መንጎ ህዝብን ናብ መንጎ መንግሥትን ከም ዘለዎ ፡ ዅላትና ፡ ንፈልጥ ፡ ኢናም ፡ ቅድሚ ፡ ፳፫ ፡ ዓመት ፡ ክህነት ፡ ኪወስድ ፡ ግቡእ ፡ አይኰነን ።

በዘን ፡ ተወሲነን ፡ ዘለዋ ፡ ዓመታት ፡ ምስ ፡ ፈጸመ ፡ ካብ ፡ መምህሩ ፡ ከምቲ ፡ ናብ ፡ ፍትኃ ፡ ነገሥት ፡ ተመዲቡ ፡ ዘሎ ፡ ትምህርትን ፡ አገባብን በቂዑ ፡ ዝብል ፡ ወረቀት ፡ ምስክር ፡ አሒዙ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ይምጻእ ፡ ዓዲ ከዐ ፡ ከም ፡ ንዲያቆን ፡ ተሰሪዕዎ ፡ ዘሎ ፡ ናይ ፡ ጠባዩን ፡ ትምህርቱን ፡ መርሚሮም ፡ ወረቀት ፡ ምስክር ፡ ክንዲ ፡ ዓዲ ፡ ፫ ሽማግለ ፡ ክንዲ ፡ ማሕበር ፡ ቄስ ፡ ገበዝ ፡ ከም ፡ ዳኛ ፡ መጠን ፡ ጭቃ ፡ እዚ ፡ ፈሪሞም ፡ ምስ ፡ ሃብዎ ፡ ገበዝ ፡ ናብ ፡ ብፁዕ ፡ አቡን ፡ ሒዙዎ ፡ ይኺድ ።

ነዚም ፡ ከምዚ ፡ ኢሎም ፡ ብስነ ፡ ሥርዓት ፡ ብዓዲ ፡ ተመሪቖም ፡ ዝኸዱ ፡ እሞ ፡ ብብጹዕ ፡ ጳጳስ ፡ ወይ ፡ ኤጲስቆጶስ ፡ ማአርግ ክህነትን ዲቁ

ናን ፡ ተሸሞም ፡ ንዓዶም ፡ ኪእትዉ ፡ መሣልጢ ፡ ደወል ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያ ን ፡ ይወቃዕ ፡ ዓዲ ፡ ዓዚ ፡ ምስ ፡ ንእሽቶ ፡ ብሐጎስን ፡ ክብርን ፡ ናብ ፡ ቤ ተ ፡ ክርስታያን ፡ ተአኪበም ፡ ይመርቅዎም ።

ዝግብኦም ፡ ማሕድሮ ፡ ከሀ ፡ ይሃብዎም ።

ነዚ ይ ፡ አፍሪሶም ፡ ምእርግ ፡ ክህነትን ፡ ዲቁናን ፡ አምጺእና ፡ ኢና ሞ ፡ ማሕድሮ ፡ ሃቡና ፡ እንተበሉ ፡ ኪረኽቡ ፡ አይግብኦምን ፡ እዩ ።

## ፵፯ ። ዓብይ ትምህርቲ ቤት ናብ ምሉእ አውራጃ ።

ዓብይ ፡ ቤት ፡ ትምህርቲ ፡ ናይ ፡ አውራጃ ፡ ግድን ፡ ዘድሊ ፡ እዩ ፡ ከ መይ ፡ ነቶም ፡ ነናብ ፡ ዓዶም ፡ እተማህሩ ፡ ቈላው ፡ መታን ፡ ናብ ፡ ምሉእ ስልጣንየ ፡ ኪበጽሑ ፡ ናብቲ ፡ ዓብይ ፡ ቤት ፡ ትምህርቲ ፡ ምቅጻል ፡ የድ ልዮም ፡ እቶም ፡ መምህራን ፡ ንዕኡ ፡ ዝበቅዕ ፡ ከዐ ፡ እንተሎ ፡ ናይ ፡ ጥ በብ ፡ መንገዲ ፡ ዝገልጹ ፡ ካልእ ፡ ቋንቋ ፡ ዝምህሩ ፡ በየዓይነቶም ፡ ኪኾ ኑ ፡ ይግባእ ።

እቶም ፡ ነዚ ፡ ስራሕዚ ፡ ዝገብሩ ፡ ሽማግለ ፡ ብምስለኔን ፡ ጭቃታት ን ፡ ይመረጹ ፡ እዚአም ፡ ነታ ፡ ትምህርቲ ፡ ቤት ፡ ዘድልያ ፡ ዘበለ ፡ ኩሉ ፡ ናብ ፡ ምሉእ ፡ አውራጃ ፡ ከም ፡ መጠን ፡ ሃብቱ ፡ ከብ ፡ ውሉዱ ፡ ዘምሃረን ፡ ዘየምሃረን ፡ አብ ፡ ኩሉ ፡ ገባራይ ፡ ሰሊያም ፡ ገንዘብ ፡ ዝአክል ዝመስል ፡ ገይሮም ፡ የናብርዋ ።

እቲ ፡ ዕዳታት ፡ ንቤት ፡ ትምህርቲ ፡ ይኹን ፡ ተበሂሉ ፡ ዘሎ ፡ እዚም ሽማግለ ፡ እዚ.እም ፡ ዋናታት ፡ ኰይኖም ፡ የማሕድርዋ ።

## ፵፰ ። ምስላም ቤተ ክርስቲያን ።

ናብ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ዝአቱ ፡ ሰብ ፡ ከም ፡ ሥርዓት ፡ አበው ፡ ናብ ፡ ደገ ፡ ሰላም ፡ ምስ ፡ በጽሔ ፡ ስብአይ ፡ ክንተኰነ ፡ ጉልበቡ ፡ ይቅላዕ ሳእኒ ሃሠሽእ ክዳውንቱ ይላበስ ፤ በትሪ እንተዘ አይእቶ ከመይ ቤተ ፡ እግዚአብሔር ፡ ካብ ፡ ኵሉ ፡ ዝዓበየ ፡ እዩ ፡ ነዚ ፡ ዘፍረሰ ፡ ፯ፈ ፡ ንቤተክርስቲያን ፡ ይዕደ ።

## ፵፱ ። ካህን ዲያቆን ።

ካህን ፡ አይጣበቅ ፡ አይዋሕስ ፡ ናብ ፡ መሬቱን ፡ ወለዱን ፡ ሕብቱን ፡ ዝመጸ ፡ ይመጉት ፡ ካብገዛኤን ፡ ሐሊፉ ፡ ኪምጉት ፡ እንተተረኽበ ፡ ፯ፈ ፡ ንቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ይዕደ ፡ ካብታ ፡ ምብቅንት ፡ ከአ ፡ ይከልከል ፡ እቲ ፡ በዓል ፡ ነገሩ ፡ ይኽሰሰ ፡ ዳኛ ፡ ነተን ፡ ገንዘብ ፡ አውጺኡ ፡ ንቲስ ፡ ገበዝ ፡ ይሃብ ።

ካህን ፡ ካብ ፡ ምቅንትን ፡ ውክልናን ፡ ክልኩልዩ ስራሕ ክህነቱ ፡ ዋ

ራይ ፣ ይእክሎ ፣ ከመይ ፣ ካብ ፣ መአርግ ፣ ክህነት ፣ ዝዓቢ ፣ የልቦን ፤ ናብ ስጋዊ ፡ ነገር ፣ ኢዱ ፣ አይምለስ ።

ዲያቆን ፡ ውን ፣ ከምዚ ፣ ንክህን ፣ ተሰሪዕዎ ፣ ዘሎ ፣ ኢዩ ፣ ዝግብኦ ።

ክህን ፣ ድማ ፣ እንተተሀርመ ፣ ፶ፊ ፣ ይክሐስ ፣ መስበርቲ ፣ ወይ ፣ መፍጋእቲ ፣ እንተለዎ ፣ ግን ፣ ናብ ፡ ርእሲኡ ፣ ከም ፣ ስሩዕ ፣ ሎሚ ፣ ጭዋ ፣ ይክሐስ ።

ክህን ፣ ድማ ፣ ዝኾነ ፣ ሰብ ፣ እንተሀረመ ፣ ፶ፊ ፣ ይክሐስ ፤ ፪ ወይ ፫ ግዜ ፣ እንተሃረመ ፣ ግን ፣ ካብ ፣ ማሕድሮ ፣ ቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ ውጹእዩ ።

ድያቆን ፣ እንተተሃርመ ፣ ፳፭ፊ ፣ ይክሐስ ፤ እቲ ፣ ዲያቆን ፣ ድማ ፣ ን ዝኾነ ፣ ሰብ ፣ እንተሃረመ ፣ ፳፭ፊ ፣ ይክሐስ ፤ ፪ ወይ ፫ ግዜ ፣ እንተ ፣ ሃረመ ፣ ካብ ፣ ማሕድሮ ፣ ቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ ውጹእዩ ።

## ፵ ። ወርቂ ቤተ ክርስቲያንን አሳያም ገበዝን ።

ወይ ፣ አቃሑ ፣ ወይ ፣ ድማ ፣ ወርቂ ፣ ቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ ዝሰረቀ ፣ ብ፫ ዕጽፊ ፣ ይኸፍል ፣ ዝሰበረ ፣ ወይ ፣ ዝቀደደ ፣ ቀንዲ ፣ ይተክእ ።

ዓድን ፣ ጭቃን ፣ ሰሚሮም ፡ ይግብኦ ፣ ዝበልዎ ፣ ገበዝ ፣ ይሸየም ፤ ድሕሪ ፣ ፩ ዓመት ፣ ድማ ፡ ኻልእ ፣ ገበዝ ፣ ይሸየም ።

ቂስ ፣ ገበዝ ፣ ፪ ዓብይ ፣ ደብተር ፣ ይሓዝ ፤ ካብ ፣ ገንዘብ ፣ ቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ ጌሩ ፣ ፬ ናይ ፣ ዝተወልዱን ፣ እተመርዓዉን ፣ ዝድብ

ተሩሉ ፣ ፩ ድማ ፣ ወርቂ ፣ ቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ ዝአተወን ፣ ዝወጸን ፣ ዝጸሐፈሉ ፣ ነገዚኤን ፣ ከም ፣ ግቡእ ፣ ዘይፈጸመ ፣ ገበዝ ፣ ግን ፣ ግብገዝና ፣ ተጋኒሱ ፣ ካብ ፣ ማሕድሮ ፣ ቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ ይልቀቅ ።

ን፫ ሽማግለ ፣ ናይ ፣ ቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ ዓዲ ፣ መሪጽም ፣ ዘውጽእዎ፣ ቄስ ፣ ገበዝ ፣ ኪመሓላለፑ ፣ ከሎ ፣ ቈጺሩ ፣ ይሃበም ፣ ንሳቶም ፣ ናይ ፣ ተቀበልዎ ፣ አቁሑን ፣ ወርቅን ፣ ፊርማ ፣ ደረሰይ ፣ ይሃብዎ ፣ ናብ ፣ ቅድሚ ፣ ጭቃን ፣ ዓድን ።

ነቲ ፣ ሐዲሽ ፣ ገበዝ ፣ እቶም ፣ ፫ ሽማግለ ፣ ናይ ፣ ዓዲ ፣ ወርቅን ፣ አቁሑን ፣ ናብ ፣ ቅድሚ ፣ ጭቃን ፣ ዓድን ፣ ይሃብዎ ፣ ንሱ ፣ ድማ ፣ ፪ ፊርማ ደረሰይ ፣ ይሃብ ፣ ፩ ጭቃ ፣ ዝሕዞ ፣ ፩ ድማ ፣ ፫ ሽማግለ ።

ገበዝ ፣ ብጁ ፣ ወርሒ ፣ ዘእተዎን ፣ ዘጥፍአን ፣ ሕሳብ ፣ ይሃብ ፣ ን፫ ሽማግለን ፣ ጭቃን ፣ ዓድን ፣ እንተአበየ ፣ ፴ፈ ፣ ንቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ ዓድዩ፣ ይተሐሳሰብ ፣ ከይወዓለ ፣ ከይሐደረ ።

ቄስ ፣ ገበዝ ፣ ገንዘብ ፣ ቤተ ፣ እግዚአብሔር ፣ አጣፊኡ ፣ እንተተረኽበ ከም ፣ ሕጊ ፣ ከፊሉ ፣ ግብገዝናን ፣ ማሕድሮን ፣ ይልቀቅ ።

ሞበእ ፡ ንቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ ዝወሃብ ፣ ናብ ፣ ዓመት ፣ ካብ ፣ ነብሲ ወከፑ ፣ ገባሪ ፣ ካዕበ ፣ ስርናይ ፣ እዩ ፤ ነዚኤን ፣ ዘውጽኡ ፣ እቶም ፣ ፫ ፣ ሽማግለ ፣ ዓዲ ፣ ዝመረጽዎም ፣ እዮም ፣ ዝከልአም ፣ ፮ ፈርጊ ፡ ዓድዩ ፣ ይኽፈለን ።

ሕዳር ፣ ካህንን ፣ ዲያቆንን ፣ ቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ እንተደፈኑ ፣ ንሐደ ፮ፈ ፣ ይዕደዩ ፤ ከምኡ ፣ ውን ፣ ናይ ፣ ቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ ዘጣምት ፣ እዚ ገበዝ ፣ ዘብኰረ ፣ ፮ፈ ፣ ዓድዩ ፣ እዚ ፣ ይፈጽም ።

## ፶፩ ። ንቤተ ንጉሥ ሰላምታ ።

ብዝኾነ ፣ ይኹን ፣ ናብ ፣ ቤተ ፣ ንጉሥ ፣ ዝአቱ ፣ ሰብ ፣ ክዳኑ ፣ ይልበ
ስ ፣ ኢድ ፣ ይንሳእ ፣ ዝግብእ ፣ ክበረታን ፡ ትሕትናን ፣ ይሃብ ፤ ንእግዚአብ
ሔር ፣ ፍርሕዎ ፣ ንንጉሥ ፣ አኽብርዎ ፣ እዚ ፣ መጻሕፍቲ ፣ እዩሞ ፣ ነዚ ፣
ዘፍረሰ ፣ ፲፪ ፣ ፈርጊ ፣ ይዕደ ።

ከምኡ ፣ ውን ፣ ነቶም ፣ ካብ ፣ ንጉሥ ፣ እተሸሙ ፣ ዘገግብአ
ም ፣ ክብሪ ፣ ይሃብ ፣ ንምስለኔ ፣ ሹም ፣ አሕዋት ፣ ጭቃ ፣ ነጋብ ፣ (ኖታቢለ)
ካህን ፣ እዚኦቶም ፣ ክሐልፉ ፣ ክለዉ ፣ ዝረአዮም ፣ ሰብ ፣ ጉልበቡ ፣ ቀሊ
ዑ ፣ ካብ ፣ መቀመጢኡ ፣ ሐፍ ፣ ኢሉ ፣ ሰላምታ ፣ ይግበር በቅሊ ሰሪሩ ይ
ሐልፍ እንተነበረውን ካብ በቅሊ ወሪዱ ሰላምታ ይሃብ ነዚ ዘይፈጸመ
፲፪ ፈርጊ ፣ ይከሐስ ፣ ከምኡ ፣ ውን ፣ እቶም ፣ ደቂ ፣ ዓዲ ናብ በይቶ ተቀ
ሚጦም ፣ ክለዉ ፣ ተገልቢቡ ፣ ወይን ፣ በቅሊ ፣ ሰሪሩ ፣ ዝሐለፈ ፣ ፲፪ ፣
ፈርጊ ፣ ይኽፈል ።

መርዓ ፣ ተስካር ፣ ዝገበረ ፣ ንምስለኔን ፣ ሹም ፣ አሕዋት ፣ ሞታቢለ ፣ ፩
ሳርማ ፣ ስዋ ፣ ፲፫ እንጌራ ፣ ፩ ፃሕሊ ፣ ጸብሒ ፣ ይሃብ ፣ ስለ ፣ ክብረቶም ፣ ም
ስክር ፣ ዝደፈነ ፣ ፳ፈ ፣ ይኽሐስ ።

## ፹፪ = ብጓ፡ላይ ምስለኔን ጭቃን ክንብርዎ ዝግባእ አፋላላይ ማያት ።

ዝበዝሕ ፡ ሕማም ፡ ንሰብ ፡ ይኹን ፡ ንማል ፡ ይኹን ካብ ርስሖት ፡ ማ ፡ ክምዝኾነ ፡ ዝመጽእ ፡ ብዘይ ፡ ጥርጥር ፡ ፍሉጥ ፡ ነገርዩ ጥ ፡ ክምዚ ለሰዕብ ፡ ሕጊ ፡ ይቑም ።

ናብ ፡ ዝኾነ ፡ ዓዲ ፡ ማይ ፡ ናብ ፡ ፫ ወገን ፡ ይመደብ ፡ ብ፩ ሰብ ፡ ጥ ይ ፡ ዝሰትዩ ፡ ፩ መሕጸብ ፡ ክዳውንቲ ፡ ፩ ድማ ፡ ብፍላይ ፡ ከብቲ ፡ ጥ ይ ፡ ዝሰትይሉ ።

ዋሓዚ ፡ ማይ ፡ እንተኾነሞ ፡ አቶም ፡ ዓዲ ፡ ብጀካእ ፡ ዝካፋፈል ፡ ማ ፡ ካልእ ፡ ዘይብሎም ፡ እንተኾኑ ፡ ብላዕሊ ፡ እታ ፡ ዓይኒ ፡ ማይ ፡ ንሰብ ኹን ፡ ብ፲፰ ፡ መትሮ ፡ ትሕትኡ ፡ ንማል ይኹን ካብኡ ፡ ፴ መትሮ ፡ ን ሖቲ ፡ ድማ ፡ መሕጸብ ፡ ክዳውንቲ ፡ ይኹን ።

ብዙሓት ፡ ወገን ፡ ማይ ፡ ዘለዎም ፡ ዓዲታት ፡ ወይን ፡ ዋሓዚ ፡ ወይ ፡ ድማ ፡ ዡዒትካ ፡ ዒላ ፡ ዝወጽእ ፡ እታ ፡ ዝበለጸትን ፡ ዝጸረየትን ፡ ዒ ፡ ትኹን ፡ ዋሓዚት ፡ ትኹን ፡ ንሰብ ፡ እያ ፡ ትግባእ ፡ ካልኣይቲ ፡ ሩብ ፡ ናርይቲ ፡ ማይ ፡ ንማል ፡ እያ ፡ ትግባእ ፡ ሳልሰይቲ ፡ አጸቢቓ ፡ ዝረሓቐት ድማ ፡ መሕጸብ ፡ ክዳውንቲ ፡ ክትከውን ፡ እያ ፡ እትግባእ ። ብእዚ ፡ ዒላ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ኪግበር ፡ ይግባእ ።

ናብዘን ፡ ንሰብን ፡ ከብትን ፡ እተመርጸ ፡ ማያት ፡ ነብሱ ፡ ክዳውንቲ ፡

ቈርበት ፡ ኪሕልኽ ፡ ነቲሕ ፡ ኪሐጽብ ፣ እግሩ ፡ ኪሕጽብ ፡ እንተተረኽበ ፡ ፴ፈ ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤት ፡ ይዕደ ።

ነዚ ፡ ነገርዚ ፡ ጭቃ ፡ ገባር ፡ ብታራ ፡ እናእዘዘ ፡ ከሕልዎ ፡ ብጥንቃ ቐ ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ፡ ሸላ ፡ እንተረአዮ ፡ ግን ፡ ፺ፈ ፡ ይዕደ ፡ ንቤት ፡ ትምህ ርቲ ፡ ገባር ፡ ተእዚዙ ፡ ዝአበየ ፡ ከምኡ ፡ ይዕደ ፤ እቲ ፡ ጭቃ ፡ ነዚን ፡ እሱ ላላይ ፡ ማያት ፡ ንሰብ ፡ ዝግባእ ፡ ንግል ፡ ዝግባእ ፡ ንመሕጸብ ፡ ከጻውን ቲ ፡ ዝግባእ ፡ ከየቆመ ፡ እንተተረኽበ ፡ ፴ፈ ፡ ይዕደ ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤት ።

እቲ ፡ ከብቲ ፡ ዝሰትያሉ ፡ ማይ ፡ ዉሒንቃ ፡ እንተ ፡ ኰይኑ ፡ ብታራ ፡ ጥሪቱ ፡ የስቲ ፡ ሃፍታም ፡ ኰነ ፡ ድኻኰነ ፡ ድልድልዩ ፤ ጋሻ ፡ ሐላፍ ፡ መ ንገዲ ፡ ግና ፡ ከብቲ ፡ ይኹን ፡ አድጊ ፡ በቕሊ ፡ ይኹን ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ታ ራ ፡ አስትዩ ፡ ይኺድ ፡ ከመይ ፡ ካብ ፡ ነዊሕ ፡ ዝመጸ ፡ ናብ ፡ ነዊሕ ፡ መን ገዲ ፡ ዝኸይድዩ ፡ ግዜ ፡ ከይሐልፎ ፡ ካብ ፡ ስራሑ ፡ ከይዘኩር ፡ ነቲ ፡ ጋ ሻ ፡ እንተከልእዎ ፡ ፺ፈ ፡ ይኸሐሱዎ ።

## ፵፫ ፡ ሕማም ተላጋቢ ናብ ርእሲ እንስሳ ።

ብዙሕ ፡ ግዜ ፡ ብሰንፍና ፡ ሸመኛታት ፡ ብተላጋቢ ፡ ሕማም ፡ ብዙሕ ማእለያ ፡ ዘይብሉ ፡ ሃብቲ ፡ ጥሪት ፡ ካብ ፡ ህዝብና ፡ ከም ፡ ዝጠፍኣ ፡ ጥር ጥር ፡ ዘይብሉ ፡ እውነተኛ ፡ ነገር ፡ እዩ ፡ እተን ፡ ሕሱማት ፡ አዝየን ፡ ዝገ ድአ ፡ ሕማም ፡ እዚኤን ፡ ኢየን ።

ጉልሓይ ፡ ሳምቡእ ፡ ሕበጥ ፡ ዕጮ ፡ ላም ፡ ንፍሪ ፡ ኩርብን ፡ ላሊሽ ፡ ንኩብቲ ፡ ዘፍልሱ ፡ እዮም ።

ዓበቅ ፡ ዘፋር ፡ ሳምቡእ ፡ ካልእ ፡ ንዕኡ ፡ ዝመስል ፡ ውን ፡ ንጤለ ፡ በጊዕ ፡ ዝጐድእ ፡ እዩ ፡ ካብዘን ፡ ሕማምዚኤን ፡ ዝአተወቶ ፡ ንጭቃ ፡ ይንገር ፡ እንተዘይፍለጠ ፡ ጪፈ ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤት ፡ ይዕደ ።

ስለ ፡ ዓብዩ ፡ ጉድኣትን ፡ ጥፍኣትን ፡ ካብዘን ፡ ተሰምየን ፡ ዘሎዋ ፡ ሕማም ፡ ዝረኽበና ፡ ዝሬኤናን ፡ ከምዚ ፡ ዝቅጽል ፡ ሕጊ ፡ እዩ ፡ ዝግበእ ።

ዝኾነ ፡ እንስሳ ፡ ካብ ፡ ዕዳጋ ፡ ተገዚኡ ፡ ንዓዲ ፡ ምስ ፡ አተወ ፡ ጭቃ ፡ ይርአዮ ፡ ክሳብ ፡ ሕማሙን ፡ ጥዕናኡን ፡ ዘፍልጥ ፡ ፯ መዓልቲ ፡ ማይን ፡ ሳዕርን – ደምቢኡን ፡ ይፈለ ፡ እቲ ፡ ዝዓደገ ፡ ንጭቃ ፡ ከይነገረ ፡ እንተደምበረ ፡ ጪፈ ፡ ይዕደ ፡ ንትምሂርቲ ፡ ቤት ።

ጭቃ ፡ ምስ ፡ ሰምዔ ፡ ... ፡ መታን ፡ ከይላጋገብ ብቅልጡፍ ፡ ፈልዩ ፡ ማይን ፡ ሳዕርን ፡ ደምቢኡንን ፡ ፈልዩ ፡ ን፯ መዓልቲ ፡ የቀምጥን ጽብሕታ ፡ ዝሰምዓላ ፡ ብቅልጡፍ ፡ ንምስለኔ ፡ ይንገር ፡ ምስለኔ ፡ ከዓ ፡ ንሐኪም ፡ እንስሳ ፡ ብቅልጡፍ ፡ ይንገር ! ጭቃን ፡ ምስለኔን ፡ ነዚ ፡ ሕግዚ ንትብኾሩ ፡ ጪፈ ፡ ንሐደ ፡ ይዕደዩ ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤት ።

## ፶፬ ። ናይ ዝብእን ወኻርያን ጉድኣት ።

ብዝብእን ፡ ወኻርያን ፡ ዝርከብ ፡ ጥፍኣት ፡ ማል ፡ እንተንሐሰበም ፡ ክ
ሥርዓት ፡ ናይ ፡ ምሉእ ፡ አውራጃ ፡ ምናልባሽ ፡ ፳፪ ፡ ዝአክል ፡ እንስሳ

ብሞት ፣ ናብ ፣ ሐደ ፣ ዓመት ፣ ይጠፍኡ ፣ ይኸውኑ ፤ እንተኾነ ፣ ግን ፣ ኩብ ፣ ፳፱ ፣ እንስሳ ፣ ናብ ፣ ዓመት ፣ ምጥፋእ ፤ ፲ ናእሽቱ ፣ እንስሳ ፣ ንፈውሲ ፣ ዝብእን ፣ ወኻርያን ፣ ኣጥፍኦኻ ፣ ጠቕሚ ፣ ህዝቢ ፣ ከም ፣ ዝኾውን ፣ ሐሲብና ፣ ነዚ ፣ ዝሰዕብ ፣ ሕጊ ፣ ነቚም ፣ ኣሎና ።

እቲ ፣ ጭቃ ፣ ዓዲ ፣ ነቲ ፣ ብዝብኢ ፣ ዝረኸበ ፣ ጉድኣት ፣ ዓዱ ፣ ንምስለኔ ፣ ይንገር ፣ ንሱ ፣ ከኣ ፣ ተቃላጢፉ ፣ ንሐኪም ፣ ኩብቲ ፣ ኣመልኪቱ ፣ ስሚ ፣ ዝገብሩ ፣ ብንዓ ፣ ኣምጺኡ ፣ ነታ ፣ ኣዛብእ ፣ ዝበዝሕዋ ፣ ዓዲ ፣ ፈውሲ ፣ ይገበሩ ፤ ድሕሪዚ ፣ እቶም ፣ ከብቲ ፣ ዘለዎም ፣ ዓዲ ነተን ፣ ናብኣ ፣ ዝጠፍኣ ፣ ገንዘብ ፣ ሐቢሮም ፣ ይኸፈልወን ፣ ከመይ ፣ ንዝብኢ ፣ ጸለማ ፣ የልብሉን ። ነዚ ፣ ዝኣበየ ፣ ዓዲ ፣ ወይገበር ፣ ፲፪ፈ ፣ ንትምህርቲ ፣ ቤት ፣ ዓድዮም ፣ ነተን ፣ ጥርቶም ፣ ይኸፈሉ ።

## እ ን ስ ሳ ።

ብዝኾነ ፣ ይኹን ፣ ዝ፡ጻበ ፣ ተመንየ ፣ ዝሐበጠ ፣ መጽዓኛ ፣ ከይድዓን ፣ ክልኩል ፣ እዩ ። ክሳብ ፣ ዝሐዊ ፣ ጥናኡ ፣ እናፈወሰ ፣ ናብ ፣ ሕዛእቲ ይብላዕ ፣ ኣይክልክል ። ከምኡውን ፣ ንኸብቲ ፣ ክሳብ ፣ ዝሐውየ – ከይሕረሱ ፣ መኸዳ ፣ ከይኸየዱ ፣ ክልኩል ፣ እዩ ። ከመይ ፣ እታ ፣ ጥና ፣ ኣብመንነ ፣ ህዝብና ፣ ሓንቲ ፣ ሃብቲ ፣ ዘላህና ፣ ጥሪት ፣ ስለ ፣ ዝኾነት ፣ ኣስተውዒልና ፣ እግዚኣብሔር ፣ ከኣ ፣ ስለ ፣ ክብረትና ፣ ዝሃበና ፣ በዕላትና ፣ ከንሐስበሎምን ፣ ከንሓልየሎምን ፣ ነቶም ፣ እንስሳ ፣ እዩ ፣ ዝግብኣና ። ፣ ሰ

ሎሙን ፣ ንጉሥ ፣ ይብል ፣ ጸድቕ ፣ ሰብ ፣ ንህይወት ፣ እንስሳኡ ይርሕርሕ ሓጥያተኛ ፣ ሰብ ፣ ከአ ፣ ጨካን ፣ እዩ ። ምሳሌ ፣ ም፲፪ ። ቍ ፲ ።

## ር ግ ኺ ።

ርግኺ ፣ ካብ ፣ ዝኾነ ፣ ሸኻ ፣ ኪውስድ ፣ ይግባእ ፣ ካብ ፣ ልክዕ ፣ ከይሓልፍ ፣ ሓላው ፣ ሕዝኣቱ ፣ ይኽልክሎም ፣ ክመይ ፣ ስዮ ፣ ስራ ፣ ከይበሰር ፣ ዝኽልክለ ፣ ፮ ፈርጊ ፣ ይኽሓስ ።

## ዒ ባ ደ ም በ ።

ሓደ ፣ ዝደምቢኣም ፣ ከብቲ ፣ ዘለዎን ፣ ዜብሉን ፣ ብታራ ፣ ዒባ ፣ ይውሰዱ ፣ ከመይ ፣ እቶም ፣ ከብቲ ፣ ዜብሎም ፣ ካብ ፣ ምስራሕ ፣ ቶፎን ፣ ክልእውን ፣ ብዒባ ፣ ዝስራሕ ፣ ስለ ፣ ከይበጽሑ ፣ ዝኽልክለ ፣ ፮ ፣ ፈርጊ ፣ ይኽሓስ ።

## ፺፰ ። ሕማም ተላጋቢ ናብ ሰብ ።

ሕማም ፣ ተላጋቢ ፣ ክንደይ ፣ ሰድራን ፣ ክንደይ ፣ ህዝቢ ፣ ናይ ፣ ምሉእ ፣ ዓድታትን ፣ ክምዘብርስ ፣ ኩላትና ፣ ኣይንስሕቶን ፣ ዘዚ ምኽንያት ፣

ከዐ ፡ እቲ ፡ ህዝብና ፡ ክንዲ ፡ ዝበዝሕን ፡ ዝስስንን ፡ ቁጽሩ ፡ እናወሓደ ፡ ይተርፍ ፡ አሎ ፡ እዘን ፡ ብርቱዕ ፡ ሞትን ፡ ጥፋትን ፡ ዘምጽእ ፡ ሕማም ፡ ከ ዐ ፡ እዚኤን ፡ እየን ። ሕማም ፡ ተላገብ ፤ ሰዓል ፡ ትኽትኽታ ፤ ንፋጮ ፡ ፍሮ ፡ ማይ ፡ ተቅማጥ ፡ ፈራ ፡ ኩፍኝ ፡ ንዕኡ ፡ ዝመስል ፡ ክልእ ፡ ውን ፡ ናብ ፡ ሐደ ፡ ቤት ፡ ኪአቱ ፡ እንተጀመረ ፡ እቲ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ብቅልጡፍ ሰብ ፡ ከይእትዎምን ፡ ንሳቶም ፡ ከዐ ፡ ምስ ሰብ ፡ ከይሕወሱ ፡ ይኸልክል ብገዝኡ ፡ ምኽንያት ፡ ካብኣ ፡ አይውጽኡ ።

ኩሎም ፡ ሕሙማት ፡ እንተኮኑ ፡ ፩ ሰበይቲ ፡ ቀረበም ፡ ተልሰሎም ፡ ካብኡ ፡ ከይወጸት ፤ ማይን ፡ እንጨይትን ፡ ጭቃ ፡ ብገበር ፡ አዚዙ ፡ ይሀ ቦም ፡ ብወጻኢ ፡ ይቀርበሎም ፡ እታ ፡ መልዓሊት ፡ ምስ ፡ ከዱ ፡ መጺአ ፡ ትሰድ ፡ ነዚ ፡ ነገርዚ ፡ ብተሎ ፡ ጭቃ ፡ ንምስለኔ ፡ ይንገር ፡ ንሱ ፡ ከዐ ፡ ብ ቅልጡፍ ፡ ንሐኪም ፡ የመልክት ።

ነዚ ፡ ሕግዚ ፡ ዘይፈጸመ ፡ ፴፩ ፡ ዓድዩ ፡ በታ ፡ ገአተዋ ፡ ምስቶም ፡ ሕሙማት ፡ ይጽናሕ ። ጭቃ ፡ ነዚ ፡ ቅዋምዚ ፡ እንተዘይፈጸመ ፡ ፴፩ ፡ ይዕደ ፡ ምስለኔ ፡ ድማ ፡ ከምኡ ።

## ብጽሕቲ ወርሒ (ጥንስቲ) ።

እንስቲ ፡ ወርሓተን ፡ ዝበጽሐ ፡ አገዞ ፡ እተፈግኤን ፡ ሓሚሙ ጥቃ ሞት ፡ ዝበጽሐን ፡ ዝሞተን ፡ ከይርእያ ፡ ክልኩሏ ፡ እዩ ። ናብ ፡ ርእሲኡ ድማ ፡ ናብ ፡ መርዓን ፡ ቀብርን ፡ ከይሕወሳ ፡ ክልኩላት ፡ እየን ፤ ከመይ ፡

ዘሰንብድን ፡ ዘጨንቅን ፡ ነገር ፡ ምስርኣያ ፡ ጉድኣት ፡ ነብሲን ፡ ወይከኣ ፡ ጉድኣት ፡ ናይቲ ፡ ተሃኒጹ ፡ ዘሎ ፡ ህንጻ ፡ ከይርከብ ፡ ኣገዚፉ ፡ ዘጥርሀ ፡ ድንገተኛ ፡ ነገር ፡ እዩ'ሞ ፡ ብሕጊ ፡ ኣጽኒዕና ፡ ንኽልክል ፡ ኣሎና ። ስለዚ ፡ ሰብኣያ ፡ ይኽልከላ ፡ እንተኣበየቶ ፡ ንኣበ ፡ ነብሲ ፡ ነጊሩ ፡ ብመንፈሳዊ ፡ ሓይሉ ፡ እቲ ፡ ካህን ፡ የትርፉ ።

## ፺፮ ። ሽ ህ ነ ት   ከ ብ ቲ ።

ሽህነት ፡ ከብቲ ፡ ዝሕዘ ፡ ፈረቓ ፡ ጸባ ፡ ንዋና ፡ ማል ፡ ፈረቓ ፡ ድማ ፡ ንጓሳ ፡ እዩ ፡ ዝግበእ ።

ግና ፡ ከብቲ ፡ ፈትዩ ፡ ነቲ ፡ ጓሳ ፡ ስተየን ፡ እንተበሎ ፡ ብላዕ ፡ ሳዕርን ግብሪ ፡ ንጉሥን ፡ እቲ ፡ ጓሳ ፡ ይኽፈል ፤ ጸባ ፡ እንተተማቀሉ ፡ ግና ፡ ግብርን ፡ ብላዕ ፡ ሳዕርን ፡ ብትክክል ፡ ይኽፈሉዎ ።

እቲ ፡ ሽህነት ፡ እተቀበለ ፡ ከብቲ ፡ ክብኤን ፡ እንተኣጥፍኤ ፡ እሞ ፡ ነቲ ፡ ዋና ፡ ማል ፡ ብዘይ ፡ ኣሰር ፡ ጠፊኣ ፡ እንተበሎ ፡ እቲ ፡ ጓሳ ፡ ብ፫ ፡ ምስክር ፡ ማሕላ ፡ ነብሱ ፡ ሐውሹ ፡ ይርታዕ ፡ ከምዝደለያ ፡ ብዘይ ፡ ውዲት ፡ ብድሕሪ ፡ እዙይ ፡ እታ ፡ ከብቲ ፡ እንተተረኽበት ፡ እቲ ፡ ገመሓለ ፡ ሰብ ፡ ጂራተከላ ፡ (ክዕበት) ይኽፈል ፡ ንሱን ፡ እቶም ፡ ዝመስከሩን ፡ ድማ ፡ ውጂ ፡ ይውዕኡ ፡ ኣይመስከሩ ፡ ክሳብ ፡ ሂወቶም ፡ ምሉእ ።

ሕድሪ ፡ ከብቲ ፡ ዘቀመጠ ፡ ውን ፡ ከምዚ ፡ ንባዓል ፡ ሽህነት ፡ ተሐጊ ገዎ ፡ ዘሎ ፡ እዩ ፡ ዝግብኦ ።

ሽህነት ፡ ዝሃበ ፡ ከብቲ ፡ ንሚካኤል ፡ በረከቶ ፡ ናብታ ፡ ዝሃበላ ፡ በታ ፡ ይቕበል ።

ሕድሪ ፡ ዝሃበ ፡ ግን ፡ ብዝደለዮ ፡ ግዜ ፡ ዋና ፡ ማል ፡ ይሰድ ።

ግና ፡ ከብቲ ፡ ነቲ ጓሳ ፡ ከሎ ፡ ገና ፡ ብበዓላት ፡ ማርያ ፡ ንሚካኤል በረከቶ ፡ እምጽአለይ ፡ ኢሉ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ግቡእት ፡ ምስክር ፡ ጌሩ ፡ ይንገሮ ፡ ናብታ ፡ ተቐበለላ ፡ በታ ፡ እንተዘየምጽኤን ፡ ካብ ፡ ሚካኤል ፡ በረኸቶ ፡ ንዳሕር ፡ ዝሞተ ፡ ከብቲ ፡ እቲ ፡ ጓሳ ፡ በሰሉ ፡ ይዕደየን ።

ብ፩ ሐምለ ፡ ጉባኤ ፡ ሐዋርያ ፡ እየን ፡ ከብቲ ፡ ሽህነት ፡ ናብታ ፡ ዝወልዳላ ፡ በታ ፡ ዝምቀላ ፡ (ምቅብባል) ፡ እቲ ፡ ጓሳ ፡ በዛ ፡ መዓልቲ ፡ እዚኣ ፡ እንተብኪረ ፡ ንዋና ፡ ከብቲ ፡ ፪ ኪሎ ፡ ጠስሚ ፡ ንወርሒ ፡ ይሃብ ፡ ካብ ፡ ፩ ላም ፡ እትሕለብ ፡ ስለ ፡ ካብ ፡ አጂቦ ፡ ብራሕ ፡ ማይ ፡ ጨበን ፡ ከልእ ፡ ጠቕሚ ፡ ካብ ፡ ላም ፡ ዝርከብ ፡ ዝጕደሎ ።

(ጓሳ ።) ከብቲ ፡ ዝጓሲ ፡ ሰብ ፡ ካብ ፡ ፲፪ ዓመት ፡ ንላዕሊ ፡ ይኹን ፡ ካብኡ ንታሕቲ ኪጓሲ እተረኽበ ፡ ሰብ ፡ ግን ፩ ሕልቂ ንቤት ትምህርቲ ይቐጻዕ ፡ ከመይ ፡ እቶም ፡ ሰብ ፡ ማል ፡ ናእሽቱ ፡ ቈላሁ ፡ እናሰደዱ ፡ ገበር ፡ ከበልዕ ፡ ኢሉ ፡ ዝዘርአ ፡ እኽሊ ፡ ይጠፍእ ፡ ንምሽቱ ፡ ድማ ፡ ስኣን ዝኣልየን ፡ እተን ፡ ማል ፡ ይጠፍኣ ። ብዙሓት ፡ ከብቲ ፡ ብታራ ፡ ዝሕለዋ ሰበእይ ፡ ይሓልወን ። እቲ ፡ በዓልታራ ፡ ቈልዓ ፡ ሰዲዱ ፡ ከሐልወን ፡ እንተተረኽበ ፡ ፲፪ፈ ፡ ንቤት ፡ ትምህርቲ ፡ ይቐጻዕ ።

## ፶፯። ውሕስነት ።

ወላዲ ፡ ምስ ፡ ሞተ ፡ ኩሉ ፡ እቲ ፡ ንሱ ፡ እተዋሕሶ ፡ ዝኮነ ፡ እቲ ፡ ዓብዩ ፡ ወዱ ፡ ይተዓገት ፡ መገሻ ፡ ግን ፡ ተማኺሮም ፡ ኩሎም ፡ አሕዋት ፡ ይግበሩ ፤ እቲ ፡ ዝኽፈል ፡ ገንዘብ ፡ ድማ ፡ ኩሎም ፡ አሕዋትን ፡ እታ ፡ ሰበይቲ ፡ ከኣ ፡ ገንዘብ ፡ ዝበልዔት ፡ እንተኮይና ፡ ሐቢሮም የሰንዩ ዕዳኦም።

ዳኛ ፡ ዝአዘዘ ፡ እዩ ፡ ዋሕስ ፡ ዝዕገት ፡ ዳኛ ፡ ይጥበቅ ፡ ዘይበሉ ፡ ዕግታት ፡ ፍሩስዩ ፤ ዕጉት ፡ ፫ ቅርሺ ፡ ንሳልስቲ ፡ እንዳኾነ ፡ እዩ ፡ ዝሸይድ ዋሕስ ፡ በዚ ፡ ሥርዓትዚ ፡ ይኽፈል ፡ ብካዕበት ፡ ድማ ፡ ክብቲ ፡ ዘውሐሰ ይከፈል ።

ዋሕስ ፡ ኃል ፡ አቦአ ፡ እዩ ፡ ይጥበቅ ፡ ዝበል ፡ ግን ፡ እቲ ፡ ሳደኛ ፡ ከም ፡ መጠን ፡ ዳኛ ፡ ኰይኑ ፡ ግቡእን ፡ ዘይግቡእን ፡ ይምርምር ።

፫ ቅርሺ ፡ መግጠሚ ፡ ትኑፍዩ ፡ ግን ፡ ዳኛ ፡ ምስ ፡ አዘዘ ፡ ፫ ዕጉት ሃበኒ ፡ ይበል ፡ እንተደፈነ ፡ ጁፈን ፡ ደፋንን ፡ ዕገትን ፡ ይቀበል ።

ሽም ፡ ሸለግ ፡ ትሩፍ ፡ እዩ ፡ እቲ ፡ ዘሸልግ ፡ ሰብ ፡ ቅርሺ ፡ እንተሳእነ መሸጥን ፡ መለወጥን ፡ ፪ ዕዳጋ ፡ የርክብ ፡ በዚኤን ፡ እንተዘይከፈለ ፡ ፬ ፡ ዕግት ፡ ዋሕስ ፡ ይኸፈል ፡ ቀንዲ ፡ ከፈሉ ፡ ፈጽሚ ፡ ንጉሥ ፡ ይቀጻዕ ፤ ከከፍል ፡ ዘይኽእል ፡ ስኡን ፡ እንተኮይኑ ፡ እቲ ፡ ዋሕስ ፡ ቀንዲ ፡ ይኸፈል እንተሎ ፡ ፭ ዕጉት ።

እቲ ዘሸልግ ሰብ ዋና ይኹን ዋሕስ ይኹን ፪ ዕዳጋ አይደልን እነስ የሸልግ ፡ ደኣ ፡ እንተበለ ፡ እቲ ፡ ዝሸለግ ፡ ሰብ ፡ ካብቲን ፡ ጥሪቱ ዝመረጸ ካብቲ ፡ ይሸልግ ፡ ከመይ ፡ ዝሐመቀ ፡ ከየሸልግ ፡ እታ ፡ ትሸለግ ፡ ካብቲ ግና ፡ ብ፫ ሽማግለ ፡ ዋጋኣ ፡ ብዝሽነንዎ ፡ ይቂም ።

ገንዘብ ፡ ለቅሐን ፡ ገንዘብ ፡ ሕድርን ፡ ግን ፡ ብዝኾነ ፡ ምኽንያት ፡ ሸ ለግ ፡ የልቦን ፡ ከምታ ፡ ተቀበለን ፡ ይምለስ ፡ እንተዘይሃበ እቲ ዋሕስ ፡ ቀ ንዱ ፡ ይኸፈል ።

፪ ሰብ ፡ ነገር ፡ ብዋሕስ ፡ እንተተከሐሐሱ ፡ ወይንድማ ፡ እቲ ፡ ዋሕስ አይተዋሐስኩን ፡ እንተበለ ፡ ዳኛ ፡ ብዝነገሮ ፡ ይቂሙ ፡ ምናልባሽ ፡ ናይ ነዊሕ ፡ ዓመታት ፡ እንተኾነም ፡ እቲ ፡ ዳኛ ፡ ረሲዒዮ ፡ እንተበለ ፡ ሐዲስ ዋሕስ ፡ ይትከሉ ።

ዋሕስ ፡ ናብ ፡ ከበቢ ፡ ሎሚ ፡ ጭዋ ፡ ፯ መግልቲ ፡ ይርከብ ፡ ንወጻኢ ፲፬መ ፡ ይርከብ ፡ መቅረቢን ፡ መወከሲን ፡ ካብኡ ፡ ንንየው ፡ ከም ፡ ስሩዕ ይተዓገት ።

## ፺፰ ። ጸርፊ (አፎ አይጽረፍ ሊድ አይግረፍ ።)

ብዛዕባ ፡ እተደብተረ ፡ ዝጸረፈ ፡ ፫ ሽማግለ ፡ ብዝወሰንዎ ፡ ምግዛኡን ምንእሱን ፡ ርእዮም ፡ ይከሐስ ፡ ከመይ ፡ ጸርፊ ፡ መወዳእታ ፡ የልብሉን ፡ ነዘን ፡ ዝቅጽላ ፡ ጸርፍን ፡ አሽሙርን ፡ ግን ፡ ካሕሳኤን ፡ እዚ ፡ ተወሲኑ ዘሎ ፡ እዩ ።

ወለዶ ፡ ሰምዶ ፡ አሽሙር ፡ ዝጸረፈ ፡ ፻፶ፈ ፡ ይከሐስ ፡ ይሰደም ።

ብዘበን ፡ ክፉእ ፡ ስጋ ፡ ሕርሚ ፡ ዝበልዐ ፡ እሞ ፡ ናብ ፡ ሃይማኖቱ ተመልሰ ፡ ዝጸረፈ ፡ ፻፶ፈ ፡ ይከሐስ ።

አቡኡን ፡ አደኡን ፡ ዝጸረፈ ፡ ፻ ፡ ፈርጊ ፡ ይከሐስ ።

ብዝኾነ ፡ ይኹን ፡ "በርያ" ኢሉ ፡ ምጽራፍን ፡ ምስትንዓቅን ፡ ብዓ
ዩ ፡ ገደብ ፡ ክልኩልዩ ፡ ከመይ ፡ ኩላትና ፡ ቀይሕ ፡ የልቦ ፡ ጸሊም ፡ ቡ
ያ ፡ ክርስቶስ ፡ ኢና ፡ ብአምሳለ ፡ እግዚአብሔር ፡ እተፈጠርና ፡ ድማ
ና ፡ ኩላትና ፤ ስለዚዩ ፡ በርያ ፡ ኢሉ ፡ ዝጸረፈ ፡ ፻፶ፈ ፡ ይከሐስ ፡ ስዩ
ዐ ፡ ይበል ፡ ምንምኳ ፡ ብቁመ ጸሊም ፡ እንተኾነ ተከሒሱ ይሰየም ።

አድጊ ፡ ሳሕሳሕ ፡ ሐርሩጥ ፡ ከርናፍ ፡ ፍንፉን ፡ ጋላ ፡ ሻንቅላ ውላጅ
ወሸ ፡ ተወሸ ፡ እንካ ፡ ሐሰር ፡ ንፉይ ፡ ትሽየጥ ፡ ትልወጥ ፡ ቈርሜጮ
ጉርንጫ ። ንዕኡ ፡ ዝመስል ፡ ክልእ ፡ ውን ፡ በሽሙር ፡ ዝጸረፈ ፡ ፻ ፡
ርጊ ፡ ይከሐስ ፡ ይሰደም ።

ሰብአይ ፡ አዳኡ ፡ ኢሉ ፡ ዝጸረፈ ፡ ፻፶ፈ ፡ ይከሐስ ፡ ይሰደም ።

ዓዲ ፡ ጽላለ ፡ ዝርእሱ ፡ እምኒ ፡ ጸሊም ፡ ዝአግሩን ፤ ዓዲ ፡ ራእሲ ፡ ጉ
ነይ ፡ ዝርእሱ ፡ ማይ ፡ አልቦ ፡ ዝአግሩ ፤ ነዚም ፡ ናብ ፡ ማእከል ፡ እዚኤን
ዘነብሩ ፡ ብዙሓት ፡ ህዝቢ ፡ ከም ፡ ሐደ ፡ ዓሌት ፡ ኰይኖም ፡ ብሐደ ፡ ሕ
ጊ ፡ ብሐደ ፡ ስምረት ፡ ብጥንቲ ፡ ዝነብሩ ፡ ከበዚኦም ፡ ንሐደ ፡ ሰብ ፡ ኢዩ
ወዲ ፡ ሎን ፡ ጮቀን ፡ ኢኻ ፡ ዝበለ ፡ ፻፶ፈ ፡ ይከሐስ ።

ወይ ፡ ንወዲ ፡ ወይ ፡ ንጓል ፡ ብግብረ ፡ ሰዶም ፡ ዘውሰበ ፡ ፻፶ፈ ፡ ከ
ሒሱ ፡ ውጺ ፡ ይውጻእ ፡ ነውሪም ፡ ይኹን ።

ንወዲ ፡ ተበሰታዩ ፡ ይኹን ፡ ንጓል ፡ አንስትዮቲ ይኹን ብግብረ ፡ ሰ ዶም ፡ ዝጸረፈ ፡ ንሱ ፡ ዝመስልወን ፡ በሽሙር ፡ ዝጸረፈን ፡ ፪፻ፈ ፡ ይክ ሕስ ፡ ይሰዩም ።

ወለድኡን ፡ ዓሌቱን ፡ እናፈለጠ ፡ ክሎ ፡ አይፈልጥን ፡ እንተበለ ፡ ም ስተረትዒ ፡ ፪፻ፈ ፡ ይክሕስ ፡ ይሰይም ።

እነ ፡ ከባኻ ፡ ይበልጽ ፡ ዝበለ ፤ ፰ፈ ፡ ይክሕስ ፡ ይሰይም ፡ ከመይ ፡ ሰ ብ ፡ ካብ ፡ ሰብ ፡ አይበልጽን ፡ ንሰብ ፡ ብስም ፡ አራዊት ፡ ወይ ፡ እንስሳ ፡ ዝ ጸረፈ ፡ ወይ ፡ አሽሙር ፡ ዝሸምጠጠ ፡ ፰ፈ ፡ ይክሕስ ።

ክንዳይዶ ፡ ኮንካ ፡ ዝበለ ፤ ከሓዲ ፡ አረሜን ፡ ዝበለ ብቀደምካ ጽሩ ፍ ፡ ፍናፍንቲ ፡ አይሰብአይ ፡ አይሰበይቲ ፡ ዝበለ ፤ ናብ ፡ መንጎ ፡ በእሲ ፡ ብ ስምትዓት ፡ ባዓል ፡ ዓዲ ፡ እሱዩ ፡ ድማ ፡ ዝበለ ፡ ንውእ ፡ ዝመስል ፡ ካልእ ውን ፡ ዝጸረፈ ፡ ወይንድማ ፡ በሽሙር ፡ ዝሸምጠጠ ፡ ፰ፈ ፡ ይክሕስ ፡ ይሰ ዩም ፡ (ሃሪም) ፡ ዝበለ ፡ ፰ፈ ፡ ይክሕስ ።

ንሰበይቲ ፡ ሰብኣይ ፡ ሸርሙጣ ፡ ዝበለ ፡ ሰብኣይ ፡ ዘይብላ ፡ ሰበይቲ ፡ ውን ፡ ብንጽህታ ፡ ኸላ ፡ ሸርሙጣ ፡ (አመንዝራ) ዝበለ ፡ ከምኡውን ፡ ንሰ ብኣይ ፡ ሸርሙጣ ፡ ሒሉ ፡ ዝጸረፈ ፡ ፫፻ፈ ፡ ይኽሕስ ፡ ንእኡ ፡ ዝመስል ፡ በሽሙር ፡ ዝጸረፈውን ፡ ፫፻ፈ ፡ እዩ ፡ ካሕሳኡ ።

ብእዋን ፡ ንእስነታ ፡ አመንዝራ ፡ ዝነበረት ፡ ነዘዩ ፡ ሐዲጋ ፡ ናብ ፡ ቁ ርባን ፡ እተመልሰት ፡ ሸርሙጣ ፡ ዝበላ ፡ ወይድማ ፡ በሽሙር ፡ ንዕኡ ፡ ዝ መስል ፡ ዝሸምጠጠ ፡ ፫፻ፈ ፡ ይክሕስ ፡ ንሰብኣይውን ፡ ከምኡ ፡ እዩ ፡ ካ ሕሳኡ ።

ንሰብኣይ ፡ አንቲ ፡ ዝበለ ፡ ሰራም ፡ ጠንቋም ፡ መጣምዒ ፡ መጣፍኢ

በላዕ ፣ ክሕሳ – ሽጥታ ፣ እንቱም ፣ ኪ.በል ፣ ዝነበረ ፣ ናብ ፣ መንን ፣ ነገር ፣ እንቃ ፣ ዝዘለ ፣ ... ፣ ዝመስል ፣ ውን ፣ ዘይተጻሕፈ ፣ ዝጸረፈ ፣ ክብዚ.ኤ ን ፣ ን፩ ጸርፊ ፣ ፴ፈ.ርጊ ፣ ይክሐስ ።

## ፶፱። ሰራሕ ሐጺን ።

ሰራሕ ፣ ሐጺን ፣ ካብ ፣ ኩሉ ፣ ዝበለጸ ፣ ጥበብ ፣ ኣካላተ ፣ ህይወት ፣ ናይ ፣ መንግሥትን ፣ ናይ ፣ ህዝብን ፣ እዩ ፣ ከመይ ፣ ንንጉሥ ፣ መሰረርያ ፣ ጠርነት ፣ (ሎናት) ንቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ ከኣ ፣ ንዋየ ፣ ቅዱሳንን ፣ ንቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ መስርሒ ፣ ኩሉ ፣ ሐጻውን ፣ ዝሰርሕ ፣ ንሱ ፣ እዩ ፣ ከምኡውን ፣ ነታ ፣ ንምሉእ ፣ ህዝብና ፣ እትምግብ ፣ መሬትና ፣ ንሱ ፣ ብዝሰርሖ ማሕረሻ ፣ ክርፈስ ፣ ጭኺሮ ፣ ገዘሞ ፣ ፋስ ፣ ምሳር ፣ መንደል ፣ ማዕጺድ ፣ ገርክ ፣ እያ ፣ እትዕየ ።

ንንብረትና ፣ ዝድግፍ ፣ ከኣ ፣ ከራ ፣ ጭሬቃ ፣ መስፈ ፣ ወረጦ ፣ ከልእውን ፣ ንዕኡ ፣ ዝመስል ፣ ብዙሕ ፣ ጠቅሚ ፣ ህዝቢ ፣ ዝሰርሕ ፣ ብልሂ ፣ እዩ ስለዚ ፣ ነዚም ፣ ስልጡናት ፣ ሰባት ፣ ምጽራፍን ፣ ካብ ፣ ህዝብም ፣ ፈሊኻ መውስበ ፣ ምክልካልን ፣ ከም ፣ ብገዛእ ፣ ኢድካ ፣ ኣካላትካ ፣ ኩሉ ፣ ቈሪጽካ ፣ ደርቢኻስ ፣ ምንዳዜ ፣ ማለትዩ ፣ ኩልና ፣ ከምእንፈልጥ ፣ ማይ ፣ ዘይሃረሞ ፣ መሬት ፣ እኽልን ፣ ሳዕርን ፣ ከምዘየብቁል ፣ ከምኡ ፣ ከኣ ፣ ሐጺን ፣ ዘይቀጥቀጦ ፣ ህዝቢ ፣ ከምዘይስልጥንን ፣ ንምሉእ ፣ ሂወቱ ፣ ብድኽነት ፣ ከምዝነብርን ፣ እተደላደለ ፣ እዩ ።

ነዚ ፣ አንደነት ፣ እዚ ፣ ኪርዳእ ፣ ዝደሊ ፣ ሰብ ፣ ኩሉ ፣ ናብ ፣ አሪት ፣ ዘፍጥረት ፣ ም-፬ ቁ ፣ ካብ ፣ ፲፱-፳፫ ፣ ተመልከት ። ምሳ ፣ ም-፩ ቁ፣፩-፯ ፣ ተመልከት ።

## ፸ ። ሰራሕ ወርቅን ብሩርን ።

ሰራሕቲ ወርቅን ብሩርን፣ንንጉሥ ዘውዲ (ንሽን) ንዕኡ ዝመስል ው ን ፣ ክልኢ ፣ ዓብዩ ፣ ናይ ፣ ክብረትን ፣ መአርግን ፣ ዘርኢ፣ዝሰርሑ፣እዮም። ከምኡ ፣ ውን ፣ ናይ ፣ ቤተ ፣ ክርስቲያን ፣ ወገን ፣ አክሊል ፣ መስቀል ፣ ጽዋእ ፣ ድባብ ፣ ክልእ ፣ ውን ፣ በየዓይነቱ ፣ ብወርቅን ፣ ብሩርን ፣ ዚንጸበር ቅ ፣ ንኽብረ ፣ ቤተ ፣ እግዚአብሔር ፣ ዝሰርሑ ፣ ንሳቶም ፣ እዮም ።

ነቲ ፣ ዝሰልጠነ ፣ ህዝቢ ፣ ድማ ፣ ዘድልዮ ፣ ሽልማት ፣ ብወርቂ ፣ ብ ብሩር ፣ ብሉል ፣ ብእንቁ ፣ ባህር ፣ ዘጌጸ ፣ ስራሕ ፣ ዝሰርሑ ፣ እዮም ። ስ ለዚ ፣ ነዚም ፣ ከምዚአም ፣ ዝመስሉ ፣ ብጥበብን ፣ በአምሮን ፣ ዝበሰሉ ፣ ና ብ ፣ ዓብዩ ፣ ስልጣኔ ፣ ውን ፣ ዝመርሑ ፣ ምጽራፍን ፣ ካብቲ ፣ ግዜእ ፣ ህዝ ብም ፣ ፈሊኻ ፣ ዘይምውሳብን ፣ ነቲ ፣ እግዚአብሔር ፣ ዝበሃካ ፣ ክብረትን ስልጣኔን ፣ ዘይምቅባል ፣ ወይስ ፣ ምድርባዩ ፣ ማለት ፣ እዩሞ ፣ ምዘም ፣ ሰ ባት ፣ እዚአም ፣ ግቡእ ፣ መውሰቦ ፣ ክንግበርን ፣ ብናይ ፣ ክብረት ፣ መንገ ዲ ፣ ክርእዮን ፣ ዘድሊ ፣ እዩ ።

ስለዙይ ፣ ሰራሕተኛ ፣ ሐጺን ፣ ሰራሕተኛ ፣ ብሩርን ፣ ወርቅን ፣ ተማሂ ሮም ፣ ማአርግ ፣ ዲቁናን ፣ ክህነትን ፣ እንተለያም ፣ ናብ ፣ ዝኾነ ፣ ቤተክር

ስተያን ፡ ማሕድሮን ፡ አገልግሎትን ፡ ከም ፡ ኩሉ ፡ ውሉድ ፡ ክህነት ፡ ኪ. ረኽቡ ፡ ግቡእ ፡ እዩ ። ነዚ ፡ ዝኸልከለ ፡ ፲፭፻ ፡ ይኽሐስ ፡ እቲ ፡ ዝክል ክል ፡ ሰብ ፡ ክህን ፡ ወይ ፡ ዲያቆን ፡ እንተኾነ ፡ ክምኡ ፡ ውን ፡ ምሳኻ ፡ አ ይቅድስን ፡ ኢሉ ፡ እንተአበየ ፡ ፲፭፻ ይክሐስ ማሕድሮ ፡ ድማ ይልቀቕ ።

ብልሃተኛን ፡ ጥበበኛን ፡ ሰብ ፡ ከመይ ፡ ዝበለ ፡ ክብረትን ፡ ማአርግን ከምዝግበአ ፣ ምንም ፡ እኳ ፡ ናብ ፡ ዓድኻን ፡ ህዝብኻን ፡ እንተ ፡ ተሳእነ ፡ ብኽንደይ ፡ ደገጽንዓትን ፡ ልማኖን ፣ ከምዝረክብ ፡ ክርዳእ ፡ ዝደሊ ሰብ ኩሉ ፡ ናብ ፡ መጽሐፈ ፡ ዜና ፡ መዋዕል ፡ ካልእ ፡ ም-፩ ፡ ቁ-፲፪-፲፫ ፡ ተ መልከት ።

ቀጺልካውን ፡ ናብ ፡ አሪት ፡ ዘፀአት ፡ ም-፴፩-ቁ-፩-፲፩ ተመልከት ፡ ና ቡኡ ፡ እቶም ፡ ዝሰሜናዮም ፡ ኩሉ ፡ ኪሰርሑ ፡ ብመንፈስ ፡ እግዚአብሔ ር ፡ መሊኡዎም ፡ እተመርጹ ፣ ክብረ ፡ ክብ ፡ ዝበለ ፡ ዘርኢ ፡ ይሁዳ ፡ ም ኺኖም ፡ ክትርዳእ ፡ ትኽእል ፡ ኢኻ ።

ነዚ ፡ ኩሉ ፡ ነገርዚ ፡ ርኢና ፡ ነዘን ፡ ዝስዕባ ፡ ጸርፊ ፡ ብሕጊ ፡ ንኽል ክል ፡ አሎና ፣ ጠቢብ ፡ ቡዳ ፡ ናሃብይ ፡ የሕምሙ ፡ ይቐትሉ ፡ ዝብኢ ፡ ይ ኾኑ ፡ ዕትሮ ፡ ይገብሩ ፡ ንዕኡ ፡ ዝመስል ፡ ካልእውን ፡ ዝጸረፈ ፡ ወይ ፡ ኪ ሐሚ ፡ እተረኽበ ፣ ሐደው ፡ በሸሙር ፡ እተዛረበ ፡ ፲፭፻ ፡ ይክሐስ ፡ ስዩም ከኣ ፡ ይበል ፣ ነቲ ፡ ናይ ፡ እግዚአብሔር ፡ ስልጣን ፡ ማለት ፡ ምሕማምን ምማትን ፡ ንስጋዊ ፡ ሰብ ፡ በለ ፡ ዝሃቡ ፡ ናይ ፡ ክሕደት ፡ ዜርኢ ፡ እዮም መንፈሳዊት ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ባዕላ ፡ ትወስኖ ።

ከምኡምን ፡ ነቲ ፡ እግዚአብሔር ፡ ብጥበብና ፡ ክንዓዪ ፡ እሞ ፡ መሣ ቢ ፡ ዕለትና ፣ ክንረክብ ፡ ዝሰርዓልና ፡ ጥበባት ፡ ክይንጻረፈሉ ፡ ብሕጊ ኩ ልኩል ፡ እዩ ፡ ስለዚ ፡ ንኢደጥበብ ፡ ማለት ፡ በታ ፡ ዕዮኡ ፡ ዝጸረፈ ።

ካብ ፡ ሕሪስታይ ፡ ጀሚሩ ፡ ክሰዕ ፡ እተን ፡ ደቀቕቲ ፡ ዕዮታትን ፡ ጥበብትን ፡ ዕዮኡ ፡ ሰምዩ ፡ ዝጸረፈ ፡ ፰ፈ ፡ ይኽሕሶ ፡ ክመይ ፡ ነቲ ፡ ጥበበን ብልሃትን ፡ ናብ ፡ ክንዲ ፡ ንቅድሚት ፡ ምድፋእስ ፡ ንድሕሪት ፡ ዝመልሶ ፡ ናይ ፡ ሃካያት ፡ ቃል ፡ እዩሞ ፡ ኩሉ ፡ ህዝቢ ፡ ይረድኦ ፡ ካብ ፡ ድንቁርናን ፡ ካልእ ፡ ነገር ፡ ዝጥምቱና ፡ ሰበት ፡ ከም ፡ ዝኾነ ፡ እዚ ፡ ረቂቕ ፡ ስብከት ፡ አርዮስ ፡ ዘረአም ፡ ምስ ፡ ሰራሕተኛታትን ፡ አንጠረኛን ፡ (አነጠረ ፡ አብርኒ) ፡ ክሳብ ፡ ሎሚ ፡ ፈልዮም ፡ ናብ ፡ ዑረቲ ፡ ጸኒሕና ፡ ሎሚ ፡ ግን ፡ ግዜ ፡ ተጸጊዕና ፡ ካብ ፡ ጸላም ፡ ናብ ፡ ብርሃን ፡ ክንምለስ ፡ ሓይሊ ፡ እግዚአብሔር ፡ ይሕግዘና ።

## ፹፬ ። ሐሳውን ሰራቕን ።

ናብ ፡ ሕጊ ፡ ሎን ፡ ጭዋ ፡ ካልእ ፡ ጸርፊ ፡ ኩሉ ፡ ኩልኩል ፡ እዩ ። ንሐሳውን ፡ ንሰራቕን ፡ ግና ፡ አይተኸልከለን ። ስለዚ ፡ ሐሳዊ ፡ ኢሉ ፡ ዝጸረፈ ፡ ብሐሶት ፡ ይርታዓዩ ፡ ሐሳዊ ፡ ክምዝኾነ ፡ መርትዖ ፡ እንተሳእነሉ ፡ ፴ፊ ፡ ይኽሕስ ። እቲ ፡ ሐሳዊ ፡ እተባህለ ፡ ሰብ ፡ ፤ ዘንጊ ፡ በቢዘንቱን ፡ እንተተረትዔ ፡ ብሐሶት ፡ ውጺ ፡ ይውጻእ ካብ ምስክር ይኸልከል ፡ ሰራቒውን ፡ ከምኡ ፡ ሰረቐ ፡ ዘይገንዘቡ ፡ ዝበልዐ ፡ ሰብ ፡ ብሐሶት ፡ ንምስክር ፡ ክምዘይፈርሕ ፡ ርግጽ ፡ ነገር ፡ እዩ ፡ ብሰርቂ ፡ ፤ ግዚ ፡ እንተ ፡ ተረትዔ ፡ ካብ ፡ ምስክር ፡ ይከልከል ፡ ውጺ ፡ እዩ ።

## ፺፪ ። ጠ በ ቓ ።

ጠበቓ ፣ ብዝኾነ ፣ ይኹን ፣ ኪጸረፍ ፣ አይግብአንዩ ፣ ጥብቅንት ፣ ሓ.ዙ - ኸሉ ፣ እንተተጻረፈ ፣ ባዕሉ ፣ ይዕደዮ ።

ጥብቅንት ፣ ዝሰርሕ ፣ ሰብ ፣ ብጸርፊ ፣ ዝአክል ፣ ፫ ግዜ ፣ እንተ ፣ ከሐሰ ፣ ካብ ፣ ጥብቅንት ፣ ይወሰን ። ጭቃን ፣ ምስለኔን ፣ ብዝፈልጥዎ ፣ ነገር ፣ ካብ ፣ ጥብቅንት ፣ ኪ.ክልክልዎ ፣ ይክአሎም ፣ እዩ ፣ ንጠበቓ ።

## ፺፫ ። ሽመት ምስለኔን ፣ ጭቃ ዓድን ፣ ሹም አሕዋትን ።

ሹቅንት ፣ ንርስትኛ ፣ ባለባት ፣ እያ ፣ እትግባእ ፣ ባለባት ፣ እንተ ፣ ተሳእነ ፣ ግና ፣ ካብቶም ፣ ርስተኛታት ፣ ኪ.ሽየም ፣ ይግባእ ፣ ማእከላይ ፣ ዓሌት ግና ፣ ጭቃ ፣ ኪ.ሽየም ፣ አይግብአን ። ከምእውን ፣ መሬት ፣ ወርቂ ፣ ገዚኡ ፣ እትቀመጠ ፣ ሹቅንት ፣ አይግብአን ፣ እዩ ።

ሹቓ ፣ ናብታ ፣ እትሸማ ፣ ዓዲ ፣ ኪቅመጥ ፣ ይግብአ ፣ ከመይ ፣ ናብ መንጎ ፣ ህዝብን ፣ ናብ ፣ መንጎ ፣ መንግሥትን ፣ ማእከላይ ፣ ማለት ፣ እዩሞ ፣ ናይ ፣ ንጉሆን ፣ ምሸትን ፣ ኪ.ፈልጥ ፣ ግቡኡ ፣ እዩ ። ረም ፣ ሹቓ ፣ ካብ ግብረንጉሥ ፣ ሰሽር ፣ ኪ.ወስድ ፣ ይግብአ ፣ እዩ ። ካብ ፣ እተረትዒ ፣ በዓል ፣

ነገር ፡ ክኣ ፡ መኸደ ፡ ዳኛ ። ዳኛነት ፡ ውርዲ ። ደናብ ፡ ንዘኣበየ ፡ ይብላዕ ።

ምስለኔ ፡ ዝሸየም ፡ ሰብ ፡ ንጉሥ ፡ ዝኣመኖ ፡ በዕሉ ፡ ንጉሥ ፡ እዩ ፡ ዝሸሞ ። እንተኾነ ፡ ግና ፡ ምስለኔን ፡ ጭቃን ፡ ዝሸየም ፡ እተማህረ ፡ ኪኸውን ፡ ይግባእ ፡ ከመይ ፡ ነቲ ፡ ዝሰርዖን ፡ ዝፈረዶን ፡ ናብ ፡ ደብተር ፡ ጽሒፉ ፡ ኪቱም ፡ ከምኡውን ፡ ምስ ፡ ቤተመንግሥቲ ፡ ብገዛእ ፡ ኢዱ ፡ ጽሒፉ ፡ ምስጢሩ ፡ ኪዛረብ ፡ ዝኽእል ፡ ኪኸውን ፡ ይግባእ ።

እዚም ፡ ናብ ፡ ላዕሊ ፡ ዝሰመናዮም ፡ ቅጽዓት ፡ ምስለኔን ፡ ጭቃን ፡ ኪቀጽዕዎ ፡ ዝግባእ ፡ ክምዚ ፡ ዝስዕብ ፡ እዩ ።

ንዳኛ ፡ እቶም ፡ ፪ ሰብ ፡ ነገር ፡ ናብ ፡ ዝመጉቱላ ፡ እዋን ፡ ፪ ቅርሺ ፡ ዳኛነቱ ፡ ይግባእ ። ናይ ፡ ውርዲ ፡ በጊሰ ፡ ፪ ቅርሺ ። ሬሳማ ፡ በጊሰ ፡ ዝበለ ፡ ፲ ቅ ፡ ምክት ፡ ዝበለ ፡ ፲ ቅ ፡ እንቃዓ ፡ ሽብጢ ፡ እንቃዓ ፡ ስገም ፡ ዝበለ ፡ ብቖመ ፡ እዩ ፡ ዝኣቱ ፡ ክይፈለየ ፡ እወሓስ ፡ ዝበለ ፡ ፭ ቅ ፡ እዩ ፡ ላም ፡ እተዋረደ ፡ ፳ ቅ ፡ መንጓድ ፡ እተዋረደ ፡ ፲፮ ቅ ፡ በቅሊ ፡ ዝበለ ፡ ፳፭ ቅ ፡ ሰጋር ፡ ዝበለ ፡ ፲ ቅርሺ ፡ እዩ ፡ ዝግዲ ። እከፋፍላኡ ፡ ላም ፡ መንጓድ ፡ በቅሊ ፡ ሰጋር ፡ ናብ ፡ ንጉሥ ፡ እዩ ፡ ዝኣቱ ። እቶም ፡ ክልእ ፡ ዝሰመናዮም ፡ ውርዲ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ጭቃ ፡ እተዋረደ ፡ ጭቃ ፡ እዩ ፡ ዝበልዖ ። ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ምስለኔ ፡ እተዋረደ ፡ ንምስለኔ ፡ እዩ ።

ዳኛ ፡ ጭቃ ፡ ይኹን ፡ ወይ ፡ ምስለኔ ፡ በዚኣ ፡ እጠሊስ ፡ በሉ ፡ ወይ በዚኣ ፡ የግብእ ፡ በሉ ፡ ኢሉ ፡ ምስ ፡ እዘዘ ፡ ክብረት ፡ ዝኣበ ፡ ክሰሰ ፡ ፫ ደናብ ፡ ኪቀጽዕ ፡ ይክእሉ ፡ እዩ ፡ ብድሕሪዚ ፡ ናብ ፡ ንጉሥ ፡ ይውስዶም ፡ ከምኡውን ፡ ነቲ ፡ እዚ ፡ ዝኣበ ፡ ወይ ፡ እዚ ፡ ዘብከረ ። ዋሕስ ፡ ምትክል ፡ ዝኣበ ። ናብ ፡ ዘይነገሩ ፡ ጠበንጂ ፡ እተዛረበ ፡ ፫ ደናብ ፡ ኪቀጽዕ

ይግብአ ። ደናብ ፡ ማለት ፡ ፮ቅ ፡ እዩ ፡ ፫ ደናብ ፡ ፲፫ ቅ ፡ እዩ ፡ ነዩም እተዋረዱ ፡ ሰበት ፡ ዜመሳከር ፡ ዳኛ ፡ ፱ቅ ፡ ንመዓልቲ ፡ ይግብአ ፡ እዩ ።

## ፫፻ ። ሹም አሕዋት ።

፡ ሹም ፡ አሕዋት ፡ ደባትር ፡ እንዳበ ፡ ዝሕዙ ፡ እዮም ፡ እዚአም ፡ ሹም አሕዋት ፡ ተባሂሎም ፡ ዝጽውዑ ፡ ሰበት ፡ እንዳበ ፡ መሪጾም ፡ ዝሸሙዎም እዮም ። ነቲ ፡ ብደብተር ፡ ይግበአኒ ፡ ኢሉ ፡ ዝምጉት ፡ ሰብ ፡ ደብተር ቀሊዖም ፡ ዜናብሩ ፡ እዮም ።

ካልአይ ፡ ነገር ፡ ከአ ፡ ዋሰላ ፡ ዓደበ ፡ ኪርኪብ ፡ መዓልቲ ፡ ንሳቶም እዮም ፡ ዋናታት ፡ ኮይኖም ፡ ነቲ ፡ ህገቢ ፡ ዝጽውዑ ።

## ፫፻፩ ። አገባብ ፍርዲ ጮቃ ዓዲ ።

ጮቃ ፡ ነዩም ፡ ዘዒበጠም ፡ ሰብ ፡ ነገር ፡ አመሳኺሩ ፡ ኬብቅዕ ፡ ክብ ቶም ፡ ነባሮ ፡ ለባማት ፡ እናሰመየ ፡ ፱ ሰብ ፡ ንንብሰም ፡ ዝለስቡ ፡ ቅድም ኬፍርድ ፡ ይግብአ ። ብድሕርዚ ፡ ሽም ፡ እግዚአብሔር ፡ ሰምዩ ፤ እኸል ን ፡ ማሕረስን ፡ ፍትሕን ፡ መቅደስን ፡ አይተገድፉ ፡ ኢሉ ፡ ብሐቀኛ ፡ ሕ ሊና ፡ ይፍረድ ። እቲ ፡ ናብ ፡ ባይቶ ፡ ዘለው ፡ ህገዚ ፡ ኩሉ ፡ ደው ፡ ይበ

ል ፡ ክሳዕ ፡ እቲ ፡ ዳኛ ፡ ፍርዱ ፡ ዝውድእ ። እቶም ፡ ሰብ ፡ ነገር ፡ ነቲ ፡ ፍርዲ ፡ ጕቓ ፡ እንተ ፡ ልበሱዎ ፡ ቅጡም ፡ እዩ ። ይግባኝ ፡ እንተበሉ ፡ ግና ፡ ብቕልጡፍ ፤ ናብ ፡ ልዕሊኡ ፡ ዘሎ ፡ ፈራዲ ፡ የብጽሕዎም ።

## ፹፮ ። ኣገባብ ፍርዲ ምስለኔ ።

ምስለኔ ፡ ነቲ ፡ ጕቓ ፡ ብይግባኝ ፡ ዘምጽኡሉ ፡ ቃል ፡ ሰሚዑ ፡ ቅድም ፡ ነቶም ፡ ሰብ ነገር ፡ ዳኛ ሰይሙ ይበሎም ፤ ሐበል እንተበሉ ፍታልን ፡ ፱ ቅርሽን ፡ ይዋረዱ ። እቲ ፡ ዝፈረደ ፡ ዳኛ ፡ መራሒ ፡ ምስክር ፡ ደኹን ፤ እንተረትዎ ፡ ናይ ፡ ፍታል ፡ ፳ቅ ፡ ንዳኛ ፡ ፶ቅ ፡ ንመንግሥቲ እዩ ። ስዩም ፡ እንተበሉ ፤ ምስለኔ ፡ ከምቲ ፡ ንጕቓ ፡ ተሐጊጉ ፡ ዘሎ ፡ ፬ ለበማት ፡ ቅድም ፡ አፍሪዱ ፡ ይፍረድ ፤ ህገቢ ፡ ኩሉ ፡ ደው ፡ ይበል ።

## ፍርዲ ጠቕላሊ ኣማሓዳሪ ፤ ትሕቲኡ ዘለዉ ደያኑን ።

ዳኛ ፡ ምስ ፡ ፈረደ ፡ ይግባይ ፡ ወይ ፡ ለበስኩዎ ፡ ይበል ፡ ንእለቱ ፡ ነዚኤን ፡ እንተዘይበለ ፡ እታ ፡ ዳኛ ፡ ዝፈረዳ ፡ ትቑም ፡ ዳሕራይ ፡ መዓልቲ መጺኡ ፡ ይግባይ ፡ እንተበለ ፡ ቅቡል ፡ አይከውንን ።

ኩሉ ፡ ሰብ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ሥርዓት ፡ ትኽክል ፡ እዩ ፡ ስለዚ ፡ ናብ

፻፪

ቀዳማይ ፣ ዳኛ ፣ ክሳብ ፣ ጠቕላሊ ፣ ኣማሓዳሪ ፣ ይግበይ ፡ ኪብልን ፣ ይግብ ኣን ፣ ይከኣሉን ፣ እዩ ። ብድሕሪ ፡ ፍርዲ ፡ ጠቕላሊ ፣ ኣማሓዳሪ ፣ ክቃወ ም ፡ እተረኽበ ፡ ሰብ ፣ ወዲ ፣ ዓዲ ፣ ወይ ፡ ማይቤት ፣ ግና ፡ ብቕልጡፍ ፣ ፈረሰኛ ፣ ምስ ፡ ወታሃደሩ ፣ ይመራሓዮም ፣ ደሞዞም ፣ ግቡእ ፡ ቀለቦምን ን፳ ሰብ ፣ ሓደ ፣ ዳኛ ፣ ጤል ፣ ንኽልተ ፣ መዓልቲ ፣ ፩ ገረወኛ ፣ ስዋ ፣ ፳ ጣይታ ፣ ፩ ምለሊኽ ፣ በርበረ ፣ ፩ ኣበስንቲ ፣ ጠስሚ ፣ ፳ ፍንጃል ፣ ቡን ፣ ንመዓልቲ ፣ ይመገቡ ፣ ንመጽዓኛ ፣ ውን ፣ ዝግብኦም ፣ መግቢ ፣ ይሃብ ።

እዚም ፡ ፳ ወታሃደር ፣ ናብ ፣ ሓደ ፡ ኣብያ ፡ እዮም ፡ ዝምርሑ ፣ ምና ልባሽ ፡ ማይቤት ፣ ወይ ፣ ዓዲ ፣ እንተኾኑ ፣ ግና ፣ ገባር ፣ ቴጺርካ ፣ ፳ ወ ታሃደር ፣ ነብሲ ፣ ወከፍ ፣ ገባራይ ፣ ይመርሕዎ ፣ ክምቲ ፡ ናብ ፣ ላዕሊ ፡ ተ ወሲኑ ፡ ዘሎ ፣ መግቢ ፣ ይሃቡ ። ደሞዝ ፣ ፈረሰኛ ፣ ናብ ፡ ልዕሊ ፡ መግ ቡ ፣ ፩ ቅርሺ ፣ ንመዓልቲ ንወተሃደር ግና ፈረቓ ቅርሺ ንመዓልቲ ፡ እዩ ምስመግቡ ። ናይዚም ፣ ወታሃደር ፡ ምቕማጦም ፣ ክተያ ፣ መዓልቲ ፣ የል ብሉን ፣ ክሳዕ ፣ እቲ ፣ ኣብያ ፡ ቃል ፣ ንጉሥ ፡ ተሰማይ ፡ ዝብል ፣ እዮም ፣ ዝቕመጡ ፡ ተሰማይ ፡ ምሽ ፣ በለ ፣ ግን ፣ ብፍቓድ ፡ ንጉሥ ፣ ይውጽኡ ።

## ፳፯ ። ምሕላው ሕጊ ።

ሕጊ ፡ ዝበሃል ፣ ኣሕጥት ፡ ምሉእ ፣ ኣውራጃ ፡ ሎጎ ፡ ጮዋ ፡ ዘለዉ ፡ እንዳበ ፣ ነበብ ፣ ዓሌት ፣ ተመሪጾም ፡ ናብ ፣ ሓደ ፡ ባይቶ ፣ ተኣኪቦም ፡ ዘ ስምርዎን ፣ ዘቖሙዎን ፡ እዩ ፣ እምበር ። ሓደ ፣ ዓዲ ፡ ንበይኑ ፣ ወይ ፣ ሓ

ደ ፡ ዒሌት ፡ ንበይኑ ፤ ወይ ፡ ሐደ ፡ ማይቤት ፡ ንበይኑ ፡ ዘቆሞ ፡ ሕጊ ፡ ከ
በሃል ፡ ወይ ፡ ከቅወም ፡ አይከአልን ፡ እዩ ።

ስለዚ ፡ ብገዛኹን ፡ ምኽንያት ፡ ቅዋም ፡ ዓድና ወይ ቅዋም ማይቤት
ና ፤ ቅዋም ፡ ዓሌትና ፤ ኣሎና ፡ ኢሉ ፡ ኪምጉት ፡ ወይ ፡ ኪቅሞ ፡ አተረ
ኽበ ፡ ፰ ፈርጊ ፡ ንመናግሥቲ ፡ ዓድዩ ፡ እቲ ፡ ቅዋሙ ፡ ፍሩስ ፡ ይኹን ።
ከምታ ፡ ሕጊ ፡ እንዳበ ፡ ሉጎ ፡ ጭዋ ፡ ይናበር ።

ከምኡውን ፡ ብዙሓት ፡ ደቂ ፡ ጓል ፡ ናብ ፡ ሉጎ ፡ ጭዋ ፡ ተቃሚጦም
አዋልዶም ፡ ኪመርዕዉ ፡ ከለዉ ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ ሉጎ ፡ ጭዋ ፡ ዋሕስ ፡ ጓ
ል ፡ ኬትኽሉ ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ፤ ነዚኣ ፡ ሓዲጉ ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ እንዳበይ ፡
ኢሉ ፡ እቲ ፡ ወዲ ፡ ጓል ፡ ብኽልአ ፡ ሕጊ ፡ ዋሕስ ፡ እንተ ፡ አትከለ ፤ ፰ ፡
ፈርጊ ፡ ንመንግሥቲ ፡ ዓድዩ ፡ እቲ ፡ ዘትከሎ ፡ ውሕስነት ፡ ትሩፍ ፡ ይኹን
እቲ ፡ ዋሕስውን ፡ አይተዓገት ።

ብጥላይ ፡ ደቂ ፡ ዓዲ ፡ ኬቱሙወን ፡ ዝኸእሉ ፡ እዘን ፡ ዝስዕባ ፡ ቃላት፡
እዩን ። ብዛዕባ ፡ ሕዛእቲ ፡ በየናይ ፡ ጊዜ ፡ ከምዝሕዛእኒ ፡ ከምዝሰርዓኒ
ዘርዓይ ፡ ዓዲ ፡ ምቓም ፡ ንሁኡ ፡ ዝመስል ፡ ናብ ፡ ዱብተር ፡ ዘይተጻሕፈ ፡
ናይ ፡ ዘርዓታት ፡ ዜርኢ ፡ ኬቱሙ ፡ ከለዉ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ብኽደረ ፡ ጸዋ
ዑ ፡ እቶም ፡ ዓዲ ፡ ከአ ፡ ናብታ ፡ አተጸውዑላ ፡ ተአኪቦም ቅዋሞም ፡ ና
ብ ፡ ቅድሚ ፡ ጭቃ ፡ የቁሙ ። እቶም ፡ ተጸዊዖም ፡ እተሳእኑ ፡ ወይ ፡ ከ
አ ፡ ተጸዊዖም ፡ ናብ ፡ በይቶ ፡ ዘይመጹ ፡ አይነበርናን ፡ ኢሎም ፡ ኪፍርሱ
እንተ ፡ ተረኽቡ ፡ ፳ፈርጊ ፡ ንነፍስ ፡ ወከፍ ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤት ፡ ይዕደዩ ፡
ናብታ ፡ ቅዋም ፡ ዓድን ፡ ጭቃን ፡ ዝገበሩዋ ፡ ከአ ፡ ይልገቡ ።

## ፷፰ ። ስዑር ሹመኛ ።

ምስለኔን ፡ ጭቃን ፡ ካብ ፡ ሹመቶም ፡ እንተተጋህሩ ካብ ፡ እዚ ፡ ንጸ ፡ እዮም ። ናብ ፡ መአርግ ፡ ሽመቶም ፡ ከለዉ ፡ ዝበልዑዎ ፡ ዳኝነት ፡ ክኮነ ደናብ ፡ ኮነ ፡ ብድሕሪ ፡ ምግሃሶም ፡ ኪ ከሰሱ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ።

## ፷፱ ። ገሙት ።

ሰበይቲ ፡ ሰብኣይ ፡ ዘእተወ ፡ ጌሬ ፡ ይክሐስ ፡ ብዓመጽ ፡ እንተኾነ ፡ እቲ ፡ ክሕሳ ፡ ንሰብኣይን ፡ ሰበይትን ፡ ይኹን ፡ ምናልባሽ ፡ ምስቲ ፡ ዘእተዋ ፡ ሰብኣይ ፡ እታ ፡ ሰበይቲ ፡ ፍትውቲ ፡ እንተኮይና ፡ ግን ፡ እቲ ፡ ሰብኣያ ፡ ክልተ ፡ ጌ ክክሐስ ፡ እዩ ፡ ዝግብኦ ፡ ክብክልቲኦም ፡ ሰስሳኦም ።

ንሰበይቲ ፡ ሰብኣይ ፡ ብንመጸ ፡ እናእወት ፡ ዘእተወ ፡ ጌሬ ፡ ይእሐስ ንኽልቲኦም ፡ ሰብአይን ፡ ሰበይትን ፡ ይኹን ፡ ብፍቅሪ ፡ ኮነ ፡ ብጽልኢ ፡ ኮነ ።

ሕጽዩቲ ፡ ጓል ፡ ዘሕሰመ ፡ ጌሬ ፡ ንወለዲ ፡ ይክሐስ ፡ ዘይተሐጽየት ፡ ጓል ፡ ውን ፡ ከምኡ ፡ እዩ ፡ ዝግብኦ ።

አስላማይ ፡ ንኣል ፡ ክርስቲያን ፡ እንተሕሰመ ፡ ፻፰ሬ ፡ ይክሐስ ፡ እሉ፡ እንተለ ፡ ትምሐል ፡ ክርስቲያን ፡ ንጓል ፡ አስላመይቲ ፡ እንተሕሰመ ፡ ፻፰ ፈርጊ ፡ ይክሐስ ፡ እሉ ፡ እንተለ ፡ ትምሐል ፡ አስላማይ ፡ ንክርስቲያን ፡ ሰ ቧይቲ ፡ እንተአእተወ ፡ ብዓመጺ ፡ ፻፰ፈ ፡ ይካሐ ፡ እሉ ፡ እንተበለ ፡ ንሳ ት ምሓል ።

ክርስቲያን ፡ ነስላመይቲ ፡ ሰበይቲ ፡ እንተእተወ ፡ ብዓመጺ ፡ ፻፰ሬ ፡ ይ ክሐስ ፡ እሉ ፡ እንተበለ ፡ ንሳ ፡ ትምሐል ።

ሰበይቲ ፡ ካብ ፡ ዝኮነ ፡ ጠኒሻ ፡ እሞ ፡ ነቲ ፡ ጥንሳ ፡ ብፈውሲ ፡ እንተ ሰደደቶ ፡ ወይ ፡ ነቲ ፡ እተወልደ ፡ ህጻን ፡ እንተደርበየቶ ፡ እቲ ፡ ሹመኛ ንንጉሥ ፡ ይንገር ፡ መቅጻዕታ ፡ ካብ ፡ ንጉሥ ፡ ትቀበል ።

ሰበይቲ ፡ ካብ ፡ ዘይሰብኣያ ፡ እንተወለደት ፡ ቅድሚ ፡ ጥምቀቱ ፡ ካብ እገሌ ፡ እየ ፡ ወሊደ ፡ ኢላ ፡ ንአበ ፡ ነብሲ ፡ ትንገር ፡ ንሱ ፡ ከዐ ፡ ንጭቃ ይንገር ፤ በታ ፡ መዓልቲ ፡ ጥምቀት ፡ አቡኡ ፡ እንተዘይነገረት ፡ ናይ ፡ ዳ ሕራይ ፡ አይቁም ፡ ፍሩስ ፡ ይኹን ፡ ቀለብ ፡ ቈልዓ ፡ አይትርከብ ።

ሰበይቲ ፡ ነቲ ፡ ዝወለደቶ ፡ ቈልዓ ፡ በቲ ፡ ፈለማ ፡ ዝሃበቶ ፡ ብዝኮነ ይኹን ፡ ይቁም ፤ ተጣዒሻ ፡ እንደገና ፡ ንኻልእ ፡ ክትዕድል ፡ እንተተረኽ በት ፡ ፰ፈ ፡ ትክሐስ ፡ ነቲ ፡ ፈለማ ፡ ዝሃበቶ ፡ እቲ ፡ ቈልዓ ፡ ውን ፡ ነቲ ፡ ቀዳማይ ፡ ይኹን ።

## ፯ ፡ ማህረምትን መፍጋእትን ።

ብግህረምቲ ፣ ርእሲ ፣ ዝፈግኤ ፣ ን፳ ፍጋእ ፣ ፲፪ ፣ ይከሐስ ፣ ከም ፣ ብዝሒ ፣ ፍጋኡ ፣ ብ፲፪ ፣ ይወሰኽ ፤ እቲ ፣ ተፈግኤ ፣ ሰብ ፣ ግን ፣ ብርቱዕ ፣ እዩ ፣ ፍጋኤይ ፣ እንተበለ ፣ ዳኛ ፣ ብ፫ ሽማግለ ፣ የርእዮ ፣ ብርቱዕ ፣ እዩ ፣ እንተበሉ ፣ እቶም ፣ ፫ ሽማግለ ፣ ፴ፈ ፣ ይኹን ፣ እቲ ፣ ካሕሳ ።

በዝን ፣ ናብ ፣ ቃሕቲ ፣ ተጸዊዑ ፣ ዘሎ ፣ ስመን ፣ ዝወቅዔ ፣ ፻፳ፈ ፣ ይከሐስ ፤ ጕራዴ ፣ ሴፍ ፣ ሹናት ፣ ፋስ ፣ ምሳር ፡ ሐንካሽ ፡ መላጺ ፣ ማዕጺድ ዝዘሞ ፣ ጭኲሮ ፣ ካልእ ፣ ሐጺን ፣ ውን ፣ ንዕኡ ፣ ዚምስል ።

ናብ ፡ በትሪ ፣ ዘልገበ ፣ ሐጺን ፣ እሞ ፡ በቃ ፣ ሐጺና ፣ ጌሩ ፣ ዝሃረመ ፳ፈ ፣ ይከሐስ ፣ ብካልእ ፣ ሐጺን ፣ ዘሎዎ ፣ ንዕኡ ፣ ዝመስል ፣ ውን ፣ ከምኡ ፣ እዩ ፣ ካሕሳኡ ።

ወይ ፣ ኢድ ፣ ወይ ፡ እግሪ ፣ ዝቈረጸ ፣ ዓይኒ ፣ ዘፍሰሰ ፣ ፈረቃ ፣ ጋር ይከፈል ።

ንሰበይቲ ፣ ጡባ ፣ ዝቈረጸ ፣ ፈረቃ ፣ ጋር ፡ ይከፈል ።

ሽቡሽቡ ፣ (ብልዕቲ) ዝቈረጸ ፣ ፍረ ፣ ነብሲ ፣ ዝቈረጸ ፣ ምሉእ ፡ ጋር ይከሐስ ።

ፍረ ፣ ነብሱ ፣ ተሃስዩ ፣ ከይወልድ ፣ ከይገዝምድ ፣ ተረሩ ፣ እዩሞ ፣ ስለ ዝሰረ ፣ ምሉእ ፣ ጋር ፣ እዩ ፣ ዝግባእ ።

ንጥንስቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ዘይሰብአያ ፡ ሃሪምዋ ፡ እንተአዋገረት ፡ ጥርቂ ፡ ጋር ፡ ትክሐስ ።

ወይን ፡ እዲኡ ፡ ወይከዐ ፡ አቡኡ ፡ ዝሃረመ ፡ ውሉድ ፡ ፲፰ፈ ፡ ይክሐስ ፡ ፲ መ ፡ እንዳ ፡ ጭቃ ፡ ይትሐበስ ።

እገዚ ፡ አጥንጫ ፡ ክንፈር ፡ ካብዚኤን ፡ ዝቴረጸ ፡ ፲፰ፈ ፡ ን፩ ይክሐስ ።

ብማህረምቲ ፡ ወይ ፡ ኢዱ ፡ ወይ ፡ እግሩ ፡ እንተሰነፈ ፡ ፲፰ፈ ፡ ይክሐስ ። ግን ፡ እቲ ፡ መሰበርቲ ፡ ዝጸገን ፡ እንተኮነ ፡ ፳ፈ ፡ ይክሐስ ።

ጥንስቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ሰብኣያ ፡ ሃሪምዋ ፡ እንተአዋገረት ፡ ፳ፈ ፡ ካብ ፡ ገንዘብ ፡ ብርኪ ፡ ይክሐስ ፡ ክሳብ ፡ ፩ ዓመት ፡ ናብ ፡ ዝደለየት ፡ መዓልቲ ፡ ተልዕሉ ፡ ብድሕሪ ፡ ሐደ ፡ ዓመት ፡ ትሩጥዮ ።

ብህስየት ፡ አዘንጊው ፡ ተቃጽዮ ፡ ዝወቅዔ ፡ ፳ፈ ፡ ይክሐስ ፡ እቲ ፡ ተሃርመ ፡ ይምሐል ፡ ምስክር ፡ እንተዘበሉ ።

ንሰብ ፡ ብጕረርኡ ፡ ዝሐዘ ፡ ፳ ፡ ፈርጊ ፡ ይክሐስ ።

ሹም ፡ አሕዋት ፡ ናይ ፡ ሉጎ ፡ ጭዋ ፡ እንተተሃርመ ፡ ፶ፈ ፡ ይክሐስ ።

ጭቃ ፡ ኪዳኒ ፡ ከሉ ፡ ወይከዐ ፡ ክልእ ፡ ስራሕ ፡ ናይ ፡ መንግሥቲ ፡ ኪፍጽም ፡ ከሉ ፡ እንተተሃርመ ፡ ፶ፈ ፡ ይክሐስ ፡ ናይ ፡ ግህሰቱ ! ናይ ፡ መፍጋእቱን ፡ ስምብራቱን ፡ ከም ፡ ሕጊ ፡ ይክሐስ ! እቲ ፡ ዝሃረመ ፡ ከም ፡ ሕጊ ፡ ንጉሥ ፡ ይተአሰር ፡ ይተሐበስ ።

ዓቢ ፡ ዓበይቶ ፡ አጸብዕቲ ፡ ኢድ ፡ ዝቴረጸ ፡ ፺ፈ ፡ ይክሐስ ፡ ከመይ ካብ ፡ ብዙሕ ፡ ስራሕ ፡ ተጕድልዩ ።

ዝኰነት ፡ ሰበይቲ ፡ ዘይሰብአያ ፡ እንተሃረማ ፡ ፺ፈ ፡ ይክሐስ ።

ከም ፡ አመንዝራ ፡ ዓይነት ፡ ሰበኡት ፡ ኣቃኒኣ ፡ እንተተሃርመት ፡ ከም ፡ ፍጋአን ፡ ስምብራታን ፡ መጠን ፡ እያ ፡ እትክሐስ ።

ብባእሲ ፡ መጠን ፡ ወይ ፡ ብበልዕቲ ፡ ወይ ፡ ብፍረ ፡ ንብሲ ፡ አሒዙ ፡ ዝሃሰየ ፡ እሞ ፡ እንተዘይ ፡ ሰረ ፡ ካብ ፡ ውሉዱ ፡ እንተዘይጉደለ ፡ ፴ ፡ ፈርጊ ፡ ይኽሐስ ።

አጻብዕ ፡ ኢድን ፡ እግርን ፡ ዝቈረጸ ፡ ፴ፈ ፡ ን፩ ይኽሐስ ፡ (ብዘይ ፡ ዓብዓበይቶ ፡ ናይ ፡ ኢድ ።)

ስኒ ፡ ዝሰበረ ፡ ን፩ ፴ ፡ ፈርጊ ፡ ይኽሐስ ።

ዘራይ ፡ ኲይኑ ፡ ዝሃረመ ፡ ፴ፈ ፡ ይኽሐስ ፡ እቲ ፡ እተሃርመ ፡ ሰብ ፡ ምስክር ፡ እንተዘይብሉ ፡ ይምሐል ።

ክልተ ፡ ሰብ ፡ እንተተባእሱ ፡ እሞ ፡ ሓደ ፡ ሰብ ፡ እንተሎ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ የእዊ ፡ ደአምበር ፡ አይሐገዝ ፡ ብኢዱ ፡ ክብቶም ፡ እተባእሱ ፡ ሰበት ግን ፡ አሒዙ ፡ ብዘራይ ፡ መጠን ፡ አውቲዑኒ ፡ እንተበለ ፡ ምሒሉ ፡ ፴ፈ ፡ ይኽሐስ ። ክባእሱ ፡ ርእዩ ፡ ከየአወየ ፡ ስቕ ፡ እንተበለ ፡ ፮ ፡ ፈርጊ ፡ ንሓደ ፡ ይዕደ ።

፯ ሰብ ፡ ኪባአሱ ፡ ክልወ ፡ ወይን ፡ ፪ ወይ ፡ ክዐ ፡ ፫ ሰብ ፡ ገዘኹኑ ከይዓርቑዎም ፡ ስቕ ፡ ኢሎም ፡ እንተራእዩ ፡ እዚኦም ፡ ፭ ሕልቂ ፡ ንብሲ ወከፍ ፡ ንትምህርቲ ፡ ቤት ፡ ይዕደዩ ፡ ብኢድ ፡ ጭቃ ፡ ይውጻእ ።

ሰበይቲ ፡ ንሰብኣያ ፡ እንተሃረመት ፡ ፴ፈ ፡ ትኽሐስ ፡ አከላቱ ፡ እንተጐደለ ፡ ግን ፡ ከም ፡ ሕጊ ፡ ይኽሐስ ፡ ካብ ፡ ገንዘብ ፡ ብርኮም ፡ እቲ ፡ ክሕሳ ክሳብ ፡ ፩ ዓመት ፡ የልዕሉ ፡ ብድሕሪ ፡ ፩ ዓመት ፡ ግን ፡ ትራፍ ፡ እዩ ።

ወረቀት ፣ ናይ ፣ ቀሚስ ፣ ከምእተቀበለ ፣ ምስክር ፣ ዘሎዎ ፣ እንተተሃርመ ፣ ፴፪ ፊ ፡ ይኸሕስ ፣ ንሱ ፣ እንተሃረመ ፣ ከዐ ፣ ከፃኡ ፣ ይኸሕስ ።

ኣደረ ፣ ጭቃ ፣ እዚ.ገዛ ፣ ነዙይ ፣ ኪፍጽም ፣ ከሎ ፣ እንተተሃርመ ፣ ፴፭ ፊ ፣ ይኸሕስ ፣ ናይ ፣ ግህሰቱ ፡ መፍጋእትን ፣ ስምብራትን ፣ እንተለዎ ፣ ግን ፣ ከም ፣ ስርዐት ፣ ይኸሕስ ፣ ብላዕሊ ።

መብረህቲ ፡ ምሽጠፍኤ ፣ ሐዊ ፣ ምስትደጎለ ፣ ሰበይቱ ፣ ዝሃረመ ፣ ፲ ፈርኪ ፣ ካብ ፣ ገንዘብ ፣ ብርኪ ፣ ትኸሕስ ።

ብስኑ ፣ ዝነኸሰ ፣ ፲ ፣ ፈርኪ ፣ ይኸሕስ ።

ንፍትሕ ፣ ምስተቋጸሩ ፣ ሰበይቱ ፣ ዝሃረመ ፣ ሰብኣይ ፣ ፲ ፊ ፣ ይኸሕስ ።

ጭሕሚ ፣ ዝነጸየ ፣ ፮ ፣ ፈርኪ ፣ ይኸሕስ ።

ናብ ፣ ቤት ፣ ኰነ ፣ ናብ ፣ በረኻ ፣ ኰነ ፣ ሰበይቱ ፣ ዝሃረመ ፣ ፲፪ ፈርኪ ፣ ይኸሕስ ፤ ፍጋእ ፣ እንተለዎ ፣ ግን ፣ ፲፪ ፈን ፣ ፩ በጊዕን ፣ ይኸሕስ ።

ካብ ፣ ከሳድ ፣ ንላዕሊ ፣ ብ፫ ፣ ኣጻብዑ ፣ ዝሃረመ ፣ ፫ ፊ ፣ ይኸሕስ ።

ካብ ፣ ከሳድ ፡ ንታሕቲ ፤ ዝሃረመ ፣ ከም ፣ ስምብራቱ ፣ መጠን ፤ ን፩ ፣ ስምብራት ፣ ፫ ፣ ፈርኪ ፣ ይኸሕስ ።

ዘርዓይ ፣ ዓዲ ፣ ዝሸምዎ ፣ እንተተሃርመ ፣ ስምብራት ፣ ወይ ፣ መፍጋእቲ ፣ እንተለዎ ፣ ከም ፣ ስሩዕ ፣ ይኸሕስ ፣ ስምብራት ፣ ዘይብሉ ፣ እንተኰነ ግን ፣ ምሒሉ ፣ ን፩ ማህረምቲ ፣ ፪ ፊ ፣ ብማህረምታትን ፣ ቁጽሪ ፣ ይኸሕስ ።

እተሃርመ ፣ ሰብ ፣ ስምብራት ፣ ዘይብሉ ፣ እንተኰነ ፣ ምስክር ፣ ዘይብሉ ፣ እንተኰነውን ፣ ምሒሉ ፣ ን፩ ሀረምቲ ፣ ፪ ፊ ፣ ይኸሕስ ፣ ብዝቲጸረን ፣ መጠን ።

፱ ሰብ ፡ ነገር ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ዳኛ ፡ ቲይሞም ፡ ከለዉ ፡ ሐዲእም ፡ እንተሃረመ ፡ ፮ፈ ፡ ይከሐስ ፡ ብላዕሊ ፡ ስለ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ዳኛ ፡ ገዘሃረ መ ፡ ናይ ፡ ስምብራቱን ፡ መጥጋእቱን ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ርእሲኡ ፡ ከም ፡ ሕጊ ይከሐስ ፤ ነቲ ፡ ዳኛ ፡ ድማ ፡ ፲፪ፈ ፡ ይከሐስ ፡ ናይ ፡ ሰበር ፡ ዳኛ ።

## ፳፩ ። ቀ ብ ሪ ።

ዝሞተ ፡ ሰብ ፡ ናብ ፡ ድብ ፡ ጥራይ ፡ ቤት ፡ ሰቡ ፡ ይተአከቡ ፡ ምናል ባሽ ፡ ሰበ ፡ አውያት ፡ እንተወሐዱዎም ፡ ግና ፡ ፭ መዓልቲ ፡ ይቛጸሩ ፡ በ ታ ፡ ፭ይቲ ፡ መዓልቲ ፡ ገዘመጹ ፡ ቤት ፡ ሰብ ፡ ናይ ፡ ምዉት ፤ ገከአሎም፡ እንተኾኑ ፡ ነቶም ፡ ዘኽታማት ፡ ሐገዝ ፡ ይሃቡዎም ፤ ዘይከአሎም ፡ እንተ ኾኑ ፡ ከኣ ፡ አልቂሶም ፤ ንዓዶም ፡ ይመለሱ ።

ስለዚ ፡ ናብ ፡ ቀብሪ ፡ ስዋ ፡ ከይስተ ፡ ብሕጊ ፡ ኩልኩል ፡ እዩ ፡ ነዚኣ ሓሊፉ ፡ ስዋ ፡ ቀብሪ ፡ ዝገበረ ፡ ሰብ ፡ ፵ፈ ፡ ንቤት ፡ ትምህርቲ ፡ ይዕደ ።

ብቐብሪ ፡ ርእሳ ፡ ገዘነርየት ፡ ፵ፈ ፡ ገጹ ፡ ዝመለጠ ፡ ፵ፈ ፡ ንቤት ፡ ት ምህርቲ ፡ አበንስሓ ፡ ካብ ፡ ህገዘቢክርስቲያን ፡ ይጥለዮም ፤ እተን ፡ እተቀ ጽዒን ፡ ገንዘብ ፡ ብሊድ ፡ ሽማግሌታት ፡ ናይ ፡ ቤት ፡ ትምህርቲ ፡ ያውጽእ ።

## ፳፱ ። ዘ ር ዓ ።

ዘይወለደ ፡ እኽሊ ፡ ከም ፡ ዓዲ ፡ ዝሰደቡዎ ፡ እዩ ፡ ዘርዓሉ ። እቲ ፡ ጥና ፡ ግራት ፡ ብኡ ፡ ይኽሐስ ። ዝወለደ ፡ እኽሊ ፡ ግና ፡ ዳኛ ፡ ክልተ ፡ ሰበት ፡ ከምስርዓት ፡ ይርቋሕ ፡ ሳልሳዮም ፡ እቲ ፡ እኽሉ ፡ እተበልዮ ፡ ጥና ፈሪዶም ፡ ይኽሐሳ ። ዘርዒ ፡ ዝኽልከለ ፡ ጃፈ ፡ ይኽሐስ ፡ ንበዓል ፡ ግራት ፡ ወይ ፡ ንበዓል ፡ ሳዕሪ ። እቲ ፡ በዓል ፡ ግራት ፡ ክኣ ፡ ነተን ፡ ዝዘርዔን ከብቲ ፡ ጥናኤን ፡ ሐደ ፡ ከብቲ ፡ እንካ ፡ እንተበለ ፡ ተቐቢሉ ፡ ናብ ፡ ገዛኡ ፡ ይእሰሮ ፡ ከም ፡ ዘነባ ፡ መጠን ። ብድሕሪኡ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ኣትዩም ፡ ግቡእ ፡ ዋሕስ ፡ ተኺሉ ፡ ጥና ፡ ከብቲ ፡ ከብቱ ፡ ይሰድ ። እቲ ፡ ንዘነበ ፡ ዝወሃቡ ፡ ከብቲ ፡ ሕያዋይ ፡ ስቕ ፡ ኢሉ ፡ ካብ ፡ መንሰኡ ፡ ዝጥለ ፡ ኪኸውን ፡ ይግባእ ። ገለ ፡ ተንኮለኛታት ፡ ከም ፡ ዝነብሩዎ ፡ ዝስዒር ፡ ከብቲ እንተሃቡ ፡ ግና ፡ ንኹሉን ፡ ንገዛ ፡ የእትወን ።

እቲ ፡ ጥና ፡ ኽብቲ ፡ ከምስሩዕ ፡ እንካ ፡ ዘነባ ፡ እናበሉ ፡ ንኹሉን ፡ ንገዛ ፡ ዘእቶ ፡ ጃፈ ፡ ይኽሐስ ።

ጥናኤን ፡ ዘየሎ ፡ ብናሉል ፡ እተረኽበ ፡ ከብቲ ፡ ኩሉን ፡ ተዘሪዓን ፡ ንገዛ ፡ ይእቶዋ ። እቲ ፡ ጥናኤን ፡ መጺኡ ፡ ዋሕስ ፡ ተኺሉ ፡ ከብተይ ፡ ከወሲድ ፡ እንተበለ ፡ እሞ ፡ ጥና ፡ ግራት ፡ ወይ ፡ ሳዕሪ ፡ እንተኸልኣ ፡ ጃፈ ፡ ንዋና ፡ ከብቲ ፡ ይኽሐስ ።

እቲ ፡ በዓል ፡ መሬት ፡ ናይ ፡ ገዶብ ፡ ከብቲ ፡ ብፋሉል ፡ እንተዘርዔ

እሞ ፡ ዋናኤን ፡ ዝፈልጠ ፡ እንተኾነ ፡ ንዋናኤን ፡ ይንገሮ ። ዘይፈልጠን እንተኾነ ፡ ግና ፡ አጽኒሁ ፡ ይሓሉ ። ናብ ፫ይ ፡ መዓልቲ ፡ ግና ፡ ንዳኛ ይንገር ፤ ዋንኤን ፡ እንተመጸን ፡ ግና ፡ ከም ፡ ስሩዕ ፡ ዘርዓኑ ፡ ይቀበል ፤ ናብ ፡ ርእሲኡ ፡ ከኣ ፡ ናይ ዝሓለወን ፡ ፪ፈ ፡ ንመዓልቲ ፪ፈ ፡ ንለይቲ ፡ ከፈሎም ፡ ከብቶም ፡ ይሰዱ ። እዚ ፡ ግና ፡ እቶን ፡ ከብቲ ፡ ካብ ፡ ሓሙሽተ ንላዕሊ ፡ እንተኾና ፡ እዩ ። ካብ ፡ ሓሙሽተ ፡ ንታሕቲ ፡ እንተኾና ፡ ግና ፪ ቅርሺ ፡ ንመንልትን ፡ ለይትን ፡ ይኽፈሉም ፤ ከመይ ፡ እቶን ፡ እተዘርዓ ከብቲ ፡ እንተጠፍኣ ፡ ተተሓዛዪ ፡ ንሱ ፡ እዩ ። ምስ ፡ ዘርዒ ፡ ዝበልዐ ፡ ዘብልዒ ፤ ወይ ፡ ዘጥፍኤ ፡ ቀንዲ ፡ ይኽፈል ።

ሕሩም ፡ ሕዛእቲ ፡ ዘበልዔ ፡ ፩ ቅርሺ ፡ ይዕዶ ። ለይቲ ፡ ማለት ፡ ጸሓይ ፡ ምስ ፡ ዓረበ ፡ ዘብልዔ ፡ ግና ፡ ፪ ቅርሺ ፡ ይዕዶ ፤ እዚ ፡ ዕዳዚ ፡ ንመጓሰ ፡ ኰነ ፡ ንሓደ ፡ ከብቲ ፡ ኰነ ፡ ትኽክል ፡ እዩ ።

እተሳዕረ ፡ ሕዛእቲ ፡ ዘብልዔ ፡ ርብዒ ፡ ቅርሺ ፡ ንመጓሰ ፡ ይኽፈል ፡ ዝኾኑ ፡ ይኹን ፡ ብጀካ ፡ ፈቃድ ፡ ባለ ፡ መሬት ፡ ሳዕሪ ፡ ምብላዕ ፡ ኩልኩል ፡ እዩ ።

ናብ ፡ ቅማጦኡ ፡ ዘይተላሰለ ፡ ቀረም ፡ ከብቲ ፡ ዘእቶ ፡ ፩ፈ ፡ ንዋና ፡ ግራት ፡ ይከሓስ ። እቲ ፡ ዋና ፡ ግራት ፡ ባዕሉ ፡ ቅድም ፡ እንተ ፡ አእተወላ ፡ ግና ፤ ካሕሳ ፡ የልብሉን ፡ ከመይ ፡ ከብቱ ፡ እናብልዔ ፡ ንኽልአት ፡ ኪኽልክል ፡ አይግብአን ፡ እዩ ።

ናብ ፡ ሳዕሪ ፡ ዶሳ ፡ ናዚ ፡ ቀረም ፡ ግራቱ ፡ ከብቱ ፡ እናብልዔ ፡ ንኸብቲ ፡ ብጫዩ ፡ ዝኽልከለ ፡ ፩ፈ ፡ ይኽሕስ ።

እተዓጸደ ፡ እንዳእቲ ፡ ኰነ ፤ ቅሚጠ ፤ ናብ ፡ ዓውዲ ፡ ዝወደቀ ፡ እኽሊ ፤ ምህርቲ ፡ ጉንሒ ፡ ንዕኡ ፡ ዝሎስ ፡ ከልእውን ፡ ብኸብቲ ፡ ዘብልዔ

፪ት ፣ ሽግግል ፡ ናብ ፣ ጥቃ ፣ ግራት ፣ ዘሎዉ ፣ ዳኛ ፣ ይርቋሕ ፣ ሳልሳይ እቲ ፡ ዋና ፣ ግራት ፣ ኰይኖም ፣ ይጥረዱ ፣ ኢቲ ፣ ዘብልዎ ፣ ብአአም ፣ ተፈ ሪዱ ፡ ይኽሕስ ።

ብዝሩእ ፣ ግራት ፣ መንሰስ ፣ ዝኰነ ፣ ኬሕልፍ ፣ እተረኽበ ፣ ፴ፈ ፣ ን ዋና ፣ ግራት ፣ ይኽሕሰ ።

ቅሚጠ ፣ ዘንደደ ፣ ብፍልጠት ፣ ፳ፈ ፣ ይክሕስ ፤ እተን ፣ ፍርያትኒ ፣ ሐሰርኒ ፣ ከአ ፣ ብ፫ ሽግግል ፣ ተሸኒነን ፣ ይክፈል ። ከም ፡ ስሩዕ ፡ ንጉሥ ከአ ፣ ቅልጽሙ ፣ ንማእሰርቲ ፣ ይሕለፍ ።

ብዘይፍልጠት ፣ ዘንደደ ፣ ግና ፣ ካዕበት ፡ እተን ፣ እኽልን ፣ ሐሰርን ፣ ብ፫ ሽግግል ፣ ምስ ፣ ተሸነና ፣ ይክፈል ፣ ንዋና ፣ እኽሊ ።

እትክልቲ ፣ በርበረ ፤ ከሚዶሮ ፤ ሽጉርቲ ፤ ከምኡ ፣ ዝመስል ፣ ካልእ ውን ፡ ምስ ፣ ተሐጽረ ፣ ዘብልዎ ፡ ፱ ሕልቂ ፣ ይክሕስ ።

ከምኡውን ፣ ዓበይቲ ፣ አታኽልቲ ፤ ካሊብቶስ ፤ በርበረጻሊም ፣ ትሩንጊ ፤ ለሚን ፣ሙገ ፤ ንዕኡ ፣ ዝመስል ፣ ካልእውን ፣ ከብቲ ፡ ዘብልዎ ፤ ፳ ፣ ፈርጊ ፣ ይኽሕስ ።

ጡጥ ፣ ዘብልዎ ፣ ፱ ፣ ሕልቂ ፣ ይኽሕስ ።

## ፴፲ ። ብዛዕባ ታራ መጓሰ ።

ተራ ፣ መጓሰ ፣ ናይ ፣ አባቅል ፣ ብሐንሳእ ፣ ኪጓሰያ ፣ ይግባእ ፡ ከመይ እቲ ፣ ውላድ ፣ ዜብሉ ፣ ሰብ ፣ ጽሙዳት ፣ አባዕር ፣ አብኩሩ ፣ ንሐንቲ ፣ በ

ቅሊ፡ ኪሕሉ፡ አይግብአን ። ክምኡውን፡ ናብ፡ ሕዛእቲ፡ ዚበልሁ፡ አባዕር፡ ብታሪ፡ ኪኅሰዩ፡ ይግባእ ።

አጋብብ፡ ታራ፡ ብዕራይ ። አበ፡ ጓሳ፡ ታራ፡ ዝእዝዝ፡ ሐደ፡ ሰብ አዋፈሩ፡ ዝኸእል፡ እቶም፡ ዋናታት፡ አባዕር፡ ኪገብሩ፡ ይግባእ ። አፔ፡ እተመርጸ፡ ሰብ፡ ኪእዝዝ፡ እምበር፡ ታራ፡ አባዕር፡ ኪወፍር፡ አይግብአን፡ እዩ ።

አበ፡ ጓሳ፡ አዚዙዎ፡ ዝአበ፡ ጀፊ፡ ንቲ፡ አዛዚ፡ ከፊሉ፡ ንጽባሒ፡ ይውፈር ።

አበ፡ ጓሳ፡ አዚዙዎ፡ ዝወፈረ፡ ሰብ፡ ተጠንቂቑ፡ ኪሕሉ፡ ይግባእ በታ፡ ታራኡ፡ ዝጠፍኡ፡ ከብቲ፡ ሐደ፡ ኮነ፡ ብዝሐት፡ ኮኑ፡ ንሱ፡ እዩ፡ ዝዓድዮም ።

ታራ፡ አባዕር፡ ዝወፍር፡ ሰብ፡ እኹል፡ ሰብአይ፡ ኪኸውን፡ ይግባእ ። ከመይ፡ ቈላው፡ እንተወፈሩ፡ ብዙሕ፡ ጉድአት፡ ኬምጽኡ፡ ይኽእሉ፡ እዮም ።

አባቅል፡ ዓዲ፡ ዓሰባ፡ ቆጺሮም፡ ብሐደ፡ ይኅሰዩ፤ ዓሰባ፡ እንተሰአኑ፡ በቲ፡ አበ፡ ጓሳ፡ እናተአዘዙ፡ ብታራ፡ ይሐልዉወን ። አንስ፡ በቅሎይ፡ አይጽንብርኒ፡ ባዕለይ፡ ፈልየ፡ እየ፡ ዝኅሲ፡ ኢሉ፡ ንታ፡ ስምረት ዝአበየ፡ ጀሬ፡ መንጸጥ ዕዳ፡ ንቲ፡ ዓሰባ፡ ይዕደ፤ ብታራ፡ እንተኾና፡ ዝሕለዋ፡ ግና፡ እተን፡ ጀፈ፡ አበ፡ ጓሳ፡ ይብላዓየን፡ ናብታ፡ ስምረቶም ይልገብ ።

## ፷፬። ታራ ህበይ።

ህበይ ፣ ዘላቶም ፣ ዓዲ ፣ ብሐበራ ፣ ናብ ፣ ማእከል ፣ ዝግራቱን ፣ ናብ ፣ ወሰን ፣ ዝግራቱን ፣ ብታራ ፣ ይሐልዉ ፣ አቦ ፣ ጓሳ ፣ እዞም ፣ እዚዝዎ ፣ ዘብኰረ ፤ ፲፪ፈ ፣ ይዕደ ፣ ንጽባሑ ፣ ይውፈር ። በታ ፣ ዘብኰራ ፣ መዓልቲ ፣ ወዲ ፣ በረኻ ፣ ዝበልዖ ፣ ኩሉ ፣ እቲ ፣ ዋና ፣ እኸሉ ፣ እተበልዖ ፣ ሰልሰይ ፣ ሽማግለ ፣ ኰይኑ ፣ ብዝሸነኒዎ ፣ ይክሐስ ።

ብጓል ፣ ሰምንቲ ፣ ካህንኒ ፣ ዲያቆንኒ ፣ ብእዋን ፣ ሰምንቶም ፣ ኳደረው ን ፣ ኪእዘዙ ፣ አይግብአምን ። ሰምንቶም ፣ ምስ ፣ ስሕለፉ ፣ ግና ፣ ከም ፣ ዓዶም ፣ ይተእዘዙ ። ጭቃን ፣ ጭቃን ፣ ቍሺገበዝን ፣ ግና ፣ ንሐዋሩ ፣ ታራ ፣ ህበ ይ ፣ አይትእዘዙ ።

## ፷፭። ተዝካር።

ተስካር ፣ ዝገብር ፣ ሰብ ፣ ምስ ፣ አበንስሐን ፣ ምስ ፣ ቀሺ ፣ ገበዝን ፣ ተ ሰማሚዑ ፣ ይቋአር ። ንቶም ፣ ፍትሐት ፣ ዝፈትሑ ፣ ውሉደ ፣ ክህነት ፣ ከም ፣ ከእለቱ ፣ ጌሩ ፣ ይቀበሎም ። ብፍቃዱ ፣ ሐሪዱን ፣ ጸሚቑን ፣ ንቶ

ም ፡ ውሉደ ፡ ክህነት ፡ ብድሮን ፡ ዕለትን ፡ እንተ ፡ አብለዎን ፡ እስተየን
ጽቡቕ ፡ ግብሪ ፡ እዩ ።

ብስእነት ፡ ምኽንያት ፡ ዘይክእሉ ፡ እንተኾነ ፡ ግና ፡ ከም ፡ ዓቕሙ ፡
ብሸሮ ፡ ብትምትሞ ! ወይ ፡ ከአ ፡ ከምቲ ፡ ሕጊ ፡ ፎጀራ ፡ ከፊሉ ፡ ሰቡ ፡ የ
ተስከር ።

ካህናት ፡ ናብ ፡ ዝኾነ ፡ ተስካር ፡ በሊዖም ፡ ሰትዮም ፡ ንእግዚአብሔ
ር ፡ አመስጊኖም ፡ ይኺዱ ። ካብዚ ፡ ሐሊፎም ፡ ናብ ፡ ርእሲ ፡ ብልዕን ፡
መስተን ፡ ፈረቓ ፡ ስጋ ፡ ቆርበት ፡ ነኒብ ፡ ቤቶም ፡ ዝኸይድ ፡ እንጌራ ፡ ስ
ዋን ፡ ዝኾነ ፡ ሪም ፡ ትኹፍ ፡ እዩ ። ከመይ ፡ ነቲ ፡ ውራይ ፡ ተስካር ፡ ዝ
ገብር ፡ ሰብ ፡ ከቢድ ፡ አርዑት ፡ እዩሞ ፡ ቁሩብ ፡ ኪቕለሉ ፡ ይግብአ ። ክ
ልአይ ፡ ነገር ፡ ከአ ፡ እቲ ፡ መንፈሳዊ ፡ ንጽድቂ ፡ እተገብረ ። ብሰላም ፡
ኪጨረስ ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ፡ እምበር ፡ ሪም ፡ ይግባእ ፡ አይግብአን ፡ ኢልካ ፡
ናብ ፡ መንጎ ፡ ካህናትን ፡ብዓል ፡ ውራይን ፡ ግቡእ ፡ አይኮነን ። ነምኡ
ውን ፡ ካህናት ፡ እንጌራ ፡ ማይ ፡ በሊዖም ፡ እንደገና ፡ ፎጀራ ፡ ወስኺና ፡ ኪ
ብሉ ፡ ግቡእ ፡ አይኮነን ። እቲ ፡ በዓል ፡ ውራይ ፡ እንጌራ ፡ ማይ ፡ ንም
ብላዖም ፡ ዘይኪኢሉ ፡ እንተኾነ ፡ ግና ፡ እተን ፡ ፎጀራ ፡ ኪህቦም ፡ ግቡ
እ ፡ እዩ ።

እቲ ፡ በዓል ፡ ውራይ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ቤቱ ፡ ምስጸውዖም ፡ እቶም ፡ ው
ሉደ ፡ ክህነት ፡ ብናላይ ፡ ዝበለጸ ፡ መቐመጢኦም ፡ ብኽብረት ፡ ኪህቦም ፡
ናብ ፡ ቤቱ ፡ ኮይኖም ፡ ዝበልዑዎን ፡ ዝሰተዩዎን ፡ ከም ፡ ክእለቱ ፡ ይሃብ
ም ። ነቲ ፡ እንዳቦ ፡ ብሕጊ ፡ ዝኸልከልዎ ፡ ሪማት ፡ ኪሁብ ፡ እንተ ፡ ተረ
ኸበ ፡ ግና – ፎፈርጊ ፡ ንቤተ ፡ ትምህርቲ ፡ ይዕደ ።

እቶም ፡ ውሉደ ፡ ክህነት ፡ ከአ ፡ ሪም ፡ ስጋ ፡ ቆርበት ፡ እንጌራ ፡ ስዋ

ነናብ ፡ ቤትና ፡ እንወስዶ ። ወይ ፡ ክአ ፡ ንሕ ፡ በንል ፡ ሡራይ ፡ ስዋ ፡ አ
ቅጠንክ ፡ አወሊድካ ፡ ኪብሉ ፡ እንተ ፡ ተረኸቡ ። ሐደው ፡ ንሕ ፡ አተ
ቀረበሎም ፡ ሲሳዩ ፡ አይንበልዕን ፡ እንተበሉ ። ወይ ፡ ክአ ፡ ክምድላይ
ና ፡ እንተዘይገበርካ ፡ አይንፈትሓልካን ፡ ኢሎም ፡ እንተአበዩ ። ንሕ ፡ በ
ዓል ፡ ሡራይ ፡ ቿፈ ፡ ነብሲ ፡ ወከፍ ፡ እዮም ፡ ዝአበዩን ፡ እዮም ፡ ሪም ፡
አሎና ፡ ዝበሉን ፡ ይክሓሏዎ ። ክም ፡ ስሩዕ ፡ እንዳበ ፡ ክአ ፡ ይፈጽሙ ።

## ፸፮ ። ዝኻድኡ እንስሳ ።

ወጋኢ ፡ ብዕራይ ፤ ወጋኢ ፡ ድሁል ፤ ነዳሒት ፡ በቅሊ ፡ ነኻሲ ፡ ክል
ቢ ፤ ነኻሲ ፡ ንህቢ ፤ ዋንኦም ፡ መቃን ፡ ሰብ ፡ ክይገድኡ ፡ ብጽኑዕ ፡ ኪሕ
ልዎዖ ፡ ይግባእ ፡ እዩ ።

ወጋኢ ፡ ብዕራይን ፡ ወጋኢ ፡ ድሁል ፡ ወይ ፡ ዲበላ ፡ ናብ ፡ ዳኛ ፡ ዋ
ንኦም ፡ ምስ ፡ ተኸሰ ። እቲ ፡ ዳኛ ፡ ርግጽ ፡ ዝኻድኡ ፡ ምኻኖም ፡ ፈሊ
ጡ ፤ ንሱ ፡ ዋና ፡ ክብቲ ፡ በዚ ፡ እዋን ፡ እዚአ ፡ ሕረዶ ፡ ኢሉ ፡ እዚ ፡ ይሃ
ብ ፡ በቓ ፡ ዳኛ ፡ ዝእዘዞ ፡ እንተ ፡ ዘይሐረዶ ፡ ፴ፈ ፡ ንመንግሥቲ ፡ ይቀጻ
ዕ ፡ ንሱ ፡ ኽብቲዎን ፡ ይሕረዶ ። እዚም ፡ ዝኻድኡ ፡ እንስሳ ፡ ዝወግእዎ፡
ሰብ ፡ እንተሞተ ፡ ጋሩ ፤ እንተ ፡ ተሰብረ ፡ ናይ ፡ ሰብረቱ ፤ እቲ ፡ ዋና ፡
ክብቲ ፡ ክም ፡ ስርዓት ፡ እንዳበ ፡ ይክሐሶ ።

ዝኻድኡ ፡ ብሰራይ ፡ ወይ ፡ ላም ። በጊዕ ፡ ወይ ፡ ጠል ፡ ይተሐረዱ
ደአ ፤ እምበር ፡ አይሸየጡ ። ክመይ ፡ እንተ ፡ ተሸጡ ፡ ናብ ፡ ዘይፈልጥ

ምፖ፡ ዓዲ፡ ሰበ፡ ኪጐድኡ፡ ይኽእሉ፡ እዮም፡ ስለዚ፡ ዝንዓእ፡ ከብቲ ካበዛም፡ ዝጸብጸብናዮም፤ ገንዘቡ፡ እንተ፡ ሸጠ፡ እሞ፤ ምስኡ፡ ከሎ፡ እቲ፡ ከብቲ፡ ተኻዳኢ፡ ከም፡ ዝኾነ፡ እንተ፡ ተረትዒ፡ ፴ፈ፡ ንመንግሥቲ፡ ዓድዩ፡ ገንዘቡ፡ ይምለሰሉ።

ነኻሲ፡ ከልቢ፡ ይሙት፤ ተናኻሲ፡ ንህቢ፡ ፫ ጕረቤት፡ ብዝነገሩሉ ይጽደፍ፡ ዋንኡ፡ ኣየጽድፍን፡ ኢሉ፡ እንተአበ፡ ፴ፈ፡ ንመንግሥቲ፡ ይዕደ።

ተናዳሒት፡ በቅሊ፡ ወይ፡ ኣድጊ፡ ዋናኣ፡ ተጠንቂቑ፡ የሐዛ፡ ሰብ፡ እንተጐድኤት፤ ከም፡ ዝጐድኣቶ፡ ልክዕ፡ ስርዓት፡ ዋና፡ ይኽሕስ፤ ሰብ እንተቀተለት፡ ግና፡ ዋና፡ ጋር፡ ነብሲ፡ ይኽፈል።

## ፵፮። ቀለታ አሕዋት።

ቀለታ፡ ዝግብኦም፡ ሰባት፡ እዞም፡ ናብ፡ ታሕቲ፡ ዝሰዕቡ፡ እዮም፡ ቤቱ፡ ሐዊ፡ ዝነደዶ፤ ወይ፡ ድማ፡ ከይፈለጠ፡ ብድንገት፡ ቤት፡ ብጫዩ ሐዊ፡ ዘንደደ፡ እሞ፡ ብዕዳ፡ እተታሕዘ፡ ኪቅለት፡ ይግብኦ። እንተኾነ፡ እቲ፡ ዝቅለት፡ ሰብ፡ ኣቐዲሙ፡ ንጭቃ፡ ዓዲ፡ ኪነግር፡ ይግብኦ፤ እቲ፡ ጭቃ፡ ዓዲ፡ ድንገቱ፡ መርሚሩ፡ ኪቅለት፡ ዝግብኦ፡ እንተኾነ፡ ዓዲ፡ ናብ፡ እተኣከቡሉ፡ ባይቶ፡ እቲ፡ ድንገቱ፡ ነጊሩ፡ ቅለቱኒ፡ ይበል። እቶም፡ ዓዲ፡ ብ፫ ሸማግለ፡ ወሲኖም፡ ይቕለቱዎ። ካብቶም፡ ዓዲ፡ ብመንቀኛነት፡ ነቲ፡ ድንገት፡ ዝረኸበ፡ ኣይንቀልትን፡ ኢሉ፡ ስምረት፡ ዓዲ፡ ኬፍርስ፡ እተረኸበ፡ ፯ፈርጊ፡

ነቲ ፡ ድንገተኛ ፡ ይከሐስ ፤ ከመይ ፡ ድንገት ፡ ናብ ፡ ሐደ ፡ ጥራይ ፡ አይት ነብርን ፡ እያሞ ፡ ክንተሐጋገዝ ፡ ይግበእ ።

እቲ ፡ ዝቅለት ፡ ሰብ ፡ ናብታ ፡ ዓዱ ፡ ጥራይ ፡ እዩ ፡ እዚ ፡ ዝበልናዮ ፡ ሕጊ ፡ ዝቆመሉ ። ናብ ፡ ካልእ ፡ ዓዲታት ፡ ዘለዉ ፡ ቤተሰቡ ፡ ግና ፤ እን ፈተዉ ፡ ይቕለቱ ፡ እንተ ፡ ዘይፈተዉ ፡ ይኽልኡ ።

## ፸፫ ። ክብካብ ቀሚስ ።

ክብካብ ፡ ዝግብኦ ፡ መዓርጋት ፡ ቀሚስ ፡ እዘን ፡ ዝስዕባ ፡ እየን ።

| | |
|---|---|
| መዓርግ ፡ ራእስነት ፤ | ራስ ፡ |
| መዓርግ ፡ ድግዝምነት ፡ | ደጃዝማች ፡ |
| መዓርግ ፡ ክንቲብነት ፡ | ክንቲባ ፡ |
| መዓርግ ፡ ባሕርነጋሽነት ፡ | ባሕርነጋሽ ፡ |

ካብዘን ፡ መዓርጋት ፡ እዚኤን ፡ ካብ ፡ ንጉሥ ፡ ቀሚስ ፡ ዝለበሰ ፡ ሰብ ከም ፡ ግቡእ ፡ መመረቕታ ፡ ቀሚስ ፡ ክብካብ ፡ ኪገብር ፡ ይግብኦ ።

ነዚ ፡ መዓርግ ፡ ቀሚስ ፡ ክብካብ ፡ ዝገብር ፡ ሰብ ፡ እቶም ፡ ዓዱ ፡ ማለት ፡ እንዳበኡ ፡ ብኽብረት ፡ ኪቕበሉዎ ፡ ይግብእ ፤ ንሐገዙ ፡ ዝኸውን ፡ ንሙቕባል ፡ ጋሻ ፤ ላም ፡ ስብሕቲ ፡ ሙሉእት ፡ ዓዱ ፡ ይሃቡዎ ፡ ብሽም ፡ ዓ

ዲ ፡ ትጠፈ ። ናብ ፡ ርእሲኡ ፡ ከአ ፡ ፲ ፡ ጣይታን ፡ ፩ ገረወኛ ፡ ስዋን ፡ ነፍስ ፡ ወከፍ ፡ ገባራይ ፡ ይሐግገዝ ።

ነዚ ፡ ስምረት ፡ እዚ ፡ ኬፍርስ ፡ እተረኸበ ፡ ሰብ ፡ ፯ ፡ ፈርጊ ፡ ነቲ ፡ በንል ፡ ውራይ ፡ ይኽሕስ ፡ ብዘሎሐት ፡ እንተኾኑ ፡ ዝአበዩ ፡ ውን ፡ ንነፍስወከፍ ፡ ፯ ፡ ፈርጊ ፡ ንሐደ ፡ ሰብ ፡ እዩ ፡ ዝግብኦም ፡ እቲ ፡ ካሕሳ ።

## ፳፱ ። ለ በ ዋ ።

ሰብ ፡ ብጊዜ ፡ ሕማሙ ፡ ኪላበ ፡ እንተ ፡ ደለየ ፡ ናብ ፡ ዓዲ ፡ ዝአመናም ፡ ሰብ ፡ ፫ ፡ ቀረበ ፡ ናብ ፡ ቅድሚኦም ፡ እተላበዎ ፡ ብገንዘብ ፡ ኾነ ፡ ወይ ፡ ከኽብቲ ፡ ቅዉም ፡ እዩ ። ብርስቲ ፡ ግና ፡ ምንም ፡ እኳ ፡ እቲ ፡ ሕሙም ፡ እንተ ፡ ተላበወ ፡ ፍሩስ ፡ እዩ ፡ ከመይ ፡ ወላዲ ፡ ብለበዋ ፡ ርስቲ ፡ ኪተክል ፡ ወይ ፡ ኪነቅል ፡ ግቡእ ፡ አይኮነን ።

ብገንዘብ ፡ ወይ ፡ ከብቲ ፡ ግና ፡ ናብ ፡ ገዛ ፡ ብ፫ ምስክር ፡ ናብ ፡ በረኻ ፡ ብድንገተ ፡ ሞት ፡ ብ፩ ምስክር ፡ ብተላበዎ ፡ ይቁሙሉ ።

እቶም ፡ ለበዋ ፡ ሕሙም ፡ ዝሰምዑ ፡ ምንም ፡ ቀረብ ፡ እንተኾኑ ፡ ምሒሎም ፡ ኪምስክሩ ፡ እዩ ፡ ዝግባእ ። አይከልከሉ ።

## ፹ ፡ ውርሻ  ኣሕዋት ።

ገንዘብ ፡ ወላዲ ፡ ውሉድ ፡ ይወርሶ ። ብዘሐት ፡ እንተ ፡ ኰኑ ፡ ከም ብዝሒም ፡ ልክዕ ፡ ይካፈሉ ። ዘይመስሉ ፡ ኣሕዋት ፡ እንተ ፡ ኣለውዎም ፡ ኣቀዲሞም ፡ መምሰሊኦም ፡ ብላዕሊ ፡ የቀምጡሎም ። ዘይመሰለት ፡ ጓል ፡ እንተላውን ፡ መምሰሊኣ ፡ ብላዕሊ ፡ የቀምጡላ ። ነቲ ፡ ዝተረፈ ፡ ገንዘብ ፡ ኣወዳት ፡ ዝኰኑ ፡ ብትኽክል ፡ ዝመሰሉን ፡ ዘይመሰሉን ፡ ሐቢሮም ፡ ይካፈሉ ። ዝመሰለት ፡ ጓል ፡ ተመሊሳ ፡ ገንዘብ ፡ ኣቦኣን ፡ ኣዲኣን ፡ ክትወርስ ፡ ኣይግብኣን ፡ እዩ ።

ኩብቶም ፡ ወለዲ ፡ ማለት ፡ ኣዴኦም ፡ ከላ ፡ ኣቦኦም ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ ወይ ፡ ኣቦኦም ፡ ከሎ ፡ ኣዴኦም ፡ እንተ ፡ ሞተት ። እቲ ፡ ህልዊ ፡ ወላዲ ፡ ፈረቃ ፡ የልዕል ። እቲ ፡ ፈረቃ ፡ ናይ ፡ ዝሞተ ፡ ወላዲ ፡ እቶም ፡ ደቂ ፡ ብትኽክል ፡ ይካፈልዎ ።

ኣዴኦም ፡ ዝሞተቶም ፡ ቈላዑ ፡ እሞ ፡ ብዕድሜኦም ፡ ምንኣስ ፡ ወርቂ ፡ ኣዲኦም ፡ ኪእከቡ ፡ ዘይክእሉ ፡ እንተ ፡ ኰይኖ ፡ ኣቦኦም ፡ ንእኩያቶም ጸዊሁ ፡ ገንዘብ ፡ ኣዴኦም ፡ መቒሉ ፡ የጽልጠም ። እቲ ፡ ገንዘብ ፡ ቈላዑ ዘየጥፍኦ ፡ ጥሒስ ፡ ናብ ፡ ጭቃ ፡ ዓዲ ፡ ተኸሊሉ ፡ ኣቦኦም ፡ ይሐዞ ፡ ክሳዕብ ብዕድመ ፡ ፲፮ ዓመት ፡ ዝገብሩ ፡ ብድሕሪ ፡ ፲፮ ዓመት ፡ ግና ፡ እቶም ፡ ቈላዑ ፡ ገንዘብ ፡ ኣዴኦም ፡ ዝደለዩ ፡ ኪገብሩ ፡ ይክእሉም ፡ እዩ ።

ከምዚ ፡ ጌሩ ፡ ገንዘብ ፡ አዴኦም ፡ ምስ ፡ አፍለጦም ፡ ንዖም ፡ ቈላዑ ፡ ከም ፡ ስርዓት ፡ ሃይማኖት ፡ ክርስትና ፡ ሰብኣያ ፡ ዝሞታ ፡ ሰበይቲ ፡ ኪምርያ ፡ ይግበኦ ፡ እዩ ።

ከምኡውን ፡ አዴኦም ፡ ከላ ፡ አቦኦም ፡ ቅድም ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ እሞ ፡ እዖም ፡ ቈላዑ ፡ ናዕሽቱ ፡ እንተኰኑ ፡ እታ ፡ አዴኦም ፡ ናብ ፡ ቤት ፡ አቦኦም ፡ ተቀሚጣ ፡ ትሐዝ ፡ ደቃ ፡ ተዕቢ ። ምናልባሽ ፡ ናብ ፡ ዳሕራዋይ ፡ ሰብኣይ ፡ ክትምርያ ፡ እንተኼደት ። አቀዲማ ፡ ገንዘብ ፡ ቈላዑ ፡ ፈረቃ ፡ ናይ ፡ አቦኦም ፡ መቂላ ፤ ዓቢዩ ፡ ሐዎም ፡ ይሐዝሎም ፡ ዓቢ ፡ ሐው ፡ ዜብሎም ፡ እንተኰኑ ፡ ግና ፡ ሐወቦኦም ፡ ወይ ፡ አብሓጎኦም ፡ ዘየጥፍኦ ፡ ዋሕስ ፡ ተኺሎም ፡ ክሳዕ ፡ እዖም ፡ ቈላዑ ፲፰ ዓመት ፡ ዝገብሩ ፡ ይሐዙሎም ። እታ ፡ እትምርያ ፡ ሰበይቲ ፡ ገንዘብ ፡ ናይ ፡ ቈላዑ ፡ ደቂ ፡ ቀዳማይ ፡ ሰብኣያ ። ናብ ፡ ዳሕራዋይ ፡ ሰብኣያ ፡ ክትወስድ ፡ አይከአልን ፡ እዩ ። ከምኡውን ፡ ንእንዳቦአ ፡ ክትወስድ ፡ አይክኣልን ፡ እዩ ።

ሓንቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ካብ ፡ ቀዳማይ ፡ ሰብኣያ ፡ ወሊዳ ፤ ብድሕርኡ ፡ ተፈቲሓ ፡ ወይ ፡ ሰብኣያ ፡ ሞይቱዋ ፤ ናብ ፡ ካልኣይ ፡ ወይ ፡ ናብ ፡ ሳልሳይ ፡ ሰብኣይ ፡ አትያ ፤ እንደገና ፡ እንተወለደት ፤ እሞ ፡ ብድሕሪ ፡ ሞታ ፡ እዖም ፡ ደቂ ፡ ዳሕራዋይ ፡ ማለት ፡ ካብ ፡ ዳሕራዋይ ፡ ሰብኣያ ፡ ዝወለደቶም ፡ እዮም ፡ ዝወርሱዋ ። እዖም ፡ ደቂ ፡ ቀዳማይ ፤ ናብ ፡ አዴኦም ፡ እተመርዓወቶ ፡ ዓዲ ፡ ስዒቦም ፡ ምስኦም ፡ ዳሕረዎት ፡ ኪወርሱ ፡ አይግባኦምን እዩ ። እታ ፡ ሰበይቲ ፡ ካብ ፡ ዳሕራዋይ ፡ ዘይወለደት ፡ እንተኰይና ፤ ግና ፡ እዖም ፡ ደቂ ፡ ቀዳማይ ፡ ማለት ፡ ካብ ፡ ቀዳማይ ፡ ሰብኣያ ፡ ዝወለደቶም ፤ ገንዘብ ፡ አዴኦም ፡ ናብ ፡ ዘላቶ ፡ ስዒቦም ፡ ይወርሱ ።

ሰብኣይ ፡ ወለዱ ፡ ምስ ፡ ሞቱ ፡ እቲ ፡ ገንዘቦም ፡ ይወርሰዎ ፡ ንቲ ፡ ዝወረሶ ፡ ገንዘብ ፡ ወለዱ ፡ ንሰበይቱ ፡ ብልቡ ፡ ዝአምና ፡ እንተኰይኑ ፡ ናብ

ብርኪ ፡ የእትዋ ፤ ዘይእምና ፡ እንድሕሪ ፡ ኰይኑ ፤ ገንዘብ ፡ ላዕሉ ፡ ንበይኑ ፡ ይውሰዶ ፡ ሰበይትውን ፡ ገንዘብ ፡ ወለዳ ፡ ዝወረሰቶ ፡ ከምኡ ፡ እዩ ።

መኻናት ፡ ሰብኣይኒ ፡ ሰበይትን ፡ ብድሕሪ ፡ ሞቶም ፡ ዝግብኦም ፡ አከለ ፡ መሰል ፡ ከፈሎም ፡ ቀቀረቦም ፡ ይውረሱዎም ።

ወረስቲ ፡ ዜብሎም ፡ ጻንታ ፡ ብዘይ ፡ ለበዋ ፡ እንተሞቱ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ትውረሶ ።

ትሕዳሩ ፡ ዝፈለየ ፡ ውሉድ ፡ እንተ ፡ ሞተ ፡ እሞ ፡ ዝወርስ ፡ ውላድ ፡ ዜብሉ ፡ እንተኰነ ፡ አቦኡን ፡ አዴኡን ፡ ይውረሱዎ ፡ ንኅል ፡ ኰነ ፡ ንወዲ ኰነ ፡ ሐደ ፡ እዩ ።

ብወሰን ፡ እተወልደ ፡ ድቃላ ፡ ካብተን ፡ አፈበኡ ፡ መምሰሊኡን ፡ ምቅሊት ፡ ውርሻ ፡ ምስ ፡ አሕዋቱ ፡ ይርከብ ። እቶም ፡ ደቂ ፡ ማእከል ፡ አፈዲኦም ፡ ብላዕሊ ፡ ይውሰዱ ።

በኵሪ ፡ ውሉድ ፡ ካብ ፡ አጻውር ፡ አቦኡ ፡ ፩ ዓራት ፡ ፩ ሲፍ ፡ ፩ ዋልታ ፡ ብላዕሊ ፡ ይውሰድ ።

ደቂ ፡ ሹመኛ ፡ ጠበናጁ ፡ ወይ ፡ ሽጉጥ ፡ ናይ ፡ አቦኦም ፡ እቲ ፡ እግዚአብሔር ፡ ዝቀበአ ፡ ማለት ፡ ሹመት ፡ አቦኡ ፡ ዝወረሰ ፡ እዩ ፡ ኪወስዶ ፡ ዝግባእ ፤ ከመይ ፡ ካብ ፡ ዓቢ ፤ ካብ ፡ ንእሽቶ ፡ እግዚአብሔር ፡ ዝሀቦ ፡ አይፍለጥን ፡ እዩ ፡ እቲ ፡ ብረት ፡ ከአ ፡ ገንዘብ ፡ ንጉሥ ፡ እዩ ።

ካልእ ፡ ኩሉ ፡ ብትኽክል ፡ ይካፈሉ ።

## ፹፩። ንህቢ ።

ንህቢ ፡ ዘዕሰለ ፡ ንበይኑ ፡ ይውሰዶ ፡ ከመይ ፡ ካብ ፡ ብዙሕ ፡ ስራሑ ፡ እናተንየየ ፡ ምስ ፡ አዕሰሉ ፡ ሹም ፡ ከይተቆርደደ ፡ አርኪበካ ፡ ኢሉ ፡ ኪ ምቀሉ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ። ስለዚ ፡ ንዘዕሰለ ፡ ወይ ፡ ዓሲሉ ፡ ንዝረኸበ ፡ ይኹን ። ንህቢ ፡ ዝረኸበ ፡ ሰብ ፡ ናብ ፡ ምድሪ ፡ እንተ ፡ ከይኑ ምልክት ይጨርሕ ፡ ናብ ፡ ኦም ፡ እንተኾይኑ ፡ ይኹተማ ። ኣብ ፡ ደገል ፡ ዝዓሰለ ፡ ንህቢ ፡ ንዋና ፡ ደገል ፡ ይኹን ።

ኣብ ፡ ኣታኽልቲ ፡ ዝዓሰለ ፡ ንህቢ ፡ ንጥና ፡ ኣትክልቲ ፡ ይኹን ፡ ና ብ ፡ ዓፀድ ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ዝዓሰለ ፡ ንቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ይኹን ።

ናብ ፡ ድኽን ናብ በረኻ ንህቢ ዝሰበረ ፲ ፈርጊ ንዋና ይከፈሉ ናብ እተጨርሖ ወይ እተኰትሞ ዝወሰደ ፲፩ ፡ ዋና ብዝመሓለ ይከሓስ ።

ንህቢ ፡ ዝነበሮ ፡ ጉዶ ፡ እሞ ፡ እቲ ፡ ንህቢ ፡ ብድሕሪ ፡ ነዊሕ ፡ ጊዜ ፡ ተመሊሹ ፡ ናብኡ ፡ እንተአቶ ፡ ንዋና ፡ ጉዶ ፡ ናይ ፡ ብዙሓት ፡ ትኹን ፡ ወይ ፡ ናይ ፡ ሓደ ፡ ትኹን ።

ኣንቆራ ፡ ንህቢ ፡ ካብ ፡ ፉጩ ፡ ወጺኡ ፡ ናብ ፡ ዝንሰለ ፡ እንተ ፡ ዓሰለ ፡ እቲ ፡ ዋና ፡ ስዒቡ ፡ ይኸርድዶ ። ናብኡ ፡ ዝበአሶ ፡ እንተረኸበ ፡ እቲ ፡ ዋና ፡ ናቱ ፡ ምኳኑ ፡ ምሒሉ ፡ ይውሰድ ።

## ፲፱ ። ገንዘብ ልቓሕ ።

ገንዘብ ፡ ዜለቅሕ ፡ ኰነ ፡ ወይ ፡ ዝልቃሕ ፡ ኰነ ፡ ናብ ፡ ቅድሚ ፡ ምስክር ፡ ወይ ፡ ከአ ፡ ብጽሕፈት ፡ እቲ ፡ እተለቅሐ ፡ ክንድዚ ፡ ወሲደ ፡ ኢሉ ኪፍርም ፡ ይግብአ ። ስለምንታይ ፡ ንዳሕራይ ፡ መዓልቲ ፡ ምስክር ፡ ዜብሉ ፡ ነገር ፡ ንፈራዲ ፡ ኰነ ፡ ንባይቶ ፡ አስቸጋሪ ፡ እዩ ።

ብለቅሒ ፡ ዝወሰዶ ፡ ገንዘብ ፡ በቓ ፡ ቈጸራኡ ፡ ይኽፈል ፡ እንተ ፡ ዘይከፈለ ፡ ዕግት ፡ መሲኹ ፡ ይኽፈል ።

ብሺርካ ፡ ክንነግድ ፡ ኢሉ ፡ ሃብታም ፡ ብገንዘቡ ፡ ድኻ ፡ ብጉልበቱ ፡ እተዋዓዓሉዎ ፡ ውዑል ። እንተ ፡ ነገዱ ፡ ናብ ፡ ክልቲአም ፡ እንተከሰሩ ፡ ከአ ፡ ናብ ፡ ክልቲአም ፡ እዩ

## ፳ ። ገንዘብ ሕድሪ ።

ገንዘብ ፡ ሕድሪ ፡ እተቀበለ ፡ ሰብ ፡ ከምታ ፡ ሕድሩ ፡ ኪፍጽም ፡ ይግብአ ። ሕድሪ ፡ ዝጠለመ ፡ ሰብ ፡ እሞ ፡ ብምስክር ፡ እንተ ፡ ተረጋጊጹ ፡ ነታ ፡ ገንዘብ ፡ ብዕጽፊ ፡ ይከፈል ፡ ክብ ፡ ምስክር ፡ ይከልክል ፡ ማለት ፡ ውጺ ፡ ይውጻእ ።

## ፹፩ = ገንዘብ ሓረጣ ።

ገንዘብ ፡ ሓረጣ ፡ ዝህብ ፡ ሰብ ፡ ካብ ፡ ሚእቲ ፡ ሓደ ፡ ኪወስድ ፡ ይግ ብኦ ፡ ናብ ፡ ሓደ ፡ ወርሒ ! ካብኡ ፡ እብዚሒ ፡ ኪወስድ ፡ እንተ ተረኺበ፡ ኳፈርጊ ፡ ንመንግሥቲ ፡ ይሰድ ።

እቲ ፡ እትሰምዖ ፡ ቅጽንቲ ፡ ነቲ ፡ ዋና ፡ ገንዘብ ፡ ጥራይ ፡ እዩ ፡ ዝግ ባእ ፡ እምበር ፡ ነቲ ፡ ዝልቃሕ ፡ ድኻ ፡ ኪትንክዮ ፡ አይግባእን ፡ እዩ ። ከ መይ ፡ ዝሰኣነ ፡ ሰብ ፡ ናብ ፡ ዝበልክዮ ፡ ውዕል ፡ ከምዝአቱ ፡ ፍሉጥ ፡ እ ዩሞ ፡ ምንምኳ ፡ ናብ ፡ ሚእቲ ፡ ፲ ክትህበኒ ፡ ኢሉ ፡ ውዕል ፡ ፈርማ ፡ ፈ ጽሚ ፡ እንተለዎ ፡ ፍሩስ ፡ እዩ ።

ብገንዘብ ፡ ሓረጣ ፡ ክንደይ ፡ ርስቲ ። ክንደይ ፡ ከብቲ ፡ ከም ፡ ዝጠ ፍአ ፡ ፈሊጥና ፡ ነብ ፡ ሚእቲ ፡ ፩ ናብ ፡ ወርሒ ፡ ድእምበር ፡ ካብኡ ፡ ንላ ዕሊ ፡ ዘይውስኽ ፡ ብሕጊ ፡ ንኽልክል ፡ እሎና ።

## ፹፭ = ሃይማኖት ።

ሃይማኖት ፡ ብናታውን ፡ ብእምነትን ፡ ዝጥሙም ፡ እዩምበር ፡ ብግድ ነት ፡ ሐይልን ፡ ዓመጽን ፡ ወሲኽካ ፡ ዝቅጻም ፡ አይኮነን ።

ስለዚ ፡ ሰብ ፡ ኩሉ ፡ ብናጽነት ፡ ናብ ፡ ልቡ ፡ ዝአመኖ ፡ ሃይማኖት ፡ ኪነብር ፡ ምሉእ ፡ ሐርነት ፡ አሎዎ ።

ብስጋዊ ፡ ነገር ፡ እንተ ፡ ተመልከትና ፡ ክርስቲያን ፡ ኰነ ፡ እስላም ፡ ኰነ ፡ አሕዋት ፡ ኢና ፡ ሕውነትና ፡ ዝምስክረልና ፡ ብመልክዕ ፡ ብጠባይ ፡ ብቛንቋ ፡ ሐደ ፡ ኢና ። ስለዚ ፡ ብስጋዊ ፡ ነገር ፡ አሕዋት ፡ ካብ ፡ እንኾውን ፤ መንፈሳዊ ፡ ነገር ፡ ዋንኡ ፡ ሐደ ፡ እግዚአብሔር ፡ አለዎም ። ብፍቅሪ ፡ ብስምረት ፡ ክንነብር ። ንአምላክና ፡ ብጸሎት ። ንንጉሥ ፡ ብሐቀኛ ፡ አገልግሎት ፡ ክንልምን ፡ ግቡና ፡ እዩ ።

ኩልና ፡ ከም ፡ እንፈልጥ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ክርስቲያን ፡ እውን ፡ ብዙሕ ባህልያት ፡ አሎ ። ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ አርቶዶክሳዊት ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ካቶሊካዊት ፡ ቤተ ፡ ክርስቲያን ፡ ወንጌላዊት ፡ እዚኤን ፡ ኩለን ፡ ፡ ናብ ፡ መንጎ ፡ ህዝብና ፡ ዘለዋ ፡ ሃይማኖት ፡ እየን ፤ ምንምኳ ፡ ብላዕሊ ፡ ናብ ፡ ፫ እንተ ፡ ተሰምያ ፡ ናብቲ ፡ ቀንዱስ ፡ ፫ኤን ፡ ክርስቲያን ፡ እየን ፤ ስለዚ ፡ ናብ ፡ መንጎኤን ፡ እውን ፡ ምሉእ ፡ ሐርነት ፡ ምሉእ ፡ ፍቅሪ ፡ ኪህልወን ፡ ግቡእ ፡ እዩ ።

ነዚ ፡ ነገርዚ ፡ ተመልኪትና ፡ ብስጋዊ ፡ ነገር ፡ ደቂ ፡ ሐንቲ ፡ ሕጊ ፡ ምኧና ፡ ፈልጥና ፡ ንሃይማኖት ፡ ዝትንኪ ፡ ጸርፊ ፡ ንኽልክል ፡ አሉና ።

ከረብ ፡ ክስታናይ ፡
ዓኳር ፡ እስላማይ ፡
ጸረ ፡ ማርያም ፡
ካቶሊካዊ ።

ንሰኡ ፡ ገዘመስል ፡ እውን ፡ በሽሙር ፡ ኰነ ፡ ብግሁድ ፡ ገዘጸረፈ ፡ ፴ ፡ ፈርጊ ፡ ይኽሐስ ፡ ይሰደጥ ፡ ከአ ።

እዚም ፡ ዝሰሜናዮም ፡ ሃይማኖት ፡ እስላም ፡ ኩኑ ፡ ክርስቲያን ፡ ብስ ጋዊ ፡ ነገር ፡ እንተ ፡ ተበእሱ ፡ ብሕጊ ፡ እንዳበ ፡ እዮም ፡ ዝናበሩ ። ብመ ንፈሳዊ ፡ ዜርኢ ፡ እንተ ፡ ተናገሩ ፡ ግና ፡ እቲ ፡ ዳኛ ፡ ርእዩ ፤

ነእስላማይ ፡ ናብ ፡ ቃዲኡ ፡
ንኦርቶዶንሳዊ ፡ ናብ ፡ ሐለቃ ፡ ማሕበሩ ፡
ንካቶሊካዊ ፡ ናብ ፡ ሐለቃ ፡ ማሕበሩ ፡
ንወንጌላዊ ፡ ናብ ፡ ሐለቃ ፡ ማሕበሩ ፡ ይሰዶም ።

ነገር ፡ ወዲእካ ፡ ፈጽሚ ፡ ስጋ ፡ ወዲእካ ፡ ዓዕሚ ፡ እዩሞ ፡ ብፈጽሚ ፡ ዝቆመ ፡ ነገር ፡ ኩሉ ፡ ቅወም ፡ ኪኸውን ፡ ይግባእ ።

---

ንሕና ፡ እንዳበ ፡ ሎሚ ፡ ጭዋ ፡ ነዚ ፡ ናብ ፡ ድሕረት ፡ ዘሎ ፡ ቃላት ፡ ብ ሐደ ፡ ሐቢርና ፡ መኺርና ፡ ዝገበርናዮን ፡ ዘቆምናዮን ፡ ምኽኑ ፡ አንቢብ ና ፡ አስተውዒልና ፡ ቃል ፡ ኪልና ፡ ምኽኑ ፡ ብፈርማና ፡ ነቐውም ፡ አሎ ና ፤ እቶም ፡ እንኽእል ፡ ብጽሕፈት ፡ እዮም ፡ ጽሒፍና ፡ ዘይንኽእል ፡ ከ አ ፡ ብምጥዋቕ ፡ አጻብዕና ፡ ነፍልጥ ፡ አሎና ።

## ሽም ፡ ሐገግቲ ።

| | |
|---|---|
| አዝማች ፡ ምሩጭ ፡ ጉድም ፡ | ሊባን ። |
| ግራዝማች ፡ አብርሃም ፡ | ዓዲ ፡ ብሮ ። |
| ግራዝማች ፡ ፍስሐ ፡ ጓንጉል | ዓደበዛሐንስ ። |
| ብላታ ፡ ክሕሳይ ፡ ማሎ ፡ | ደቂጽንዓ ። |
| ፊተውራሪ ፡ አባይ ፡ ብርሃነ ፡ | ዓዲ ፡ ፈለስቲ ። |
| ብላታ ፡ ስብሃቱ ፡ ዘርበቤል ፡ | አማድር ። |
| ባሻይ ፡ ተስፋልደት ፡ ሎሐሪ ፡ | እምኒጸሊም ። |
| ባሻይ ፡ መንገሻ ፡ ወልዱ ፡ | አብርዳእ ። |

| | |
|---|---|
| ከንቲባ ፡ ዑቅባገርጊሽ ፡ ስብሃቱ ፡ | ሕምብርቲ ። |
| ባሻይ ፡ ፍስሃየ ፡ ገረንድራስ | ክትመሙልዕ ። |
| ባሻይ ፡ ወልደስላሴ ፡ ወልደገብርኤል ፡ | ዓዲ ፡ ሐርበ ። |
| ነማርያም ፡ ገ°ለም ፡ | ዓዲ ፡ ጕላ ። |
| ባሻይ ፡ ገብረገርጊስ ፡ ገብረ ፡ | ገዛላምዛ ። |
| ባሻይ ፡ ገብርእብ ፡ ተወልደመድህን ፡ | ሽከቲ ። |
| ባሻይ ፡ አስፍሃ ፡ ክሕሳይ ፡ | ዓዲገዳ ። |
| ባሕረነጋሲ ፡ ገረሱስ ፡ ተስፋልደት ፡ | ሐበላ ። |
| ብላታ ፡ እሳቱ ፡ ሃብተጽዮን ፡ | ዓዲ ፡ ሽፈለት ። |
| ቀሺ ፡ ምስግና ፡ ክፍለ ፡ | ዓዲ ፡ በዛሐንስ ። |
| بلاتا محمود سراج | عادي وطوت |
| ባሻይ ፡ ፍስሃየ ፡ ድምጹ ፡ | ላጌን ። |
| ብላታ ፡ ተስፋጽዮን ፡ ኪዳኑ ፡ | ዛውል ። |
| ብላታ ፡ አስገዶም ፡ አውዓሎም | ዓዲ ፡ ክልክልቲ ። |
| ፊተውራሪ ፡ እንቋይ ፡ ሃብቱ ፡ | ዓዲ ፡ ገብራይ ። |
| ቀሺ ፡ እንቋይ ፡ መንግሥቱ ፡ | ዓዲ ፡ ገብራይ ። |
| ተዓደል ፡ ጊላንኪኤል ፡ | ዓዲ ፡ ኻኾይ ። |
| ዓንደማርያም ፡ ግርመ ፡ | ክትመሙልዕ ። |
| ባሻይ ፡ ተስፋንኪኤል ፡ አበድ ፡ | ዓዲ ፡ አገልግል ። |
| ቀሺ ፡ ተወልደመድህን ፡ ገረማርያም ፡ | ዓዲ ፡ ሐርበ ። |
| ገብረገዛኢ ፡ ስብሐት ፡ | ዓዲ ፡ ናህባይ ። |
| አገዛማች ፡ ዓረቢ ፡ ሳልም ፡ | ድብርዋ ። |
| ባሻይ ፡ አበከር ፡ ዓብደል ፡ ጀሚል ፡ | ባሃምብቃ ። |
| ባሻይ ፡ ገረክርስቶስ ፡ ሙብራቱህ ፡ | ዕዳጋ ፡ ዳሕና ። |